# ትምህርቲ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን

## መፅሓፍ ተምሃራይ
## 8ይ ክፍሊ


**ስንድእ፡-** ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

**ትርጉም፡-** ሓዱሽ ወ/ማርያም
ሙሉጌታ ግደይ

**ፅፈት፡-** ኣሰፋ በላይ
ፀሃዬ ፍቓዱ

**ፅፈት ምርግጋፅ፡-** ሐዱሽ ወ/ማሪያም
ሰሎሞን በየነ
ሮማን ግደይ

ክኢላታት ቁልፊ ከይዲ ስራሕ ምድላዉን ትግበራን ስርዓተ ትምህርቲ
ቢሮ ትምህርቲ ክልል ትግራይ



ሚኒስተር ትምህርቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ.. 2003

PITAMBRA BOOKS PVT.LTD.

© ሚኒስተር ትምህርቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሰያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

ቀዳማይ ሕታም 2003 ዓ.ም

መሰል ሕትመት ብሕጊ ሕልው እዩ

ሓታሚ PITAMBRA BOOKS PVT.LTD
B-95 Industrial Area,Aijoli-Jhansi(U.P)INDIA
Ph.:+915102720106,2720107,Fax:+91510102720851
E-Mail:pitambra2001@gmail.com

አይ.ኤስ.ቢ..ኤን 978-99944-2-072-8

# ምስግና

እዚ መፅሓፍ ተምሃራይ ፅሬቱ ሓልዩ ንክወፅእ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪ ፐብሊክ ኢትዮጵያ ካብ IDA፣FTICF፣ፊንላንድ፣ልምዓት ተራድኦ ጣልያን ዘ ኔዘርላንድ፣ DFID ገንዘባዊ ሓገዝ ብምርካብ እዩ፡፡

ስለዚ እዚ መፅሓፍ ተማሃራይ መምርሒ ንመምህር ሓዊሱ ተሓቲሙ ንክወፅእ ብቀጥታን ብተዘዋዋርን ዝተፈላለየ ሓገዝ ዘወፊዩ ብዙሓት ውልቀሰባት፣ ጉጅለታትን ትካላትን ካልኦት ኣካላትን ክምስገኑ ይግባእ፡፡

ሚኒስተር ትምህርቲ

# ኣይትሕለፉኒ!
## እዚ መፅሓፍ ብጥንቃቐ ንሓዞ



እዚ መፅሓፍ ንብረት ቤት ትምህርትኹም እዩ፡፡
ከይቕደድ፣ ከይበላሸ ከይጠፍእ ብጥንቃቐ ሓዝዎ፡፡
እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት መፅሓፍኩም ብጥንቃቐ
ንምሓዝ ስለ ዝሕግዙኹም ኣንብብዎም፡፡

1. መፅሓፍኩም ብፕላስቲክ፣ ጋዜጣ ወይ ብኻሊእ ገይርኩም ሸፍንዎ፣
2. መፅሓፍኩም ራህዲ ወይ ራሕሲ ኣብ ዘለዎን ዘይፅሩይን ኣይተቐምጡ፣
3. መፅሓፍኩም ክትጥቀሙሉ እንትትደልዩ ኣእዳውኩም ፅሩይ ምዃኑ ኣረጋግፁ፣
4. ኣብ ውሽጢ ኮነ ደጋዊ ሽፋን መፅሓፍኩም ብእርሳስ፣ ስክረቢቶ ኮነ ካሊእ ኣይትፅሓፉ፡፡ ኣብቲ መፅሐፍ ናይ ዘለው ሕቶታት መልሲ ኣብ ደፋትርኩም ፅሓፉ፣
5. ኣብ መፅሓፍኩም ከም ምልክት እትጥቀሙሉ ንእሽቶይ ወረቐት ወይ ፈትሊ መሳሊ ተጠቀሙ፡፡ እርሳስ፣ ስክርቢቶ፣ ደፋትር፣ መፅሓፍ ዝመሳሰሉ ከም ምልክት ኣይትጠቐሙ፡፡ መሕቖፊ ደፋትርውን ኣይትግበሩዎ፣
6. ዝኾነ ሰእሊ ካብ ውሽጢ መፅሓፍኩም ቀዲድኩም ኣይተውፅኡ፣ ነውሪ እዩ፣
7. ካብ መፅሓፍኩም ዝኾነ ገፅ እንትተቐዲዱ ብፕላስተር ወይ ብካሊእ መጣበቒ ፀግንዎ፣
8. መፅሓፍኩም ናብ ቦርሳኹም እንትትኣእትው ብጥንቃቐ ይኹን፣
9. መፅሓፍኩም ክትወሓሓሱ እንተለኹም ብጥንቃቐ ተቐባበሉ፣
10. ሓዱሽ መፅሓፍ ንፈለማ ግዘ እንትትጥቀሙ በቲ ድሕሪት ገፁ ኣቐምጡዎ። ውሑዳት ገፃት ኣፍኩስ እናበልኩም ግልፅዎ እቲ ጠርዙ ፍንፅሕ ከይብል። ደጋዊ ሽፋን ግልፅ ኣቢልኩም ንድሕሪት ዕኹልል ኣቢልኩም ኣይትሓዝዎ ከይፈንጨል፣
11. እዚ መፅሓፍ ብድሕሬኹም ዝመፁ ኣሕዋትኩም ክጥቀምሉ እዮም ልቢ ኣልኩም ተጠቐሙሉ።

# ትሕዝቶ ሰደቓ


| ሪጋ | | ገፅ |
|---|---|---|
| 1 | ምዕራፍ 1. ስርዓት ዴሞክራሲ | 1 |
| | 1.1. ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ | 1 |
| | 1.2. ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ ዴሞክራሲያዊ ትካላትን ኣድላይነቶምን | 8 |
| | 1.3. ፍልልያት ብሰላማዊ መንገዲ ምፍታሕ | 12 |
| | 1.4. መንግስታት ፌዴራልን ክልላትን | 15 |
| | 1.5. ወፃኢ ርክብ ኢትዮጵያ | 19 |
| | መጠቓለሊ ምዕራፍ | 22 |
| 2 | ምዕራፍ 2. ልዕልነት ሕጊ | 28 |
| | 2.1. ሕገ መንግስቲ | 28 |
| | 2.2. ስነ ምግባር | 32 |
| | 2.3. ደረት ስልጣን | 36 |
| | 2.4. ምስጢር | 38 |
| | 2.5. መከላኸሊ መንገድታት ግዕዝይና | 42 |
| | መጠቓለሊ ምዕራፍ | 50 |
| 3 | ምዕራፍ 3. ማዕርነት | 54 |
| | 3.1. ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን መሰል ምምሕዳር ከባቢኦም | 54 |
| | 3.2. ማዕረ ተረባሕነት ብዘይምህላው ዝስዕብ ጉድኣት | 58 |
| | 3.3. ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን | 59 |
| | 3.4. ማዕርነት ፆታ | 60 |
| | 3.5. ጉዱኣት ኣካል | 63 |
| | 3.6. መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ዘይምኽባር ዘሰዕቦ ጉድኣት | 67 |
| | መጠቓለሊ ምዕራፍ | 70 |

4 ምዕራፍ 4. ፍትሓውነት .................................................... 75

4.1. ኣድላዊነት ..................................................................... 75

4.2. ምጉዳል ፍትሒ ......................................................... 78

4.3. ኣካላት ፍትሒ ............................................................ 81

4.4. ማሕበራዊ ግልጋሎታት ................................................ 84

4.5. ግብሪ ........................................................................... 88

መጠቓለሊ ምዕራፍ ........................................................ 92

5 ምዕራፍ 5. ፍቕሪ ሃገር ....................................................... 97

5.1. ትኽክለኛ ዝኾነ ታሪኽን ባህልን ሃገር............................. 97

5.2. መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታን ብማዕረ ምኽባር ንህንፀት ፍቕሪ ሃገር ዘለዎ ኣስተዋፅኦ..................... 100

5.3. ናይ ሓባር መገልገሊ ናውትታት ብጥንቃቐ ዘይምሓዝ ብደረጃ ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት........................................... 103

5.4. ሰላምን ደሕንነትን ህዝቢ ኣብ ስግኣት ዘውድቑ ኣፅነውቲ ተግባራት............................................................ 106

5.5. ንድሕረትን ድኽነትን ምውጋእ........................................ 108

5.6. ዜግነት.............................................................................. 114

5.7. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ...................................................... 116

መጠቓለሊ ምዕራፍ........................................................ 119

6 ምዕራፍ 6. ስምዒት ሓላፍነት........................................ 123

6.1. ብፅሒት ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም.............................. 123

6.2. ምኽባር ቃልኪዳን.......................................................... 126

6.3. ሃፍቲ ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን............................ 129

6.4. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ........................................................ 132

መጠቓለሊ ምዕራፍ........................................................ 136

7 ምዕራፍ 7. ህርኩት ባህሊ ስራሕ........................................ 140

7.1. ውፅኢታዊ ስራሕ........................................................... 140

7.2. ትልሚ ኣዳሊኻ ስራሕ ምስራሕ...................................... 146

7.3. ስራሕ ምንዓቕን ከይሰራሕኻ ምንባርን............................ 148

7.4. ዕላማታት ልምዓትን ምጣነ ሃፍትን ..................................... 151
7.5. ሀርኩት ባህሊ ስራሕ ..................................... 153
መጠቓለሊ ምዕራፍ ..................................... 159
8 ምዕራፍ 8. ዓርስኻ ምኽኣል ..................................... 163
8.1. ካብ ፅግዕተኛነት ምውፃእ ..................................... 163
8.2. ዓርሰ እምነት ..................................... 173
መጠቓለሊ ምዕራፍ ..................................... 178
9 ምዕራፍ 9. ባህሊ ምዕቛር ..................................... 182
9.1. ምዕቋር ..................................... 182
9.2. ብትልምን ብዓቕምኻን ምምራሕ ..................................... 188
መጠቓለሊ ምዕራፍ..................................... 194
10 ምዕራፍ 10. ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ..................................... 198
10.1. ወሳንነት ንጡፍ ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ከባብያዊ ምንቅስቓስ ልምዓት፣ ሰላምን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሰን ..................................... 198
10.2. ማሕበራት ስቪክ ..................................... 208
መጠቓለሊ ምዕራፍ ..................................... 214
11 ምዕራፍ 11. ኣለሻ ድልጠት ..................................... 219
11.1. ፍልጠት ዝምዕብለሎም መንገድታት ..................................... 219
11.2. ፍልጠት ኣብ ግልጋሎት ዝውዕለሉ መንገድታት ..................................... 223
11.3. ሳዕቤን ብመረዳእታ ዘይተደገፉ ዋኒናት ..................................... 226
11.4. ድሑር ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ..................................... 229
መጠቓለሊ ምዕራፍ ..................................... 231

# ምዕራፍ ሓደ

## ስርዓት ዴሞክራሲ

### ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ:-

ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተምሂርኩም ምስፈፀምኩም:-

- እንታይነት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ትግንዘቡ፡፡
- ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ዜጋታት ትርድኡ፡፡
- ኣድላይነት ትካላት ዴሞክራሲ ትግንዘቡ፡፡
- ምስ ፍልልያትካ ተኸኣኢልኻ ሓቢርካ ብሰላም ምንባርን ረብሓኡን ትርድኡ፡፡
- ሓድነትን ፍልልይን መንግስታት ፌዴራልን ክልልን ትፈልዩ፡፡

## 1.1 ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ

### 1.1.1 እንታይነት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ




*ስእሊ 1.1 ኣባላት ክለብ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን ቤት ትምህርቲ ኣብ ስልጠና ብኣቓልቦ እንትሳተፉ*

- ነቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ኣንቢብኩም ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ግለፁ፡፡

ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ እንትበሃል ዴሞክራሲ ንኽዓስልን ንኽምዕብብን ዝሕግዙ ተግባራት ምህላዎም ዘመላኽት እዩ፡፡ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብቐንድነት ዴሞክራሲያዊ ዜጋ ኣብ ምቕራፅን ዴሞክራሲያዊ ባህሊ ኣብ ምምዕባልን ዘገድሱ ወሰንቲ ተግባራት ናይ ምፍፃም ከይዲ የካትት፡፡ ዴሞክራሲያዊ ዜጋ ምቕራፅ ማለት ነዞም ስዒቦም ዘለዉ መግለፅታት ዝወነነ ዜጋ ምፍራይ ማለት እዩ፡፡

ሀ. ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ዜጋታት ኣፀቢቑ ዝፈልጥ፣ ዘኽብርን ክኽበር ዝገብርን፣ ከምኡውን ግቡኡ ዝፈልጥን ብዝግባእ ዝዋፃእን፣

ለ. ፍልልያት ኣታሓሳስባ ስርዓት ዴሞክራሲ ንምህናፅ ረብሓ ከምዘለዎም ኣሚኑ ዝተቐበለ፣

ሐ. መሰረታዊ ዕላማ ዴሞክራስን ዘበርክቶ (ዘርክቦ) ረብሓን ብዓሌት፣ ብሃይማኖት፣ ብቋንቋ፣ ብኣረኣእያ ወዘተ ፍልልይ ዘለዎም ህዝብታት ኣፈላላዮም ቅቡል ኮይኑ ኣብ ክሊ ናይ ሓባር ዕላማ ተኸኣኢሎም ብሰላምን ብፍቕርን ምንባር ምኽኣል ከምዝኾነ ኣፀቢቑ ዝፈልጥ፣

መ. ብልዕልነት ሕጊ ዝኣምን፣

ረ. ተበግሶ ስራሕን ፍቕሪ ሃገርን ዘለዎ፡፡

ዴሞክራሲያዊ ባህሊ ንምምዕባል ካብ ዝኽእሉ ተግባራት እዞም ዝስዕቡ እቶም ቀንድታት እዮም፡፡

1. ሰባት ኣብ ኣረኣእያ ኮነ ኣብ ድሌት ኣፈላላይ ከምዘለዎም ብዝግባእ ብምፍላጥ ናይ ካልኦት ሓሳብን ኣረኣእያን ምኽባር ወይ ብትዕግስቲ ምቕባል፣
2. ዘይምቅድዳው (ዘይምርድዳእ) ብሰላማዊ መንገዲ ብምይይጥን ብምትእምማንን ምፍታሕ፣
3. ብምይይጥ ክፍትሑ ዘይኽእሉ ጎንፅታት እንተጋጥሙ ንዳይነት ብምቕራብ ንውሳነ ብዙሓት ብፀጋ ብምቕባል ተግባራዊ ምግባር።



**መልመዲ 1**

***ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡***


1. ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ እንታይ ማለት ከምዝኾነ ኣርባዕተ ኣብነታት ብምቕራብ ኣረድኡ።
2. ዴሞክራሲያዊ ዜጋ ንምፍጣር ዝከኣል ከመይ እዩ? ተመያየጡ።
3. ባህሊ ዴሞክራሲ ከመይ ምምዕባል ይከኣል? ተመያየጡ።

ስርዓት ዴሞክራሲ ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ዜጋታት ከምኡውን መሰል ማዕርነት ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝኽበረሉ ስርዓት እዩ። ህዝቢ ብዝመረፆም መራሕቱ ዝመሓደረሉ፣ ኣብ ዝመረፆም መራሕቱ እምነት እንተስኢኑ ብሰላማዊ መንገዲ ዘውግደሉን ኣብ ክንድኦም ካልኦት ዝመርፀሉን ዝትከአሉን እዩ። ብምኳኑ'ውን ስርዓት ዴሞክራሲ በዓል ዋና ህዝቢ ባዕሉ ምኳኑ ዝረጋገፀሉ እዩ።

## ዕዮ ጉጅለ

ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብዝምልከት ኣብ ሃገርና ዝፍፀሙ ዘለዉ ተግባራት ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት መረዳእታ ብምእካብ ካብ ክልተ ገፅ ዘይበልፅ ፅሑፍ ፅሒፍኩም ኣቕርቡ።

## 1.1.2 ሰረታት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ




*ስእሊ. 1.2. ሰረታት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ*

- ልዕል ኢሉ ካብ ዘሎ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?
- ስርዓት ዴሞክራሲ ንምህናፅ ከም ሰረት ወይ ከም እምነ ኩርናዕ ኮይኖም ዘገልግሉ ቀንዲ ቀንዲ ነገራት እንታይ እንታይ ከምዝኾኑ ዘርዝሩ፡፡

ሰረታት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብዙሓት እኳ እንተኾኑ እቶም ቀንዲ ስዒቦም ዘለዉ እዮም፡፡

### ሀ. ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ምዃን፤

መትከል ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ምዃን ንህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ቀንዲ ሰረት እዩ፡፡ እዚ ንምባል ዘኽእሉ ብዙሓት ምኽንያታት ኣለዉ፡፡ እቶም ቀንዲ ግና ቀፂሎም ዘለዉ እዮም፡-

እዚ መትከል ስልጣን ብዴሞክራሲያዊ ኣገባብ ጥራሕ ንኽውነን ውሕስና ስለዝህብ ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ናይ ምዃን ኣተሓሳስባ ተግባራዊ እንተኾን ስልጣን ነፃ ብዝኾነ ፓለቲካዊ ውድድር፣ ብዘይገለ ፅዕንቶን ምጭብርባርን ብድሌት ህዝብን ነፃ መረፃን ጥራሕ እዩ ምውናን ዝከኣል፡፡

ካሊእ ምኽንያት እቲ መትከል ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ከምኡውን መሰላት ማዕርነት ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክኽበሩ ውሕስና ስለዝህብ እዩ፡፡

## ለ. ህዝብታት ብድልየቶም ምንባርን መሰል ዜጋታት ምሕላውን

ድሌት ሓቢርካ ምንባር ኣብ ዘይብሉ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ክህነፅ ኣይኽእልን፡፡ ምኽንያቱ ድማ ድሌት ህዝብታት እንትህሉ ጥራሕ እዩ ብዓሌት፣ ብሃይማኖት፣ ብቋንቋ፣ ብኣረኣእያን ብዝመሳሰሉን ፍልልያት ዘለዎም ህዝብታት ፍልልያቶም ኣከኣኢሎም ብሰላምን ብፍቕርን ብሓባር ምንባር ዝኽእሉ፡፡

ፍልልያቶም ንምፍታሕ ኮነ ምስ ፍልልያትካ ተኸኣኢልካ ብሓባር ንምንባር ብቐዳምነት ተቐራሪብካ ምዝርራብ፣ ምምይያጥ፣ ሓሳባትካ ነፃ ኮይንካ ምግላፅ የድሊ፡፡ ነዚ ድማ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ዜጋታት ናይ ግድን ክኽበሩ ኣለዎም፡፡ እዞም መሰላት እንትኽበሩ እዩ ድማ ፍልልያት ክፍትሑ ወይ ምክእኣል ክሰፍን ዝኽእል፡፡

## ሐ. ምኽባር መሰላት ማዕርነት

ዝተፈላለዩ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብሓባር ኣብ ዝነብሩሎም ሃገራት መሰል ማዕርነት እንትኽበር ኣብ መንጎኦም ምፍቕቓድ ንኽህሉን ሰላምን ፍቕርን ንኽዓስል ይጠቅም፡፡ ምኽባር መሰል ማዕርነት ፍልልያት ንምፍታሕ ኾነ ኣብ ክሊ ፍልልያት ብሓባር ተኸኣኢልካ ንምንባር የኽእል፡፡

## መ. ምኽባር መሰል ምምራፅን ተመራፂ ምዃንን

መሰል ምምራፅን ተመራፂ ምዃንን እንትኽበር ህዝቢ ኣብ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብንጥፈት ንኽሳተፍን ወናኒ ስልጣን ንኽኾንን የኽእሎ እዩ፡፡ ካብ እዚኣቶም እቶም ቐንድታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡-

ሀ. ንኽመርፅን ክምረፅን ዕድሚኡ ዝኣኸለ፣ ፀገም ኣእምሮ ዘይብሉ ዜጋ፣ ብፆታ፣ ብብሄረሰብ፣ ብቋንቋ፣ ብሃይማኖት ወዘተ ምኽንያት ፍልልይ ከይተገበረሉ ነፃ ኮይኑ ክሳተፍ፣

ለ. ህዝቢ ባዕሉ ብዝመረፆም ወከልቱ ክመሓደር፣

ሐ. ኣብቲ ፖለቲካዊ ስርዓት ብባዕሉ ወይ ብወከልቱ ኣቢሉ ክሳተፍ የኽእሎ እዩ፡፡

ህዝቢ ብዘይ ዝኾነ ፍልልይ ንኽምረፅ ኮነ ንኽክመርፅ፣ ዝቐርቡ ኣማራፂታት ኣመዛዚኑ ምዉሳንን ምስካልኡት ወገናት ክመያየጥን ክከራኸርን እንተኽኢሉ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ እናጎልበተ ምኻዱ ዘመላኽት'ዩ፡፡ ምኽንያቱ ድማ እዞም ተግባራት መግለፅታት ባህሊ ዴሞክራሲ ብምኻኖም እዩ፡፡

## መ. ምኽባር መሰል ብቛንቛኻ ምጥቃም፤

ምኽባር መሰል ብናይ ዓርስኻ ቛንቛ ምጥቃም ሰረት ስርዓት ዴሞክራሲ ዝኾነሉ ምኽንያት ህዝቢ ናይ ባዕሉ ዋኒን ኣብ ምውሳን ብዘይ ተርጓሚ ባዕሉ ክፍፅም ዘኽእሎ ስለዝኾነ እዩ፡፡ ህዝቢ ብቛንቋኡ እንተተጠቒሙ፣ ባህሉን ታሪኹን እንተተኽቢሩሉ፣ ምስ ካልኦት ብድሌቱ ተረዳዲኡ፣ ተሓላልዩ፣ ተኽባቢሩን ሓቢሩ ምንባር የኽእሎ፡፡ እዚ ድማ ዴሞክራሲያዊ ሃገራዊ ሓድነት ንምፍጣር የኽእል፡፡ ምኽባር መሰል ብቛንቛኻ ምጥቃም ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ወሳኒ ዝኾነ ካልእ ሰረት ንጡፍን ስጡምን ተሳትፎ ዜጋታት ንምፍጣር'ውን ዓብይ ኣስተዋፅኦ የበርክት፡፡

## ረ. ንጡፍን ስጡምን ተሳትፎ ዜጋታት፤

ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ካብ ንጡፍን ምዕቡልን ተሳትፎ ዜጋታት ወፃኢ ብዉሑዳት ፃዕሪ ጥራሕ ክህነፅ ኣይኽእልን፡፡ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ክቀላጠፍ እንድሕር ተደልዩ ኩሉ ሕ/ሰብ ኣብ ምንቅስቃስ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብሰፍሓትን ብቐጥታን ተሳታፊ ክኾን ኣለዎ፡፡

ካብቲ ተሳትፎ ምምሃር፣ ጉድለታት እናስተኻኽልካን ጥንኩር ጎኒታት እና ኣጎልበትካን ምኻድ ነቲ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብዝበለፀ እናጎልበቶ እዩ ዝኸይድ፡፡

## ሰ. ምኽባር መሰል ምውዳብ፣ ምእካብ፣ ምዝራብን ምፅሓፍን፤

ናይዞም መሰላት ምኽባር ጥንኩራት ፓርትታት ንኽፍጠሩን ብንጥፈት ምንቅስቓስ ንክኽእሉን ጥጡሕ ባይታ ይፈጥር፡፡ ዝተፈላለዩ ጥንኩራት ፓርትታት እንተህልውን ብንጥፈት ምንቅስቓስ እንተኽኢሎምን ህዝቢ ዝተፈላለዩ ኣማራፅታት ክቐርቡሉ ዕድል ይረክብ፡፡

ሓቀኛ ዴሞክራሲ ብዙሓት ፓርትታት ዝተሳተፉሉ ስርዓትምኻኑ እዩ፡፡ ፖለቲካዊ ፓርትታት ናይ ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብ ኣረኣእያን ድሌትን መሰረት ብምግባር ዝምስረቱ ፖለቲካዊ ውዳበታት እዮም፡፡

ንሳቶም ድማ ተመሳሳሊ ኣረኣእያን ድሌትን ዘለዎም ዜጋታት ብኣባልነት ይሕዙ፡፡ ፕሮግራማቶም ሓንቲያም ንሕብረተሰብ የፍልጡ እንተተመሪፆም ድማ ክፍፀሙዎም ዝኽእሉ ተግባራት ይገልፁ፡፡ በዚውን ነቲ ህዝቢ ዝሓሸ ኣማራፂ (ፖለቲካዊ፣ ምጣነ-ሃብታዊ ማሕበራዊ ወዘተ) ክቐርብ ይገብሩ፡፡ እዚ'ውን ስርዓት ዴሞክራሲ ዚያዳ (ብዝበለፀ)ንኽጉልብት ይገብሮ፡፡



መልመዲ 2


ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. ምኽባር መሰል ዜጋታትን ምፍቕቓድ ዜጋታትን ንህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሰረታት እዮም ዝበሃለሉ ምኽንያት እንታይ እዩ? ብኣብነት ኣረድኡ፡፡
2. ምኽባር መሰል ምእካብ፣ ምዝራብን ምፅሓፍን ንህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ሰረታት እዮም ዝበሃለሉ ምኽንያት'ከ እንታይ እዩ? ተመያየጡሉ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ

ኣብቲ ልዕል ኢሉ ዝተምሃርኩምዎ ርእሲ ዝተዘርዘሩ ሰረታት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ምንታይ ኩነታት ከምዝርከቡ ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት መረዳእታ ብምትእኽካብ ገምጊምኩም ኣቕርቡ፡፡

## 1.2 ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ ዴሞክራሲያዊ ትካላትን ኣድላይነቶምን




*ስእሊ 1.3 ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ ዴሞክራሲያዊ ትካላት*

- ልዕል ኢሉ ቀሪቡ ዘሎ ስእሊ መሰረት ብምግባር ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ ትካላት ዴሞክራሲ ምህላው እንታይ ረብሓ ከምዘለዎም ግለፁ፡፡

ንሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ሓለዋ ምግባር ዘድለየሉ ብዙሓት ዕላማታት ኣለዉ፡፡ እቶም ቀንዲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

ሀ. ሕገ መንግስቲ ኣፍልጦ ዝሃቦም መሰላት ኣብ ከይዲ ኣተረጓጉማ ኮነ ብኻልኦት ዝተፈላለዩ መንገድታት ከይተሸራረፉ ብግቡእ ተግባራዊ ክኾኑ ንምግባር፣

ለ. መሰላት ኣብ ዝኾነ ቦታ ብዝርከብ ማሕበረሰብ ልማዳዊ ኣሰራርሓታት ንኽይጠሓሱ ዝኾኑ ዓይነት ልማዳዊ ኣሰራርሓ ምስ ስርዓታት ሕገ መንግስቲ ዝፃብኡ እንተኾይኖም ተፈፃሚነት ንኽይህልዎም ንምግባር'ዩ፡፡

እዞም ዕላማታት ኣብ ሽቶኦም ንምብፃሕ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ ትካላት ዴሞክራሲ ምህላው ኣድላዪ እዩ፡፡ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ ትካላት መንግስታውን ዘይመንግስታውን ብዝብል <u>ከፊልካ</u> ምርኣይ ይከኣል'ዩ፡፡

መንግስታዊ ዝኾኑ ዴሞክራሲያዊ ትካላት ኣብያተ ፍትሒ፣ ጣብያ ፖሊስ፣ ትካል ሓባሲ ንብዓት፣ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት፣ ኮሚሽን ፀረ ግዕዝይናን መንግስቲ ዝውንኖም መራኸብቲ ሓፋሽን ዝሓቖፉ እዮም፡፡

ኣብ ሃገርና ዝሰርሑ መንግስታዊ ዘይኮኑ ዴሞክራሲያዊ ትካላት ዓለምለኽ ሲቪክ ማሕበራት፣ ሲቪክ ማሕበራት ውሽጢ ዓዲ፣ ብውልቀ ዝውነኑ መራኸብቲ ሓፋሽን የጠቓልሉ፡፡

ብሓፈሻ ጠንካራ ዝኾኑ ትካላት ዴሞክራሲ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ህዝቢ ተኸቢሮም፣ ህዝቢ'ውን ናይዞም መሰላት ቀንዲ ተጠቃሚ ንክኾን ኩነታት ንምፍጣር ስለ ዘኽእሉ ኣዝዮም ኣድለይቲ እዮም፡፡

**ኣብያተ ፍትሒ፡-** ካብ ካልኦት ትካላት ኣኽበርቲ ሕጊ ብዝበለፀ መሰል ልዕልነት ሕጊ ኣብ ምኽባር ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ ትካላት እዮም፡፡ ኣብያተ ፍትሒ ኣብ ሞንጎ ተኸራኸርቲ ወገናት ንዝለዓሉ ክትዓት ሪኦም፣ ሕጊ መሰረት ብምግባር ካብ ዝኾነ ይኹን ኣድልዎ ወይ ዕልኣት ወፃኢ ሚዛናዊ ዳይነት ንኽህቡ ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ዝጣየሹ እዮም፡፡ መሰረት ዳይነት ኩሉ ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዩ ዝብል መሰረተ ሓሳብ ዝሓዘ እዩ፡፡ ኣብ ኣሰራርሓ ኣብያተ ፍትሒ ብብሄር፣ ብሄርሰብ፣ ሕብሪ ቆርበት፣ ብፆታ ብቋንቋ፣ ብሃይማኖት፣ ብፖለቲካን ብዝመሳሰሉን ዝኾነ ዓይነት ፍልልይ ኣይግበርን፡፡

**ፖሊስ፡-** ብሕገ መንግስቲ ዝተረጋገፁ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ከይተሸራረፉ ብምኽባርን ብካልኦት'ውን ንኽኽበሩ ብምግባርን ሰላምን ድሕንነትን ህዝቢ ዘረጋግፅ ትካል'ዩ፡፡ ቀንዲ ዕላማ ፖሊስ ሕገመንግስቲ ሃገርን

ካልኦት ሕግታትን ብምኽባርን ተሳትፎ ህዝቢ መሰረት ገይሩ ንገበን ብምክልኻልን ፀጥታን ሰላማዊ መነባብሮን ህዝቢ ምሕላው እዩ፡፡

**ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት፡-** ዝበሃል ሰብኣዊ መሰላት ከይገሃሱ ምስ ምክልኻሉ ብተወሳኺ ሰብኣዊ መሰላትና ተጋሂሶም ኢሎም ጥርዓን ዘቕርቡ ውልቀ ሰባት ጥርዓኖም ተቐቢሉ ድሕሪ ምፅራይ ውሳነ ዝህብ ትካል ተጣባቒ (ተሓላቒ) መሰል እዩ፡፡ ብመንግስቲ ዝወፁ ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሕታትን ምስ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት ዘይፃብኡ ምዃኖም የረጋግፅ፡፡ ቤት ፍትሒ ካብ ዝሓዞም ጉዳያት ወፃኢ ዝፍጠሩ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ዝምልከቱ ጥርዓናት ብዘይ ገለ ክፍሊት ይምርምር፡፡

**ትካል ሓባሲ ንብዓት፡-** ኣብ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ በደል በፂሑና ብምባል ጥርዓን ናይ ዘቕርቡ ውልቀሰባት እናመርመረ ውሳነታት ዝህብ ትካል መኸበሪ መሰል እዩ፡፡ እዚ ትካል ሰበስልጣናትን ሰራሕተኛታትን ሰልጣኖም ብመሰረት ሕጊ ምፍፃሞም ወይ ድማ ካብ ዝተፈቐደሎም ደረት ሓሊፎም ምስርሖምን ዝከታተል ትካል እዩ፡፡

ናይዚ ትካል ቀንዲ ዕላማ ብሕጊ ዝተደንገጉ መሰል ዜጋታትን ረብሓታትን ብመፈፀምቲ ኣካላት ምኽባሮም ብምርግጋፅ ልዕልነት ሕጊ መሰረት ዝገበረ ፅሬት፣ ቅልጣፈን ግልፅነትን ዘለዎ ሰናይ ምምሕዳር መንግስቲ ከዓስል ምግባር እዩ፡፡

**ኮምሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ፌዴራል፡-** ብፅቡቕ ስነ ምግባር ዝተሃነፀ፣ ንግዕዝይና ዘፅየፍን ብንቕሓት ዝዋጋእን ማሕበረሰብ ንምፍጣር ዝንቀሳቀስ ትካል'ዩ፡፡ እዚ ትካል ምግፋሕ ትምህርቲ ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ንገበን ግዕዝይናን ብልሽው ኣሰራርሓን ተግባራት ምክልኻል፣ ምቅላዕ፣ ምምርማርን ምኽሳስን ዝመሳሰሉን ይፍፅም፡፡

**ሲቪክ ማሕበራት፡-** ካብ ኣወዳድባ መንግስቲ ወፃኢ ዘለዉ ሓላፍነት ዝስመዖምን ትካላት ኮይኖም ዜጋታት ብዓርሰ ተበግሶን ድሌትን ዘጣይሽዎም ሃገር በቆልን ዓለም ለኸን ትካላት እዮም፡፡ ውዳበታት ገበርቲ ሰናይ ማሕበራዊ፣ ምጣነ ሃፍታውን ባህላውን ውዳበታት፣ ወዘተ ከም ኣብነት ዝጥቀሱ ሲቪክ ማሕበራት እዮም፡፡ ሲቪክ ማሕበራት ግልፅነት፣ ተሓታትነትን ተሳትፎ ህዝብን ብምጉልባት

እቲ ማሕበረሰብ ናይ ዓርሱ ፀገም ባዕሉ ምፍታሕ ዘኽእሎ ኩለ-መዳያዊ ዓቕሚ ክህልዎ ዝሕግዙ እዮም፡፡ ብተወሳኺውን እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ኣሰራርሓ መንግስቲ ቁፅፅር ክገብር ዓቕሙ ዝሃንፅሉ እዮም፡፡

**መራኽብቲ ሓፋሽ፡-** ነፃን ሚዛናውን ኮይኖም እቲ ዘሎ ጭቡጥ ሓቂ ንህዝቢ ዘፍልጡን ዘምህሩን ከምኡ'ውን ህዝቢ ኣብ ዝኾነ ጉዳይ ሃገሩ ኣብ ፍልጠት ዝተመስረተ ውሳነ ንምሃብ ክኽእል ትኽክለኛን እዋናውን ሓበሬታ ዘቕርቡ ትካላት እዮም፡፡ ፈነወታት ሬድዮን ቴሌቪዥንን፣ ሕትመታት ጋዜጣን መፅሄትን እናተጋፍሑ እንትኽዱ መሰል ዜጋታት ንኽኽበሩ ዝፃወቱዎ ግደ ዝለዓለ እናኾነ ይኸድ፡፡

ብሓፈሻ ምግሃስ መሰል ብፍልጦ ኮነ ብዘይፍልጦ ብዝተፈላለዩ ወገናት ክፍፀም ይኽእል፡፡ ሰበ ስልጣን መንግስቲ ስልጣኖም ተጠቒሞም መሰል ዜጋታት ክግህሱ ይኽእሉ እዮም፡፡ ውልቀ ዜጋታት ብጎንፂ ወይ ብኻልእ ምኽንያት ናይ ካልኦት ውልቀ ዜጋታት መሰል ክግህሱ ይኽእሉ እዮም፡፡

ሕብረተሰብ'ውን ካብ ድሑር ልማዳዊ ኣሰራርሓ ተበጊሱ መሰል ክግህስ ይኽእል፡፡ ዜጋታት ባዕሎም ካብ ምንኣስ ፍልጠት ዝተልዓለ ንምድፋር መሰላቶም ምኽንያት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ መሰለይ ተተንኪፉ፣ መሰለይ ተጋሂሱ ኢልካ ሕቶ ንምቕራብ ፍልጠትን ግንዛበን ዝሓትት ስለዝኾነ እዚ ፍልጠት ኣብ ዘይህልወሉ ኩነታት መሰላት ምግሃሶምን ዘይምግሃሶምን ክፍለጥ ኣይክእልን፡፡

ስለዚ እዚ ኹሉ ፀገም ንምቕላልን ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላት ዜጋታት ብዝግባእ ዝኽበሩሉን፣ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ንምቅልጣፍን ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምሕላዉ ዘኽእሉ ትካላት ልዑል ግደ ይፃወቱ፡፡



## መልመዲ 3

*ቀጺሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ንስብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ሓለዋ ዝግበረሎም ንምንታይ እዩ? ተመያየጡሉ፡፡
2. ኣብ ከባቢ'ኹም ንምኽባር ሰብኣውን ዴሞክራ'ሲያውን መሰላት ዝሰርሑ ትካላት ኣለዉ'ዶ? እንታይ እንታይ እዮም? ዘርዚር'ኩም ግለፁ፡፡ ንምኽባር ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ሕድሕዶም ዝፈፀሙዎ ተግባራት ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡

**በብ ጉጅለ ኮይንኩም ቀፂሉ ቀሪቡ ዘሎ ተግባር ስርሑ፡፡**

ኣብዚ ምዕራፍ ካብ ሞንጎ ዝተምሃርኩምዎም ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ ዴሞክራሲያዊ ትካላት ንጉጅለኹም ብዕፃ ዝበፅሐኩም ትካል ኣብ ሃገርና ኣብ እንታይ ዓይነት ኩነታት ከምዝርከብ (እቲ ትካል ኣብ ከባቢኹም እንተሊኡ ናብኡ ብምኻድ፤ እንተ'ዘየለ ድማ ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት መረዳእታታት ብምትእኽካብ) ገምጊምኩም ኣቕርቡ፡፡

## 1.3 ፍልልያት ብሰለማዊ መንገዲ ምፍታሕ



*ስእሊ 1.4 ምይይጥ መሓዙት*

- ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ብምርኣይ እቶም ተምሃሮ እንታይ ይገብሩ ከምዘለዉ ገምቱ፡፡
- ምስ መሓዙትኩም ወይ ኣዕርኽትኹም ብሓሳብ እንተትፈላለዩ ወይ ዘይምርድዳእ እንተዝፍጠር እቲ ፍልልይ ወይ ዘይምርድዳእ ብሰላም ንምፍታሕ እንታይ ትገብሩ?

## ሰለስቲኦን መሓዙት

ተምሃሮ 8ይ ክፍሊ ‹‹ለ›› ዝኾና ኣብርሀት፣ ስምረትን ኢሌኒን ካብ ክፍሊ ምሕዝነት ብተወሳኺ ኣብ ደገውን ይቀራረባ እየን፡፡ ኣብ ሓደ ቁሸት እየን ዝነብራ፡፡ ቀዳምን ሰንበትን ሓቢረን ዘፅንዓሉ ፕሮግራም ንምውፃእ ተስማዕሚዐን ፕሮግራም ፅንዓት ንምድላው እርሳስን ወረቐትን ብምሓዝ ኮፍ ኢለን ምይይጥ ጀመራ፡፡

ይኹን እምበር ናይ ሰለስቲኦን ድሌት ዝተፈላለየ ብምኳኑ ሰለስቲኦን ዝሰማመዓሉ ፕሮግራም ምድላው ኣበየን፡፡ ፈለማ እንታይ ነፅንፅ? ዝብል ንምቕማጥ ኣብርሀት ሒሳብ እንተትብል ኢሌኒ እንግሊዝኛ ትብል ኣስመረት ድማ ኣይፋሉን ሳይንሰ ክኸውን ኣለዎ ትብል፡፡ በዚ ኩነታት'ዚ ንቐዳምን ሰንበትን ዝኾን ምሕንፃፅ ፕግራም መፅናዕትስ ይቕረ ናብ ባእሲ ከይሰግር የስግእ፡፡



### መልመዲ 4

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት ስርሑ፡፡*

1. ንስኹም ኣብ ናይ ሰለሰቲኦን መሓዙት ቦታ እንተትኾኑ እቲ ኣፈላላይ ከመይ ምፈታሕኹምዎ?
2. ንሰለስቲኦን መሓዙት ከሰማዕምዕ ዝኽእል ፕሮግራም መፅናዕቲ ከመይ ክተዳልዉ ትኽእሉ?

# ፍልልይ ወይ ዘይምርድዳእ ብሰላም ንምፍታሕ ዘድልዩ መሰረታዊ ነገራት ስዒቦም ዘለዉ እዮም፡፡

## ሀ. ምይይጥ

ምይይጥ ዝኾነ ዓይነት ዘይምርድዳእ ወይ ፍልልይ እንትፍጠር ናብ ዘሰማዕምዕ ውሳነ ብሓባር ንምብፃሕ ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ፡፡ ምይይጥ ክልተ ወይ ልዕሊ ክልተ ዝኾኑ ሰባት ገፅ ንገፅ ተቐራሪቦም ኣብ መንጎኦም ፍልልይ፣ ዘይምርድዳእ ወይ ቅርሕንቲ ከልዕል ዝኽእል ጉዳይ ብኹሎም ተመያየጥቲ ወገናት ቅቡል ዝኾን ሓሳብ ኣቕሪቦም ንምፍታሕ ፃዕሪ ዝገብሩሉ ከይዲ እዩ፡፡

ምይይጥ ፍታሕ ንምትእልላኽን ስምምዕነት (ስኒት) ንምፍጣርን እንትበሃል ዝፍፀም ተግባር ብምኳኑ ተመያየጥቲ ነናይ ባዕሎም መርገፂ ካብ ምግላፅ ሓሊፎም ናይቲ ካሊእ ወገን ብፅሞና ክሰምዑ ትፅቢት ይግበረሎም፡፡ ብተወሳኺ'ውን ምይይጥ ዝተበገሰሉ ዕላማ ንኽወቕዕ ማለት'ውን ፍልልይ ወይ ዘይምርድዳእ ብኹሎም ወገናት ተቐባልነት ዘለዎ መፍትሒ ቀሪቡ ብሰላማዊ መንገዲ ንኽፍታሕ ድማ ምኽእኣል ኣዚዩ ኣድላዪ እዩ፡፡

## ለ. ምድምማፅ

ምድምማፅ ተመያየጥቲ ወገናት ናይ ነፍስ ወከፎም ሓሳብ ብፅሞና፣ ብትዕግስቲ፣ ብትሕትና፣ ብቕንዕና ዝደማመፅሉ፣ እቲ ሓደ ክዛረቦ ዝደለዮ ነገር ተዛሪቡ ከይወደአ ካልእ ጣልቃ ኣቲዩ ካብ ምቁራፅ ዝዕቀበሉን ዝመሳሰሉን ኩነታት ዘካተተ እዩ፡፡

## ሐ. ምክእኣል

ምክእኣል ድማ ተመያየጥቲ ወገናት ዕቡኽ ናይ ምርድዳእን ምሕዝነትን መንፈስ ብምፍጣር ነን ሕድሕዶም ዝከባበርሉን፣ ግትርነት፣ ቁጡዕነትን ሓያልነትን ዘውግድሉን እዩ፡፡ ካብዚ ሓሊፉ'ውን ምክእኣል መርገፂኻ ኣለዚብካ ኣብ ስምምዕነት ንምብፃሕ ድልዊ ምኳን፣ እቲ ሓደ ናይቲ ካልእ ስምዒትን ኣረኣእያን ንምግንዛብ ዝፍትንሉ፣ ክልቲኦም ወገናት ካብ ኣጉል ክትዕን ምውንጃልን ርሒቆም ናብ ሓቢሮም ዝረዉዩሉ ስምምዕነት ንምብፃሕ ዝሕግዙ መፍትሒታት ንምእላሽ ዝፅዕርሉን ዘካትት እዩ፡፡



## መልመዲ 5

**ቀፂሎም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ኣብ ዝተፈላለየ ግዘን ቦታን ዝፍጠሩ ኣፈላላያት ወይ ዘይምርድዳእ /ዘይምቅድዳው/ ሰላማዊ ብዝኾነ መንገዲ ንምፍታሕ እንታይ ክትገብሩ ይግባእ፡፡ ተመያየጡሉ፡፡
2. ምምይያጥ፣ ምድምማፅን ምክእኣልን ዝኾነ ዓይነት ኣፈላላያት ወይ ዘይምርድዳእ ብሰላማዊ መንገዲ ኣብ ምፍታሕ ዘለዎም ግደ እንታይ ከም ዝኾነ ኣብነት ብምቕራብ መብርሂ ሃቡ፡፡

## 1.4. መንግስታት ፌዴራልን ክልላትን

### 1.4.4. ሓድነትን ፍልልይ

- ተምሃሮ እስቲ መንግስታት ፌዴራልን ክልልን ዘለዎም ሓድነት ዝሕብሩ ቁምነገራት ዘርዝሩ?

**ሓድነት፣**

ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ብመንግስታት ፌዴራልን ክልልን ብሓባር ምምሕዋሩ እቲ ቀንዲ መግለፂ ሓድነቶም እዩ፡፡ እቲ ካሊእ ሓደ ዝገብሮም ቁምነገር ድማ ኣመሓዋውራ ኣካላት <u>መዝነቶም (ስልጣኖም)</u> ተመሳሳሊ ምኳኑ እዩ፡፡

እዚ'ውን መንግስቲ ፌዴራል ናይ ባዕሉ ዝኾኑ ኣካላት መውፅኢ ሕጊ፣ መፈፀም ሕግን ተርጓሚሕግን እንትህልዉዎ ብተመሳሳሊ መልክዑ ድማ ክልላዊ መንግስታት እውን ነናይ ባዕልቶም ኣካላት መውፅኢ ሕጊ፣ መፈፀሚ ሕግን ተርጓሚ ሕግን ኣለዎም፡፡ ካልእ መግለፂ ሓድነት መንግስታት ፌዴራልን ክልላትን ዝኸውን ድማ ክልቲኦም መንግስታት ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ምኽባርን ምሕላውን ቀንዲ ተግባሮም ምኳኑ እዩ፡፡

## ፍልልይ

መንግስታት ፌዴራልን ክልላትን ዘመሳሰሉዎም ከም ዘለዉ ኩሉ ዘፈላልዩዎም ነጥብታት'ውን ኣለውዎም፡፡ ቀዳማይ ፍልልይ ኣብ ክልላት ዘየለ ግን ድማ ብብርኪ ፌዴራል መንግስቲ ጥራሕ ዘሎ ምስ ሰለስቲኦም ኣካላት ስልጣን (መዝነት) ዘይምደብ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ምህላው እዩ፡፡ ቤት ምኽሪ ፌዴሬሽን ኣብ ሃገርና ዘለዉ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝውክሉ ኣባላት ዝሓዛ ቤት ምኽሪ እዩ፡፡

እቲ ካሊእ መሰረታዊ ፍልልይ ድማ ፌዴራል መንግስቲ ሃገር ለኸ ዋኒናት (ገንዘብ፣ ርክባት ወፃእን መከላኸሊ ሓይሊ ሰራዊትን ወዘተ) ዘፈፅም እንትኾን ክልላት ድማ ዓርሶም ብዓርሶም ናይ ምምሕዳር ስልጣን ኣለዎም፡፡



መልመዲ 6

ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡

1. መግለፅታት ሓድነት ፌዴራላውን ክልላውን መንግስታት እንታይ እንታይ እዮም?
2. መግለፅታት ፍልልይ ፌዴራላውን ክልላዊን መንግስታት'ከ እንታይ እንታይ እዮም?

## 1.4.2 ሓበራዊ ስልጣን

- ሓበራዊ ሰልጣን ፌዴራልን ክልል መንግስታትን እዮም ኢልኩም እትግምትዎም ሓሳባት ሓብሩ፡፡

ኣብ ሞንጎ ፌዴራል መንግስትን ክልል መንግስታትን መቐሎ ስልጣን እንተሃለወ'ዉን ናይ ሓባር ሰልጣን ኣለዎም እዩ፡፡ ብመሰረት እዚ ፌዴራል መንግስትን ክልል መንግስትን ኣብ ሕገ መንግስቲ ምዕራፍ 11 ዓንቀፅ 98 ብግልፂ ዝተቐመጡ ናይ ሓባር ስልጣን ቀፂሎም ኣለዉ፡-

መንግሰቲ ፌዴራልን መንግስታት ክልልን ብሓባር ኣብ ዘመሓድሩዎም ትካላት ልምዓት ግብሪ ትርፊ ንግዲ፣ ግብሪ ስራሕ፣ ቐረፅ ሸያጥን ኤክሳይስን ብሓባር ይዝንኑ ይእክቡ'ውን፡፡

ኣብልዕሊ ትርፊ ንግዲ ትካላትን ናይ ሰብ ኣክሰዮን ትርፊ ብፅሒትን ግብርን፣ ቀረፅ መሸጣን ብሓባር ይዝንኑ፣ ይእክቡ፡፡

ኣብ ልዕሊ ዝለዓሉ ሰራሕቲ ዕደናን ኣብዝኾኑ ሰራሕቲ ነደድቲ ዘይትታትን ጋዛትን ክፍሊት ግብሪ ኣታውን ሮያሊትን ብሓባር ይዝንኑ፣ ይእክቡ፡፡



መልመዲ 7

ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. ሓባራዊ ስልጣን ፌዴራልን ክልልን መንግስታት ዘርዝሩ፡፡
2. እዞም ሓበራዊ ስልጣን መንግስታት ፌዴራልን ክልልን ሓባራዊ ዝኾኑሉ ንምንታይ እዩ? ተመያየጡሉ፡፡

### 1.4.3 ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት ምምሕዳር ከተማታት

- ተፀዋዕነቶም ንፌዴራል መንግስቲ ዝኾኑ ክልተ ምምሕዳር ከተማታት እንመን እዮም?

መንግስቲ ፌዴራል ካብ ዝመስረቱ ትሸዓተ ክልል መንግስታት ብተወሳኺ ክልተ ምምሕዳር ከተማታት ኣለዉ፡፡ ንሳቶም’ውን ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን እዮም፡፡ ክልቲኦም ምምሕዳር ከተማታት ዘሳልጥዎም ብዙሓት ተግባራት ኣለዉ፡፡ ቀንዲ ተግባራት እዞም ምምሕዳር ከተማታት (ኣብ ኣዋጅ ቁፅሪ 87/1999 ዓ.ም ኣዋጅ ቻርተር ኣዲስ ኣበባን ኣዋጅ ቁፅሪ 416/1996 ዓ.ም ኣዋጅ ቻርተር ድሬዳዋ ከምዝተገለፀ) እዞም ዝስዕቡ እዮም፡-

ሀ. ኣብ ከሊ ዝተወሃቡዎም ፍልፍላት እቶት ግብርን ቐረፅን ናይ ምዝናንን ምእካብን፣

ለ. ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ፕሮግራማት ልምዓት ምትላምን ምፍፃምን፣

ሐ. ናይ ባዕሎም በጀት ምፅዳቕን ምምሕዳርን ከምኡ’ውን ካብ ፍልፍላት ውሽጢ ሃገር ምልቃሕ፣

መ. ኣብ ውሽጢ ክልል ምምሕዳር ከተማታቶም ዝርከብ መሬትን ሃፍቲ ተፈጥሮን ምምሕዳር፣

ረ. ሰላምን ፀጥታትን ህዝቢ እዘን ምምሕዳር ከተማታት ንምሕላው ዘኽእል ሓይሊ ፖሊስ /ምጥያሽ/

ሰ. ምምሕዳር እዘን ከተማታት መንግስታዊ ቤት ፅዮታት፣ ትካላትን ውዳበታት ልምዓትን ምጥያሽን ደረት ስልጣኖምን ተግባራቶምን ምውሳን፣ ኩነታት ስራሕን ምሕደራ ሰራሕተኛታትን እዘን ከተማታት ምምሕዳር ምውሳን፣

ቀ. ኣብ ትሕቲ ስልጣኖም ንዝርከቡ ጉዳያትን ዋኒናትን ዝተፈላለዩ ደንብታትን መምርሕታትን ምውፃእን ምፍፃምን፣ ክፍፀም ምግባርን

በ. ምስ ኣሓት ከተማታት ወፃኢ ቴክኒካዊ፣ ምጣነ ሃፍታውን ባህላውን ስምምዕነት ፕሮቶኮል ምግባር፣

ተ. ምስ ኣካላትን ትካላትን መንግስቲ ፌዴራል ከምኡውን ምስ ክልላዊ መንግስታት ቐጥተኛ ርክብ ምምስራትን ስምምዕነት ምግባርን፡፡



**መልመዲ 8**

*ቀፂሎም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ካብ ቀንዲ ተግባራት ምምሕዳር ከተማታት ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ብውሑድ ሓሙሽተ ዘርዝሩ፡፡
2. ዝዘርዘርኩምዎም ተግባራት ምስ ተግባራት ክልላዊ መንግስታት ዝመሳሰልሉን ዝተፈላለይሉን ነጥብታት ብምንፃር ተመያየጡሎም፡፡

## 1.5. ወፃኢ ርክብ ኢትዮጵያ

### 1.5.1 ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ዘለዋ ርክብ



*ስእሊ 1.5 ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ዘለዋ ፅቡቕ ርክብ ዘርኢ ካርታ*

- ልዕል ኢሉ ዘሎ ካርታ ብምርኣይ ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ኣብ ምንታይ ኣብ ምንታይ ጉዳያት ርክብ ክትገብር ከምትኽእል ሓብሩ፡፡

ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ዘለዋ ርክብ ነዊሕ መዋእል ዘቑፀረ እዩ። ከም ኣቆፃፅራ ኣውሮፓውያን ብ1945 ዓ.ም ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዓለም እንትጣየሽ ካብ መንጎ መስረቲ ዝነበሩ ሃገራት ኢትዮጵያ ሓንቲ እያ፡፡ ኣብ'ሕዚ እዋን ድማ እዚ ርክብ እናተጠናኸረ ይርከብ፡፡ ንኣብነት ሰብ ሃብቲ ማእኸላይ ምብራቕ ኤስያ፣ ኣውሮፓን፣ ኣሜርካን ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ምችው ባይታ ኢንቨስትመንት ብምጥቃም ብስፍሓት ተንቀሳቒሶም ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ልምዓት እናካየዱ እዮም፡፡

ሃገራት ኤስያ ብዝምልከት ምስ ህንዲ፣ ቻይና፣ ጃፓን ዘሎ ናይ ምትሕብባር ምንቅስቓስ ዝተባባዕ እዩ፡፡ ምስ ሃገራት ምብራቕን ደቡብ ምብራቕን ኤስያ ዘሎ ርክብ ጉዳይ ምጥንኻር ንግድን ኢንቨስትመንትን ስለዝኾነ ጠመተ ተዋሂቡዎ እዩ፡፡

ብሓፈሻ ኢትዮጵያ ምሰ ሃገራት ዓለም ብዘለዋ ርክብ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲኣን ልምዓታን ንምቅልጣፍ ኣብ ምድግጋፍ ዝተመስረተ ምትሕብባር ኣብ ምክያድ ትርከብ፡፡



## መልመዲ 9

**ቀፂሎም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ኢትዮጵያ ካብ መንጎ ሃገራት ዓለም ዝለዓለ ርክብ ዘለዋ ምስ እንመን'ዩ? ሰለስተ ሃገራት ፅርሑ፡፡
2. ኢትዮጵያ ምስቶም ዝሓረኹሙዎም ሃገራት ዓለም ዘለዋ ርክብ ኣብ ምንታይ ብርኪ ይርከብ? ኣብነት ብምቕራብ ኣረድኡ፡፡

## 1.5.2 ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ብእትገብሮ ርክብ እትረኽቦ ረብሓ

- ተምሃሮ! ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ብእትገብሮ ርክብ እንታይ ረብሓ ትረክብ?

ካብ ዕላማታት ፖሊሲ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ሓደ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ብምጥንኻር ቅልጡፍ ልምዓት /ርኡይ/ ንምግባር ዘኽእል ዝተመቻቸወ ኩነታት ምፍጣር እዩ፡፡ ነዚ እቲ ቀንዲ ምኽንያት ናይዛ ሃገር ርክብ ወፃኢ መበገስን መዕለብን ልምዓትን ዴሞክራስን ተግባራዊ ምግባር'ዩ፡፡

ልምዓትን ዴሞክራስን ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእል ምቹው ባይታ ምፍጣር እንትበሃል ዕዳጋ፣ ኢንቨስትመንት፣ ልቓሕ፣ ረዲኤትን ቴክኒካዊ ሓገዝን ክትረክብ ይሕግዝ፡፡ ብመንፅር እዚ ኢትዮጵያ ምሰ ሃገራት ዓለም ብዘለዋ ርክብ ወፃኢ ልምዓት ርኡይ ንምግባር ዘኽእል ሰፊሕ ዕድል ዕዳጋ፣ ኢንቨስትመንትን፣ ቴክኒካዊ ደገፍን ንምርካብ ይጠቕማ እዩ፡፡

ካብዚ ሓሊፉ ዴሞክራሲ ንምዕሳል፣ ትካላት ዴሞክራሲያዊ ምምሕዳር ንምፍጣርን ንምጥንኻርን ዝሕግዝ ሰፊሕ ፋይናንሳውን ቴክኒካውን ደገፍ ንምርካብ የኽእል፡፡



### መልመዲ 10

**ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ብዘለዋ ርክብ እትረኽቦም ረብሓታት ተመያየጡ፡፡
   በብ ጉጅለ ብምኳን ዝተፈላለያ ሃገራት ዓለም ብምዝርዛር
2. ኢትዮጵያ ምስዘን ሃገራት ርክብ ብምግባራ ዝረኸበቶም ረብሓታት ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡

# መጠቓለሊ

ስርዓት ዴሞክራሲ ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰል ዜጋታት ከምኡ'ውን መሰል ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝኽበረሉ ስርዓት እዩ፡፡ ህንፀት እቲ ከይዲ ስርዓት ዴሞክራሲ ንክዓስልን ንኽምዕብልን ዝሕግዙ ዴሞክራሲያዊ ዜጋታት ንምፍጣርን ባህሊ ዴሞክራሲ ንምምዕባልን ዝሕግዙ ወሰንቲ ተግባራት ምፍፃም ዝሓትት እዩ፡፡ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብሓፈሻ ዴሞክራሲያዊ ዜጋ ብምፍጣርን ዴሞክራሲያዊ ባህሊ ብምምዕባልን ንሃገርን ንህዝብ ዝኸውንን ዝስማዕማዕን ምምሕዳር ምዕሳል እዩ፡፡

ሰረታት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ፤ ልዕልነት ሕጊ ምዕሳል፣ ናይ ህዝብታት ተፈቓዊዶም ምንባር፣ ሰብኣውን ዴሞክራሳውን መሰል ዜጋታት ምኽባር፣ መሰል ሓሳብካ ብነፃ ምግላፅ፣ ከምኡውን መሰል ማዕርነት መሰል ብቋንቋኻ ምጥቃም፣ መሰል ተመራፅነትን መራፅነትን ምኽባር እዮም፡፡

ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ንምዕሳል ዘኽእሉ መንግስታውን መንግስታዊ ዘይኮኑን ዴሞክራሲያዊ ትካላት ምህላው ኣድላዪ እዩ፡ መንግስታዊ ዝኾኑ ትካላት ዴሞክራሲ፤ ኣብያተ ፍትሒ፣ ፓሊስ፣ ትካል ሓባሲ ንብዓት፣ ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰላት፣ ኮሚሽን ፀረ ግዕዝይናን ብመንግስቲ ዝውነኑ መራኸብቲ ሓፋሽን እዮም፡፡ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዴሞክራሲ፤ ዝኾኑ ድማ ዓለም ለኻውን ሃገራውን ሲቪክ ማሕበራት ከምኡ'ውን ብውልቀ ዘውነኑ መራኸቢ ሓፋሽ እዮም፡፡

ፍልልይ ወይ ዘይምርድዳእ ብሰላም ንምፍታሕ ዘድልዩ መሰረታዊ ነገራት ምይይጥ፣ ኣብ እዋን ምይይጥ ምድምማፅን ምክእኣልን እዮም፡፡

ሓደ ካብ መግለፂ ሓድነት መንግስታት ፌዴራልን ክልላትን፤ ፌደራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ብፌዴራልን ክልል መንግስታትን ብሓባር ምምሕዋሩ እዩ፡፡ ካልእ ክልቲኦም ነናይ ገዛርእሶም ሕጊ መውፅኢ፣ ሕጊ

መፈፀምን ሕጊ ተርጓምን ኣካላት ዘለዉዎም ምዃኑ እንትኾን ብተወሳኺ ክልቲኦም ቀንዲ ሰልጣኖም ንዝኾነ ሕገ መንግስቲን ምሕላውንን ምክልኻልን ምዃኑ ሓድነቶም የርኢ፡፡

ፍልልይ ድማ ስልጣን ማእኸላይ መንግስቲ ዓለም ለኸ ጉዳያት /ገንዘብን ሓይሊ መከላኸልን ርክብ ወፃእን/ ዝጥምት እንትኾን ስልጣን ክልል መንግስታት ብቐንድነት ክልሎም ምምሕዳር ዝጥምት እዩ፡፡

ናይ ሓባር ስልጣኖም ድማ ፌዴራላውን ክልላውን መንግስታትን ብሓባር ኣብ ዘጣይሹዎም ትካላት ልምዓት ዝለዓሉ ሰራሕቲ ዕደናን ስራሕቲ ነዳዲ ዘይትን ጋዛትን፣ ግብሪ ትርፊ ንግዲ፣ ግብሪ ስራሕ፣ ቐረፅ ሽይጣትን ኤክሳይስን፣ ክፍሊት ግብሪ ኣታውን ሮያሊትን ብሓባር ምምዳብን ምእካብን'ዩ፡፡

ቀንዲ ቀንዲ ተግባራት ምምሕዳር ከተማታት ኣብ ክሊ ዝተወሃቡዎም ፍልፍል እቶት ግብርን ቐረፅን ምምዳብን ምእካብን፣ ኣብ ምምሕዳር ከተማታት ዝርከብ መሬትን ተፈጥሮ ሃፍትን ምምሕዳር፣ ሰላምን ፀጥታን ህዝቢ ንምሕላው ዝኽእል ሓይሊ ፖሊስ ምጥያሽ፣ ኣብ ክሊ ስልጣኖም ኣብ ዝርከቡ ዋኒናት ደንብታትን መምርሕታትን ምውፃእን ክፍፀም ምግባርን'ዮም፡፡ ምስ ከተማታት ወፃኢ ሃገር ቴክኒካዊ፣ ምጣን ሃፍታውን ባህላውን ስምምዕነት ፕሮቶኮል ምፍራም እዮም፡፡

ኢትዮጵያ ምስ ዝተፈላለዩ ሃገራት ዓለም ዘለዋ ርክብ ኣብ ምጥንካር ይርከብ፡፡ ኢትዮጵያ ምስ ሃገራት ዓለም ብዘለዋ ርክብ ልምዓት ክውን ንምግባር ዝኽእል ዕድል ሰፊሕ ዕዳጋ፣ ንምንቅስቓስ ልምዓት ዝሕግዝ ስርዓት ዴሞክራሲ ንምጉልባትን ምዕሳልን ትካላት ዴሞክራሲያዊ ምምሕዳር ንምፍጣርን ምጥንኻርን ዝሕግዝ ናይ ልቓሕን ረድኤትን ከምኡውን ቴክኒካዊ ሓገዝ ንምርካብ ክትክእል ኣኽኢሉዋ እዩ፡፡ ብሓፈሻ ርክብ ወፃኢ ኢትዮጵያ ስርዓት ዴሞክራሲኣ ኣብ ምጥንኻርን ቅልጡፍ ልምዓት ኣብ ምርግጋፅን ፅቡቕ ውፅኢት እናረኸበትሉ ትኸይድ ኣላ፡፡

# ኣገደስቲ ቃላት

**ስምምዕነት ፕሮቶኮር፡-**

ኣብ ሞንጎ ሃገራት ዝግበር ውዕል ስምምዕነት ትምህርቲ፣ ባህልን ምጣነ ሃፍትን፡፡

**ፖለቲካዊ ፓርቲ፡-**

ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕብረተሰብ ብሓድነት ተኣኻኺቦም ነፃነት፣ ወይ ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ረብሓታት ንምሕላውን ነዚ ዝሕግዝ ብነፃ ውድድር ሰልጣን መንግስቲ ንምሓዝን ዝጣየሹ ውዳበታት እዮም፡፡

**ክፍሊት ሮያሊቲ፡-**

ሓደ ደራሲ /መፅሓፍ፣ ሙዚቃ፣ ቅርፃቅርፂ/ ወዘተ ንዘዳለዎም ውፅኢት ስራሕቲ ኣብ ዝተሸጡሉ እዋን ወይ ከም እንደገና ብዝተሓደሱ ቑፅሪ ዝኽፈል ክፍሊት እዩ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

*I) ስዒቦም ዘለዉ ሙሉእ ሓሳባት ብምንባብ ሓቂ ንዝኾኑ "ሓቂ" ጌጋ ንዝኾኑ "ጌጋ" ብምባል መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ዴሞክራሲያዊ ዜጋ ምፍጣርን ዴሞክራሲያዊ ባህሊ ምምዕባልን እዩ፡፡
2. ሰረት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ምትሕልላይ ህዝብታትን ምኽባር መሰል ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን ዜጋታት እዩ፡፡
3. ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል ካብ ካልኦት ትካላት መኽበርቲ መሰል ልዕልነት ሕጊ ክኽበር ኣብ ምግባር ቅድሚት ዝሰራዕ ትካል'ዩ፡፡
4. ኢትዮጵያ ምስ ካልኦት ሃገራት ዓለም እትገብሮ ርክብ ንልምዓትን ህንፀት ዴሞክራሲያዊ ስርዓትን ሓጋዚ ዝኾነ ደገፍ ንምርካብ ኣኽኢልዋ እዩ፡፡
5. ኣብ ዓበይቲ ሰራሕቲ ዕደናን ስራሕቲ ፔትሮሊየም ጋዛትን ግብሪ ኣቶትን ክፍሊት ሮያሊትን ምምዳብ ስልጣን መንግስቲ ፌዴራል እዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ “ሀ” ምስ ዝተዘርዘሩ ዝሰማዕምዑ ኣብ ትሕቲ “ለ” ካብ ተሰሪዖም ዝተቐመጡ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| “ሀ” | “ለ” |
|---|---|
| 1. ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ከይተሸራረፉ ንኽኽበሩ ዝሰርሕ ትካል፣ | ሀ. መራኽቢ ሓፋሽ |
| 2. ሕግታት፣ ደንብታትን መምርሕታትን ምስ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታት ዘይፃብኡ ምኻኖም ዘረጋግፅ ትካል፣ | ለ. ትካል ሓባሲ ንብዓት |
| 3. ብሕጊ ዝተደንገጉ መሰልን ረብሓታትን ዜጋታት ብኣፈፀምቲ ኣካላት ክኽብሩ ምኽኣሎም ዝከታተል ትካል | ሐ. ማሕበራት ሲቪክ |
| 4. ግልፅነት ተሓታትነትን ተሳትፎ ህዝብን ንምጉልባት ዝሰርሕ ትካል፣ | መ. ኮሚሽን ሰብኣዊ መሰል |
| 5. ሓቀኛን እዋናውን መረዳእታ ንህዝቢ ዘቕርብ ትካል፡፡ | ረ. ኮሚሽን ስነምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ፌዴራል |
| | ሰ. ፖሊስ |

*III) ሰዒቦም ንዘለዉ ክፍቲ ቦታታት ብግቡእ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡*

1. ___________ ካብ መሓውራት መንግስቲ ወፃኢ ዘለዉ ንጡፉትን ሓላፍነት ዝስመያምን ዜጋታት ብዓርሰ ተበግሶ ዘጣይሹዎም ትካላት እዮም፡፡
2. ____________ ብወገን ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ጉድኣት /በደል/ በፂሑና ብምባል ቕሬተኦም ናይ ዘቕርቡ ውልቀ ሰባት ጥርዓን እናመርመረ ውሳነታት ዝህብ መሰል ኣኽባሪ ትካል እዩ፡፡
3. ኣፈላላያት ወይ ዘይምርድዳኣት ብሰላም ንምፍታሕ ዘድልዩ ሰለስተ መሰረታዊ ነገራት ______________ ፡ __________ን _______ን እዮም፡፡

## IV) ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ምረፁ:-

1. ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ቀንዲ ሰረቱ ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ምዃን እዩ ዝበሃለሉ ምኽንያት እንታይ ኢዩ?
   - ሀ. እዚ መትከል ስልጣን ብዴሞክራሲያዊ መንገዲ ጥራሕ ክተሓዝ ውሕሰነት ስለዝህብ፣
   - ለ. እዚ መትከል ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰል ዜጋታት ክኽበሩ ውሕስነት ስለዝህብ፣
   - ሐ. እዚ መትከል መሰል ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክኽበር ውሕስነት ስለዝህብ፣
   - መ. ኩሉ ቅኑዕ መልሲ እዩ።

2. ካብ መንነ እዞም ስዒቦም ዘለዉ ባህርይ ዴሞክራሲያዊ ዜጋ ዝኾነ ኣየናይ?
   - ሀ. ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰል ዜጋታት ፀንፊፉ ይፈልጥ፣
   - ለ. ፍልልያት ሰረት ዴሞክራሲ ምዃኖም ኣይኣምንን/ኣይቕበልን፣
   - ሐ. ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰል ዜጋታት ብዝግባእ የኽብር ክኽብር'ውን ይገብር
   - መ. መልሲ ኣይተውሃበን

3. ባህሊ ዴሞክራሲ ማዕቢሉ እዩ ንምባል ዝክኣል መኣዝ'ዩ?
   - ሀ. ፍልልያት፣ ሓሳብን ኣረኣእያን ካልኦት ምኽባር ወይ ብትዕግስቲ ምቕባል እንትክኣል፣
   - ለ. ዘይምርድዳኣት ብሰላማዊ ምይይጥን ምትእምማንን ምፍታሕ እንትክኣል፣
   - ሐ. ብምይይጥ ክፍትሑ ዝኽእሉ ጎንፅታት እንተጋጥሙ ንዳይነት ብምቕራብን ውሳነ ብዙሓት ብፀጋ ተቐቢልካ ተግባራዊ ምግባር እንትክኣል፣
   - መ. ኩሉ ቅኑዕ መልሲ እዩ።

*V) ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡-*

1) **ካብ መንነ ሰረት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ብውሑዱ ሰለስተ ብምቑራሕ ሕድሕዶም ሰረት ምኳኖም ዘርኢ መረዳኢታ ኣቕርቡ፡፡**

2) **ንምኽባር ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ካብ መንነ ዝሰርሑ ትካላት ብዉሑድ ክልተ ብምሕባር ዕላምኦም ግለፁ፡፡**

3) **ሓድነትን ፍልልይን መንግስታት ፌዴራልን ክልልን ኣብርሁ፡፡**

# ምዕራፍ ክልተ

# ልዕልነት ሕጊ


## ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ፡-

**ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተምሂርኩም ምስፈፀምኩም፡-**

- ኣብ መንጎ ፌዴራላዊ መንግሰትን ክልላዊ መንግስታትን ዘሎ ሓድነትን ኣፈላላይን ትፈልጡ።
- ኣድላይነት ደረት ስልጣን ትርድኡ፡፡
- ካባኹም ዝሕሎ ስነ ምግባር ትፈልጡ፡፡
- ግዕዝይና ዘስዕቦም ፀገማት ትዝርዝሩ፡፡

## 2.1. ሕገ መንግስቲ

### 2.1.1 ሓድነትን ፍልልይን ሕገ መንግስታት ፌዴራልን ክልላትን



ስእሊ 2.1 - ሕገ መንግስታት

- ኣብቲ ስእሊ ዝተሓበሩ ሕገ መንግስታት ሓድነትን ፍልልይን እንታይ ይመስል?

ካብዚ ቀጺሉ ካብ ሕገ መንግስቲ ፌዴራልን ብሄር ብሄርሰባትን ህዝብታትን ክልል ደቡብ ሕገ መንግስቲ መእተዊ ብኽፋል ዝተወሰዱ ሓሳባት ቀሪቦም ኣለዉ፡፡ በብጉጅለ ኮይንኩም ነቶም ሓሳባት ብምንፃር ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡

| መእተዊ ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. /ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ/ | ኣብ 1994 ዓ.ም ዝተመሓየሸ መእተዊ ሕገ መንግስቲ ብሄራት፣ ብሄርሰባትን ህዝብታትን ክልል ደቡብ |
|---|---|
| ንሕና ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ፡-<br><br>ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ዘላቒ ሰላም፣ ውሕስና ዘለዎ ዴሞክራሲ ንኽዓስል፣ ምጣነ ሃፍትን ማሕበራውን ምዕባለ ክቀላጠፍ፣ ናይ ባዕልና ዕድል ባዕልና ናይ ምውሳን መሰል ተጠቒምና፣ ብናፃ ድሌትና፤ ኣብ ናይ ዓርስና ፍቓድን ልዕልነት ሕግን ዝተደረኸ ሓደ ፖለቲካዊ ማሕበረሰብ ብሓባር ንምህናፅ ቆሪፅና ብምልዓል፣<br><br>እዚ ዕላማ’ዚ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ፣መሰረታዊ መሰል ውልቀ ሰባት፣ ብሄር ብሄርሰባትን ምኽባሮም፣ማዕርነት ፆታ ምርግጋፁ፣ ባህልታትን ሃይማኖታትን ብዘይ ዝኾነይኹን ኣፈላላይ ክስጉሙ ናይ ምግባር ኣድላይነት እምነትና ፅኑዕ ብምኳኑ፣<br><br>ሃገርና ኢትዮጵያ ነናይ ባዕልና ዘኹርዕ ባህሊ ዘለና ነናይ ባዕልና መልክኣምድርን ኣሰፋፍራን ዝነበረናን ዘለናን፣ ብሄር ብሄርሰባትን ህዝብታትን ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ሰራሕትታትን ብርኪ ርክብን ተኣሳሲርና ሓቢርና ዝነበርናላን እንነብረላ ዘለናን ሃገር ብምኳና፣ ዘጥረናዮ ናይ ሓባር ረብሓን ኣርኣእያን ኣለና ኢልና ስለ እንኣምን፣<br><br>እዚ ሕገመንግስቲ ልዕል ኢልና ንዝገለፅናዮም ዕላማታትን እምነታትን መእሰሪ ክኾነና ኢልና በቶም መሪፅና ዝለኣኽናዮም ወከልትና ኣቢልና ኣብ ዋዕላ ሕገ መንግስትና ሎሚ ዕለት 29 ሕዳር 1987 ዓ.ም ኣፅዲቕናዮ ኣለና፡፡ | ንሕና ብሄራት፡ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ፡-<br><br>ኣብ ሓባራዊ፣ ምፍቕቓድን ማዕርነትን ተደሪኽና ኣብ ዘቆምናዮ ክልል ልዕልነት ሕጊ ክዓስል፣ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ምዕባለና ክቀላጠፍ፣ ናይ ባዕልና ዕድል ባዕልና ናይ ምውሳን መሰልና ተጠቒምና ቋንቋና ባህልናን ሐድነትናን ዝያዳ ንምጥንኻር፣ መንነትና ተኸቢሩ ብቃልስናን ብዝኸፈልናዮ መስዋእትን ዝተረኽበ ሰላምን ዴሞክራሲን ዘላቕነቱ ንምርግጋፅ፣<br><br>እዚ ዕላማ ኣብ ክልልና ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ መሰረታዊ መሰላት ውልቀሰባት፣ ብሄራት፣ ብሄርሰባትን ህዝብታትን ምኽባሮምን ማዕርነት ፆታ ምርግጋፁን ቋንቋታትን ሃይማኖታትን ብዘይ ኣፈላላይ ብማዕርነት ንኽስጉሙ እምነትና ፅኑዕ ብምኳኑ፣<br><br>ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ ናይ ባዕልና ዝኾነ ዘኹርዕ ባህልን መልክኣ ምድራዊ ኣሰፋፍራን ዘለና፣ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውደ ስራሕትን ብርክታት ርክብን ተኣሳሲርና ሓቢርና እንነብረላ ክልልና ብምኳና፣ ዘጥረናዮ ናይ ሓባር ረብሓን ኣመለኻኽታን ኣለና ኢልና ስለእንኣምን፣<br><br>እምባኣርከስ ሎሚ ዕለት 2 ሕዳር 1994 ዓ.ም ኣብ ከተማ ኣዋሳ ኣብ ዘካየድናዮ ካልኣይ ህፁፅ ዋዕላ ቤት ምኽሪ ክልል ዝተመሓየሸ ናይ 1994 ዓ.ም ረቂቕ ሕገ መንግስቲ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክልል ደቡብ ዘቲና ኣፅዲቕናዮ ኣለና፡፡ |



## መልመዲ 1

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1) ኣብዞም ቀሪቦም ዘለዉ ክልተ ሕገ መንግስታት መእተዊ ዘሎ ሓድነት ብዝርዝር ግለፁ፡፡
2) ኣብ ክልቲኦም ሕገ መንግስታት መእተዊ ዘሎ ፍልልይ ብዝርዝር ግለፁ፡፡
3) ሕገ መንግስቲ እቲ ክልልን ሕገ መንግስቲ ፌዴራልን መበገሲ ምግባሩን ከምኡ'ውን ዘይፃባእ ምዃኑን ዘርእዩ ሓሳባት ብምንፅፃር ኣርእዩ፡፡
4) ብመሰረት እዚ፣ ዘለኹሙሉ ክልል ወይ ሓደ ካልእ ክልል መሪፅኩም ምስ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ብምንፅፃር ሓድነቶምን ፍልልዮምን በብጉጅለ ኮይንኩም ብምስራሕ ኣርእዩ፡፡

ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ብሂራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ መሪፆም ብዝለኣኹዎም ተወከልቶም ተዘትዩሉ ዝፀደቐ ብምዃኑ ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ኩሎም ሕግታት መበገስን ላዕለዋይ ሕግን እዩ፡፡ መንግስታት ክልል'ውን ናይቲ ክልል ህዝቢ ብዝመረፆም ተወከልቱ ኣቢሉ ብቤት ምኽሪ ክልል ይፀድቕ፡፡ ብምዃኑውን ኣብቲ ክልል ናይ ዘለዉ ሕግታት ኩሎም ላዕለዋይ ሕጊ እዩ፡፡

ካብዚ ብምብጋስ ክልቲኦም ሕግታት /ሕገ መንግስቲ ፌዴራልን ሕገ መንግስቲ ክልልን/ ህዝብታት ብዝመረፁዎም ተወከልቶም ተዘትዩሎም ዝፀደቑ ምዃኖም ንግንዘብ ኢና፡፡ ቀንዲ ዕላማ ሕገመንግስቲ ፌዴራል ናይ ዝተፈላለዩ ኣካላት መንግስቲ ስልጣንን ሓላፍነትን ምውሳን፣ ዜጋታት ዘለዉዎም መሰረታዊ መሰላትን ነፃነታትን ምሕጋግ /ምድንጋግ/ እንትኾን ዕላማ መንግስታት ክልል ድማ ኣብ መንግስቲ እቲ ክልል ዘለዉ ዝተፈላለዩ ኣካላት ስልጣንን ሓላፍነትን ምውሳን፣ ኣብቲ ክልል ዘለዉ ህዝብታት ዘለውዎም መሰረታዊ መሰላትን ነፃነትን ምሕጋግ /ምድንጋግ/ እዩ፡፡

ካልኦት ሕግታት፣ ደምብታትን ኣሰራርሓታትን ኩሉ ልዕሊ ኩሎም ሕግታት ምስ ዝኾነ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ከምዘይፃብኡ ኩሎም ኣብ ክልላት ዝወፁ ሕግታት፣ ደንብታትን ኣሰራርሓታትን'ውን ምስ ሕገ መንግስቲ ክልል ዝፃብኡ ኣይኾኑን፡፡

ሰለዚ ክልቲኦም ሕገመንግስታት ብሙሉእ ፍቓድ ህዝብታት ዝፀደቑን በብ ደረጅኦም ላዕለዎት ሕግታት ብምኳኖምን ሓደ ዓይነት ባህርይ ከምዘለዎም የመልክት /ይሕብር/፡፡ እዚ ማለት ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ብደረጃ ሃገር ላዕለዋይ ሕጊ እንትኾን፣ ሕገ መንግስቲ ክልላት ድማ ኣብ ክልላት ላዕለዎት ሕግታት እዮም፡፡

ፍልልዮም ድማ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ልዕሊ ኩሎም ኣብታ ሃገር ዘለዉ ሕግታት እንትኾን፣ ሕገ መንግስቲ ክልላት እውን ብደረጃ ክልሎም ጥራሕ ላዕለዎት ሕግታት ኮይኖም የገልግሉ፡፡ እዚ ብምኳኑ'ውን ንሕገ መንግስቲ ፌዴራል ዝፃባእ ሕገ መንግሰቲ ወይ ሕጊ ብብርኪ ክልል ክወፅእ ኣይኽእልን፡፡



## መልመዲ 2

*ሀ) ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣብ ላዕሊ ንዝቐረበ ሓሳብ መሰረት ብምግባር መልሱ፡፡*

1. ሕገ መንግስታት ፌዴራልን ክልል ብኸመይ ዓይነት መንገዲ ይፀድቑ?
2. ሕገ መንግስቲ ፌዴራልን ክልላትን ልዕሊ ኩሎም ሕግታት ምኳኖም ብምንታይ መልክዕ ከም ዝኾነ ግለፁ፡፡
3. ሕገ መንግሰታት ፌዴራልን ክልላትን ዘመሳስሉዎምን ዘፈላልዩዎም ነጥብታት ዘርዝሩ፡፡

## 2.2. ስነ ምግባር

### 2.2.1. ብደረጃ ሃገር ካብ ተምሃራይ ትፅቢት ዝግበር (ዝሕሎ) ስነ-ምግባር

- ኣብ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ዝርከቡ መትከላት ስነ ምግባር፣ ሓቅነት፣ ተኣማንነት፤ ቅንዕና፣ ምስጢር ምሕላው፣ ንሕቶ ህዝቢ ምላሽ ምሃብ፣ ተሓታትነት፣ ኣድልዎ ዘይምፍም፣ ሕጋዊ ብዝኾነ ስልጣን ብግቡእ ተገልጋሊ ምኳን፣ ሕጊ ምኽባርን መርኣያ ምኳንን እዮም፡፡
- እዞም መትከላት ሰራሕተኛ ክፈልጦም ምግባሩ እንታይ ረብሓ ዝህብ ይመስለኩም?

## ክውለድ እየ፣

እነይ ንዓይ ሒዛ ኮፍ ኢላ ሪጋኣ እናተፀበየት እያ፡፡

‹‹ንምኳኑ እንታይኪ ኣሕሚሙኪ እዩ ናብ ቤት ሕክምና ዝመፃእኺ?››
 በልክዋ ብሃንደበት፡፡

‹‹ንምኳኑ ንስኻ መንኢኻ? ኢላ›› ሓተተትኒ፡፡

‹‹ኣነ ውላድኪ እየ'፡፡ መን መሲሉኪ? በልኩዋ፡፡ ብዝበለፀ ከእምና ደልየ
 ድማ ኣብ ውሽጢ ማህፀና ምኳነይ ንኽተረጋግፅ ክልተ ግዘ ተገላበጥኩ፡፡

‹‹እቲ ዝመፃእኽሉ ታሪኽ ክሰምዕ መሰለይ እዩ››

‹‹ነኣኻ ንምንፃል!››

‹‹ንከይውለድ?››

‹‹እወ››

‹‹ክውለድ እየ›› በልኩዋ ዓው ብምባል፡፡

ኣነስ ክውለድ እየ!! ሃገረይን ወገነይን ናብ ፅቡቕ ዘብፅሕ ራእይ ኣለኒ፡፡ ኩሎም ሰባት ክፉኣት እዮም ዝብል እምነት የብለይን፡፡ ርኹሳት ከምዘለዉ ርህሩሃት'ውን ኣለዉ፣ ንሓሳዊ ሓቀኛ፣ ንከዳዕ እሙን፣ ንዕቡይ ትሑት፣ ንኽፉእ ጥዑይ፣ ንበዓለገ ለባም፣ ንኣበረኛ ፈታውሰብ፣ ንመባኣሲ መተዓረቒ፣ ተፈጢሩ እዩ፡፡

ስለዚ ካብ ብህዚኡ ፅቡቕ ሰብ ንምርኣይ ናፊቐ ኣለኹ፡፡ ብፍላይ ፅቡቕ መሓዛ/ዓርኪ/ ንኽህልወኒ፣ ኣብ ልዕሊ ዓርኩ ዓርኩ ቕንእን ምምቕናይን ዘይፍሕስ፣

ናይ ዝሞተ መሓዝኡ ፅቡቓት ሰራሕቲ ናተይ እዩ ዘይብል፣ ኣብ እዋን ፀገምካ ዝበፅሓልካ፣ ብኣፍ ዘይኮነስ ብተግባር ዝኣምን ናይ ልቢ መሓዛ ክህልወኒ እደሊ እየ፡፡

ንሃገሩ ብሓቂ ዝሰርሕ፤ ቢሮክራሲ ዘየበላሽዎ፤ ዘይሰርቕ፤ ንግዕዝይና ተዋጊኡ ዘዋግእ፤ ንዕቤት ሃፍትን ድሕንነትን ወገናቱ፣ ከይሰልከዮ ዝሰርሕ፣ ብኣተሓሳስባ ፀዓዱ ዘይተመረዘ፤ ባህሉን ባህሊ ህዝብን ዘማዕብል፣ ፅቡቕ ኢትዮጵያዊ ንምርኣይ ሃቂፀ ኣለኹ፡፡ መርኣያነቱ'ውን ንኽፉኣት ኣርእየ ካብ ጌገኦም ክመሃሩ ንምግባር እደሊ እየ፡፡ ብዙሓት ዓበይቲ ሰባት ከይንስእን ስለዝሰግእ ምስዳድ ጥንሲ እኹንን ኣለኹ፡፡ ኣመጣጢንካ ኣብ ምውላድ ግን እኣምን እየ፤ ፅቡቕ ትጉህ መራሒ ሃገርን ካብ ፀላኢ ዘድሕንን ጅግና ወታደር ምርኣይ እደሊ ኣለኹ፡፡ ስለዚ ክውለድ እየ፡፡

(መስፍን ሃብተ ማርያም፣ ካብ ናይ እፍታ፣ 1993 ንመምሃሪ ክኾን ተተርጊሙ ዝተወሰደ)



መልመዲ 3

ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. ኣብቲ ምንባብ ካብ ዝተጠቐሱ ሓሳባት ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ዝግበረሎም ኣየኖት ይመስለኩም? ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡
2. ኣብቲ ምንባብ ካብ ዝተጠቐሱ ሓሳባት ተምሃሮ ከወግድዎም ይግባእ እትብልዎም ፈሊኹም ብምውፃእ ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡

ንልዕልነት ሕጊ ተገዛኢ ምኳን ኩሎም መሰላትን ረብሓታትን ዝኽበሩሉ ስርዓት ዝቖመሉ ዓምዲ እዩ፡፡ ፅቡቕ ስነ ምግባር ድማ ንተገዛእነትን ልዕልነትን ሕጊ ቁልፊ እዩ፤ ብምኳኑ'ውን ብደረጃ ሃገር ካብ ተምሃሮ ብዙሕ ፅቡቕ ስነ ምግባር ትፅቢት ይግበር፡፡

ከምቲ ነፍስወከፍ ዜጋ ናይ ዓርሱ መሰል ብምኽባሩ ዘርውዮ ከምኡ'ውን ናይቲ ካልእ ዜጋ መሰል ብምኽባሩ ነቲ ኻልእ ከምዘርውዮ ብምግንዛብ መሰል ካልኦት ምኽባርን ክኽበር ምግባርን መምርሒ ህይወት ጌሩ ክወስድ ኣለዎ፡፡ ከምኡውን መሰሉ ብጉልበት እንተይኮነስ ሕጊ ኣኽቢሩ ጥራሕ ምጥቃም ከምዘለዎ ካብ ልቡ ምእማንን ምትግባርን ኣለዎ፡፡ ሕጊ ክቐፅዐኒ እዩ ወይእውን ፍሉይ

ረብሓ ክረክብ ኢየ ኢልካ ከይሓሰብካ ሕጊ ኣኽቢርካ ምንቅስቓስ ልዑል መግለፂ ስነምግባር እዩ፡፡

ዝተፈላለዩ ቋንቋታት፣ እምነታት፣ካልኦት ባህላዊ መግለፅታት ዘለዉዎም ማሕበረሰባት ብሓንሳእ ከከም እምነቶም፣ ባህሎምን ኣነባብሮኦምን ብሓባር ተስማዕሚዖምን ተሓባቢሮምን ዝነብሩ ብምክእኣል እዩ፡፡ ስለዚ መትከል ምክእኣል ካብ ተምሃሮ ዝሕሎ ስነምግባር እዩ፡፡ መናእሰይ ተምሃሮ ኣብ ሃገራዊ ኮነ ከባቢያዊ ጉዳያት ንጡፍ ተሳትፎ ንምግባር ፍቕሪ ዓዲ ክህልዎም ይግባእ፡፡ እዚ እንተዘይኮይኑ ረብሐኦም ብውሑዳት ምምንጣሉ መሰሎም ምግሃሱ ዘይተርፍ እዩ፡፡ ብምዃኑ'ውን ኣብ ዝኾነ ይኹን ሃገራውን ከባቢያውን ጉዳይ ብዘይገለ ጎስጓሲ ምስታፍ ግቡእ እዩ፡፡

ሃገር መናእሰይ ዜጋታታ ሓቀኛታት ክኾኑላ ትደሊ እያ፡፡ ሓቀኛነት ኣብ መንጎ ዝዝረብን ዝትግበርን ኣፈላላይ ዘይምህላው ማለት እንትኾን ዝተፈላለዩ መግለፅታት ኣለውዎ፡፡ ካብ መንጎ እዚኣቶም ዘይምሕሳው፣ ዘይምትላል ዘይምስራቕ -- ወዘተ ይርከብዎም፡፡ ብምዃኑ'ውን መናእሰይ ሓቀኛታት ክኾኑ ትፅቢት ይግበር፡፡

ኣብ መወዳእታ መናእሰይ ተምሃሮ ክብርን ፍቕርን ስራሕ ክህልዎም ይግባእ፡፡ ‹‹ብስርሖም ዝዓገቡ ሰባት ብህይወቶም ዝዓገቡ እዮም›› ከምዝበሃል ክሕፈር ዘለዎ ስራሕ ብዘይ ምስራሕኻ እምበር ብእትሰርሖ ዓይነት ስራሕ ምዃን የብሉን፡፡ ስራሕ ምምራፅን ምንዓቕን መግለፂ ድሕረት ምዃኑ ምርዳእ ይግባእ፡፡

ብሓፈሻ ፍልልይ ኣሚንካ ብምቕባል፣ ተኸኣኢልካ ምንባር፣ ዝኾነ ይኹን ተግባር ንሕጊ መሰረት ገይርካ ምክያድ፣ ሃገርካ ምፍታው፣ ንሓቂ ምስጓም፣ ንኻልኦት ጎዲእኻ ዝተፈለየ ረብሓ ንምርካብ ዘይምድላይ፣ ትምህርትኻ ሰጢምካ ብምምሃር ኣብ ዝሓሰብካየ ሸቶ ምብፃሕን ንሃገርን ንወገንን ዝረብሑ ተግባራት ምፍፃም ብፍላይ ካብ ተምሃሮ ዝሕለዉ መግለፅታት ፅቡቕ ስነ ምግባር እዮም፡፡



## መልመዲ 4

### ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ስርሑ፡፡

ሓቀኛ፣ ፍቕሪ ሃገር፣ ምክእኣል፣
መሰል ምኽባርን ክኽበር ምግባርን፣
ትዕግስተኛ፣ ፍቕሪ ስራሕ፣

**ሀ. ኣብ ውሽጢ እቲ ዓንኬል ዝተቀመጡ መግለፅታት ስነ ምግባር ቀዒሎም ንዝቐረቡ ሓሳባት ኣፀቢቑ ይስማዕምየ እዩ ኣብ እትብልዎ ክፍቲ ቦታ መልኡ፡፡**

1. ኣብ ቑሸት በዓል ናትናኤል ዝነበሩ መናእሰይ ሰዓብቲ ዝተፈላለየ ሃይማኖት እንተኾኑ'ውን ብ____________ግን ይነብሩ፡፡
2. እኒ ፀሃየ ናይ ዓርሶም ዝኾነ ኣይህቡን፣ ናይ ካልኦትውን ኣይትንኩፉን እኳ ደኣስ መሰል ካልኦት ብዘይኣግባብ እንትድፈር ስኽ ኣይብሉን ብምዃኑ'ውን ኣብነታት ____________እዮም፡፡
3. መንእሰይ ዳንኤል ነጋዳይ እንተኾነ'ውን ንዘይሕጋዊ ትርፊ/ረብሓ/ ኢሉ ቓሉ ኣይዓፅፍን ስለዚ ኣብ ቁሸቱ ____________ ብዝብል ይፍለጥ፡፡
4. እዛ መንእሰይ ንብዙሕ ፀገማት ተፃዊራ ናብ ቑምነገር ብምብቕዓ ናይ ቁሸታ ሰባት ከም ስምኪ ____________ኢኺ ይብሉዋታ፡፡
5. ሎሚ ንእሽተይ እትመስል ስራሕ ከይነዓቑ ዝሰርሑ__________ ዘለዎም መናእሰይ ፅባሕ ሰብ ኩባንያ ኮይኖም ንብዙሓት ዘመሓድሩ ከምዝኾኑ ምእማት ይካኣል እዩ፡፡
6. ____________ዘለዎ መንእሰይ ናይቲ ብምክብባርን ብማዕርነትን ዝነብረላ ሃገር ጥቕዓት ንምክልኻል ዘበራብር ሰብ ኣየድልዩን፡፡

ለ. ብደረጃ ሃገር ካብ ተምሃሮ ትፅቢት ካብ ዝግበረሎም መግለፅታት ስነ ምግባር ዉሱናት ብምቁራሕ /ብምፅራሕ/ ኣብርሁዎም፡፡

## 2.3. ደረት ስልጣን

### 2.3.1. ደረት ስልጣን ዘይምህላው ዘስዕቦም ፀገማት

- ኣብ ሓደ ቤት ዕዮ ዘሎ በዓል ስልጣን ንዝተወሃቦ ስልጣን ብዘይ ደረት እንተተጠቒሙሉ እንታይ ዓይነት ፀገም ክፈጥር ይኽእል?

**ነውሪ እዩ**

ኣይተ ናትናኤል ኣብ ጎኒ መካበብየኦም ኣብዘሎ ክፍቲ ቦታ ሹቕ ንምስራሕ ይህቅኑ'ሞ ንሓደ መኸበሪ ደንቢ ጎረቤቶም የማኽሩዎ፡፡ ንሱድማ ፀገም የብሉን፣ ይፍረስ እንተተብሃለውን ኣነ ኣለኹ ይብሎም፡፡ ንሶም እውን እቲ ሹቕ ሰርሕዎ፡፡

ይኹን እምበር ሰለስተ ወርሒ ከይተጠቐሙሉ እቲ ቦታ መንገዲ ዝሰርሐሉ ስለዝኾነ ከፍርስዎ ተነገሮም፡፡

ንሶም ግና ንመኸበሪ ደንቢ ኣፍቂደ ኢየ ዝሰራሕኽዎ ብምባል ኣየፍርስን በሉ፡፡ እኳደኣስ ንሓደ ዝፈልጡዎ በዓል ስልጣን ጉቦ ሂቦም ንቶም ኣባላት ኮሚቴ ኣኸበርቲ ደንቢ ኣእሲረሙዎም፡፡

**ዕዮ ጉጅለ፣**

ልዕል ኢሉ ቀሪቡ ኣብዘሎ ጉዳይ ጥፍኣተኛ መን ከምዝኾነ፣ ስልጣኑ ብዘይ ደረት ዝተጠቐመ መን ከምዝኾነን በዚ ሰበብ ዝተፈጠረ ፀገም፣ ከምእዉን ክኾን ዝነበሮ ትኽክለኛ ኣካይዳ ተመያየጡ'ሞ ናይ ጉጅለኹም ሓሳብ ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡

ካብቶም ቀንዲ መግለፅታት ልዕልነት ሕጊ ዝኾኑ ሓደ፣ ነቲ ሰፊሕ ዝኾነ ስልጣን መንግስቲ ንምድራትን ምቁፅፃርን ዘኽእል ሜላ ምህላዉ እዩ፡፡ ደረት ስልጣን እንድሕር ዘይሃልዩ ሕጊ እናተጥሓሰ፣ ኩሉ ልዕሊ ሕጊ እናኾነ ልዕልነት ሕጊ ትርጉም ይስእን'ሞ ብዙሓት ፀገማት ክፍጠሩ ይኽእሉ፡፡

ደረት ስልጣን እንድሕር ዘይሃልዩ ስርዓት ኣልቦነት ይነግስ'ሞ መሰል ዜጋታት ብዘይሕጋዊ ኣሰራርሓታት ይጠሓሱ፡፡ ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎት ደረት ስልጣን እንድሕር ዘይተገይሩሎም መሰል ተገልገልትን ግቡኣቶምን ይገሃሱ፡፡ ካብዚ ዝተበገሰ ተገልጋላይ መሰሉ ንምኽባር ኣብ ክንዲ ብሕጋዊ መንገዲ ጉቦ፣ ኣማላድን ዝመሳሰሉን መንገድታት ኣማራፂ ይገብር፤ በዚ ኣቢሉ ግዕዝይና ይጋፋሕ፡፡

ደረት ስልጣን ኣብ ዘይነብረሉ እዋን ግልፅነትን ተሓታትነትን ኣይህሉን፡፡ ስለዝኾነ ድማ ሰብ ስልጣናት ሕጊ ምጥሓሶምን ዘይምጥሓሶምን ብግልፂ ኣይፍለጥን፡፡ ስለዚ ባዕሉ እቲ ዝተበደለ ሰብውን ዝተበደለ ምዃኑ ብዕሊ ዝፈልጠሉ ሕግን ኣግባብን ኣይነብሮን፤ ተበዲለ ኢሉኳ እንተዝሓስብ ጥርዓኑ ከቕርብ ዝኽእለሉ ኩነታት ኣይፍጠርን፡፡ ኮታስ ኣብ ስልጣን ደረት ብዘይምግባሩ ዝተፈላለዩ ኣካላትን ስራሕተኛታትን መንግስቲ ፍንው ብዝኾነ ኣገባብ ክሰርሑ ብምግባር ንምግሃስ መሰል ዜጋታት ምኽንያት ይኸውን፡፡ ንኣብነት ዝኾነ ሰብ ክቕፃዕ ዝኽእል ብዕሊ ዝተኸልከለ ተግባር እንተፍፅም፣ ሕጊ እንትጥሕስን ብግቡእ ክሲ ቀሪቡሉ ናብ ቤት ፍርዲ ቀሪቡ እንትፍረድ ጥራሕ እዩ፡፡ ይኹን እምበር እንድሕር ደረት ስልጣን ዘይሃልዩ ሓደ ሰብ ሕጊ ከይጠሓሰን ብግቡእ ክሲ ከይቀረበሉን ከይተፈረደን ብሰበስልጣናት ደረት ኣልቦ ትእዛዝ ክቕፃዕ ይኽእል እዩ፡፡ ናይዚ ዓይነት ኣሰራርሓ ምህላው ዜጋታት ፍትሒ ናይ ምርካብ መሰሎም ዝጥሕስ እንትኾን ውዒሉ ሓዲሩ ንሃገር'ውን ይጎድእ'ዩ፡፡ ስለዚ ደረት ስልጣን ክህሉ ኣዚዩ ኣድላዩ ጉዳዩ እዩ፡፡



## መልመዲ 5

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ደረት ስልጣን ብዘይምህላዉ ልዕልነት ሕጊ ንምርግጋፅ ዕንቅፋት ዝኾነሉ ምኽንያት ከመይ እዩ?
2. ደረት ስልጣን እንድሕር ዘይሃልዩ ክበፅሕ ዝኽእል ፀገም እንታይ እዩ?
3. ዜጋታት ምብዳሎምን ዘይምብዳሎምን ዝፈልጡሉ ኩነታት ዝፍጠር እንታይ ዓይነት ኣሰራርሓ እንትህሉ እዩ?

4. ኣብ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዓንቀፅ /12/ ዝተደንገገ /ዝተሓገገ ብምንባብ ስልጣን ንምድራት ዘለዎ ኣስተዋፅኦ እንታይ ከምዝኾነ ግለፁ

## 2.4. ምስጢር

### 2.4.1. ምስጢር ንምሕላው ክግበሩ ዝግብኦም ንቃቐታት

- ምስጢር ክሕሎ ከምዘለዎ ዝገልፁን በብኸባቢኡ ዝርከቡን ኣበሃህላታት'ዶ ኣለዉ? እስቲ እንተሊኦም ግለፁዎም፡፡
- ምስጢር ንምሕላው ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታት እንታይ እንታይ እዮም?

### ተዓረ

ኣይተ ተዓረ ሰራሕተኛ ሓደ ቤት ዕዮ እዮም፡፡ ሓንቲ ፀሓፊትን ሓደ ሰራሕተኛ ዕሬትን ተመዲቦሙሎም ይሰርሑ ኣለዉ፡፡ ኣብ እዋን ዕረፍቲ ንሻሂ ኢሎም እንትወፁ መብዛሕቱኡ ግዘ ቤት ፅሕፈቶም ኣይዓፁዉን፡፡ ከምኡ'ውን ብዛዕባ ሓደ ነገር ዘርቀቑሎም ወረቓቕቲ ከይቀዳዱ ናብ መእከቢ ጉሓፍ ምእታው እዮም ዘዘውትሩ፡፡ ፀሓፊቶም ኮምፒተራ ከየጥፈአት ምውፃእ እያ እተብዝሕ፡፡ ከምኡ'ውን ኮምፒተራ ካብ ደገ ዝመፁ መሓዙታ እዮም ዝጥቀሙሉ፡፡ እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብ ሓደ እዋን ኣይተ ተዓረ ንዝቑፀሩ ሓደሽቲ ሰራሕተኛታት ፈተና ከውፅኡ ይእዘዙ፤ ይኹን እምበር ኣብቲ ፈተና ትፅቢት ዘይተገበሩሉ ሰብ ሙሉእ ብሙሉእ ብምምላሱ እዚ ፈተና ወፂኡ ኣሎ ዝብል ጥርጣረ ተፈጢሩ፡፡



መልመዲ 6

ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ብመሰረት እቲ ምንባብ መልሲ ሃቡ፡፡

1. እዚ ፈተና ከመይ ክወፅእ ክኢሉ?
2. እዚ ፈተና ክስረቐሉ ዝኽእል ኩነታት እንተሊኡ እዚ ንኽይፍጠር እንታይ ጥንቃቐ ክግበር ከምዝነበሮ ብመልክዕ ፅብፃብ ፅሒፍኩም ኣቕርቡ፡፡

ምስጢር ዝኾኑ ጉዳያት ምስጢርነቶም እንድሕር ዘይተሓልዩ ኣብ ውልቀ ሰባት፣ ስድራቤትን ሃገርን ዓብይ ጉድኣት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብምኳኑ'ውን ምስጢር ንምሕላው ልዑል ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ፡፡ መብዛሕትኡ ግዜ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ምስጢር ዘባኽኑ ሰባት፣ እቲ ምስጢር ብምውፅኡ ምኽንያት እቲ ዝበፅሖ ጉድኣት እናረኣዩ ‹‹ንምንታይ ተዛረብኩ›› ‹‹መልሓሰይ እንተትቁረፅ እንታይ ነበሮ›› ብምባል ኣብ ከቢድ ጣዕሳ እንትወድቁ ይረኣዩ፡፡ ንምኳኑ ምስጢር ንምሕላው እንታይ ዓይነት ጥንቃቐ ክግበር ይግብኦ?

ምስጢር ንምሕላው ክግበሩ ካብ መንነ ዝግብኦም ጥንቃቐታት ቀዳማይ ተግባር ምስጢር ዝኾኑ ጉዳያት ፈሊኻ ምፍላጥ'ዩ፡፡ ሓድ ሓደ ግዜ ምስጢር ዝኾኑ ጉዳያት ፈሊኻ ካብ ዘይምፍላጥ ዝተበገሰ ምስጢራት ክወፁ /ክባኽኑ/ ይኽእሉ እዮም፡፡  ስለዝኾነ እውን እዩ ኣበየ ኣብያተ ዕይኡ ምስጢር ዝበሃሉ ጉዳያት ኣብ ደንቢ ስነ ምግባር ተዘርዚሮም ዝቕመጡ፡፡

ምስጢር ንምሕላው ፅቡቕ ስነ ምግባር የድሊ፡፡ ፅቡቕ ስነ ምግባር ዘለዎም ሰባት ምስጢር ኣየባኽኑን፡፡ እሙናት እዮም፡፡ ብግልባጡ ፅቡቕ ስነ ምግባር ዘይብሎም ሰባት ንውልቀ ረብሓኦም እንትብሉ ምስጢር ከባኽኑ ይኽእሉ እዮም፡፡ ስለዚ ምስጢር ንምሕላው ብፅቡቕ ስነ ምግባር ምህናፅ ኣድላዪ እዩ፡፡

ሓድ ሓዲኦም ድማ ብሸለልትነት ምስጢር ከባኽኑ ይረኣዩ፡፡ ንኣብነት ምስጢር ዘለዎ ቢሮ ከይዓፀኻ ብምኻድ፣ ምስጢር እናተፅሓፈሉ ዘሎ ኮምፒዩተር ከይዓፀኻ ምኻድ፣ ወይ ካልኦት ክሰርሑሉ ብምፍቃድ፣ ምስጢር ዝኾኑ ጉዳያት ንመሓዙቶም ብምክፋል፣ ዝነበሩዎ ቤት ዕዮ ድሕሪ ምልቃቕ ሓላፍነት ብዝጎደሎ ኩነታት ምስጢር ክባኽኑ ይረኣዩ፣ ብምኳኑውን ሸለልትነት ምውጋድ ምስጢር ንምሕላው ካብ ዝግበሩ ጥንቃቐታት እቲ ቀንዲ እዩ፡፡



## መልመዲ 7

**ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት ኣንቢብኩም መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ምስጢር ዝኾኑ ጉዳያት ኣብ ደንቢ ስነ ምግባር ምግላያም ምስጢር ንምሕላው ብኸመይ ይጠቕሙ? ተመያየጡሉ፡፡
2. ብፅቡቕ ስነ ምግባር ምህናፅ ንምሕላው ምስጢር ብኸመይ ይጠቅም?
3. ብምኽንያት ሸለልትነት ምስጢር ዝባኽነሎም ኩነታት ከመይ ምውጋድ ይከኣል?

### ዕዮ ጉጅለ፣

**ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት በብጉጅለ ኮይንኩም ብምስራሕ ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡**

1. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ምስጢር ዝበሃሉ ጉዳያት ኣየኖት እዮም? እዞም ምስጢራት ንምሕላው እንታይ ዓይነት ጥንቃቐ ክግበር ይግባእ?
2. ኣብ ከባቢኹም ካብ ዘለዉ ኣብያተ ዕዮ ሓዲኡ ብምምራፅ እንታይ እንታይ ጥንቃቐታት እናተገበሩ ከም ዝኾኑ ሓቲትኩም ብፅሑፍ ፀብፃብ ኣቅርቡ፡፡

### 2.4.2. ምስጢር ዘይምዕቃብ ኣብ ሃገር ዘስዕቦ ፀገም፣

- ምስጢር ብዘይምዕቃቡ ኣብ ሃገር እንታይ ዓይነት ጉድኣት ክበፅሕ ይኽእል?

ምስጢር ብዘይምዕቃቡ ኣብ ሃገር ብዙሓት ጉድኣታት ክስዕቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ዶባት ሃገር ዝሕለዉሉ ቁልፊ ዝኾኑ ምስጢራት ሸሊኾም ኣብ ኢድ ፀላኢ እንተኣትዮም ሃገር ብቐሊሉ ክትድፈር ትኽእል እያ፡፡ ነዚ'ውን እዩ ኣብ እዋን ኩናት ሃገራት ሰለልቶም ናብ መፃብእቶም ኣሸሊኾም ብምእታው ምስጢር ፈልፊሎም ንምፍላጥ ፃዕሪ ዝገብሩ፡፡

ብካልእ መዳይ ድማ ምስጢር ብዘይምዕቃቡ ምኽንያት ዓቐን ዘይብሉ ሃፍትን ንብረትን ሃገር ክባኽን፣ ክስረቕን ክበርስን ይኽእል፡፡ ንኣብነት ሓደ ጥቕብ ዝበለ ገንዘብ/ብር/ ብግዕዝይና ዝሰረቐ ሰብ ሓበሬታ ከምዝቐረበሉ እንድሕር ፈሊጡ ሃገሩ ሓዲጉ ክጠፍእ ይኽእል፡፡ ስለዚ መቕረቢ ሓበሬታ ኮነ ተቐባሊኡ እቲ ምስጢር ክዕቅቦ ይግባእ፡፡ ከምኡውን ብቤት ፍርድን ፖሊስን ዝተዓቀቡ ምስጢራት ብቐሊሉ ዝባኽኑ እንተኾይኖም ገበነኛታት ከምልጡ በዚ’ውን ዜጋታት ኣብ መንግስቶም እምነት ክስእኑ ይኽእሉ፡፡

ካብዚ ዝነቐለ ሃገር እንትትብዝበዝን እንትትበርስን ዜጋታት እንታይ ገደሽኒ ኢሎም ክሓልፉን ሃብቲ ሃገር ክባኽንን ይኽእል፡፡



## መልመዲ 8

### ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ምስጢር ብዘይምዕቃቡ ኣብ ሃገር እንታይ ዓይነት ፀገም ክስዕብ ይኽእል?
2. ሃገርና ክርኢ ዝመፀ ሓደ ወዲ ወፃኢ ዜጋ ብሃንደበት ተፋሊጠዮ፤ ዓዘር ቆዘር እናበልኩ ከዋግዖ ዝሰምዐ መሓዛይ ይኹርየለይ፤ ብዙሕ ምስጢር እኮ ነጊርካዮ፣ ግቡእ’ኮ ኣይኮነን ይብለኒ፣ ኣነ ድማ «ዜጋ ወፃኢ ሃገር ስለዝኾነ ዘስዕቦ ፀገም የለን ዝብል ሓሳብ ኣለኒ፣ ሓቀይ እየ እንታይ ፀገም ኣለዎ?» ኢለ ይምልሰሉ፡፡ ንስኹም’ከ እንታይ ትብሉ?

## ዕዮ ጉጅለ

1. ልዕል ኢሎም ካብ ዝቐረቡ ምስጢር ብዘይምሕላዉ ዝፍጠሩ ፀገማት ሓዲኡ መሪፅኩም ምስጢር ብዘይምዕቃቡ ማለት ምስጢር ብምውፅኡ ምኽንያት ኣብ ሃገር ክፍጠር ዝኽእል ፀገም መርምሩ እሞ በብ ጉጅለ ኮይንኹም ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

## 2.5. መከላኸሊ መንገድታት ግዕዝይና

### 2.5.1. ኣድላይነት ንግዕዝይና ዝከላኸሉ ዴሞክራሲያዊ ትካላት




*ስእሊ 2.2 ግዕዝይና ንምክልካል ትካላት ፀረ- ግዕዝይና ወሰንቲ እዮም*

- መፃወዲያን ድሙን እንታይ ዝዉክሉ ይመስለኩም?
- ኣብቲ ዝቐረበ ስእሊ ካርቱን ውክልና ምስልታት ምስገለፅኩም ግዕዝይና ኣብ ምክልኻል ዘለዎ ኣብነታዊነት ኣረድኡ፡፡

## መን ይኾ'ን ትኸክል?

ዑስማን «ብኣንፃር ምክልኻል ግዕዝይና ሓይሊ ፖሊስ እኹል'ዩ» ዝብል ቅዋም ዘለዎ እንትኾን ምሕረት ድማ ካብዚ ዝተፈለየ ቅዋም ኣለዋ፡፡ ሓዲኡ ነቲ ካልእ ንምእማን ዝገብሩዎ ምይይጥ ቀፂሉ ቀሪቡ ኣሎ፡-

**ምሕረት፡-** ገበን ግዕዝይና ካብቶም ልሙዳት ገበናት ዝተፈለየ ም'ኳኑ ትግንዘብ'ዶ?

**ዑስማን፡-** እንታይ ዝተፈለየ ግንዛበ ኣድለዮ? ገበን ገበን እዩ፡፡

**ምሕረት፡-** እዚ መን ክሒዱ? ገበን ግዕዝይና ምስ ካልኦት ገበናት እንትነፃፀር ግና ዝተፈላለዩ ባህሪያት ስለ ዘለዎ ዝተፈለየ ጠመተ የድልዮ፡፡

**ዑስማን፡-** ግርም ! እንታይ እዮም እዞም ባህሪያት እዚኣቶም?

**ምሕረት፡-** ገበን ግዕዝይና ብሜላ ኣፈፃፅምኡ መብዛሕትኡ ግዜ ስም ዒታውነትን ሃንደበታዊነትን ዝረኣየሉ ኣይኮነን፤ እኳደኣስ ብዝግባእ ተሓሲቡሉን ብጥንቃቐን ዝፍፀም ተግባር እዩ፡፡ ብም'ኳኑ'ውን ምስ ካልኦት ዝተለመዱ ገበናት እንትነፃፀር ሕልኸልኸን ጉድኣቱ'ውን ኣዝዩ ዝሽፍአን ክኾን ይገብሮ፡፡ ስለዚ እዚ ተግባር አዚ ንምክልኻል ዉዱብ ኣሰራርሓ'ዩ ዝጠልብ፡፡

**ምሕረት፡-** ካሊእ ክውስኸካ?

**ዑስማን፡-** እሺ፡ ቀፅሊ ክሰምዐኪ፡፡

**ምሕረት፡-** ምስዚ ብተወሳኪ ብገበን ግዕዝይና ዝጉዳእ ኩሉ ሕብረተሰብ እዩ፡፡ በቲ ገበን ተጎዲአ ኢሉ በዓል ዋና እቲ ጉዳይ እየ በሃሊ መብዛሕትኡ ግዘ ቀልጢፉ ኣይቐርብን፡፡ ብልሙዳት ገበናት ዝጉዳእ ግና ውልቀሰብ ወይ ስድራ ቤት ክኸውን ይኽእል፡፡ ተበዳሊ ውልቀሰብ ወይ ስድራ ቤት በደሉ ንኣካላት ፍትሒ እንተቕሪቡ ግና ፍፃመ እቲ ገበን ፍታሕ ክርከበሉ ይኽእል እዩ፡፡ ካልኦት ነጥብታት'ውን ምልዓል ይከኣል'ዩ፡፡

እሞ እዞም ነጥብታት ገበን ግዕዝይና ፍሉይ ኣይገብሩዎን'ዶ ትብል?

**ዑስማን፡-** እቲ ነገር ከምዚ እንተኾይኑማ ዝሃብክኒ መብርሂ ፅቡቕ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ሕዚ'ውን ዘለኒ ቅዋም ዘለውጠኒ ኣይኮነን፡፡

**ምሕረት፡-** ብዚኦምን ብኻልኦትን ጉዳያት ፍልይ ስለዝብል ሰብ ዋና እቲ ጉዳይ ኮይኖም ክከታተሉ ዝኽእሉ ትካላት ፀረ ግዕዝይና ምጥያሽ ኣድላይን ወሳንን እዩ ዝብል መርገፂ እዩ ዘለኒ ተረዲእኻለይ'ዶ?

**ዑስማን፡-** እዚ ሕዚ ዝነገርክኒ ነገር ናይ ባዕልኺ ኣረኣእያ ምዃኑ እየ ተረዲኣ ዘለኹ፡፡



## መልመዲ 9

### ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ምይይጥ መሰረት ብምግባር ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ?

1. ንስኹም'ከ ናይ መን ሓሳብ ቕኑዕ እዩ ትብሉ? ምኽንያት እናቕረብኩም ተመያየጡሉ፡፡

ንግዕዝይና ተሪርካ ብምውጋእን ካብ ስረ-መሰረቱ ብምውጋድን ካብ ግዕዝይና ዝፀረየ ሕብረተሰብ ምፍጣር ንፅባሕ ዘይበሃል ጉዳይ እዩ፡፡ ንግዕዝይና ተሪርካ ምቅላስን ምውጋድን ኣድላይ ዝኾነሉ ብዙሓት ምኽንያታት እንተሃለዉ እውን ስዒቦም ዘለዉ ብቐንድነት ተጠቀስቲ እዮም፡፡

ግዕዝይና ስርዓት ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን ዘናውፅ እዩ፡፡ ናብ ግዕዝይና ዘኣትው ሓይልታት፣ ስርዓት ኣሰራርሓ ግልፅነትን ተሓታትነትን ክህሉ ኣይደልዩን፡፡ ምኽንያቱ እውን ዘቃልዖምን ተሓተትቲ ዝገብሮምን ስለዝኾነ እዩ፡፡ስርዓት ግልፅነትን ተሓታትነትን እንድሕር ዘይሃልዩ ድማ ንልዕልነት ሕጊ ተገዛእነት ይጠፍእ፡፡ ልዕልነት ሕጊ እንድሕር ዘየለ መሰል ዜጋታት ብዘይ ኣግባብ ይገሃሱ፡፡ ብምኳኑ'ውን ግዕዝይና ንምክልኻል መስርሕ ስርዓት ግልፅነትን ተሓታትነትን ምህላው ኣማራፂ የብሉን፡፡

ግዕዝይና ልምዓት ሃገር ንድሕሪት ዝጎትት፣ ንምዕባለን ፅቡቕ መነባብሮን ህዝቢ ዝፃረር ገበን እዩ፡፡ እዚ ጠንቂ ምዕባለ ዝኾነ ገበን ግዕዝይና ብፍላይ ንህዝብታት ድኻ ሃገራት ኣዝዩ ዝጎድእ እዩ፡፡ ምኽንያቱ'ውን መንግስቲ ካብ ዜጋታት ኣዋህሊሉ ቀዳምነት ንዝወሃቦም ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ልምዓት ዘውዕሎ ገንዘብ ውሑዳት ስሱዓት ሰበስልጣናት ሰሪቖም ብምውሳድ ልምዓት ከይቀላጠፉ ስለዝገብሩ እዩ፡፡ ብምኳኑ'ውን ግዕዝይና ክንከላኸሎ ዝግባእ ሓላኺ ልምዓትን መነወሪ ገበንን እዩ፡፡

ገበን ግዕዝይና ሕልኽልኽን መብዛሕትኡ ብሰበ ስልጣናት ዝፍፀምን ብምኳኑ ገበኑ ካብ ካልኦት ገበናት ዝተፈለየ ይገብሮ፡፡ ብመንፅር እዚ ንግዕዝይና ኣዋጅ ብምውፃእን ደንብታት ብምቕራፅን ጥራሕ ምክልኻልን ምዕጋትን ኣይከኣልን፡፡ ስለዚ ሃገራትን መንግስታትን ነዚ ከቢድ ገበን ዝቃለሱሎም ትካላት የጣይሹ እዮም፡፡

ኣብ ሃገርና ግዕዝይና ንምክልኻል ኮሚሽናት ስነ-ምግባርን ፀረ-ግዕዝይናን ብፌዴራልን ክልላትን ብኣዋጅ ዝተጣየሹ ኣብያተ ዕዮ እዮም፡፡ እዞም ትካላት፣ ትምህርቲ ስነ ምግባር ብምሃብ፣ በብ ኣብያተ ዕይኡ ንግዕዝይና ዘቃልዑ ኣሰራርሓታት ብምስትኽኻል፣ ከምኡ'ውን ግዕዝይና ዝፍፅሙ ገበነኛታት ንፍርዲ ብምቕራብ ንግዕዝይና ይከላኸሉ፡፡




## መልመዲ 10

**ስዒቦም ቀሪቦም ዘለዉ ሕቶታት ኣንቢብኩም ተመያየጡሎም፡፡**

1. ግዕዝይና ጠንቂ ሰናይ ምምሕዳር ዝኸውን ከመይ ኢሉ እዩ?
2. ግዕዝይና ማሕለኻ ልምዓት ዝኸውን ከመይ ኢሉ እዩ?
3. ገበን ግዕዝይና ንምክልኻል ተሪር ቃልሲ ዘድልየሉ ንምንታይ እዩ?
4. ኣብ ሃገርና ግዕዝይና ንምክልኻል ዝተጣየሹ ትካላት ተግባራቶም እንታይ እንታይ እዩ?

## 2.5.2. ግደ ኣካላት ፍትሒ ኣብ ምክልኻል ግዕዝይና፣

ግዕዝይና



*ስእሊ 2.3.1 ግዕዝይና ንከላኽል*

ግዕዝይና



*ስእሊ 2.3.2 ግዕዝይና ብምውጋድ ፍትሒ ነዕስል*

- ሕድሕድ ስእሊ ዘተሓላልፎ መልእኽቲ ኣብርሁ፡፡
- ግዕዝይና ኣብ ምክልኻል ብፅሒት ኣካላት ፍትሒ ኣመልኪትኩም ኣብነታት እዞም ስእልታት ኣብርሁ፡፡

ከም ፖሊስ፣ ቤት ፍርዲ፣ ዓቃቢ ሕጊ ዝመሳሰሉ ኣካላት ፍትሒ ብመዳይ ምክልኻል ግዕዝይና ልዑል ሓላፍነት ዘለዎም ኣካላት እዮም። እዞም ኣካላት ፍትሒ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾኑ ሰባት /ገበነኛታት/ ተኸታቲሎም ብምቕፃዕን ብምስትኽኻልን ልዕልነት ሕጊ ንኸኽበር ቁልፊ ተራ ዝፃወቱ እዮም። ግዕዝይና'ውን ገበን ከም ምዃኑ መጠን ዝኾነ ይኹን ግዕዙይ ውልቀ ሰብ እዞም ኣካላት ፍትሒ ተኸታቲሎም ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት መስተኻኸሊ ስጉምቲ ይወስዱ።

ኣብ ሃገርና ግዕዝይና ገበን ምዃኑ ኣብ ሕጊ መቕፅዒ ገበን ተሓጊጉ እዩ። ብምዃኑ'ውን ከም ፖሊስ፣ ቤት ፍርድን ዓቃቢ ሕግን ዝበሉ ኣካላት ፍትሒ ገበነኛ ምሓዝ፣ ናብ ፍርዲ ምቕራብ ከምኡውን ብመሰረት ሕጊ ምቕፃዕ ዝኽእሉ ኣካላት እዮም።



መልመዲ 11

*ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ።*

1. ኣካላት ፍትሒ ዝበሃሉ ትካላት ከመይ ዝበሉ እዮም?
2. ኣካላት ፍትሒ ግዕዝይና ዝከላኸሉሎም መንገድታት እንታይ እንታይ ኢዮም?

## 2.5.3. ግደ ሕብረተሰብ ኣብ ምክልኻል ግዕዝይና

- ሕብረተሰብ ዘየሳተፈ ቃልሲ ፀረ-ግዕዝይና ዝድለ ውፅኢት ዘርክብ'ዶ ይመስለኩም?
- ሕብረተሰብ ኣብ ቃልሲ ፀረ-ግዕዝይና ከመይ እዩ ክሳተፍ ዝኽእል?




ነፃ መስመር ስልኪ



ግዕዝይና ንፀየፍ

*ስእሊ 2.4 ንግዕዝይና ምውጋእ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እዩ፡፡*

## ብመሰረት ኣብላዕሊ ዘቐረበ ስእሊ ሰዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

- ነፍስ ወከፍ ስእሊ ዘመሓላልፎ መልእኽቲ እንታይ ይመስለኩም?
- 988 ዝብል ቁፅሪ ናይ ምንታይ ይመሰለኩም? ረብሕኡ'ኸ እንታይ እዩ?
- ብመንፅር እቶም ስእልታት ዘመሓልፍዎ መልእኽቲ ግዕዝይና ንምቅላስ ብፅሒት ሕብረተሰብ እንታይ ክኾን ይግብኦ ትብሉ?

## ኣባዲ ሃቦ በሎ

ነባሪ ቁሽት ዓዲዳዕሮ ዝኾነ ኣባዲ ኣብ ሓደ ቤት ዕዮ ብብር ሓሙሽተ ምኢቲ ዓቃቢ ንብረት ኮይኑ ተቖፂሩ፡፡ ምስ ተቆፀረ ድማ ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ዓርሱ ካብ ምቕያር ሓሊፉ ዕጉማት ስድርኡ ምቕት ዘለዎ መነባብሮ ንኽነብሩ ገይሩ፡፡ ምንኣሱ ንዝኾነ ሓዉ ሚኒ ባስ መኪና ገዚኡሉ፡፡ ኣብ እዋን ዓመት በዓል ኣብ ቁሸቱ ንዘለዉ ድኻታትን ሰብ ፀጋ ዕድመን በጊዕን ደርሆን ይዕድገሎም፡፡ በዚ ምኽንያት ብጣዕሚ ተፈታዊ ኮይኑ፡፡ ንማሓዝቱ'ውን ሪኦምዎ ኣብ ዘይፈልጡ ሆቴል እናወሰደ የዘናግዖም ካብ ደቂ ቁሸቱ ከምኡ ፍትው የለን፡፡

እዚ ከምዚ እናሃለወ ሓድሓዲኦም እዚ ነገር ግዕዝይና ከይኮነ ኣይተርፍን፣ እዚ ሰብ ክንመኽሮ ኣለና እንትብሉ ካልኦቶም ድማ፤ ንኣካላት ፀረ ግዕዝይና ምጥቋም ኣለና ይብሉ፡፡ ኣብ ሳልሳይ ወገን ዘለዉ ድማ፣ ዝሰርሐ ይስራሕ ንከምዚ ዝበለ ሰናይ ዝገብር ቆልዓ ምምራቕ እምበር ምውቃስ ኣይግባእን በሃልቲ እዮም፡፡ እዚ ጉዳይ ብዝምልከት ንስኹም'ከ እንታይ ትብሉ?

## ዕዮ ጉጅለ፣

- ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ጉዳይ መሰረት ብምግባር በብጉጅለ ኮይንኩም ዓርስኹም ኣብ ናይ ኣባዲ ቦታ ኣቐምጡ እሞ ክትሰርሕዎ ዝግብኣኩም ብፅሑፍ ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

ግዕዝይና ስርዓት ዴሞክራሲ ዘናውፅ፣ ሰናይ ምምሕዳር ዘፍርስ፣ ፍትሒ ዘዛብዕን ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ምዕባለ ዝጎትትን ብምዃኑ ሕብረተሰብ ተሪሩ ክቃለሶ ዝግባእ ጉዳይ እዩ፡፡ ብመንፅር እዚ እቲ ሕብረተሰብ ተርኡ ክፃወት ይኽእል እዩ፡፡

ግዕዝይና ዝፍፅሙ ሰባት ፀጊሙዎም ዘይኮነስ ካብ ስሰዐ ዝነቐለ ቀልጢፍካ ንምህፍታም ብምድላይን ዝገበርን ስልጣንን ሓላፍነትን ጉልባብ ብምግባር ዝፍፅምን ዓብይ ገበን ምዃኑ ኩሉ ማሕበረ ሰብ ክግንዘብ ኣለዎ፡፡ ስለዚ ግዕዝይና ንሕብረተሰብ ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ቀንዲ ፀላኢኡ ምዃኑ ተገንዚቡ ንምውጋእ ቁርፀኛ ኮይኑ ክርከብ ይግባእ፡፡

ሕጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ዝርከቡ ረብሓታት ውሑዳት ይኹኑ ብዙሓት ግዕዝይና እዮም ኣሞ ዝኾነ ይኹን ዓይነት ረብሓ ህጋዊ ብዘይኮነ መንገዲ ንምርካብ ዘይምሕሳብ፣ እኳደኣስ እቲ ሕብረተሰብ ክፅየፎ ይግባእ፡፡

ግዕዝይና ጠንቂ ምዕባለ ዴሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን እዩ'ሞ ኣብ ተግባራት ግዕዝይና ዝተሳተፉ ሰባት ብሕጊ ክሕተቱ ኣብ ምግባር እቲ ሕብረተሰብ ዓብዪ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ከምኡ'ውን ንተግባራት ግዕዝይና ኣብ ዝኾነ ቦታን ግዘን ብምቅላስ ግዕዙያት ንኽቃልዑ ንዝምልከቶ ኣካል ምሕባር ካብ ሕብረተሰብ ዝሕሎ ተግባር እዩ፡፡

ኣብ እንኽዶም ኩሎም ቦታታት ንግዕዝይና ምኽንያት ይኾኑ ኣዮም ኢልና እንግምቶም ብልሹዋት ኣሰራርሓታት ክእረሙ ምሕባር ካብቲ ማሕበረሰብ ዝሕሎ ካሊእ ጉዳይ እዩ፡፡ ዝሓበራ'ያ ኣፃብዕትስ ኣርቃይ የፀንብዓ ከምዝበሃል ሕብረተሰብ እንተተሓባቢሩ ግዕዝይና ክዕገት ከምኡ'ውን ካብ ሱር መሰረቱ ክጠፍእ ዝኽእለሉ ኩነታት ስለዘሎ ግዕዝይና ከብቅዕ ይኽእል እዩ፡፡



## መልመዲ 12

### ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት በብጉጅለ ኮይንኩም ተመያየጡሎም፡፡

1. ኣብ ምክልኻል ግዕዝይና ግደ ሕብረተሰብ እንታይ ከምዝኾነ ተመያየጡሉ፡፡
2. "ግዕዝይና ክቋረፅ ምግባር ይከኣል" ወይ "ግዕዝይና ከብቅዕ ዘይኮነስ ክንኪ ምግባር ይከኣል" ኣብ ዝብሉ ክልተ ሓሳባት በብጉጅለ ተመያየጡሎም፡፡

# መጠቓለሊ

ሕገ መንግስቲ ፌዴራልን ሕገ መንግስቲ ክልላትን ህዝብታት መሪዖም ብዝለኣኹዎም ወከልቶም ዝፀደቑ ሰነዳት እዮም፡፡ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ኣብታ ሃገር ዘለዉ ህዝብታት መሪዖም ብዝለኣኽዎም ተወከልቲ ህዝቢ ተዘትዩሉ ዝፀደቐ እንትኾን ሕገ መንግስታት ክልላት'ውን በብክልሉ ዘለዉ ህዝብታት ብዝመረፁዎም ኣባላት ቤት ምኽሪ ክልል ተዘትዩሎም ዝፀደቑ ሰነዳት እዮም፡፡

ንምርግጋፅ ልዕልነት ሕጊ ፅቡቕ ስነ ምግባር ቁልፊ ከምምኳኑ መጠን ብደረጃ ሃገር ካብ ተምሃሮ ብዙሓት ፅቡቓት ስነምግባራት ትፅቢት ይግበር እዩ፡፡

ካብ መንነ እዚኣቶም ሓደ ሰብ እንትዛረብ ምድማፅ፣ ምክእኣል፣ ፍልልይ ብሰላማዊ መንገዲ ምፍታሕ፣ ፍቕሪ ሃገርን ዝመሳሰሉን ይርከብዎም፡፡

ምድራት ስልጣን ንምርግጋፅ ልዕልነት ሕጊ እወንታዊ ኣስተዋፅኦ ከም ዘለዎ ኩሉ፤ ደረት ስልጣን ዘይምህላው ድማ ልዕልነት ከይነብር ኣብ ምግባር ኣሉታዊ ብፅሒት ኣለዎ፡፡ ብፍላይ ደረት ስልጣን ዘይምህላው ኣብ ኣሰራርሓ ግልፅነትን ተሓታትነትን ከይህሉ ብምግባር ሓለፍቲ ካብ ክሊ ደረት ስልጣናቶም ወፂኦም ንኽሰርሑሉን መሰል ዜጋታት ክጥሕሱን ምኽንያት ክኾኑ ይኽእሉ፡፡ ምስጢር ዘይምዕቃብ ብደረጃ ሃገር ብዙሓት ፀገማት ስለ ዘስዕብ ምስጢር ንምዕቃብ ግቡእ ጥንቃቐ ምግባር ይግባእ፡፡ ካብ መንነ እቶም ዝወሰዱ ጥንቃቐታት ምስጢር ዝኾኑ ጉዳያት ፈሊኻ ምፍላጥን ብተኣማንነትን ብጥንቃቐን ምሕላውን እቶም ቐንድታት እዮም፡፡

ግዕዝይና ጠንቂ ልዕልነት ሕጊ እዩ፡፡ ግዕዝይና ሕብረተሰብ ተሪሩ ክቃለሶ ዝግባእ ገበን እንትኾን ብኻልእ መዳይይ'ውን ግዕዝይና ዝከላኸሉ ትካላት ፍትሒ የድልዩ እዮም፡፡ ኮሚሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ግዕዝይና ዝከላኸል ትካል እንትኾን ፖሊስ፣ ዓቃቢ ሕግን ዳያኑን ድማ ግዕዝይና ዝከላኸሉ ኣካላት ፍትሒ እዮም፡፡

እዞም ትካላትን ኣካላት ፍትሕን ጥራሕ ግዕዝይና ንምክልኻል እኹላት እዮም ምባል ኣይከኣልን፡፡ ብምኳኑ'ውን እቲ ሕብረተሰብ ንግዕዙያት ብምቅላዕን ብምግላልን ወዘተ... ናይ ገዛ ርእሱ ሃገራዊ ሓላፍነት ክዋፃእ ይግብኦ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ብምንባብ ነቲ ቅኑዕ ሓሳብ ዝሓዘ "ሓቂ" ነቲ ዘይቅኑዕ ሓሳብ ዝሓዘ ድማ "ጌጋ" ብምባል መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ግዕዝይና ንምኽልኻል ሓይሊ ፖሊስ ጥራሕ እኹል እዩ፡፡
2. ምስጢር ሃገር ዝሕሎ ብላዕለዎት ሰበ ስልጣናት ጥራሕ እዩ፡፡
3. ደረት ስልጣን ኣብ ዘይህልወሉ ግዘ ግልፅነት ኣይህሉን፡፡
4. ብብርኪ ቤት ትምህርቲ እምበር ብብርኪ ሃገር ካብ ተምሃራይ ዝሕሎ ስነ ምግባር የለን፡፡
5. ሕገ መንግስታት ፌዴራልን ክልላትን ብቕርፅን ትሕዝቶን ፍፁም ኣፈላላይ የብሎምን፡፡

II. *ካብዚ ቀፂሉ ኣብ ዓንዲ "ሀ" ዝቀረቡ ሓላፍነታት ኣብ ትሕቲ ዓንዲ "ለ" ምስዝተዘርዘሩ ኣካላት ኣዛምዱ፡፡*

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| 1. ምስፍሕፋሕ ትምህርቲ ስነምግባርን ፀረግዕዝይናን | ሀ. ዓቃቢ ሕጊ |
| 2. ገበነኛ ምትሓዝ፣ | ለ. ኮሚሽን ስነ-ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን |
| 3. ገበነኛ ብሕጊ መሰረት ምቕፃዕ፣ | ሐ. ቤት ፍርዲ |
| 4. መፅናዕቲ ስርዓት ኣሰራርሓ ምክያድን ንተግባራውነቱ ክትትል ምግባርን፣ | መ. ፖሊስ |
| 5. ገበነኛ ናብ ፍርዲ ምቕራብ፣ | |

III. *ትሕት ኢሎም ዘለዉ ባዶ ቦታታት ስዒቦም ካብ ዘለዉ ትኽክለኛ ኣምራት /ቓላት/ ወይ ሙሉእ ሓሳባት /ሓረጋት/ ምልኡ፡፡*

- ትካላት ፀረ ግዕዝይና
- ኮሚሽን ስነ ምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ፌዴራል
- ኮሚሽን ስነምግባርን ፀረ ግዕዝይናን ክልላት
- ሕገ መንግስቲ ክልላት

- ሕገ መንግስቲ ፌዴራል
- ልዕልነት ሕጊ
- ግዕዝይና
- ኣብያተ ፍርዲ

1. ብቤት ምኽሪ ክልል ዝፀድቕ__________________እዩ፡፡
2. __________________ግዕዝይና ዝከላኸሉ ኣካላት ፍትሒ እዮም፡፡
3. __________________ግዕዝይና ንምክልኻል ዝተጣየሸ ሃገራዊ ትካል እዩ፡፡
4. ኣካላት ፍትሒ ካብ ሕጊ ወፃኢ ዝኾኑ ሰባት ብምስትኽካልን ብምቕፃዕን __________________ ክቕበል ይገብሩ፡፡
5. __________________ገበን እዩ፡፡

*IV. ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት ካብቶም ዝቐርቡ መማረፅታት ነቲ ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡-*

1. ትኽክለኛ መፀውዒ ሕገ መንግሰቲ ፌዴራል ዝሓዘ ኣየንኡ እዩ?

   ሀ. ሕገ መንግስቲ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

   ለ. ሕገ መንግስቲ ዴሞክራሲያዊ ፌደራላዊ ኢትዮጵያ

   ሐ. ሕገ መንግስቲ ዴሞክራሲያዊ ፌዴራላዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

   መ. ሕገ መንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ

2. ትኽክለኛ ሓሳብ ዝሓዘ ኣየንኡ እዩ?

   ሀ. ሕገ መንግስቲ ክልላት ልዕሊ ኩሎም ሕግታት ሃገር እዮም፡፡

   ለ. ሕገ መንግስቲ ክልል ልዕሊ ኣብ ክሊ ክልሉ ዘለዉ ሕግታት እዩ፡

   ሐ. ሕገ መንግስቲ ክልል፣ ህዝብታት እዛ ሃገር መሪያም ብዝለኣኹዎም ተወከልቶም ኣቢሉ ዝፀደቐ እዩ፡፡

   መ. ሕገ መንግስቲ ክልል ሓለ ሓሊፉ ምስ ሕገ መንግስቲ ፌዴራል ክፃባእ ይኽእል እዩ፡፡

3. ረብሓ ምድራት ስልጣን ዘርኢ ኣየንኡ እዩ?

   ሀ. ምርግጋፅ ልዕልነት ሕጊ

   ለ. ምዕሳል ኣሰራርሓ ግልፅነትን ተሓታትነትን

   ሐ. ስርዓት ኣልቦነት ከይነግስ ንምግባር

   መ. ኩሎም መልሲ ይኾኑ እዮም፡፡

4. ካብ ዞም ስዒቦም ዘቐረቡ መከላኸሊ መንገዲ ግዕዝይና ዘይኾነ ኣየንኡ እዩ?

ሀ. ግዕዙያት፣ ምምዓድ ምእላይ

ለ. ንግዕዝይና ዘሳጥሑ ዝተበላሸዉ ኣሰራርሓታት ምስትኽኻል

ሐ. ዝጋዕዘዩ ንፍርዲ ምቕራብ

መ. ኩሎም መልሲ ይኾኑ እዮም።

*V. ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልስታት ሃቡ።*

1. ደረት ስልጣን ኣብ ዘይህልወሉ ግዘ ግልፅነትን ተሓታትነትን ኣይነብርን እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?
2. ንግዕዝይና ከሳጥሑ ካብ ዝኽእሉ ኣሰራርሓታት ሰለስተ ሓብሩ።
3. «ምስጢር ንምዕቃብ ክግበሩ ካብ ዝግብኦም ጥንቃቐታት እቲ ፈላሚ ምስጢር ዝኾኑ ጉዳያት ፈሊኻ ምፍላጥ እዩ።» እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ።

# ምዕራፍ ሰለስተ

## ማዕርነት

### ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ፡-

ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተማሂርኩም ምስ ፈፀምኩም፡-

- ኣብ ሕገመንግስቲ ፌዴራላዊ ዴሞክራሲያዊ ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ዝተደንገጉ መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ትፈልጡ፣
- መሰል ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ማዕረ ተጠቃምነትን ዘይምኽባር ዘስዕቦ ጉድኣት ትርድኡ፣
- ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕረ ምዃኖም ትፈልጡ፣
- መሰል ጉዱኣት ኣካላት ክኽበሩ ከምዘለዎም ትግንዘቡ፡፡

## 3.1. ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን መሰል ምምሕዳር ክባቢኦም

- መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ህዝብታት ኣብ ሃገርና ምኽባሩ እንታይ እንታይ ረብሓ ዝህብ ይመስለኩም?

ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት መሰላት ማዕርነት ህዝብታት ኣፍልጦ ተዋሂብዎም ይኽበሩ እዮም፡፡ ካብዚ ዝተበገሰ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ባዕሎም ብባዕሎም ምምሕዳር ምኽኣሎም ሓደ መግለፂ ስርዓት ዴሞክራሲ እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና በቲ ኣብ ህንፀት ዝርከብ ስርዓት ዴሞክራሲ መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክረጋገፁ ክኢሎም እዮም፡፡

ብምዃኑ'ውን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኣብ ኩሎም ብርክታት ምምሕዳር ክሳተፉን ሰብ ዋና ስልጣን መንግስቲ ክኾኑን ክኢሎም እዮም፡፡

እዚ ኣብ ምንቅስቓሳት ልምዓት ከባቢኦም ብዋንነት ስምዒት ክሳተፉ ኣኽኢልዎም እዩ፡፡ መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምርግጋፁ ስርዓት ዴሞክራሲ ዚያዳ ዘጠናኽር እንትኾን ኣብ ሞንጎ ዜጋታት'ውን ማዕርነት ክሰፍን ይገብር፡፡



## መልመዲ 1

ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. መሰላት ማዕርነት ህዝብታት ኣፍልጦ ምርካቦም ዝህብዎ ረብሓታት ግለፁ፡፡
2. መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ህዝብታት እንተዘይተኸቢሩ ዝስዕብ ጉድኣት እንታይ ክኾን ይኽእል፡፡

## 3.1.1. ኣድላይነት መሰል ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምልማዕ ከባቢኦምን ካብ ዘልምዕዎ ማዕረ ምጥቃምን





ስእሊ 3.1 ህዝብታት ብሓባር ዝጥቀሙሎም ዝተፈላለዩ ትካላት ልምዓት

- እቶም ስእልታት እንታይ የመልክቱ?
- በቢኸባቢኹም ዝርከቡ ትካላት ልምዓት ብምዝርዛር ግለፁ፡፡
- ኣብዞም ትካላት ወሃብቲ ግልጋሎት ልምዓት ህዝቢ ብኸመይ ኩነታት እናተጠቐመሎም ይርከብ?

## ሕቶ ልምዓት ህዝቢ ጣብያ፣

ኣይተ ወረስ ኣብ ዝነብሩሉ ጣቢያ ግልጋሎት ፅሩይ ዝስተማይ፣ መብራህትን ስልክን እኹል ብዝኾነ ኩነታት ንህዝቢ ኣይተባፅሓን፡፡ እቶም ዘለዉ ውሱናት ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት'ውን ንህዝቢ ዝባፅሖ ብኣድልዎን ግልፅነት ብዝጎደሎን ኣሰራርሓ እዩ፡፡ ካብዚ ዝነቐለ መብዛሕትኡ ህዝቢ ብዛዕባ'ቲ ዝበፅሖ ዝለዓለ በደል እናማረረ ይርከብ፡፡ ፈፃሚ ስራሕ እቲ ጣብያ እንተኾነ'ውን ብመሰረት እቲ ሕገ መንግስቲ ዘቐመጦ ግቡኡ ኣይተዋፀኣን፡፡ እቲ ህዝቢ ግን ኣብ ከይዲ እቲ ልምዓት ዘጋጠሙዎ ፀገማት ንምፍታሕን ርኡይ ተሳታፊ ንምዃንን ዝለዓለ ድሌት ኣለዎ፡፡

ብመሰረት እዚ ተወከልቲ ህዝቢ ፀገሞም ንኣካላት ምምሕዳር ብተደጋጋሚ ገሊፆም እዮም፡፡ እዞም ማሕበራዊ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት'ውን ብዓቕሚ ህዝቢ እቲ ጣቢያ ንምልማዕን ማዕረ ናይ ምጥቃምን ሕቶ ኣቕሪቦም እዮም፡፡ ይኹን እምበር ዘዕግብ ምላሽ ኣይረኸቡን፡፡ እኳደኣስ ሓለፍቲ እቲ ጣቢያ ንሕና ንዓኻትኩም እንውክል ስለዝኾና ይጠቅም እዩ እንብሎ ተቐቢልኩም ምፍፃምን ምጥቃምን ኣለኹም ብምባል ገሊፆሙሎም፡፡



### መልመዲ 2

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ኣይተ ወረስ ናይ ዝነብሩሉ ጣቢያ ሓለፍቲ ንሕቶ ልምዓት ህዝቢ ዝሃብዎ ምላሽ ኣግባብነት ኣለዎ'ዶ ትብሉ? ንምንታይ?
2. ህዝቢ ብቐፃሊ ፀገሙ ንምቕራፍ እንታይ ክገብር ኣሎዎ ትብሉ? ተመያየጡ፡፡
3. እቲ ህዝቢ ብዓቕሚ እቲ ጣብያን ብናይ ባዕሉ ደገፍን ብሓባር ንጠቐም ኢሉ ሕቶ ምቕራቡ ጌጋ ድዩ? ንምንታይ?
4. ኣብ ከባቢኹም ከምዚ ዝበለ ኩነታት ኣሎ'ዶ? እንተ ሃልዩ ንቕድሚት እንታይ ምስራሕን ምልዋጥን ትሓስቡ? ተመያየጡሉ፡፡

## 3.1.2. ክልላት ካብ ልምዓት ሃገር ማዕረ ተጠቀምቲ ንምግባር፣ ሰላም ንምዕሳልን ምዕባለ ንምቅልጣፍን፣

ምኽባር ማዕርነት ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ተሓታትነት ብዙሓን ስለዝረጋገፅ ዜጋታት ክልሎም ንምልማዕ ንኽልዓዓሉ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ኣለዎ፡፡

መሰላት ማዕርነት ህዝብታት እንተተረጊፆም ብሓባርን ብምክእኣልን ዝነብሩሉ ኩነታት ይፍጠር፡፡ እዚ እንትኾን ህዝብታት ካብ ሃብቲ ሃገሮም ኮነ ከባቢኦም ማዕረ ተረባሕቲ ምኻን ይኽእሉ፡፡ ካብ ልምዓት ማዕረ ተረባሕነት እንትህሉ ዜጋታት ድኽነትን ድሕረትን ንምውጋድ ብምሉእ ልቦም ብሓባር ይረባረቡ፡፡

ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ካብ ናይ ክልሎም ኮነ ካብ ሃፍትን ልምዓትን ሃገሮም ማዕረ ተረባሕቲ ምኻኖም ሓድነት ሃገር የጠናኽር እዩ፡፡

ንናይ ሓባር ምዕባለ ብሓባር ንምስራሕ ብዝበለፀ የለዓዕል ልምዓት'ውን የቀላጥፍ፡፡ ቅልጡፍ ልምዓት እንትረጋገፅውን ኣብ ክንዲ ኲናት ሰላም፣ ኣብ ክንዲ ምብትታን ሓድነት፣ ኣብ ክንዲ ድሕረት ምዕባለ ገሃድ ይኸውን፡፡



### መልመዲ 3

*ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ህዝብታት ካብ ልምዓት ከባቢኦም ማዕረ ተረባሕቲ ንኽኾኑ ካብቲ ማሕበረሰብ ኮነ ካባኹም እንታይ ትፅቢት ይግበር?
2. ንናይ ሓባር ምዕባለ ብሓባር ምስራሕ ዝህልዎ ረብሓታት ዘርዝሩ?
3. ማዕረ ተረባሕነት ኣብ ዘይብሉ ሃገር እንታይ ክፍጠር ይኽእል?

## 3.2. ማዕረ ተረባሕነት ብዘይምህላው ዝስዕብ ጉድኣት

- መሰል ማዕረ ተረባሕነት እንተ ዘይተኸቢሩ እንታይ ጉድኣት ክስዕብ ምዝኽእል ግለፁ፡፡

ብዴሞክራሲ ኣተሓሳስባን ስርዓትን፣ መሰል ብመሰልነቱ ክኽበር ኣለዎ፡፡ መሰል ብዘይምኽባሩ ኣብ መንጎ ዜጋታት ርክብ ኣፈላላያት ክነግስ ይገብር፡፡ እዚውን ኣብቲ ሕብረተሰብ ጎንፂ ንኽፍጠር ምኽንያት ይኸውን፡፡

በዚ ዓይነት ኩነታት መሰሉ ዘይተፈለጠሉን ዘይተኸበረሉን ህዝቢ መሰሉ ተጋሂሱ ክቕመጥ ስለዘይኽእል መሰሉ ንምኽባር ክቃለስ ይግደድ፡፡ ኩናት ክውላዕን ሰላም ክዝረግን ይኽእል፡፡ በዚ'ውን ምዕባለ ዘይኮነስ ጥፍኣት ክስዕብ ይኽእል፡፡

ብፍላይ ከማና ዝበሉ ብዙሓት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታት ኣብ ዘለውሉ ሃገር ማዕረ ተረባሕነት ህዝብታት እንተዘይተኸቢሩ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምህናፅ ኣይከኣልን፡፡ ብምኻኑ'ውን ንመሰል ህዝብታት ኣፍልጦ ምሃብን ምኽባርን ኩሉ ዓይነት መሰል ዜጋታት ምኽባር እዩ፡፡

ተደጋጊፍካ ንምዕባይን፣ እቲ ዕብየትውን ቀፃልነት ክህልዎ ንምግባር መሰላት ከይተሸራረፉ ክኽበሩ ኣለዎም፡፡ እዚውን መሰል ማዕርነትን ረብሓን ዜጋታት ንምኽባር ይጠቅም፡፡



### መልመዲ 4

**እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ተመያየጡሎም፡፡**

1. ብዘይ ማዕርነት ዴሞክራሲ፣ ብዘይ ዴሞክራሲ ሰላም፣ ብዘይ ሰላም ስራሕ፣ ብዘይ ስራሕ ልምዓት፣ ብዘይ ልምዓት ሃፍቲ ኣይርከብን፡፡ ዝብል ኣባሃህላ ትኽክል ድዩ? ተመያየጥሉ፡፡
2. ህዝብታት ንናይ ሓባር ልምዓትን ምዕባለን ብሓባር ንኽሓስቡ መሰል ማዕረ ተረባሕነት ዝህልዎ ረብሓ ኣብሪህኹም ኣረድኡ፡፡
3. ኣብ ሃገርና ዝተጠናኸረ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምህናፅ ካብ መንግስትን ነፍስወከፍ ዜጋን እንታይ ትፅቢት ይግበር?
4. መሰላት ማዕርነት ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ማዕረ ተረባሕነትን ዘይምቕባልን ዘይምኽባርን እንታይ እንታይ ፀገማት ከስዕብ ይኽእል?

## 3.3. ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን

### 3.3.1. ምኽባር ቋንቋታትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝህልዎ ረብሓ፡፡



*ስእሊ 3.2 ኢትዮጵያ ዝተፈላለዩ ህዝብታት ዝርከቡላ ሃገር*

- ካብቲ ስእሊ ዝተዓዘብክምዎ ንናይ ክፍሊ መሓዙትኩም ግለፁሎም፡፡

ካብ መግለፅታት መሰል ማዕርነት ህዝብታት ሓደ ቋንቋታት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ከምኡ'ውን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታት ወዘተ... ምኽባር እዩ፡፡ መግለፂ መንነት ህዝብታት ዝኾነ ቋንቋኦም፣ ካልኦት ባህላዊ መግለፅታት ወዘተ ሓደ ካብቲ ካሊእ ክንእስ ወይ ክበልፅ ዝኽእለሉ ዝኾነ ምኽንያት የለን፡፡ ኩሎም ከከም ባህሎም ብማዕርነት ንናይ ሓባር ዕላማ ተሓባቢሮም ምንባር ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚ'ውን ገሃድ ዝኸውን ኣብ መትከል ምክእኣልን ምትሕልላይን እንትምስረት ጥራሕ እዩ፡፡ ብመሰረት እዚ ኣብ ሃገርና ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታት ምህላዎም ከም ፀገም ዘይኮነስ ከም መግለፅታት ፅባቐ ስለዝኾኑ ከም ዕድል ቆፂርካ ምቕባሉ ግቡእ እዩ፡፡

ነፍስወከፍ ሰብ ብቋንቋኡ ክጥቀም፣ ብባህሉ ክኾርዕን ባህሉ ከማዕብልን ከምዝኽእል ኩሉ ብተመሳሳሊ ናይቲ ካሊእ ሰብ መሰል ምቕባልን ምኽባርን መግለፂ ስልጣነ እዩ፡፡ እዚ መሰልን ነፃነትን ኣብ ዝኸነ ይኹን ኩነታት ምድራት ኮነ ኣገዲድካ ምኽልካል ዘይከኣል እዩ፡፡ እዚ'ውን ኣብ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 27 ብግልፂ ሰፊሩ ይርከብ፡፡ ዝኾነ ሰብ ናይ ምሕሳብ፣ ናይ ሕሊናን ሃይማኖትን

ነፃነት ስለዘለዎ እቲ ሓደ ናይቲ ካልእ መሰል ኣኽቢሩ ናይ ባዕሉ መሰል'ውን ተግባራዊ ክገብር ትፅቢት ይግበረሉ፡፡

ዝኾነ ሰብ ሓዲኡ ላዕለዋይ እቲ ካሊእ ድማ ታሕተዋይ ከም ዝኾነ ገይሩ ክሓስብ የብሉን፡፡ ኩሎም ማዕረ እዮም፡፡ ብሓፈሻ ቋንቋን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ዜጋታት ብማዕርነት እንተዘይተኸቢሮም ኣድልዎ የስዕብ፡፡ ኩነታት ኣድልዎን መፅቀጥትን ድማ ኩሉ መዳያዊ መሰል ዜጋታት ዝጎድእ እዩ፡፡ ብምኳኑ'ውን መሰል ቋንቋን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ማዕረ ምኽባር ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን ንምስረታ ስጡም ሓድነትን ኣዚዩ ኣድላዪ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ዝኾነ ዜጋ ከምቲ ናይ ባዕሉ ባህላዊ መግለፅታት ክኽበሩሉ ዝደሊ ንሱውን ናይ ካልኦት ከኽብርን ንሓድነት ብፅንዓት ጠጠው ክብልን ኣለዎ፡፡



## መልመዲ 5

እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡

1. ቋንቋ ኮነ ካልእ ባህላዊ መግለፂ ብማዕረ ይከበር እንትበሃል እንታይ እንታይ ጉዳያት የጠቓልል?
2. ዝተፈላለዩ ቋንቋታት፣ ሃይማኖታትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ምህላዎም መግለፅታት ሓድነትና እዮም እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

## 3.4. ማዕርነት ፆታ

### 3.4.1. ማዕርነት ፆታ ዝህቦ ረብሓ

- ምኽባር ፆታዊ ማዕርነት እንታይ እንታይ ረብሓ ይርከቦ?

# ሓዱሽ ረቂቕ ሕጊ ስድራ ቤት

ሓደ ቤት ምኽሪ ክልል ሓዱሽ ሕጊ ስድራ ቤት ኣብ ምርቓቕ ይርከብ፡፡ ናይቲ ረቒቕ ሕጊ ዕላማ'ውን ሕጋዊ ወራሲ ንብረት ስድራቤት ዝምልከት እዩ፡፡ ብመሰረት እዚ ካብቲ ረቂቕ ሕጊ ዓንቀፃት ሓደ መሰል ውርሲ ተባዕትዮ ንዝኾኑ ጥራሕ ተፈፃምነት ክህልዎ ይውስን፡፡ መብዛሕትኦም ኣባላት ቤት ምኽሪ'ውን ናይ ከባቢኦም ባህላዊ ፀጋ ከምዝፈቅድ ብምቕባል ነቲ ረቂቕ ዓንቀፅ ደጊፎም ተኸራኺሮም፡፡

ፍልፍል፡- መስፋሕፍሒ ትምህርቲ ሰብኣዊ መሰል 1990 ዓ.ም



## መልመዲ 6

ሕገመንግስቲ ፌዴሪኢ ዓንቀፅ 35(7)"ደቂኣነስትዮ ንብረት ናይ ምውናን፣ምምሕዳር፣ ምቁፅፃር ምጥቃምን ምትሕልላፍን መሰል ኣለወን፡፡ ብፍላይ መሬት ናይ ምጥቃም፣ ምትሕልላፍ ምምሕዳርን ምቁፅፃርን ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ መሰል ኣለወን፡፡"

ብመሰረት እቲ ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ዓንቀፅ 35(7) መሰረት ንዝስዕብ ሕቶ መልሲ ሃቡ፣

ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ልዕል ኢሉ ዝተሓበረ ረቂቕ ሕገ መንግስቲ ተቀባልነት'ዶ ይህልዎ? ንምንታይ? ተመያየጥሉ፡፡

ማዕርነት ፆታ እንትበሃል ኣብ ዴሞክራሲያዊ መሰላት፤ ሰብኣዊ መሰላት ከምኡ'ውን ኣብ ቅድሚ ሕግን ኣብ ሕገ መንግስትን ኣፍልጦ ዝረኸቡ ካልኦት መሰላትን ኩሎም ደቂ ኣነስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ እየን ማለት'ዩ፡፡ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ማዕረ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ዝመሰለን ኣረኣእያ ምሓዝን ምስጓምን፣ ኣብ ሓዳርን ንብረትን ማዕረ ምውሳን፣ መሰል መራፅነትን ተመራፅነትን፣ ስብእነኦን ካብ ዘናእስ ድሑራትን ጎዳእትን ተግባራት ነፃ ናይ ምኳንን መሰላት ኣለዉወን፡፡

ማዕርነት ደቂ ኣነስትዮ እንተተኸቢሩ፣ ንምዕባለን ልምዓትን ሃገር ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዘይንእስ እጃመን ከበርክታ ይኽእላ እየን፡፡ በዚ ምኽንያት ቅልጡፍን

ዘላቕን ልምዓት ሃገር ዘተኣማምን ምግባር የኽእል፡፡ ካብ ህዝቢ ሃገርና ሓምሳ ምኢታዊ (50%) ማለት እተን ፍርቂ ደቂ ኣነስትዮ እየን፡፡ ብምዃ'ውን መሰል ኩሉ ዜጋ ዘኽብር ስርዓት ኣሎ ምባል ዝከኣል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ እንትኽበር ጥራሕ እዩ፡፡ መሰል ናይተን ፍርቂ ኣካል ማሕበረሰብ ዝኾና ወገናት ዘየረጋገፅ ስርዓት እንተሃልዩ እዚ ስርዓት ብዝኾነ ይኹን ዓይነት መንገዲ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ክኸውን ኣይኽእልን፡፡

ማዕርነት ደቂኣንስትዮ ብዘይምኽባሩ ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ነፂሉ ዝጎድእ ዘይኮነስ፣ ነቲ ማሕበረሰብ ብምሉኡ እዩ ዝጎድእ እዚ ዝኾነሉ ናይቲ ሕብረተሰብ ፍርቂ ዓቕሙ/ ክእለትን ኣቕምን ደቂ ኣንስትዮ/ ስለዝጉዳእን ዝባኽንን እዩ፡፡

ምኽባር መሰል ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዴሞክራሲ ዘለዎ ዓብዪ ቦታ ብምግንዛብ ጉዳይ ማዕርነት ፆታ ኣብ ሕገ መንግስቲ ዓቢዪ ቆላሕታ ተዋሂብዎ እዩ፡፡ ብመሰረት እዚ ኣብ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 35 ካብ ዝሰፈሩ መሰላት ደቂ ኣነስትዮ እዞም ዝስዕቡ ተጠቀስቲ እዮም፡፡

ሀ. ሕገ መንግስቲ ዘረጋገፆም ኩሎም መሰላትን ሓለዋታትን ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ ናይ ምጥቃም፣

ለ. ንብረት ምፍራይ፣ ምምሕዳር፣ ምቁፅፃር፣ ምጥቃምን ምትሕልላፍን

ሐ. ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ምውድዳርን ማዕረ ክፍሊት ምርካብን፣

መ. ኣብ መውስቦ ምስ ደቂተባዕትዮ ማዕረ መሰል ምርካብን፣ ሓዳር ኣብ ድሌት ጥራሕ ክምስረትን፣

ሠ. ንደቂ ኣነስትዮ ካብ ዘናእስን ዝጎድእን ድሑር ልምድን ተግባርን ነፃ ናይ ምዃን ወዘተ..መሰላት ኣለወን፡፡

ስለዝኾነውን ዝኾነ ዓይነት ኣታሒቱ ዝርእን መሰላተን ዝጎድእን ኩነታት እንትህሉ ጓል ኣነስተይቲ ወዲ ተባዕታይ ኢሎም ከይፈለዩ ምቅዋምን ምቅላስን ግቡእ እዩ ዝኸውን፡፡ ደቂ ኣንስትዮ ብማሕበር ናይ ምውዳብ መሰለን ብምጥቃም፣ ደቂ ተባዕትዮ እውን ኣብ ጎነን ጠጠው ኢሎም ደገፍ ብምግባር ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ዝፃረር ኣረኣእያን ተግባርን ብሓባር ክቃለሱ ትፅቢት ይግበርሎም፡፡

መሰል ማዕርነት ደቂ ኣነስትዮ ንምኽባር ደቂ ተባዕትዮ'ውን ሓላፍነት ኣለዎም፡፡



## መልመዲ 7

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያይጥኩም ኣብ ሓበራዊ መደምደምታ ብፅሑ፡፡*

1. መሰል ፆታዊ ማዕርነት እንትንብል እንታይ እንታይ ጉዳያት የካትት?
2. "መሰል ደቂ ኣነስትዮ ምኽባር ናይቲ ሕብረተሰብ መሰል ምኽባር እዩ፡፡" ዝበሃል ብመንፅር እንታይ እዩ?
3. "ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ክፍሊት" ዝብል ኣተሓሳስባ እንታይ የመልክት?
4. "ብዘይ ተሳትፎ ደቂ ኣነስትዮ ዝካየድ ምንቅስቓስ ልምዓት ብሓደ ኢድ ንምጥቓዕ ምፍታን እዩ፡፡" ዝብል ኣበሃህላ ትድግፍዎዶ ትነቕፍዎ? ንምንታይ?

## 3.5. ጉዱኣት ኣካል

### 3.5.1. ምኽባር መሰል ጉዱኣት ኣካል ዝህቦ ረብሓ



*ስእሊ 3.3 ጉድኣት ኣካል ግቡእ ሓገዝ እንተረኺቦም ውፅኢታዊ ዝኾኑ ተግባራት ክፍፅሙ ይኽእሉ፡፡*

- ከብቲ ስእሊ ዝተዓዘብኩሙዎም ንናይ ክፍሊ መሓዙትኩም ንገሩ፡፡
- ጉዱኣት ኣካል ምሉእ ኣካል ከምዘለዎም ሰባት ዝኾነ ተግባር ምፍፃም ዝኽእሉ'ዶ ይመስለኩም?

## ተምሃሪት መብሪሂት ምስ ኣይተ ዘካርያስ ዘካየደቶ ቃለ መሕትት

ተምሃሪት መብሪሂት፡- ነዚ ቃለ መሕትት ፈቓደኛ ስለዝኾኑ ካብ ልቢ ኣመስግን፡፡

ኣይተ ዘካርያስ፡- ኣነውን እዚ ዕድል ብምርካበይ ኣመስግን፡፡

ተምሃሪት መብሪሂት፡- ዝተወለዱሉ ቦታ ኣበይ እዩ? ኣተዓባብየኦም'ከ?

ኣይተ ዘካርያስ፡- ብናይቀደም ኣፀዋውዓ ወሎ ክፍለ ሃገር ዝበሃል ኣብ ዝነበረ ከተማ ደሴ እየ ተወሊደ፡፡ ኣተዓባብያይውን ኣብ ገዛይ ምስ ወለደይ፣ ክልተ ኣሕዋተይን ክልተ ኣሓተይን ኢየ ባፂሐ፡፡

ተምሃሪት መብርሂት፡- ሀዚ ናብ ዘለዉሉ ቦታ ከመይ ክመፁ ክኢሎም?

ኣይተ ዘካርያስ፡- ናብዚ ዝመፃእ'ኹሉ ብቆልዓይ ብሓንደበታዊ ሓደጋ መኪና ክልቲኡ እግረይ ምስ ሰኣንኩ ድሕሪ ቁርብ እዋን ተወሳ'ኺ ሕክምና ክረክብ ሰለዝነበረኒ እዩ፡፡ ልዕሊ ኩሉ ግና ስድራ ቤተይ ኮኑ ናይቲ ከባቢ ሕብረተሰብ ምስተጎዳእ'ኹ ዝነበሮም ኣረኣእያ ዝተዛብዐ ስለዝነበረ ዘፀግም ኩነታት ስለ ዘጋጠመኒ እዩ፡፡ ሰብ ከይሪአኒ ኣብ ገዛ ይሓብኡኒ ነይሮም፡፡

ተምሃሪት መብሪሂት፡- ናብዚ ቦታ ምስ መፁ እቲ ሕብረተሰብ ንጉድኣት ኣካል ዝነበሮ ኣመለኻኽታ ከመይ ነይሩ?

ኣይተ ዘካርያስ፡- ሓቂ ንምዝራብ ካብቲ ዝነበሩኩዎ ቦታ ዝሓሸ ኮይኑ ኣይረኸብኩዎን፡፡ ኣብ መብዛሕትኡ ከባቢ ተመሳሳሊ ይመስለኒ፡፡

መጀመርያ ዘፅገዐኒ ስኢነ ኣብ ደገሰላም ቤተክርስቲያንን ወሰን መንገድን እናደቀስኩ ኢየ ኣሕሊፈዮ፡፡

እዚ እንትብለኪ ግን ብግልባጡ ብዙሓት ሕያዎት ሰባት ይሓዝኑለይን ይሕግዙንን ከምዝነበሩ ክገልፅ እፈቱ፡፡

**ተምሃሪት መብሪሂት፡-** ኣብዚ ሕዚ እዋን እንታይ እዮም ዝሰርሑ?

**ኣይተ ዘካርያስ፡-** ሕዚ ጡረታ ወፂአ እየ፡፡ ቅድም ኢሉ ኣብ ሓደ ፋብሪካ ሹራብ፣ ኣብ ክፍሊ ፍሪያት ተመዲበ ንልዕሊ 30 ዓመታት ኣገልጊለ ኢየ፡፡ ኣብ ስራሕቲ ምንቅስቓስን ምፅጋንን ማሽናት ተዋፊረ'ውን ሰሪሐ እየ፡፡ ብሰርሐይ ድማ ኣዝዩ ዝለዓለ ዕግበት ረኺበ እየ፡፡ በዓል ሓዳርን ኣቦ ቆልዑትን እየ፡፡ መንበሪ ገዛይ ብምስርሐይ መነባብሮይ ፅቡቕ ኮይኑለይ እዩ፡፡ ብዓቕመይ እንተዘይፅዕርን ስራሕ ንዒቐ ልመና እንተዝመርፅን ነይረ እዚ ኩሉ ኣይረኸቦን ኣይሪኦን ነይረ፡፡

**ተምሃሪት መብሪሂት፡-** ንሶም ጉዱእ ኣካሎም ከየፀገመሎም ከብድቲ ስራሕቲ ከይተረፉ ብምስራሕ ውፅኢታዊ ኮይኖም እዮም እሞ ንኻልኦት እንታይ ይመኽሩ፡፡

**ኣይተ ዘካርያስ፡-** ኣነ ኣብ ስራሕ እንተቑፀር ስራሕ ከይነዓቕኩ ብውሑድ መሃያ እየ ጀሚረ፡፡
ካብ ምልማንን ኢድሰብ ምቁማትን ዝሐሸ ብምባል ዓርሰይ ኣእሚነ እየ፡፡
ስለዚ ጉዱእ ኣካል ማለት ስራሕ ዘይሰርሕ ለማንን ተመፅዋትን ማለት ኣይኮነን፡፡
እኳደኣስ ዓርሰ እምነት እንተኣሕዲሩ፣ኣተሓሳስብኡ እንተስተኻኺሉን ደገፍ እንተተገይሩሉን ንትውልዲ ዝጠቅም ዓብዩ ስራሕ ምስራሕ ይኽእል'ዩ፡፡
ንቕድሚት'ውን ኩነታት እናተመሓየሹ ክመፁ ስለዝኽእሉ ኣብ እንነብረሉ ከባቢ ኮይንና

ስራሕ ከይንዓቕና ናይ ዓቕምና ክንሰርሕ ኣለና፡፡

**ተምሃሪት መብሪሂት፡-** ኣብ ትርፊ ግዚኦም እንታይ እንታይ ይሰርሑ?

**ኣይተ ዘካርያስ፡-** ሕዚ'ውን እንተኾነ ኣነ ዝኽእሎ እሰርሕ እየ፡፡ ንኣብነት ሓምሊ ገደና እተክል፣ ደራሁ የፍሪ፣ ግዘ እንትረክብ መፃሕፍቲ ኣንብብ፣ ስፖርት ብፍላይ ኲዕሶ እግሪ ኣብ ስቴድየም ኣትየ እከታተል እየ፡፡

**ተምሃሪት መብሪሂት፡-** ኣመስግን፡፡

**ኣይተ ዘካርያስ፡-** ኣነውን ኣመስግን፡፡



## መልመዲ 8

*ብመሰረት እቲ ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ቃለ መሕትት ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ካብ ናይ ኣይተ ዘካርያስ ህይወት እንታይ ቁምነገር ተማሂርኩም? ንመሓዝትኩም ግለፁሎም፡፡
2. ኣይተ ዘካርያስ "ጉዱእ ኣካል ማለት ለማንን ተመፅዋትን ማለት ኣይኮነን" ብምባል እንትገልፁ እንታይ ማለቶም ከምዝኾነ ዝተገንዘብኩምዎ ተመያየጡ፡፡
3. ኣይተ ዘካርያስ ንጉድኣት ኣካል ዝተዳረጉ ብምንታይ ምኽንያት ነይሩ? ከምዚ ዝበለ ሓደጋ ንምንካይን ምትራፍን እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም?

ጉዱኣት ኣካል ከምኩሉ ምሉእ ኣካል ዘለዎ ሰብ ሰሪሖም ምንባር፣ ዓርሶም ምልዋጥ፣ ንልምዓትን ምዕባለን ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ ምግባር ይኽእሉ እዮም፡፡ በብእዋኑ ብርክት ዝበሉ ጉድኣት ኣካል ካብ መንፈስ ተፀባይነትን ተጠዋርነትን ተናጊፎም ብምስራሕ ንዓርሶምን ስድርኦምን ካብ ፀገም ብምንጋፍ ንካልኦት መርኣያ ክኾኑ ይረኣዩ እዮም፡፡ ስለዝኾነ'ውን ጉዱኣት ኣካል ሰብ

ኮይኖም ብምፍጣሮም ጥራሕ ሰብኣዊ መሰላቶም ብዝተማልአ መልክዑ ክኽበረሎም ይግባእ፡፡

መሰላት ጉዱኣት ኣካላት ብዝተማልአ መልክዑ ምኽባር ስምዒት ማዕርነትን ፍቕሪ ሃገሮምን የማዕብል፡፡ ስምዒት ማዕርነት ፍቕሪ ሃገሮም ንኽጉልብት ድማ ንልምዓት ሃገር ዘበርክትዎ ኣስተዋፅኦ ከዕብዩ የኽእሎም፡፡ ስለዚ'ውን ጉዱኣት ኣካል መሰላቶም ምኽባርን ክኽበር ምግባርን ናይ ኩሉ ዜጋ ሓላፍነት ክኸውን ይግባእ፡፡



መልመዲ 9

ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. መሰላት ጉዱኣት ኣካላት ብዝተማልአ መልክዑ ምኽባር ዘበርክቶም ረብሓታት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ንጉዱኣት ኣካል ዝግበሩ ክንክናት ብምልላይ ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡
3. ኣብ ከባቢኹም ኣብ ስራሕ ዝተዋፈሩ ጉዱኣት ኣካል ደሊኹም ብምርካብን ቃለ መሕትት ብምግባርን፡-
   ሀ. ኣብ እንታይ ዓይነት ስራሕ ከምዝተዋፈሩ
   ለ. ብዛዕባ ኩነታት ስድራ ቤቶም
   ሐ. ክግበሩሎም ብዛዕባ ዝግብኡ ድጋፋትን ክኽበሩሎም ዝግብኡ መሰላትን ሓፂር ፅሑፍ ብምድላው ኣብ ክፍልኹም ኣቕርቡ፡፡

## 3.6. መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ዘይምኽባር ዘስዕቦ ጉድኣት

### ሀ. ብደረጃ ውልቀ ሰብ

ሓደ ዜጋ ናይ ባዕሉ ሃይማኖት ከም ዘሕጉሶ ኩሉ፣ ኣቲ ካልእ'ውን ናይ ባዕሉ ሃይማኖት ዕግበት ከም ዝረኽበሉ ክፈልጥ ይግባእ፡፡ ናይ ካልእ ሃይማኖት ከይኣነኣስካ ብማዕረ ምርኣይ ካብ ነብስ ወከፍ ዜጋ ትፅቢት ዝግበር እዩ፡፡ ምስዚ ብተወሳኺ ናይ ባዕልኻ እምነት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ብሓይሊ ፅዕንቶ ንምፍጣር ምፍታን ግቡእ ዘይምዃኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡

ብምዃኑ'ውን ነብስ ወከፍ ዜጋ እዚ ተገንዚቡ መሰላት ካልኦት ምኽባርን ክኽበሩ ምግባርን ኣለዎ፡፡ ሓደ ዜጋ ናይ ባዕሉ ሃይማኖት ሒዙ ምስ ካልእ መሓዝኡ ወይ ጎረቤቱ ብሓድነትን ብሰላምን ምንባር ይኽእል፡፡ ኣፈላላይ ሃይማኖት ብባዕሉ ናብ ባእስን ዘይምቅድዳውን ዘምርሕ ጉዳይ ኣይኮነን፡፡ ኮይኑ ግና ሰዓቢ ሓዲኡ ሃይማኖት ንሰዓቢ እቲ ካሊእ ሃይማኖት እንተናእሰ፣ እንተዝንዕል፣ ኣታሒቱ እንተሪኢ ወዘተ... ዘይምርድዳእ ይፍጠር፡፡ እዚ'ውን ናብ ቅርሕንቲ፣ ጭቕጭቕን ባእስን ብምምራሕ ናይ ውልቀ ሰባት ሓቢርካ ናይ ምንባር ኩነታት ክፍርስ ይኽእል፡፡ ስለዝኾነ'ውን መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ዘይምኽባር ንውልቀ ሰባት'ውን ልዑል ጉድኣት ኣለዎ፡፡

## ለ. ብደረጃ ሃገር

ኣብ ሃገርና መንግስታዊ ሃይማኖት ዝበሃል ስለ ዝነበረ ኣብ ልዕሊ ካልኣት ሰዓብቲ ሃይማኖት ፀቕጢ ብምሕዳር ኣብታ ሃገር ማዕርነት ሃይማኖት ከይዓስል ዝገበረ ጉዳይ እዩ፡፡ ሽሕኳ ኣብ እዋን ደርጊ ሃይማኖትን መንግስትን ክፈላለዩ ተጌሩ እንተነበረ ብሕልፊ ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ካብ ዝፀድቕ እዋን ኣትሒዙ ግና ኣብ ኢትዮጵያ መንግስትን ሃይማኖትን ነናይ ባዕሎም ብፅሒት ስራሕ ሒዞም ክቕፅሉ ተገይሩ እዩ፡፡ እዚ ብዝምልከት ኣብቲ ሕገ መንግስቲ ዓንቀፅ 11 ከምዝተገለፀ፡-

1. መንግስትን ሃይማኖትን ዝተፈላለዩ እዮም፡፡
2. መንግስታዊ ሃይማኖት ዝበሃል ኣይህሉን፡፡
3. መንግስቲ ኣብ ጉዳይ ሃይማኖት ጣልቃ ኣይኣቱን፡፡ ሃይማኖት'ውን ኣብ ዋኒን መንግስቲ ጣልቃ ኣይኣቱን ብዝብል ተደንጊጉ እዩ፡፡

ሓዲኡ ዓይነት ሃይማኖት ዝተኸበረን ላዕለዋይን እቲ ካልእ ዓይነት ሃይማኖት ድማ ዝተንዓቐን ታሕተዋይን እንተኾይኑ፣ መሰል ዜጋታት ብዝተማልአ ኩነታት ተግባራዊ ይኸውን ምባል ኣይከኣልን፡፡ ምግፋፍ መሰል፣ ኣድልዎን መፅቀጥትን እንተሃሊዩ ድማ ዜጋታት መሰሎም ተገፊዖም ክነብሩ ስለዘይኽእሉ ንመሰሎም እንትብሉ ናብ ቃልሲ ይኣትዉ፡፡

በዚ'ውን ኩናት ሕድሕድ ይነግስ፣ ናይ ህዝብታት ሰላም ይዝረግ፡፡ ጎንፅን ኩናትን ኣብ ዘለዎ ሃገር ድማ ምዕባለን ልምዓትን ዘይሕሰብ ብምዃኑ ካብ ድኽነት ምንጋፍ ዘይከኣል ይኸውን፡፡ ስለዝኾነውን ዜጋታት ኣብ ህንፀት ምንቅስቓስ ዴሞክራሲን ልምዓትን ንፁር ተሳትፎ ንኽገብሩ ማዕርነት ሃይማኖት ክኸበር ይግበኦ፡፡



## መልመዲ 10

### እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡

1. መሰል ማዕርነት ሃይማኖት ዘይምኽባር ብደረጃ ሃገር ኮነ ውልቀ ሰብ እንታይ ጉድኣት የስዕብ?
2. መንግስትን ሃይማኖትን ሓዲኡ ኣብቲ ካልእ ጣልቃ ዘይምእታዉ እንታይ ረብሓ ይህብ?

## መጠቓለሊ

መሰላት ማዕርነት ኣፍልጦ ምርካቦምን ክኽበሩ ምኽኣሎምን ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምቅልጣፍ ቁልፊ ጉዳይ እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና ዝርከቡ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን መሰሎም ምኽባሩ ማዕርነቶም ንምርግጋፅ የኽእል፡፡ መሰላት ማዕርነት ምርግጋፆም ናይ ሓባር ቃልኪዳን መተሓዳደሪ ብዝኾነ ሕገ መንግስቲ መሰረት ሓበራዊ ሓድነት ፈጢሮም ብምክእኣል ንምንባር የኽእሎም። ገለገለ ፀገማትን ዘይምርድዳኣትን እንትፈጥሩ ብሰላም ንምፍታሕ ኣብ ልዕሊ ምኽኣሎም ኣብ ልምዓት ከባቢኦም ንጡፋት ተሳተፍቲ ክኾኑ ምችው ኩነታት ይፈጥር፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ቛንቋታት፣ ሃይማኖታትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ሓዲኡ ላዕለዋይ እቲ ካሊእ ታሕተዋይ ገይርካ ምርኣይ ዝተለመደ ነይሩ፡፡ እንተኾነ ግና ሕዚ ኣብቲ ኣብ ሃገርና ኣብ ምህናፅ ዘሎ ስርዓት ዴሞክራሲ እቶም ባህላዊ መግለፅታት መንነት ህዝብታት ሕገ መንግስታዊ ኣፍልጦ ረኺቦም እዮም፡፡ ዝኾነ ዜጋ ሃገርና ብቛንቋኡ ክጥቀምን ዝመሰሎ ሃይማኖት ክኽተልን መሰል ኣለዎ፡፡ ምስዚ ጎኒ ንጎኒ ናይ ካልኦት ቛንቋታት፣ ሃይማኖታትን ካልኦት ባህላዊ መግለፅታትን ብግቡእ ኩነታት ምኽባር ግቡእ ኩሉ ዜጋ እዩ፡፡ እዚ እንተኾን ተስፋ ልምዓትን ዕብየትን ህዝብና ብሩህ ይኸውን፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ፖለቲካዊ ስርዓታት ኢትዮጵያ ደቂ ኣንስትዮ ታሕተዎት ደቂ ተባዕትዮ ላዕለዎት ተገይሮም ይረኣዩ ነይሮም፡፡ እንተኾነ ግና እዚ ዴሞክራሲያዊ ዘይኮነ ኣድላውን ረጋፅን ኣረኣእያ ኣብዚ ሕዚ እናተመሓየሸ ኣብ ምኻድ ይርከብ፡፡ እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ንመሰል ኩሎም ወገናት ኣብ ሃገርና ኣፍልጦ ዝሃበ ዴሞክራሲያዊ ሕገመንግስቲ ፀዲቑ ኣብ ስራሕ ስለ ዝርከብ እዩ፡፡

ስለዝኸነ'ውን "ደቂ ኣንስትዮ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ማዕረ፣ ምሉእ፣ ክብርን መሰልን ኣለወን!" ዝብል ኣተሓሳስባ ግንዛበ እቲ ሕብረተሰብ እናኾነን እናሰፍሐን መጺኡ እዩ፡፡

ይኹን እምበር ሕዚ'ውን እንተኾነ መሰል ማዕርነት ደቂኣንስትዮ ብዝተማልአ መልክዑ ክኸበር ንምግባር ካብ ደቂ ኣንስትዮ፣ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ካብ ሕብረተሰብን መንግስትን ዝግበር ደገፍ ተጠናኺሩ ክቕፅል ይግብኦ፡፡

ወድሰብ ዘለዉዎ መሰላትን ነፃነትን ኩሉ ጉዱኣት ኣካልውን ኣለዎም፡፡ ስለዝኾነውን ሰብኣዊ መሰላቶምን ነፃነቶምን ብዝተማልአ መልክዑ ክኸበሩሎም ይግባእ፡፡ ሰብኣዊ መሰላቶምን ነፃነቶምን እንተ ተኸቢሮምሎም ጉዱኣት ኣካል ከምቲ ካልእ ሰብ ሰሪሖም ምንባር፣ መነባብረኦምን ዓርሶምን ምምሕያሽ፣ ንሃገር ልምዓትን ምዕባለን ልዑል ኣስተዋፅኦ ምግባር ይኽእሉ እዮም፡፡ እዚ ብምኳኑ ድማ ጉዱኣት ኣካል ብዝተማልአ መልክዑ መሰሎም ክኸበሩ ምግባር ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እዩ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ምምሕዳር፡- ህዝቢ ሓደ ከባቢ ዝውክል ወይ ዘመሓድር ኣካል

ፋይዳ፡- ኣስተዋፅኦ፣ ረብሓ

ተራ፡- ተግባር፣ ዕላማ፣ ግደ

ተመፅዋቲ፡- ተረዳኢ፣ ካብ ካልኦት ደላዩ (ተፀባዪ)

## መጠቃለሊ ሕቶታት

I. *ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት ብምንባብ ሐቂ ዝኸነ "ሓቂ" ጌጋ ዝኾነ ኸዓ "ጌጋ" ብምባል መልሲ ሃቡ፡፡*

1. መሰል ዓርሰ ምምሕዳር ብሄራት፣ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምኸባሩ መግለፂ ሓቀኛ ስርዓት ዴሞክራሲ እዩ፡፡
2. ህዝብታት ካብ ከባቢኦም ኮነ ካብ ልምዓት ሃገሮም ማዕረ ተረባሕቲ እንተ ዘይኮኑ'ውን ብሙሉእ ድሌት ምስ ካልኦት ብሓድነት ምንባር ይመርፁ፡፡
3. ኣብ ፌዴራላዊት ዴሞክራሲያዊት ሪፐብሊክ ኢትዮጵያ ጓል ኣንስተይቲ ሃፍቲ/ንብረት/ ምፍራይ፣ ወናኒት ምኳን፣ ምትሕልላፍን ምውራስን መሰል ኣለዋ፡፡

4. መሰል ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ብዘይ ምኽባሩ ዝጉድኣ ደቂ ኣነስትዮ ጥራሕ እየን፡፡
5. መሰል ጉጅለኣት ኣካል ብዝተማልአ መልክዑ ምኽባር ስምዒት ማዕርነትን ፍቕሪ ሃገርን ይንኪ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ንዝተዘርዘሩ ዝሰማዕማዕ ኣብ ትሕቲ "ለ" ካብ ዝተቐመጡ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| 1. ምምሕዳር | ሀ. ናይ ረብሓን ግቡእን ማዕረ ተኻፋላይነት ምህላው |
| 2. ማዕረ ተረባሕነት ዘይምህላው | ለ. ፅልኢትን ምርሕሓቕን ዝፈጥር |
| 3. ሰረታት ሓድነት | ሐ. ናይ ሓደ ከባቢ ህዝቢ ዝመርሕ ወይ ዘመሓድር |

III. *ስዒቦም ንዘለዉ ባዶ ቦታታት ትኽክለኛ ብዝኾነ ቃል ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ፌዴራላዊ ስርዓት ኢትዮጵያ __________ ብሄራዊ ክልላዊ ኣባል መንግስታት ኣለዎ፡፡
2. ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታት ፍልልይ፣ ሕብረትን ሓድነትን ንሃገርና __________ እዩ፡፡

IV. *ነዞምዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዓርሶም ብዓርሶም ብምምሕዳሮም ምስ ዝረኽብዎ ረብሓ ዘይካተት ኣየናይ እዩ?

ሀ. መሰል ናይ ባዕልኻ ዕድል ምውሳንን ናይ ባዕልኻ መንግስቲ ምስራትን
ለ. ላዕለዋይን ታሕተዋይን ተባሂሉ ምጭቋንን ፅልኢትን፣
ሐ. ብፍቓዶም ጥራሕ ከም ድሌቶም ዝደለዩዎ ምውሳን፣
መ. ሰላም፣ ልምዓትን ተኸባቢርካ ምንባርን

2. ካብ መንጎ እዞም ዝስዕቡ መሰል ማዕረ ተረባሕነት ብዘይ ምህላዩ ምኽንያት ዝፍጠር ፀገም እንታይ'ዩ?

   ሀ. ድኽነትን ድሕረትን
   
   ሐ. ምዝንጋዕ ምዕባለ
   
   ለ. ዕግርግርን ኲናትን
   
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

3. ቀፂሎም ካብ ዝቐረቡ ቅኑዕ ዘይኮነ ሙሉእ ሓሳብ መኒኡ እዩ?

   ሀ. መትከል ምክእኣልን ምትሕልላይን ህዝብታት ብማዕርነት ክነብሩ ዓብዪ ረብሓ ኣለዎ፡፡
   
   ለ. ማዕርነት ኣብ ዘይብሉ ሃገር ሰላምን ምዕባለን ክህሉ ኣይኽእልን፡፡
   
   ሐ. ዘተኣማምንን ዘላቒ ሓድነት ህዝብታት ንክመፅእ እንተ ተደልዩ መሰል ማዕረ ተጠቃምነትን ክኽበር ግድን እዩ፡፡
   
   መ. ሓደ ዓይነት ሃይማኖት ላዕለዋይ፣እቲ ካለእ ሃይማኖት ድማ ታሕተዋይ ዝብሃል ክህሉ የብሉን፡፡

4. መሰል ደቂ ኣንስትዮ ብዝምልከት ግጉይ ዝኾነ ሓሳብ ዝሓዘ ኣየንኡ እዩ?

   ሀ. ዝተመርዐወትን ዘይተመርዓወትን ጓል ኣንስተይቲ ማዕረ መሰል ኣለዋ፡፡
   
   ለ. ኣብ ሃገርና ደቂ ኣንስትዮ ፍርቂ እቲ ሕብረተሰብ ይኾና እየን፡፡
   
   ሐ. መሰል ማዕርነት ደቂ ኣነስትዮ ንምኽባር ደቂ ተባዕትዮ ሓላፍነት የብሎምን፡፡
   
   መ. መሰል ደቂ ኣንስትዮ ክኽበር ምግባር መሰል ሕብረተሰብ ምኽባር እዩ፡፡

5. መሰል ጉዱኣት ኣካል ምኽባር ዝህቦ ረብሓ፣

   ሀ. ኣብ ጉዱኣት ኣካል ዝበፅሕ ኣድልዎ ንምትራፍ ይሕግዝ
   
   ለ. ካብ ተረዳእነትን ተፀባይነትን ስምዒት ክላቐቑ ይገብር
   
   ሐ. ስምዒት ፍቕሪ ሃገርን ማዕርነትን ብምምዕባል ልምዓት ይቀላጠፍ
   
   መ. ኩሎም ትኽክል እዮም፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ኣብ ሕገመንግስቲ ፌዴሪኢ ዝተደንገጉ መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘርዝሩ፡፡
2. ያታዊ ማዕርነት እንታይ እንታይ ጉዳያት የካትት?
3. መሰል ጉዱኣት ኣካል ንኽኽበሩ ካባኹም እንታይ ትፅቢት ይግበር? ካብ ሕብረተሰብን መንግስትን'ከ?

# ምዕራፍ ኣርባዕተ
## ፍትሓውነት

**ዕላማታት ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ:-**

ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተምሂርኩም ምስ ፈፀምኩም:-

- ኣሰራርሓታት ምጉናይ ምውጋድ ከምዝግብኦም ትግንዘቡ፡፡
- ምጉዳል ፍትሒ ዘስዕቦም ፀገማት ትፈልጡ፡፡
- ኣሰራርሓ ኣካላት ፍትሒ ትርድኡ፡፡
- ኩሉ ዜጋ ፍትሓዊ ብዝኾነ ኩነታት ተጠቃሚ ማሕበራዊ ግልጋሎት ክኾን ከምዘለዎ ትግንዘቡ፡፡
- ብደረጃ ሃገር ረብሓ ግብሪ ትፈልጡ፡፡

## 4.1. ኣድላዊነት

### 4.1.1. ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ክዉገዱ ዝኽእሉሎም መንገድታት

- ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝፍፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ከመይ ምክልኻል ይከኣል?

**ጎልጎል ኣይናለም ንመን?**

ካብ ቀረባ እዋናት ንነዝ ነበርቲ ጎልጎል ኣይናለም ኣብ ከባቢኦም ብዝተጣየሸ ትካል ተደራራቢ ፀገም እናበፅሖም እዩ፡፡ ፀገሞም ንዝምልከቶም ኣካላት ፍትሒ እንተፍለጡ'ውን መፍትሒ ምርካብስ ይትረፍ ቆላሕ ዝበሎም ኣካል'ውን የለን፡፡ ኣብቶም ነበርቲ ዝበፅሐ ፀገም ቀንዲ ምኽንያት መሰረት ህይወት መነባብሮኦም ዝኾነ ጎልጎል ኣይናለም ኣብ ኢድ ውልቀሰብ ምእታዉ እዩ፡፡ ጎልጎል ኣይናለም ዱርቋ ዝዕፀደሉ፤ ዝስተ ማይ ዝቕደሐሉ፣ ፍሪያት ተኺሊ በብዓመቱ ዝእከበሉ ልሙዕ ቦታ እዩ፡፡

እቶም ነበርቲ ሕጋዊ ብዝኾነ መንገዲ ተወዲቦም ንምልማዕ ዘቕርቡዎ ተደጋጋሚ ሕቶ መልሲ ከይረኸበ ደንብን መምርሕን ብምጥሓስን ብምጉናይን በቲ ውልቀሰብ ምሕፃሩ ንብዙሓት ኣሕዚኑ እዩ፡፡ "ኣብ ልዕሊ ድኽነተን ምራኸን

ይሞተን” ከምዝበሃል ነሆም ነበርቲ ኣዚዩ ዘቑጠዐ ጉዳይ ቐስ ብቐስ ካብ መንበሪኦም ንምውፃእ ንምፍንቓል ኣብ ልዕሊኦም ውዲት ይፍፀም ከምዘሎ ምፍላጦም እዩ፡፡ ‹‹ኣነ ንሃገርን ህዝብን እንትብል እየ ገንዘብ ዘፍስስ ዘለኹ፣ ስለዚ ማንም ክዛረበኒ የብሉን›› ዝብሉ በዓል ሃብቲ ምስቲ ከባቢ ኣካላት ፍትሒ ብጥቕማጥቕሚ ከምዝተኣሳሰሩ ይዝረብ እዩ፡፡



## መልመዲ 1

**እቲ ፀገም ንምውጋድ ብዝተወሰኑ ነበርቲ ዝቐረቡ ኣማራፅታት ተመልኪትኩም ትሕት ኢሎም ንዝተዘርዘሩ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡**

**ኣይተ ገብሩ፡-**

‹‹ንሕና ፀገምና ኣብ ከባቢና ንዝርከቡ ኣካላት ፍትሒ እንተቕረብና’ውን መፍትሒ ክንረክብ ኣይከኣልናን፡፡ ንቕድሚት’ውን እቲ ጉዳይ ንላዕለዎት ኣካላት ፍትሒ እንተነመልከት’ውን ዝተፈለየ ውሳነ እንረክብ ኣይመሰለናን፡፡ ትርፉ ከንቱ ልፍዓትን ምንግልታዕን እዩ፡፡ ንሱ ከምዝበደለና ንሕናውን ንበቀሎ፡፡ ኣብ ባዕሉ ኮነ ኣብ ንብረቱ ድማ ጥቕዓት ንፈፅም፡፡ እንተገደደ ምእሳር እዩ፡፡››

**ኣይተ ሃፍቱ፡-**

‹‹ከምኡ ኣይኮነን እቲ ዝሕሸ ገንዘብ ኣዋፂዕና ንላዕለዋይ ኣካል ጉቦ ምሃብ’ዩ፡፡ ነዚ ዘመዓራርየልና ድማ ንድለ፡፡ እዚ ምግባር እንተዘይክኢልና ዓሪፍና ኮፍ ምባልን ንዝመፅእ ምፅባይን ይሕሽ፡፡››

**ወ/ሮ ብርሃን፡-**

ንግዚኡ እንተዘይተሳኸዐልና’ውን እቲ ፀገምና ንዝተፈላለዩ ኣካላት ፍትሒ እናፍለጥና ኢና፡፡ ሀዚ’ውን እንተኾነ ተስፋ ከይቆረፅና እቲ ፀገም ንላዕለዎት ኣካላት ፍትሒ ክነፍልጥ ኣለና፡፡ ነዚ እነጥፍእ ገንዘብ፣ ጉልበትን ግዘን ኸጣዕስና ኣይግባእን፡፡ እዚ እንተዘይ ገይርና ግና ፅባሕ ኣባና ኮነ ኣብ ካልኦት ካብዚ ዝኸፍአ በደል ክበፅሕ እዩ፡፡

## ኣይተ ሓለፎም፡-

‹‹ደሓን! እናበፅሐና ዘሎ ፀገም እቱ በዓል ሃፍቲ ብግልፂ ክርደአልና ንግበር፡፡ ሓደ ግዘ ተኣኻኺብና ንምዝርራብ ንፈትን፣ መቸም ሕሊና ኣለዎ አዩ፡፡ ካብዚ ንደሓር ብውልቂ ኮነ ብጉጅለ ብዛዕባ እንወስዶ ስጉምቲ ክንውስን ኢና፡፡››

### ኣብ ላዕሊ ካብ ዝሰፈሩ ኣማራፅታት፡-

1. ትኽክለኛ መንገዲ እዩ እትብሉዎ ኣየንኡ ይመስለኩም? ምኽንያትኩም ግለፁ፡፡
2. ትኽክል ዘይኮኑ ኣማራፅታት'ከ? ንምንታይ ትኽክል ከምዘይኮኑ መብርሂ ሃቡ፡፡
3. ኣየንኦም ኣማራፅታት ንሰላም፣ ንፍትሒ፣ ንሃፍትን ረብሓ ኣለዎም? ከመይ?

ኣብ ሕብረተሰብ ዝፍፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ንምክልኻል ዜጋታት ልዑል ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ በዚ መዳይ ሓለፍቲ ስራሕ፣ ሰራሕተኛታትን እቲ ሕብረተሰብ ብሓፈሻን ክዋፅኡዎም ካብ መንጎ ዝግብኡ ሓላፍነታት ውሽጢ እዞም ዝስዕቡ ተጠቀስቲ እዮም፡፡

## ሓላፍነታት ሓለፍቲ ስራሕን ሰራሕተኛታትን

- **ብሕጊ ጥራሕ ምስራሕ፡-** ሰብ ስልጣናትን ሰራሕተኛታትን መንግስቲ ሕጊ ዘኽብሩን ንሕጊ ዝግዝኡን ምኻን ኣለዎም፡፡ ዝተወሃቦም ስልጣን ንግልጋሎት ስርሖም ከውዕሉ ኣለዎም እምበር ካብ ደረት ስልጣኖም ወፃኢ ክጥቀሙ ኣይግብኦምን፡፡ ናይዚ ዓይነት ፍፃመታት ቀንዲ መበገሲታት ኣድላዊ ኣሰራርሓታት እዮም፡፡ ስለዚ ሓላፍነቶም እንትፍፅሙ ንሕግታት፣ ደንብታትን መምርሕታትን መሰረት ብዝገበረ መልክዑ ምኻን ኣለዎ፡፡ ካብዚ ብተወሳኺ ሰራሕተኛን ሓላፊ ስራሕን ሕጊ እንትጠሓስ እናረኣዩ ስቕ ኢሎም ክሓልፍዎ የብሎምን፡፡ ብዝተኸኣለ መጠን እቲ ፀገም ንዝምልከቶ ክፍሊ ከፍልጡ ኣለዎም፡፡

- **ስራሕ ብቕንዕናን ተኣማንነትን ምፍፃም፡-** መከላኸሊ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ካብ ዝኾኑ መንገድታት ቅንዕናን ተኣማንነትን ብቐዳምነት ተጠቀስቲ እዮም፡፡ ቅንዕና ብፅኑዕ ቅዋም፣ ብሓቅነት፣ ትኽክለኛ ብዝኾኑ ተግባራት ይግለፅ፡፡ ብመሰረት አዚ ሰራሕተኛታት ምሉእ ሓይሎም ንስራሕ ዘውዕሉ፣ ስርሖም ዝፈትው፣ ሓላፍቶም ብብቕዓትን ብፅፈትን ዝዋፅኡ ክኾኑ ይግባእ፡፡
- **ንዜጋታት ብማዕረ ዓይኒ ምርኣይ፡-** ምጉናይ ንምውጋድ ሰራሕተኛታት ተግባራዊ ክገብሩዎም ካብ ዝግብኡ መትከላት ሓደ ዜጋታት ብማዕረ ዓይኒ ምርኣይ እዩ፡፡ ንሰባት ብማዕረ ዓይኒ ምርኣይ ማለት ዘይምጉናይ ወይ ኣብ ሞንጎ ሰባት ፍልልይ ዘይምፍጣር ማለት እዩ፡፡



መልመዲ 2

ንዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. ሰራሕተኛታት መንግስቲ ነቲ ሕብረተሰብ ግቡእ ግልጋሎት ንምሃብ ክኽተሎዎም ይግብኡ ዝበሃሉ ፅቡቓት ባህርያት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ኣብ ዝርከቡ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ምስ ኣወሃህባ ግልጋሎት ብዝተተሓሓዘ ዝረኣዩ ፀገማት ንስድራኹም ሓቲትኩም ዘርዚርኩም ኣቕርቡ፡፡

## 4.2. ምጉዳል ፍትሒ

### 4.2.1. ምጉዳል ፍትሓውነት ኣብ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን ልምዓትን ዝህልዎ ኣሉታዊ ፅዕንቶ

- ብደረጃ ሃገር ምጉዳል ፍትሓውነት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም እትብሉዎም ፀገማት ዘርዝሩ፡፡

‹‹ጎልጎል ኣይናለም ፍትሒ ኣዛቢ= ህዝቢ’ውን ተጎዲኡ››

ኣብ ጎልጎል ኣይናለም ዝተርአየ ምዝባዕ ፍትሒ ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ፖለቲካውን ፀገማት ምስዓቡ ኣይተረፈን፡፡ ንኣብነት ዝአክል፣ ካብቲ ዝተዓደለ

ሜዳ ዝወፅእ ፈሳስን ጨናን ኣብ ምዝባዕን ጥዕና ሕብረተሰብ፣ እንስሳት ዘቤት ጉድኣት ኣብ ምብፃሕን ይርከብ፡፡ ካብዚ ንላዕሊ ውፅኢት ፍርያት እንስሳትን ተኽልታትን ኣዝዮም ብምንካዮም መሰረት መነባብሮ ነበርቲ ተዛቢዑ እዩ፡፡

ሕፅረት ፍርያት እንስሳትን ተኽልታትን ብምፍጣሩ ኣብ ምህርቲ ከባቢኦም ዓብዪ ናህሪ ዋጋ እናተርኣየ እዩ፡፡ ካብዚ ዝነቐለ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ኣካላት ሕብረተሰብ ኣደዳ እቲ ፀገም እናኾኑ እዮም፡፡ ብኣካላት ፍትሒ ዝስርሑ ዘለዉ ተግባራት ምጉናይ ንብዙሓት ኣሕዚኑ እዩ፡፡ ነበርቲ እቲ ከባቢ ኣብ ትካላት መንግስቲ ዘለዎም እምነት ኣዚዩ ነኺዩ እዩ፡፡ ከምቲ ቀደም ብትካላት መንግስቲ ዝመሓላለፉ መልእኽትታት ንምቕባል ኮነ ንምስማዕ ድሌት የብሎምን፡፡ ምኽባርን ተገዛእን ሕጊ ምኳን እናተዳኸመ እዩ፡፡ ሰላምን ፀጥታን ካብቲ ከባቢ ርሒቑ ይርከብ፡፡ ገለገሊኦም "ሕጊ ስለ ዘየሎ እንደልዮ ነገር ብጉልበት ክነኽብሮ ኢና" ክሳብ ምባል በፂሖም፡፡



መልመዲ 3

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ጎልጎል ኣይናለም ብዝተርኣዩ ኣድላዊ ኣሰራርሓት ምኽንያት ክፍጠሩ ይኽእሉ እዮም እትብልዎም ምጣነ ሃፍታዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ፀገማት ዘርዝሩ፡፡
2. እቶም ነበርቲ ፀገሞም ንላዕለዎት ኣካላት ኣቕሪቦም መፍትሒ እንተ ዘይረኺቦም እንታይ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም? እንታይ ዓይነት ጉድኣት'ከ ክፍጠር ይኽእል?

## ምጉዳል ፍትሒ እዞም ዝስዕቡ ፀገማት የስዕብ

**ኣብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት እምነት ምስኣን፡-** ንሕብረተሰብ ዝጎድኡ መብዛሕትኦም ጥሕሰት ሕግን ኣድላዊ ኣሰራርሓታትን ኣብ ውሽጢ ትካላት መንግስቲ እዮም ዝፍጠሩ፡፡ ኣብዚኦም ዝፍጠሩ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ቀንዲ ዓንዲ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንዝኾኑ ኣሰራርሓታት ፍትሓውነት፣ ልዕልነት

ሕግን ማዕርነትን የዳኽሙ እዮም፡፡ ብምኽንያት ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ዝፍፀሙ ጥሕሰት መሰላት ዜጋታት ኣብ መንግስቶም እምነት ከይህልዎም ይገብሩ፡፡ ካብዚ ዝነቐለ ህዝቢ ኣብቲ ስርዓት ጥርጣረ ክህልዎ ብምግባር ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ክለዓልን ዓመፅን ዕግርግርን ክሰፋሕፋሕ ምኽንያት ይኾኑ፡፡

ምጉዳል ፍትሒ ዜጋታት ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ብነፃን ብማዕረን ናይ ምስታፍ መሰሎም ስለ ዝቕየር ኣብ ልምዓትን ምዕባለን ዘስዕቦ ጉድኣት ዝኸፍአ እዩ፡፡

**ዜግነታዊ ግቡእኻ ንምፍፃም ድልዊ ዘይምኳን፡-** ምድኻም ፍትሓዊ ስርዓት ንምግፋሕ ተግባራት ምጉናይ መንቀሊ'ዩ፡፡ በዚ ዝተልዓለ ብዙሓት ሃገራት ናይ ኣብዝሓ ሕ/ሰብ እንተይኮነስ ናይ "ዝተመረፁ" ውሑዳት መንበሪ ጥራሕ ክምዝኾነት ተገይሩ ይውሰድ፡፡ እዚ ድማ ሰናይ ምምሕዳር ከይዓስል ይገብር፡፡ በዚ ዝተልዓለ ህዝብን ሃገርን ይጉዳእ፡፡



መልመዲ 4

ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ምጉዳል ፍትሓውነት የስዕቡዎም እዮም እትብሉዎም ፀገማት ዘርዝሩ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ካብ ዘለዉ ትካላት ዝለዓለ በደል ፍትሒ ይረኣዮ እዩ እትብልዎ ብምፍላይ ዘስዐቦም ፀገማት ሓብሩ፡፡ ንዞም ፀገማት መበገሲ ኣዮም እትብሉዎም ነጥብታት'ውን ዘርዝሩ፡፡

## 4.3. ኣካላት ፍትሒ

### 4.3.1. ኣሰራርሓ ኣካላት ፍትሒ





*ስእሊ 4.1 ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ምንጋስ ፍትሒ ልዑል ግደ የበርክቱ*

- ኣሰራርሓ ኣካላት ፍትሒ ከመይ ክኾን ኣለዎ ትብሉ?

ኣብያተ ፍርዲ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ናይ ምዕሳል ዓቢዩ ሓላፍነትን ስልጣንን ኣለዎም፡፡ ኣብያተ ፍርዲ ፍትሓዊ ኣሰራርሓታት ኣብ ምዕሳል ዝተወሃቦም ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ መሰረታዊ መትከላት እንትኽተሉ እዩ፡፡ ንሳቶም'ውን ነፃነት ዳይነትን ካብ ዝኾነ ወገን ኢድ ኣታውነት ነፃ ምዃንን ዝብሉ እዮም፡፡

**ነፃነት ዳይነት ኣብያተ ፍርዲ፡-** ኣብያተ ፍርዲ ውሳነ እንትህቡ ካብ ዝኾነ ይኹን ወገን ፅዕንቶ ነፃ ክኾኑ ይግባእ፡፡ ኣብ ኣሰራርሓ ኣብያተ ፍርዲ ዝኾነ ኣካል ጣልቃ ክኣቱ የብሉን፡፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ዳያኑ ካብ ሕጊ ወፃኢ ብካልእ መንገዲ ክምርሑ የብሎምን፡፡ ስለዚ ኣብ ዝኾነ ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ኣብያተ ፍርዲ ትካላዊ ነፃነቶም ዝተኸበረ ክኸውን ይግባእ፡፡ ኣብያተ ፍርዲ እዚ ዘረጋግፅ ኣሰራርሓ ዳይነት እንተ ተኸቲሎም ፍትሒ እቲ ስርዓት ዝተደላደለ ይኸውን ማለት እዩ፡፡

**ኣወሃህባ ፍትሒ ካብ ወገናውነት ዝፀረየ ክኾን ኣለዎ፡-** ኣብያተ ፍርዲ ኣብ ከይዲ ኣወሃህባ ፍትሒ ኣብ ሞንጎ ዜጋታት ኣፈላላይ ክርእዩ የብሎምን፡፡ ዝለዓለ በዓል ስልጣን ኮነ ተራ ዜጋ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ስለዝኾኑ እዚ ኣሰራርሓ ተግባራዊ ክገብሩ ይግባእ፡፡ ኣብያተ ፍርዲ ካብ ወገናውነት ፖለቲካ፣ ዓሌት፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት ምርሓቕ ኣለዎም፡፡ ውሳነ እንትህቡ'ውን ሕግን ደንብን

ከምኡ'ውን ሙያዊ ስነ ምግባርን መሰረት ገይሮም ክኸውን ኣለዎ፡፡

በዚ መዳይ ሕገ-መንግስቲ ፌዴራል ዓንቀፅ /79-ነፃነት ዳይነት ብዝምልከት ብዝስዕብ መልክዑ የብርሆ፡፡ ‹‹ኣብ ፌዴራል ኮነ ኣብ ክልላት ስልጣን ዳይነት ናይ ኣብያተ ፍርዲ ጥራሕ እዩ፡፡ ኣብ ዝኾነ ብርኪ ዝርከብ ኣካል ዳይነት ካብ ዝኾነ መንግስታዊ ኣካል፣ ካብ ዝኾነ በዓል ስልጣን ኮነ ካብ ዝኾነ ካልእ ኣካል ፅዕንቶ ነፃ እዩ፡፡ ዳያኑ ተግባር ዳይነቶም ብምሉእ ነፃነት ይፍፅሙ ብዜካ ብሕጊ ብኻልእ ኣይምርሑን፡፡››



## መልመዲ 5

**ኣብዞም ዝስዕቡ ኣሰራርሓታት ክልተ ኣብያተ ፍርዲ መሰረት ብምግባር ኣብ ታሕቲ ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡**

| ቤት ፍርዲ /ሀ/ | ቤት ፍርዲ /ለ/ |
|---|---|
| • ቅድሚ ውሳነ ካብ ዝተፈላለዩ ሙያተኛታት፣ ኣቦታት ሃይማኖት፣ ሓሳብ ይቕበል<br>• ኣድላዪ እንተኾይኑ ትእዛዝ ካብ ፖለቲካዊ መራሕቲ ይቕበል፡፡<br>• ፍርዲ ዝወሃብ ብሕብረተሰብ ብዝተመረፁ ዝተወሰኑ ዳያኑ ጥራሕ እዩ፡፡<br>• ዝተፈላለዩ ገበናት ብምኽእኣል መፍትሒ ይህብ፡፡<br>• ዜጋታት ንዝተውሃበ ውሳነ ክቕበሉ ይግደዱ እዮም፡፡ | • መምርሕን ደንብን ኣገናዚቡ ይሰርሕ፣<br>• በቲ ሙያ ብዝሰልጠኑ ዳያኑ ውሳነ ይወሃብ፡፡<br>• ኣሰራርሓታት ብመረዳእታን ምስክርን ይኸተል፡፡<br>• ይግበኣንን ጥርዓንን ይሰምዕ<br>• ብሕጊ ሃገር ገበን ተባሂሎም ዝተሓገጉ ተግባራት ብገበንነቶም መዚኑ ውሳነ ይህብ፡፡<br>• ኣብ ትሕቲ ቁፅፅር ሕጊ ንዘለዉ እቶም ፕረዚዳንት ሃገር ምሕረት ይገብሩ። |

1. ኣብ ኣየናይ ቤት ፍርዲ ኢዩ ነፃነት ዳይነት ዝረአ? ነፃነት ዳይነት ዘይረኣየሉ ቤት ፍርዲኸ? ከመይ እዩ?
2. ኣየናይ ቤት ፍርዲ'ዩ ንስርዓት ዴሞክራሲን ምዕባለ ሃገርን ጠቓሚ እዩ እትብልዎ?

## 4.3.2. ምርካብ ፍትሒ

- ኣሰራርሓ ኣካላት ፍትሒ ፍትሓዊ ንኽኾን ኣብ ምግባር ከይዲ፣ ዜጋታት እንታይ ዓይነት ግደ ክፍፅሙ ይግባእ ትብሉ?

ፍትሒ ክኸበር ኣብ ምግባር ብዋንዲ ሓላፍነት መንግስቲ ከምዝኾነ ይፍለጥ፡፡ በዚ መዳይ መንግስቲ ሕግታት የውፅእ፡፡ ኣካላት ፍትሒ የመሓውር፡፡ ዘድልዩ ሰብ ሙያ ይምድብ፡፡ ኣሰራርሕኦም ይከታተል፡፡

ኮይኑ ግና እዚ ኩሉ እንተተገበረውን ኣሰራርሓ ትካላት ፍትሒ ብንጡፍ ተሳትፎ ዜጋታት እንድሕር ዘይተሓጊዙ ውፅኢታዊ ኣይኽውንን፡፡ «ዜጋታት ኣብ ከይዲ ምኽባር ፍትሒ ዝህልዎም ተራ እንታይ እዩ?» ዝብል ሓሳብ ብዝግባእ ምምርማር የድሊ፡፡ ብሓፈሻ ዜጋታት ኣብ ከይዲ ምንጋስ ፍትሒ ካብ ዘወፍዩዎም ኣስተዋፅኦታት እዞም ዝስዕቡ ተጠቀስቲ እዮም፡፡

**ትኽክለኛ ዳይነት ንምርካብ ምቅላስ:-** ኣብ ስርዓት ዴሞክራሲ ኩሎም ትካላት ንህዝቢ ከገልግሉ ዝምስርቱ ኣካላት እዮም፡፡ ስለዚ ዜጋታት ኣብ ዝኾነ እዋንን ቦታን ዘጋጥሞም ጥሕሰት ፍትሒ ብስኽታ ዘይምርኣይ፣ መሰል እንትገሃስ ንዕድልካ ወይ ፈጣሪ ምምራር ዘይኮነስ፣ መሰል ዝገሃሰ ኣካል ኣሰራርሕኡ ንኽስተኻኽልን ግህሰት መሰል ንኽውገድን ምሙጓት፡ ምቅላስ፣ ከይሰልከኻ ደጋጊምካ ብምሕታት ሰላማዊ ፅዕንቶ ምግባር የድሊ፡፡ ንኣብነት ጥሕሰት መሰል ዝፈፀመ ኣካልን ተግባራቱን ብመራኸቢ ሓፋሽ ክዝረብ ምግባር ጥፍኣተኛ ንኽእረም ዘኽእል መንገዲ እዩ፡፡

**ፍትሒ እንትጓደል መሰል ብሕጊ ክኸበር ምግባር:-** ብናይ ባዕልኻ ተበግሶ መሰልካ ክኸበር ዝግበር ፃዕሪ እንተ ዘይተዓዊቱ ዜጋታት ዝተኸልከልዎ ወይ ዝበፅሖም በደል ብጉልበት፣ ብገንዘብ፣ ብዘመድ፣ ንምሕላው ምፍታን የብሎምን፡፡ ዝተዛብዐ ፍትሒ ንምስትኽኻል እቲ ዋኒን ንግቡእ ኣካል ፍትሒ ምፍላጥ፣ ጥርዓን ምቕራብ፣ ከምኡውን ናይ ይግበእኒ ፍትሓዊ ከይዲ ኣሰራርሓ ብኣግባቡ ምጥቃም እዩ ዘለዎም፡፡ ሕጋዊ መፍትሒ መእለሺ መንገዲ ኩሉ ግዘ ተመራፅን ውፅኢታውን ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡



መልመዲ 6

እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ንዘጋጥመኩም ጥሕሰት ሕጊ ክትወስድዎም እትኽእሉ ስጉምትታት ኣብርሁ፡፡
2. ኣብያተ ፍርዲ ካብ ፅዕንቶ ዝኾነ ይኹን ኣካል ነፃ ምዃኖም ዘለዎ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡
3. ነፃነት ዳይነት እንታይ ማለት'ዩ?

## 4.4. ማሕበራዊ ግልጋሎታት

### 4.4.1. ኣድላይነት ማሕበራዊ ግልጋሎታት

- ማሕበራዊ ግልጋሎታት ንህዝቢ እንታይ እንታይ ዓይነት ግልጋሎታት ይህቡ?

**ማሕበረሰብ ሞሞናን ማሕበራዊ ትካላትን**

ማሕበረሰብ ሞሞና ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ኣብ ከባቢኦም ክህነፁ ንዝተፈተኑ ትካላት ውሃብቲ ማሕበራዊ ግልጋሎት እንተዕንቅፉ ፀኒሖም እዮም፡፡ እቶም ዝነበሩ'ውን እንተኾነ ግቡእ ግልጋሎት እናሃቡ ኣይነብሩን፡፡ እቲ ማሕበረሰብ «ቤት ትምህርቲ ደቅና ከባዕልግ እዩ፣ ባህልና ከመራስሕ እዩ» ብዝብል ንማሕበራዊ ግልጋሎት ልዑል ፅልኣት ነይሩዎም እዩ፡፡

«ዘበናዊ ሕክምና ዘርእና ንምጥፋእ ዝግበር ውዲት (ተንኮል) እዩ ኢሎም ይኣምኑ ነይሮም፡፡ ፅርግያታትን ካልኦት መሰረተ ልምዓትን እንተ ተዘርጊሖም መነባብሮ ይኸብር፣ ባህሊ ምድግጋፍን ፍቕርን ይጥፍእ እዩ» ይብሉ'ውን ነይሮም፡፡ ካብዞም ኣረኣእያታት እዚኦም ዝተልዓለ እቲ ማሕበረሰብ ንነዊሕ ዓመታት ካብ ካልኦት ማሕበረ ሰባት ንደሕሪት ዝተረፉ እዮም ነይሮም፡፡

ድሕሪ ግዘ ግን ኣብ ካልኦት ከባብታት ብዝርአዩ ለውጥን ዕቤትን ክጣዓሱ ጀሚሮም፡፡ ካልኦት ጥዕነኦም ዝተሓለዉ፣ ደቆም እናተምሃሩ ኣብ ዝለዓለ ናይ ሓላፍነት ቦታታት እንትምደቡ፣ ንሳቶም ግና ብከቢድ ሕማም

እንትሳቐዩ፣ ደቆም ዘይተምሃሩን ኣብ ርቡሕ ናይ ሓላፍነት ቦታ ዘይምደቡን ምዃኖም እናሕፈሮም እዩ፡፡ ኣብ ከባቢኦም ግልጋሎታት ፅርጊያ፣ ማይ፣ መብራህቲ ወዘተ ዘይምንባሮም ካብ እዋን ናብ እዋን እናተሰመየም እዩ፡፡ ሎሚ ደቂ ሞሞና ኣብ ዞም ጉዳያት እናተዛተዩ እዮም፡፡ እንታይ ንምግባር ኮን ሓሲቦም ይኾኑ?



መልመዲ 7

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ማሕበራዊ ግልጋሎታት ማሕበረሰብ ንምዕባይ ዘለዎም ረብሓ ዘርዝሩ፡፡
2. ንምግፋሕ ማሕበራዊ ትካላት ዕንቅፋት ዝኾኑ ጉዳያት ዘርዝሩ፡፡

ጥዕና፣ ትምህርቲ ውፅኢት ግብርናን ካልኦት ተመሳሰልቲ ግልጋሎታትን ዝህቡ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ተባሂሎም ይፅውዑ፡፡ እዞም ትካላት ብመንግስቲ ወይ ብሕብረተሰብ ዝህነፁ እንትኾኑ ብነፃ ወይ ብትሑት ክፍሊት ነቲ ሕብረተሰብ ዘገልግሉ እዮም፡፡ ማሕበራዊ ትካላት ንምዕባለ ሕብረተሰብ መሰረታውን ኣገደስትን ጉዳያት ዘበርክቱ 'ዮም፡፡

ንኣብነት ትምህርቲ ንዜጋታት ካብ መሃይምነትን ድሕረትን ብምንጋፍ መሳርሒ ምዕባለ ዝኾነ ዝተምሃረ ዜጋ ንምፍራይ የኽእል፡፡ ከምኡ'ውን ትካላት ሕክምና እኹል ብዝኾነ ደረጃ እንትጋፍሑ ጥዑይን ኣፈራይን ዜጋ ምህናፅ ይከኣል፡፡

### 4.4.2. ማሕበራዊ ግልጋሎታት በዘይ ኣድልዎ ግልጋሎት ምሃቦም ዘለዎ ረብሓ

- ኣብ ከባቢኹም ዝርከቡ ማሕበራዊ ግልጋሎታት ነቲ ሕብረተሰብ ዝህብዎ ግልጋሎት በዘይ ኣዕድልዎ ድዩ?

# መሰረታዊ መትከል ኣወሃህባ ግልጋሎት

ሕብረተሰብ ሞሞና ኣድላይነትን ረብሓን ማሕበራዊ ግልጋሎታት ብዝግባእ ተረዲኦም ትካላት ንምህናፅ ኣብ ዝተፈላለየ ሓላፍነት ዝርከቡ ኣባላት እቲ ማሕበረሰብ ነቲ ሕብረተሰብ ናይ ምምሃርን ምእማንን ስራሕቲ እናሰርሑ እዮም፡፡ ብተወሳኺ'ውን እዞም ማሕበራዊ ግልጋሎታት ዝምርሑሉ ሕግን ደንብን ኣዳልዮም እቲ ሕብረተሰብ'ውን ክፈልጦም ገይሮም፡፡ ካብ መንጎ እቶም ደንብታት «እዞም ትካላት እቲ ሕብረተሰብ ብዘይ ዝኾነ ኣፈላላይ ብማዕረን በዘይ ኣድልዎን የተኣናግዱ» ዝብል ይርከቦም፡፡

ምስዚ ብተወሳኺ ኣብ ቀዳማይ ዙር ዝህነፁ ትካላት ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ዝሰፈረሉን መማእኸሊ ቦታን ክኾኑ ተወሲኑ፡፡ ቀስ ብቐስ ድማ እዞም ትካላት ኣብ ካልኦት ቦታታት ናይ ምብፃሕ ስራሕቲ ከም ዝሰርሑ ኣብ ስምምዕነት ተበፂሖ፡፡ ብግዝያውነት እውን ግቡእ ግልጋሎት ዝባፀሓሉ ሜላ ተሓንፂፁ፡፡ ኣብ መወዳእታ ቅልጡፍ መፍትሒ ዝጠልብ ሕቶ ተልዓለ፡፡ እዚውን ግልጋሎት ውሃብቲ ትካላት ናይ ምስራሕ ሓላፍነት ናይ መን እዩ? ዝብል ነይሩ፡፡



## መልመዲ 8

**ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ።**

1. ካብቲ ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ሓሳብ ፍትሓዊ ኣሰራርሓ ዝገልፁ ተግባራት ዘርዝሩ፡፡
2. ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣሰራርሓ እንታይ ረብሓ ከም ዘለዎ ዘርዝሩ፡፡
3. ማሕበራዊ ግልጋሎታት ብዘይኣድልዎ ንኹሉ ማዕረ ግልጋሎት ምሃቦም ዝህቦ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡

ዜጋታት ግቡእ ግልጋሎት ክረኽቡ ዝኽእሉ ኣብተን ትካላት ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣሰራርሓ እንትዓስል እዩ፡፡ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣወሃህባ ግልጋሎት መግለፂ ስርዓት ዴሞክራሲ ዝኾነ መሰል ማዕርነት የረጋግፅ፡፡ በዚውን ዋንነትን ተገዳስነት መንፈስ ዜጋታት የራጉድ፡፡ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣሰራርሓ መንግስትን ህዝብን ብምቅርራብ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት የማዕብል።

### 4.4.3. ኣብ ምብፃሕ ማሕበራዊ ግልጋሎት ግደ መንግስትን ሕብረተሰብን

- ማሕበረዊ ግልጋሎት ኣብ ምብፃሕ ግደ መንግስትን ሕብረተሰብን እንታይ እዩ ትብሉ?

## ዝሓበራያ ኣፃብዕትስ ኣርቃይ የፀምብዓ

ማሕበረሰብ ሞሞና ኣብ ምግፋሕ ማሕበራዊ ትካላት ሓላፍነት ናይ መን ክኾን ኣለዎ ኣብ ዝብል ሓሳብ ናብ ዘይምርድዳእ ምእታዎም ኣይተረፈን፡፡ ሓድሓዲኦም "ሓላፍነት ምግፋሕ እዞም ትካላት ናይ መንግስቲ ክኸውን ኣለዎ፡፡ መንግስቲ ክሳብ ሕዚ እዚ እዩ ዝበሃል ሰራሕቲ ስለ ዘይሰርሐ እቲ ሓላፍነት ክወስዶ ይግባእ" ዝብል ሓሳብ ኣለዎም፡፡

ብካሊእ መዳይ ድማ ‹‹መንግስቲ ግልጋሎታት ናይ ምብፃሕ ልዑል ሓላፍነት ከምዘለዎ ይፈልጥ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ንሕናዉን ብገንዘብ፣ ብጉልበትን ንዋትን ድጋፍ ኣብ ምግባር ንጡፍ ተሳትፎ ክንገብር ኣለና፡፡›› ዝብል ሓሳብ ድጋፍ ኣብዝሓ ረኺቡ። ነቲ ስራሕ ናይ መተኣኻኸቢ ፕሮግራማት ንምድላው ተስማዕምዑ፡፡ ነዚ ዘተሓባብር ኮሚቴ'ውን ተመሓወረ፡፡ በዚውን ብናይ ሓባር ምትሕግጋዝን ምትሕብባርን ኣብ ውሽጢ ዉሑዳት ዓመታት በብከባቢኡ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ክሊኒካት ተሃነፁ። ፅርጊያ፣ መስመራት መብራህትን ስልክን ተዘርግሑ። እቲ ሕብረተሰብ'ውን ካብቶም ትካላት ግቡእ ግልጋሎታት ንምርካብ ከኣለ። ዝተመሓየሸ ህይወት ንምንባር ረብሓ ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ብዝግባእ ተረደአ፡፡



**መልመዲ 9**

*እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብቲ ምንባብ ካብ ዝተሓበሩ ክልተ ኣረኣእያታት ኣየንኡ ትድግፉ? ንምንታይ?
2. ኣብ ህንፀት ማሕበራዊ ግልጋሎት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ዘለዎ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡

ንምግፋሕ ማሕበራዊ ግልጋሎት ዝለዓለ ሓላፍነት ካብ ዝለዎም ኣካላት ቅድሚት ዝስራዕ መንግስቲ እዩ፡፡ መንግስቲ ንዋታውን መንፈሳውን ድሌት ዜጋታት ናይ ምምላእ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ኮይኑ ግን መንግስቲ ብሕቱ እዚኦም ኩሎም ስራሕቲ ከጋፍሕን ክሃንፅን ኣይኽእልን፡፡ ምንቅስቓስ መንግስቲ ብንጡፍ ተሳትፎ ሕብረተሰብ ክሕገዝ ኣለዎ፡፡ ስለዚ እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ምግፋሕ ትካላት ብውልቀ ኮነ ብሓባር ብጉልበት፣ ብገንዘብ፣ ወዘተ… ደገፍ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

## ዕዮ ጉጅለ

ኣብ ከባቢና ኣብ ዝረኣዩ ማሕበራዊ ግልጋሎታት ትዕዝብቲ ብምግባር ኣብዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ንክፍልኹም ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

ሀ. ኣድለይቲ እዮም እትብልዎም ትካላት ግልጋሎት፣

ለ. ኣብቲ ስራሕ ክሳተፉ ዝኽእሉ ኣካላት፣

ሐ. ክፍፀምዎም ዝኽእሉ ተግባራት፣

## 4.5. ግብሪ

- ግብሪ ኣብ ዕቤት ምጣነ ሃፍቲ ሃገር ዘበርክቶ ኣስተዋፅኦ እንታይ እዩ?

## ፕሮግራም ምይይጥ ቤት ት/ቲ ሓየሎም ክለብ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን

ቤት ትምህርቲ ሓየሎም ክለብ ስነ-ዜጋን ስነ-ምግባርን ካብ ዝፍፀምዎም ተግባራት ኣብ ዙርያ ዝተፈላለዩ ርእስታት ምድላው ፕሮግራማት ምይይጥ እቲ ሓደ እዩ፡፡ ናይ ሎሚ ፕሮግራም ምይይጥ ኣብ ልምዓት ግብርና፣ ፌዴራል መንግስትን ክልላትን ኣብ ስልጣንን ኽፍፍልን ግብሪ ይኸውን፡፡ ተምሃሮ 8ይ ክፍልን ማሕበረ ሰብ እቲ ቤት ትምህርትን ተሳተፍቲ እቲ ፕሮግራም ነይሮም። ኣብዞም ሓሳባት መብርሂ ክህቡ ብዝተዓደሙ ሓለፍትን ሰብ ሙያን መብርህታት ከምዝስዕብ ቀሪቦም፡-

## ‹‹ግብርን ኢንቨስትመንትን ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፅ›› (ክፋል-ሓደ)

- ‹‹ግብሪ ኣብ ከይዲ ምግፋሕ ኢንቨስትመንት ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ የበርክት፡፡ እዚውን መንግስቲ ካብ ግብሪ ብዝረኽቦ እቶት መሰረተ ልምዓት የስፋሕፍሕ እዩ፡፡ ማለት'ውን ፅርጊያታትን መብራህትን ይዝርግሕ፣ ድልድላት፣ ናይ ማይን መፈልፈሊ ሓይልን ወዘተ... ይሃንፅ። እዞም መሰረተ ልምዓታት ብዝተጋፍሐ መጠን ኩነታት ስለ ዝመቻቸውሎም ናይ ውሽጢ ዓዲ ኮኑ ናይ ወፃኢ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ኢንቨስትመንትታት ይዋፈሩ፡፡ ብካልእ መዳይ ኢንቨስትመንት እንትጋፋሕ፣ ፍልፍል ግብሪ ብኡ መጠን ይዓቢ፡፡ ስለዚ ግብርን ኢንቨስትመንትን ተደጋገፍቲ ስራሕቲ እዮም ማለት'ዩ፡፡››



መልመዲ 10

*ኣብ ዞምዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ምግፋሕ ኢንቨስትመንት ንምዕባለ ግብሪ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?
2. ምግፋሕ ኢንቨስትመንት ንምዕባለ ሃገር እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

## ‹‹ግብሪ ኣብ ክልላት ፍትሓዊ ዕቤት ዘለዎ ብፅሒት›› ክፍል ክልተ፡-

ኣብ መሰረት ኣመሓውራ ፌዴራላዊ መንግስቲ ክልላት ዘለወን መጠን ሃፍትን ፍልፍል ግብርን፣ ተመሳሰልቲ ዘይክኾኑ ይኽእሉ፡፡ እንተኾነ ግና ኩሎም ኣብ ሓደ ብናይ ሓባር ሕገ መንግስቲ ዝመሓደሩ ኣካላት እዮም፡፡ ልዕሊ ኹሉ ኣብ ኩሎም ክልላት ዝነብሩ ህዝብታት ዜጋታት ሓደ ሃገር እዮም፡፡

ዜጋታት ድማ ኣብ ሃገሮም ዝርከቡ ሃፍትታት ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ናይ ምጥቃም ወይ ናይ ምክፋል መሰል ኣለዎም፡፡ ኣብ ሞንጎ ክልላት ዝረአ ኣፈላላይ ብመጠን እቶት ግብሪ ጥራሕ ዘይኮነስ ብደረጃ ልምዓትውን እዩ፡፡ ብፍላይ ካብ ማእኸል ሃገር ኣዝዮም ርሒቖም ዝርከቡ ከባብታት ዘለዉዎም ፀገማት ኣዚዮም ሱር ዝሰደዱን ዝተጋደዱን እዮም፡፡ ስለዚ ብደረጃ ሃገር ዝተመጣጠነ ዕቤት ንምፍጣር ፍትሓዊ ብዝኾነ መልክዑ ግብሪ ንክልላት ምክፍፋል ግቡእ እዩ፡፡

ብዚ መሰረት ብዙሕ እቶት ግብሪ ዘለዎም ክልላት ትሑት ፍልፍል እቶት

ንዘለዎም ምክፍፋል ዘኽእል ኣሰራርሓ ተግባራዊ ምግባር መፍለይ ባህሪ ስርዓት ፌዴራላዊ መንግስቲ እዩ። እዚ ኣሰራርሓ ኣብ ሞንጎ ክልላት ባህሊ ምትሕልላይን ምትሕግጋዝን ብምድንፋዕ ብደረጃ ሃገር ዝተመጣጠነ ዕቤት ንምፍጣር የኽእል።

## ዕዮ ጉጅለ

**ኣብ ላዕሊ ዝተገለፀ ፍትሓዊ ኣጠቓቕማ ግብሪ መሰረት ብምግባር ኣብ ዝስዕብ ጉዳይ ተመያየጡ።**

ኣብ ሸውዓተ ክልላት ዝተኸፋፈለ ፌዴራላዊ ሃገር ስርዓት ኣተኣኻኽባ ግብሪ ዝስዕብ መልክዕ ነይሩዎ። ክልተ ክልላት ፌዴራል መንግስቲ ካብ ካልኦት ክልላት ካብ ዝእክብ እቶት ብማእኸላይ ብር ክልተ ሚኢቲ ሚሊዮን ንኽልተ ክልላት ዓመታዊ ሓገዝ ይገብረሎም። ማእኸላይ መንግስቲ ካብ ነፍስ ወከፍ ሰለስተ ክልላት ብር ሓደ ቢሊዮን በብዓመቱ ግብሪ ይእከብ። ካልኦት ክልተ ክልላት ድማ ዓርሶም ዝኽኣሉን ምንም ዓይነት ሓገዝ ዘይግበረሎምን እዮም። ካብኦም ተሪፉ ንማእኸላይ መንግስቲ ዝህብዎ ግን የለን። ሓልሓሊፉ እዚ ኩነታት ግብሪ ኣተኣኻኽባን ኣከፋፍላን ቅርታን ባእስን እንትፈጥር ይሰትውዓል።

ኣፈላላይ ዝለዓሉ ሓሳባት ዝስዕብ ትሕዝቶ ነይሩዎም። ሰለስቲኦም ክልላት ኣብ ክልልና ዝእከብ እቶት ንዓና ረብሓ ጥራሕ ምውዓል ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ የሰጉሙ። ዓርሶም ዝኽኣሉ ክልተ ክልላት ድማ ሽሕ'ኳ ዓርስና ዝኻኣልና እንተኾና ንካልኦት ዝግበረሎም ንዓናውን ፌዴራል መንግስቲ ሓገዝ ክገብረልና ይግባእ ይብሉ። ማእኸላይ መንግስቲ እንኸተሎ ዘለና ኣሰራርሓ ትኽክል'ዩ ኢሉ ይኣምን።



መልመዲ 11

*ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ጉዳይ መሰረት ብምግባር ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ልዕል ኢሎም ካብ ዝሰፈሩ ሰለስተ ሓሳባት ብኣየንኡ ትስማዕምዑ? ንምንታይ? ምኽንያትኩም ዘርዝሩ።
2. እቲ ትኽክለኛ ሓሳብ ኣብቲ ሕብረተሰብ ንምስራፅ እንታይ ዓይነት ስራሕቲ እንተዝስርሕ ይሕሸ ትብሉ? ዘርዝሩዎም።

## ‹‹ዓይነታት እቶት ፌዴራልን ክልላትን›› ክፉል-ሰለስተ፡-

ቀንዲ መፍለዪ ምምሕዳር ፌዴራላዊ መንግስቲ ስልጣን ኣብ ፌዴራል መንግስትን ክልላትን ዝተኸፋፈለ ምኳኑ እዩ፡፡ ብመሰረት እዚ ክፍፍል ስልጣን ክልቲኦም ኣካላት ግብሪ ዝእክቡሎም ከባቢታት ተፈልዮም ይዝርዘሩ፡፡ ክልቲኦም ኣካላት በብ ወገኖም ዝተወሃቡዎም ናይ ግብሪ ከባቢታት ከምዘለዉ ኩሎም ዝካፈልዎም ናይ ሓባር ዓይነታት ግብሪ'ውን ኣለዉ፡፡ እዞም ብሓባር ዝእከቡ ዓይነታት ግብሪ ናይ ሓባር እቶታት ብዝብል ይፍለጡ፡፡

ብመሰረት እዚ ፌዴራልን ክልላትን በብ ውልቆምን/ብተናፀልን/ ብሓባርን ዝተወሃቦም ዓይነት እቶት ኣብ ውሽጢ ሕገ መንግስቲ ብዝስዕብ መልክዑ ተዘርዚሩ ተቐሚጡ እዩ፡፡

| ቀንዲ ፍልፍል እቶት ፌዴራል መንግስቲ /ዓንቀፅ 96/ | ቀንዲ ፍልፍል እቶት ክልል ምምሕዳራት /ዓንቀፅ 97/ | ቀንዲ ፍልፍል እቶት ግብሪ ክልልን ፌዴራልን ሓባር /ዓንቀፅ 98/ |
|---|---|---|
| • ካብ ሃገር ንዝወፁን ናብ ሃገር ንዝኣትውን ኣቑሑ ዝምደብ ቐረፅ፣ ግብሪ<br>• ካብ ቁፃር ሰራሕተኛታት ፌዴራል መንግስትን ዓለም ለኸ ውዳበታትን ዝእከብ ግብሪ ስራሕ፣<br>• ብዋንነት ፌዴራል መንግስቲ ካብ ዝመሓደሩ ትካላት እቶት፣ ትርፊ ተወሳኺ እሴት ታክስን ኤክሳይዝ ቐረፅን፣<br>• ካብ ብሄራዊ ሎቶሪን ካሊእ ፈተነ ዕድል እቶታት ዝእከብ ቐረፅ፣<br>• ካብግልጋሎት መጎዓዚያታት ነፈርቲ፣ ባቡር ዝኽከብ ቐረፅ ወዘተ... | • ካብ ተቆፀርቲ ስራሕተኛታት ክልል ዝእከብ<br>• ኣብ ጥቕሚ ካብ ዘሎ መሬት ዝእከብ፣<br>• ኣብ ክልል ካብ ዝርኸቡ ውልቀ ነጋዶ<br>• ኣብ ክልል ምምሕዳር ኣብ ውልቀ ዋንነት ካብ ዘለዉ ኣባይትንካልኦት ንብረታትን፣<br>• ኣብ ዋንነት ክልል ምምሕዳር ካብ ዝርከቡ ትካላት ልምዓት፣<br>• ኣብ ክልል ካብ ዘለዉ መጎዓዚያ፣ ማይ፣ ወዘተ ካብ ዝምደብ ግብሪ<br>• ብኣካላት ምምሕዳር ክልል ካብ ዝወሃቡ ግልጋሎትን ፍቓድን ዝርከብ ክፍሊት | • ፌዴራል መንግስትን ክልላትን ብሓባር ካብ ዘጣየሹዎም ትካላት ልምዓት ዝእከብ፣<br>• ካብ ውልቀ ትካላት ትርፊ ንግዲ ካብ ሰብ ኣክሲዮንን ትርፊ ብፅሒት ዝእከብ ግብሪ፣<br>• ካብላዕለዎት ስራሕቲ ማዓድናትን ካብ ካልኦት ፔትሮሊየምን ጋዝን ግብሪ፣<br>• ካብሮያሊት ክፍሊታት ዝእክብ |

## ዕዮ ጉጅለ

ኣብ ከባቢ'ኹም ናብ ዝርከቡ ኣብያተ ዕዮ ግብሪ ኣከብቲ ብምኻድ፤

ሀ. ቐንዲ ዓይነታት ግብርን ዝእከበሉዎም መንገድታትን

ለ. ኣብ ከይዲ ኣተኣኻኽባ ግብሪ ዘጋጥሙ ፀገማትን

ሐ. ዝእከብ ግብሪ ንምንታይ ተግባር ከምዝውዕል ብምሕታት ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

## መጠቓለሊ

ኣብ ሕብረተሰብን ሃገርን ዝለዓለ ጉድኣት ካብ ዘብፅሑ ጉዳያት ኣድላዊ ኣሰራርሓ ብቐዳምነት ዝስራዕ እዩ፡፡ ኣድልዎ ዝተፈላለዩ ፀገማት የስዕብ እዩ፡፡ ንኣብነት ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ የዕንቅፍ፡፡ ዜጋታት ካብኦም ዝሕሎ ሓላፍነት ብግቡእ ደረጃ ከይዋፅኡ ይገብር፡፡ ስለዚ ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዝፍፀሙ ኣድላዊ ኣሰራርሓታት ኣስጢምካ ምክልኻልን ምቅዋምን የድሊ፡፡ ዝተፈላለዩ ኣድላዊ ተግባራት ንምክልኻል በዓል ስልጣን ኮነ ካሊእ ዜጋ ንሕጊ ተገዛኢ ምዃን፣ ሕጊ ዘኽብርን ክኸበር ዝገብርን፣ ንኹሉ ብማዕርነት ዘተኣናግድን ብስርሑ'ውን ቅኑዕን ዝእመንን ክኾን ይግባእ፡፡

ፍትሓዊነት ክዓስል ካብ ዝገብሩ ትካላት ፍትሒ ኣብያተ ፍርዲ ብቐዳምነት ተጠቀስቲ እዮም፡፡ እዞም ኣካላት ካብ ዝኾነ ፅዕንቶ ነፃ ብምዃን ነፃነት ዳይነቶም ክኸበረሎም ይግባእ፡፡ ኣብ ልዕሊ እዚ ኣካላት ፍትሒ ንሕጊ መሰረት ዝገበረ ውሳነ ዝህቡ፣ ካብ ወገናውነትን ኣድልዎን ዝፀረዩ ኣሰራርሓታት ዝኽተሉ ምዃኑ ኣለዎም፡፡ ብካሊእ መዳይ ዜጋታት ኣብ ምክልኻል ኣድልዎ ዝለዓለ ብፅሒት ኣለዎም፡፡ ዜጋታት ትኽክለኛ ዳይነት ንምርካብ ብውልቆም ምፅዓር፣ እዚ ከይተዓወተ እንተተርፍ ድማ መሰሎም ብሕጊ ጥራሕ ክኸበር ምግባር ከም ዘለዎም ብዕሊ ክግንዘቡዎ ይግባእ፡፡

ትካላት ማሕበራዊ ግልጋሎት ህይወት ዜጋታት ዝተመሓየሸ ክኾን ንምግባር ኣድለይቲ እዮም፡፡ ካብዚ ብምብጋስ ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ግልጋሎት ምብፃሕ ኣለዎም፡፡ ትካላት ናይ ምስፍሕፋሕ ጉዳይ ናይ መንግስቲ ሓላፍነት ጥራሕ ኮይኑ ክረአ የብሉን፡፡ ብተወሳኺ ዜጋታት ማሕበራዊ ትካላት ኣብ ምስፍሕፋሕ ዝግበር ምንቅስቓስ ዝለዓለ ደገፍ ምውፋይ ኣለዎም፡፡ ግብሪ ኣብ ምስፍሕፋሕ

ኢንቨስትመንትን ምዕባለ ክልላት ፍትሓዊ ኣብ ምግባርን ዘሎዎ ኣስተዋፅኦ ልዑል እዩ፡፡

ስለዚ ካብ ግብሪ ዝእከብ እቶት ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ንኹሎም ክልላት ምክፍፋል ዘኽእል ስርዓት ምዝርጋሕ ካብ ሓደ ብፌዴራላዊ ስርዓት ዝመሓደር ሃገር ዝሕሎ ኣሰራርሓ እዩ፡፡ ኣብ ሞንጎ መንግስታት ፌዴራልን ክልልን ዝግበር ኣሰራርሓ ግብሪ ምእካብን ምክፍፋልን ብሃበ ተረኽበ ዝኾን ዘይኮነስ ሕጊ ዝተኸተለን ሕገመንግስቲ መሰረት ዝገበረን እዩ፡፡ ዜሩ ዜሩ ግና ዜጋታት ኩለ መዳያዊ ረብሓ ግብሪ ብግቡእ ተረዲኦም ግብሪ ብእዋኑ ምኽፋልን ኣብ ከይዲ ኣታኣኻኽባ ግብሪ ግቡእ ምትሕብባር ምግባርን ግቡእ ኣለዎም፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ታክስ፡-** ብመንግስቲ ዝእከብ ዝኾነ ዓይነት ግብሪ፡፡

**ተወሳኺ እሴት ታክስ፡-** ካብ ዉሱናት ምንቅስቓስ ንግዲ፤ ካብ ምኢቲ ዓሰርተ ሓሙሽተ ንመንግስቲ ዝክፈል ተወሳኺ ክፍሊት፡፡

**ቐረፅ፡-** በብ ዕለቱ ካብ ዝግበሩ ዝውውር ወይ ልውውጥ ንግዲ ብመንግስቲ ዝእከብ እቶት፡፡

**ፀጋ (እሴት)፡-** መለክዒ ባህሪያት ጌጋታትን ሓቂታትን ወይ መለኻኸታታትን፡፡

**መትከል፡-** ስርዓት ኣሰራርሓ፡፡

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ስዒቦም ዘለዉ ምሉእ ሓሳባት ብምንባብ ሓቂ ንዝኾነ ‹‹ሓቂ›› ጌጋ ንዝኾነ ‹‹ጌጋ›› ብምባል መልሲ ኣቕምጡ፡፡*

1. ኣሰራርሓታት ኣድልዎ ምክልኻል እምበር ምሉእ ብምሉእ ምውጋድ ኣይከኣልን፡፡
2. ሓድሓደ ግዜ ኣሰራርሓታት ኣድልዎ ንምውጋድ ሓይሊ ምጥቃም ግቡእ እዩ፡፡
3. ሓልሓሊፉ ዝፍፀሙ ግድፈታት ፍትሒ ንምጥንኻር ዴሞክራስን ልምዓትን ኣስተዋፅኦ ይገብሩ እዮም፡፡
4. ኣብ ምግፋሕ ማሕበራዊ ትካላት ተሳትፎ ሕብረተሰብ ኣድላዪ ዝኾውን መንግስቲ ምስራሕ እንተዘይክኢሉ እዩ፡፡
5. ግብሪ ኣብ መንጎ ክልላት ዘሎ ከይዱ ዕቤት ኣብ ምቅርራብ ረብሕኡ ልዑል እዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ ‹‹ሀ›› ንዝተዘርዘሩ ዝሰማዕምዑ ኣብ ትሕቲ ‹‹ለ›› ካብ ዝተቐመጡ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡*

| ‹‹ሀ›› | ‹‹ለ›› |
|---|---|
| 1. ብክልላትን ፌዴራል መንግስትን ዝእከቡ ግብርታት | ሀ. ቤት ትምህርቲ |
| 2. ኣብ ሞንጎ ክልላት ዝተመጣጠነ ምዕባለ ዝሃንፅ | ለ. ናይ ሓባር እቶት |
| 3. ኣድልዎ ንምውጋድ ዜጋታት ክወስድዎ ዘለዎም ስጉምቲ | ሐ. ምኽባር ሕጊ |
| 4. ማሕበራዊ ትካላት | መ. ፍትሓዊ ክፍፋል ግብሪ |
| 5. ካብ ዝኾነ ይኹን ኣካል ፅዕንቶ ነፃ ክኸውን ዘለዎ | ረ. ቤት ፍርዲ |

III. *እዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡*

1. ኣብ ኣመሓውራ ፌዴራል መንግስቲ ኣከፋፍላ ግብሪ ኣብ ሞንጎ ______ ን ______ ን ዝፍፀም እዩ፡፡
2. መሰረታዊ መትከላት ኣሰራርሓ ቤት ፍርዲ ______ ን ______ ን እዮም፡፡
3. ዜጋታት ብታሕተዎት ኣብያተ ፍርዲ ንዝተወሃቡ ውሳነታት ብምቅዋም ናብ ላዕለዎት ኣብያተ ፍርዲ ዘቕርቡሉ ስርዓት ______ ብዝብል ይፍለጥ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብ ዝቐረቡ መማረፅታት እቲ ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ካብዞም ዝስዕቡ ሓዲኡ መወገዲ መንገዲ ኣሰራርሓታት ኣድልዎ ኣይኮነን፡፡
   ሀ. ብሕጊ ምጥቃም
   ለ. ንዝበፅሖካ በደል ብስቕታ ምሕላፍ
   ሐ. ክሲ ምቕራብ
   መ. ‹ሀ›ን‹ለ›ን መልስታት እዮም፡፡
2. ኣካላት ፍትሒ ክኸተሉዎ ዘለዎም መትከል
   ሀ. ብናይ ዓርስኻ ድሌትን ስምዒትን ክትምራሕ ምኽኣል
   ለ. ካብ ወገናውነት ነፃ ምዃን
   ሐ. መምርሕታት ተግባራዊ ምግባር
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡
3. ካብ ካልኦት ብዝበለፀ ኣሰራርሓ ኣድልዎ ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ዘለዎ ኣየንኡ እዩ?
   ሀ. መንግስቲ
   ለ. ትካላት ሃይማኖት
   ሐ. ማሕበራት ሲቪክ
   መ. ማሕበራት

4. ማሕበራዊ ትካላት

ሀ. ንምዕባለ ሕብረተሰብ ኣድለይቲ እዮም፣

ለ. ካብ ኣድልዎ ዝፀረየ ኣሰራርሓ ክኽተሉ ይግባእ

ሐ. ኣብ መንግስቲ ጥራሕ ይሰርሑ

መ. ‹ሀ›ን‹ለ›ን መልሲ እዮም፡፡

5. ውፅኢት ኣሰራርሓ ኣድላውነት ዘይኮነ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ምዝሓል ስምዒት ተበግሶ፣

ለ. ምድኻም ስርዓት ዴሞክራሲ

ሐ. ፍትሒ ክኸበር ምግባር

መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

V. *ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ*

1. ካብዞም ዝስዕቡ ሓዲኡ ብምምራፅ ምጉዳል ፍትሓውነት ከብፅሖ ዝኽእል ጉድኣት ዘርዝሩ፡፡

   1. ኣድላውነት

   2. ወገናውነት

2. ግብሪ ንሃገር ልምዓትን ንክልላት ፍትሓዊ ምዕባለን ዘለዎ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡

# ምዕራፍ ሓሙሽተ
## ፍቕሪ ሃገር

### ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ:-

ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተማሂርኩም ምስ ፈፀምኩም

- ታሪኽ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምፍላጥ ዝህቦ ረብሓ ትግንዘቡ፡፡
- መገልገሊ ናወቲ ሓባር ብጥንቃቐ ምሓዝ ከምዝግባእ ትርድኡ፡፡
- ምውጋእ ድኽነትን ድሕረትን ኣድላዪ ምዃኑ ትርድኡ፡፡
- ምኽባር መሰል ዜግነት ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ከምዘማዕብል ትርድኡ፡፡
- ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርን ኣብ ምጉልባት ፍቕሪ ሃገር ዝህልዎ ኣስተዋፅኦ ትግንዘቡ፡፡

## 5.1. ትኽክለኛ ዝኾነ ታሪኽን ባህልን ሃገር፣ ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምፍላጥ ንህንፀት ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዝህልዎ ረብሓ

- ምፍላጥ ታሪኻትን ባህልታትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

### መናእሰይ ቁሸት እኒ ስላስ

መናእሰይ ቁሸት እኒ ስላስ ብመርኣያነት ዝጥቀሱሎም ብዙሓት ተግባራት ይትግብሩ እዮም፡፡ ብማሕበር መናእሰይ ጣብይኦም ኣቢሎም ዝተፈላለዩ ክለባት ኣጣይሾም እዮም፡፡ ካብኣቶም «መተሓባበሪ ፕሮግራም ዓድ'ኻ ፍለጥን ሙዝየም ብሄረሰባትን» ብዝብል ሰያመ ዝፍለጥ ክለብ ሓደ እዩ፡፡ ስላስን መሓዙታን ናይዚ ክለብ ኣባላት እዮም፡፡ ክለቦም ባህልን ታሪኽን ብሄረሰባት ሃገርና ከርእዩ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ኣልባሳትን ብዙሓት ናውትን ኣተኣኻኺቦም እዮም፡፡

ብተደጋጋሚ ንኣባላቱ ፕሮግራም ጉዕዞ ዓድ'ኻ ፍለጥ ኣዳልዩ እዩ፡፡ ስላስ ተፀዋዒት ክለብ እንትኾን በብግዚኡ ምስ ኣባላት ኮሚቴ ኣተሓባባሪ ክለብ ዝተፈላለዩ ምድላዋት ብምትሕብባር እትፍለጥ መንእሰይ እያ፡፡

ብፍላይ ብኣባላት ክለቦም ኣቢሉ ዝቐርብ ገለፃ ባህልን ታሪኽን ብሄረሰባት፣ ህዝቢ እቲ ከባቢ ብሃንቀውታ ዝፅበዮ ፕሮግራም እዩ፡፡ ገለፃ ባህልን ታሪኽን ብሄረሰባት ዝካየድ ብጉጅለ ብዝተወደቡ መናእሰይ ነናይ ዝውክልዎ ብሄረሰብ ኣልባሳት ብምልባስ፣ ባህላዊ ኣቑሑት ብምትእኽካብን ታሪኽ እቲ ብሄረሰብ ብምግላፅን እዩ፡፡ እዚ ፕሮግራም ተፈታውነት ብምትራፉ ብዙሓት ሰባት ናእድኦም ገሊፀሙሎም እዮም፡፡



መልመዲ 1

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. ክለብ እኒ ስላስ ካብ ዝገብሮ ምንቅስቓስ እንታይ ተረዲኢኹም?
2. ባህልታትን ታሪኻትን ብሄረሰባት ምፍላጥ ኣብ ህይወት ዜጋታት ዘምፅኦ ለውጢ እንታይ እዩ?
3. ኣብ ከባቢኹምን ኣብ ውሽጢ ገዛኹምን ዝርከቡ ናውቲ መግለፂ ባህልታት ብምዝርዛር ንመኒኦ ብሄረሰብ ከምዝውክሉ ንደቂ ክፍልኹም ንገሩዎም፡፡

ኢትዮጵያ ብዙሓት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝርከቡላ ሃገር እያ፡፡ ብዙሓት ምሁራት ንሃገርና ‹‹ሙዝየም ብሄረሰባት›› ብምባል እዮም ዝፅውዑዋ፡፡ ፅባቐ ሃገርና ዘድምቑ ብዙሓት ብሄረሰባት ናይ ባዕልቶም ባህልን ልዕሊ 80 ዝኾኑ ቋንቋትን ዝወነኑ እዮም፡፡ ሃገርና ክብሪ ነፃነታ ሓሊያ ዝፀንሐት ብሄራታ፣ ብሄረሰባታን ህዝብታታን ብዝኸፈልዎ መስዋእትነት እዩ፡፡ እዚ ዓብዪ ሓበራዊ ታሪኽ ህዝብታት ሓድሓደ ግዘ ብፀሓፍቲ ታሪኽ ሃገርናን ወፃእተኛታትን ተዛቢዑ እንትቐርብ ይሰትውዓል'ዩ፡፡

ባህልታቶም'ውን ከምኡ ግቡእ ጠመተ ከይተወሃቦ ፀኒሑ እዩ፡፡ እንተኾነ ግና ሕዚ ሃገርና ተተሓሒዛቶ ዘላ ስርዓት ዴሞክራሲ እቲ ትኽክለኛ ታሪኽ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብዘይ ኣድልዎ እናተፅሓፈን ባህልታቶም'ውን ግቡእ ክብሪ እናረኸበን ይርከብ ኣሎ፡፡

እዚ ኣካይዳ ተጠናኺሩ ቐፀለ ማለት ኣብ ነፍስወከፍ ዜጋ ሓዲሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ብዝግባእ ይሰርፅ ኣሎ ማለት እዩ፡፡ ታሪኽን ባህልን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብግቡእ ምፅናዕን ምፍላጥን ስምዒት ብሄራዊ ፍቕሪ ሃገር የጎልብት፡፡ ብስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዝተሃነፀ ትውልዲ ድማ ሉኣላዊ ክብሪ ሃገሩ ክሕሎ ይገብር፡፡ ሃገሩ ነቲ ኣብ ቅድሚ ማሕበረሰብ ዓለም እተፈለጠትሉ ታሪኽ- ጥምየት ክልወጥ ይፅዕር፡፡



## መልመዲ 2

### እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስርሑ፡፡

1. ኣብ ሃገርና ካብ ዘለዉ ብሄራት ብሄረሰባትን ህዝብታትን ክንዲየናይ ዝኣኽሉ ከምትፈልጡ ንምርኣይ እዚ ዝስዕብ ሰደቓ ኣብ ጥራዝኩም ሰሪሕኩም በቲ ዝቐረበ ኣብነት መሰረት ኣብቲ ባዶ ቦታ ምልኡ፡፡

| ሪጋ | ስም ብሄር፣ ብሄረሰብን ህዝብን | ዝዛረቦ ቛንቛ | ዝርከበሉ ክልል |
|---|---|---|---|
| 1 | ሜሎ | ሜሎኛ | ብ/ብ/ህ ክልል ደቡብ |
| 2 | | | |
| 3 | | | |
| 4 | | | |

2. ቅድም እንትብል ሃገርና ዝነበራ ዘሕርፅ ታሪኽ ሓሊያ ንክትፀንሕ ካብ ነፍስወከፍ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግበር?
3. እዚ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ብዝበለፀ ንኽጥንክር ናታትኩም ግደ እንታይ ክኾን ይግብኦ?
4. በቲ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ክውገዱ ይግበኦም እትብሉዎም ቀንዲ ቀንዲ ሃገራዊ ፀገማትና ዘርዝሩ፡፡

## 5.2. መሰላት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብማዕረ ምኽባር ንህንፀት ፍቕሪ ሃገር ዘለዎ ኣስተዋፅኦ



ስእሊ 5.1 ውፅኢት ምኽባር ማዕርነት ህዝብታት

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?

### መርኣያነት ዘለዎ ርክብ ህዝቢ ምስ ህዝብታት

ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝመፁ ተምሃሮ ኣብ ሓደ ትካል ላዕለዋይ ትምህርቲ ትምህርቶም ይከታተሉ ነበሩ፡፡ ከምዕድል ኮይኑ ካብ ሞንጎ እዞም ተምሃሮ ካብ ክልል ደቡብ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝመፁ ተወለድቲ ከፍቾን ሸክቶን ካብ ክልል ቤንሻንጉል ጉሙዝ ብሄረሰብ ቦሮ ሺናሻ ምስ ዝመፁ ተምሃሮ ተቐራረቡ፡፡ ምቅርራቦም እናተጠናኸረ ከይዱ ብዛዕባ ዝተፈላለዩ ጉዳያት ብምምይያጥ ሓዱኡ ነቲ ካሊእ ምስጢሮም ምክፋል ጀመሩ፡፡

ሓደ መዓልቲ ኣብ መንጎ ምይይጦም ብዛዕባ መንነቶም፣ ባህሎም ፣ ቋንቋኦምን ታሪኾምን እናተመያየጡ እናሃለዉ ዘይተሓሰበን ዘገርምን ነገር ይፍጠር፡፡ ነገሩ ከምዚ እዩ፡፡ ቅድሚ ኣርባዕተ ሚእቲ ዓመት ብጥሙር ህዝብታት ጎንጋ ብዝብል ይፍለጡ ካብ ዝነበሩ ከፍቾ፣ ሸክቾ፣ ቦሮሸናሻ፣ ሂናሪያ፣ ቦሾን ቡሻሼን፣ ብዝብል ዝፍለጡ ካብ ሞንጎ ዝነበሩ ህዝብታት **ከፋቾን ሸክቾን** ኣብ ክልል ደቡብ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዝርከቡ እንትኾኑ ህዝብታት ቦሮሸናሻ ድማ ኣብ ክልል ቤንሻንጉል ጉሙዝ ሰፈሮም ይርከቡ፡፡

እዞም ህዝብታት በቶም ዝሓለፉ መንግስታት ተገፊዖምን ዕድል ትምህርቲ ስኢኖምን ይነብሩ ነይሮም፡፡ ኣብዚ ሕዚ እዋን ሕገ መንግስቲ ፌ.ዴ.ሪ.ኢ. ብዘረጋገፀሎም መሰል ማዕርነት ተጠቒሞም ምስ ካልኦት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ይነብሩ ኣለዉ፡፡ እዞም ዕድል ላዕለዋይ ትምህርቲ ዝረኸቡ ደቆም ከም ኣጋጣሚ ተበታቲኖም ዝነበሩ ናይ ህዝቦም ባህሊ፣ ቋንቋን ታሪኾም ሓድነትን ብምፍላጦም ኬርና ይሕጎሱ፡፡ እዚ ኣጋጣሚ ብምጥቃም ንቕድሚት ዓሚቕ መፅናዕቲ ንምግባርን ምትእስሳሮም ዝያዳ ንምጉልባት ስምምዕ ገበሩ፡፡ ርክብ ህዝቢ ንህዝቢ ኣጠናኺሮም ንምቕፃል'ውን ኩሎም ቃል ኣተዉ፡፡

(ፍልፍል ብቤት ምኽሪ ፌደሬሽን
ዝሕተም፣ ሕዳር 2000 ዓ.ም ገፅ/33፤ነዚ
ክፍሊ ብዝምጥን ተመሓይሹ ዝተወሰደ)



መልመዲ 3

*ብመሰረት ኣብላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. እዞም ብሄረሰባት ዘመሳስሉዎም ነገራት እንታይ እዮም?
2. እዞም ተምሃሮ ተቐራሪቦም እንተ ዘይመያየጡ ነይሮም ናይ ሓባር ታሪኾም ክፈልጡ ይኽእሉ'ዶ ነይሮም? ነቲ ታሪኽ መበገሲ ብምግባር ኣብ ሓባራዊ ዋኒን ሃገር ብዛዕባ ዝህልዎ ረብሓ ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡

ኣብ ዝሓለፉ ስርዓታት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ባህሎምን ታሪኾምን ግቡእ ትኹረት ዝተወሃቦ ኣይነበረን፡፡ ፖለቲካዊ፣ ምጣነ ሃብታውን ማሕበራውን ስርዓቱ ምጉናይን ፀቕጥን ዝነገሶ እዩ ነይሩ፡፡ ከምኡ እናሃለወ ግን ሃገራዊ ነፃነቶምን ሉኣላውነቶምን ንምድፋር ዝመፁ ባዕዳውያን ገዛእትን ወረርትን ብሓባር ብምምካት ዘሕብን ታሪኽ ተጋድሎ ኣመዝጊቦም እዮም፡፡

ኣብዚ ሕዚ እዋን ብሄር ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ መንነቶም ተኸቢሩ ዓርሶም ብዓርሶም ምምሕዳር ክኢሎም፡፡ ባህሎም ከማዕብሉ ብቛንቁኦም

ክጥቀሙ መሰሎም ተከቢሩሎም እዩ፡፡ ተጠቃምነት ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራሲን ስለዝተረጋገፀሎም ኣብ ማዕርነትን ምክብባርን ዝተመስረተ ምጣነ ሃፍታውን ፖለቲካውን ጥንካረ ዘለዎ ማሕበረሰብ ንምፍጣር ቃል ኣትዮም እዮም፡፡

እዚ ፀጋ ዴሞክራሲ ተጠናኺሩ ንኸቕፅል ነፍስወከፍ ዜጋ ብፅሒትን ሓላፍነትን ኣለዎ፡፡ መሰል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ብማዕረ እንትኽበር ዜጋታት ንሃገሮም ዝዓሞቐ ፍቕሪ ይህልዎም፡፡ ፍቕሪ ሃገሩ ዝጎልበተ ዜጋ ድማ ኣብነት ጥሜት፣ ኲናትን ህልቀትን ገይሮም ብሕማቕ መልክዕ ጥራሕ ብወፃእተኛታት እትፅዋዕ ዝነበረት ሃገሩ ተሓጋጊዙ ብምስራሕ ታሪኻ ከሕድሶ እዩ፡፡

ዝተጀመሩ ስራሕቲ ልምዓት፣ ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን እናጎልበቱን ዘላቒ ሰላም ክነግስ ኣብ ምግባር፣ ሃገራዊ ልኡኽን ራእይን ክሳኻዕ ወሳናይ ተራ ኣብ ምፅዋት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዓብዪ እጃም ኣለዎም፡፡



## መልመዲ 4

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. መሰል ብሄረሰባት ክይተኽብረ ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገር'ዶ ምዝራብ ይከኣል? ንምንታይ?
2. ምዕባለ ሃገርና ምስ ምኽባር መሰል ብሄረሰባት ዝተተሓሓዘ እዩ ዝበሃል ንምንታይ እዩ?

## 5.3. ናይ ሓባር መገልገሊ ናውቲ ብጥንቃቐ ዘይምሓዝ ብደረጃ ሃገር ዘስዕቦ ጉድኣት



*ስእሊ 5.2 ብጉድለት ጥንቃቐ ዝተበላሸዉ ናውቲ ግልጋሎት*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተገንዚብኩም?
- ካብቲ ስእሊ ንዝተገንዘብኩምዎ ፀገም መፍትሒኡ እንታይ እዩ ትብሉ?

### ሓውን ማይን

ሓውን ማይን ንናይ ሓባር ግልጋሎት ዘውዕልዎም ሓደ ብዕራይን ናውቲ ሕርሻን ዓዲጎም እናተሓጋገዙ ይጥቀሙ ነይሮም ይበሃል፡፡ ሓደ መዓልቲ ለያቡ ብዕራዮም ሰሪቖም ይሓርዱዎ፡፡ ሽዑ ኣይተ ሓዊ ኣዝዩ ተቖጢዑ ንማይ ከምዚ በሎ ‹‹ኣይተ ማይ ናይ ሓባር ጥሪትና ዝኾነ ብዕራይ ብምስራቑ ኣዚየ ተናዲደ ኣለኹ፡፡ ሕነ ፀላኢና ክንፈዲ ስለ ዝወሰንኩ ዱሩ፣ ሳዕሩ፣ ገዝኡ፣ ኩሉ ነገር ብምብራዕ ሰራቒ ብዕራይና ሓቢሩ ክጠፍእ ክገብሮ እየ›› ብምባል ኣማኸሮ፡፡

ማይ ድማ ‹‹ሓወይ ኣይተ ሓዊ ንምንታይ ከምዚ ሓሲብካ? ዝሰረቐን ዘይሰረቐን ብሓደ ምንዳዱ ኣግባብ ድዩ? ብሰሩ'ሽ ነዚኦም ኣባሪዐ ሓሙኽሽቲ ክገብሮም እየ እትብሎም ፍጥረታትን ካልኦትን ኩሉ ብዘይ ኣድልዎ ብሓባር ዘገልግሉ ናይ ሓባር መገልገልቲ'ዶ ኣይኾኑን? ንሓደ ጥፍኣተኛ እንትበሃል'ደኸ ኹሉ ፍጥረት ብሓባር ዝጥቀመሎም ናውቲ ምጥፋእ ኣግባብ ድዩ? እቲ ሰራቒ ብሜላ'ዶ ክታሓዝ ኣይኽእልን'ዩ? ግዲ የብልካን እቲ ሰራቒ ብብልሓት ኣብ ቁፅፅርና ክነውዕሎ ኢና፡፡

«ንምዃኑ ምግቢ ከብስል ዝደሊ ናባኻ፣ ክዳንን ኣቕሓን ምሕፃብ ዝደሊ ድማ ናባይ ምምፅኡ'ዶ ክቸሪ እዩ? ሸዑ ነቲ ሰራቒ ብሜላ ሒዝና ናብ ሕጊ ነቕርቦ እምበር ኣብ ናይ ሓባር መገልገልትና ዘይግቡእን ምስትውዓል ዝጎደሎን ስጉምቲ ምውሳድ ኣይግበአናን›› እንትብል ንሓዊ ኣተሃዳድኡ፡፡

እዚ ተዘራሪቦም ቁርብ ከይፀንሑ እቲ ሓደ ሰራቒ ዝሰረቖ ስጋ ብዕራይ ጠቢሱ ንምብላዕ ስለ ዝሃረፈ እናተፃደፈ ሓዊ ደልዩ መፀ፡፡ እቲ ካልኣይ ሰራቒ ድማ ሽሽዐ ብዕራይ ሒዙ ክሓፅብ ናብ ሩባ ወረደ፡፡ በዚ ግዘ እዚ ማይን ሓውን ዓይኒ ንዓይኒ ተጠቓቒሶም እቶም ዝሰረቑ ንሳቶም ምዃኖም ብመረዳእታ ምስ ኣረጋገፁ ኣብ ትሕቲ ቁፅፅሮም ብምውዓል ናብ ቅድሚ ሕጊ ኣቕረቡዎም፡፡ ሓዊ ብምህዞ ማይ እናተገረመን ቅድም ኢሉ ዝወሰኖ ዘይግቡእ ውሳነ ምዃኑን ብምርዳእ ንዓርኩ ይቕሬታ ሓተተ፡፡ ናይ ሓባር መገልገልቲ ንዝኾኑ ነገራት'ውን ብፀደፍደፍ ንምብራስ ምውሳኑ ኣጣዒስዎ ዳግማይ ከምዙይ ዝመሰለ ናይ ፀደፍደፍ ጌጋ ንዘይምድጋም ወሰነ፡፡

(እንቅልፉ ለምኔ፤ ብላቴን ጌታ ማህተመስላሴ ወልደ
መስቀል 1952 ዓ.ም ገፅ 63 ተመሓይሹ ዝተወሰደ)



መልመዲ 5

*ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ታሪኽ መሰረት ብምግባር ስዒቦም ዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ካብ ባህሪያት ማይን ሓውን እንታይ ተዓዚብኩም?
2. ሓዊ ከም ዝፈከሮ ንኹሉ ናይቲ ከባቢ ናይ ሓባር መገልገሊ ብሕርቃን እንተዘጥፍኦ ኔሩ ውፅኢቱ እንታይ ክኾን ነይሩ?
3. ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ናውቲ ግልጋሎት ሓባር ዘብርሱ ሰባት ብመንፅር እዚ ታሪኽ ከመይ ትርኢዩዎም?
4. ካብቲ ታሪኽ እንታይ ጠቓሚ ትምህርቲ ከም ዝረኸብኩም ተመያየጡ፡፡

መገልገሊ ናውቲ ሓባር መንግስትን ህዝብን ንኣብነት፣ ድልድላት፣ ፅርጊያታት፣ ትካላት ፍልፍል ሓይሊ መብራህቲ፣ ፅርጊያ፣ መስመራት ማይ፣ ቴሌፎናት ሃፍቲ ውልቀ ዘይኮኑስ ሓባራዊ ሃፍቲ ኩሉ ዜጋ እዮም፡፡ ዝተሃነፁሉ'ውን ካብ ዜጋታት ብዝተረከበ ገንዘብ እዩ፡፡ ንባዕሉ ነቲ ተጠቃሚ ህዝቢ ግልጋሎት እውን እዮም ዝውዕሉ፡፡ ስለዚ ነፍስወከፍ ዜጋ መገልገሊ ናውቲ መንግስትን ህዝብን ናይ ኩሉ ዜጋ ናይ ሓባር ንብረት ምዃኖም ፈሊጡ ንደሕንነቶም ሓለዋ ክገብር ይግባእ፡፡

ንሃፍቲ መንግስትን ህዝብን ክንክን ዘይምግባር ንነብስ ወከፍ ዜጋ እዩ ዝጎድእ፡፡ መገልገሊ ናውቲ ሓባር ንብረት ኩሉ ዜጋ ስለዝኾኑ ከይባኽኑ፣ ከይጠፍኡን፣ ከይስረቑን ክሕለዉ ይግባእ፡፡ ንኣብነት መስመራት ስልኪ ብውልቀ ሰባት እንትቑረፁን እንትበላሸውን፣ ሸንባቆታት ማይ ተሰባቢሮም ማይ ብዘይ ኣግባብ ክባኽን እንተሎ ወዘተ… እናረኣዩ ንዝምልከቶ ኣካል ዘይምፍላጥን ስጉምቲ ዘይምውሳድን ካብ ሓደ ሓላፍነት ዝስመዖ ዜጋ ዝሕሎ ተግባር ኣይኮነን፡፡ መገልገሊ ናውቲ ሓባር ብጉድለት ጥንቃቐ ዘበላሹ፣ ዘብርስ ወይ ድማ ዘባኽን ሰብ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓታቲ ከምዝኾነ ክግንዘብ ይግባእ፡፡



መልመዲ 6

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. መገልገሊ ናውቲ ሓባር ሃፍቲ ህዝቢ እዮም ዝበሃል ንምንታይ እዩ?
2. ግልጋሎት ውሃብቲ ሃፍትታት ሓባር እንትባኽኑ ወይ ድማ እንትበላሸዉ እናረኣና ኣየእትወናን እንተበልና ካብ ተሓታትነት'ዶ ክነምልጥ ንኽእል?
3. በብከባቢኹም ህዝቢ ብሓባር ዝግልገለሎም ንብረታት ብምዝርዛር ብዛዕባ ክግበረሎም ዝግባእ ጥንቃቐ ሓፂር መብርሂ ሃቡ፡፡

## 5.4. ሰላምን ደሕንነትን ህዝቢ ኣብ ስግኣት ዘውድቑ ኣዕነውቲ ተግባራት

### 5.4.1. ሰላምን ደሕንነትን ህዝቢ ኣብ ስግኣት ዘውድቑ ኣዕነውቲ ተግባራት ንምውጋድ ክግበሩ ዝግብኦም ፃዕርታት

- ኣዕናዊ ተግባር ንምውጋድ ካባኹም እንታይ ይሕሎ?

‹‹ንናይ ሓባር ደሕንነት ዋርዲያ ምኳን››

ኣብ መላእ ዓለም ሕድሕድ ኩናትን ህውከትን እናተልዓለ ኣብ ሂወት ዜጋታት፣ ምጣነ ሃፍቲ ሃገርን ፀጥታን ብዙሕ ጉድኣት እንተስዕብ ንዕዘብ ኢና፡፡ ውልቀ መሰለይ ኣይተኸበረለይን ኢሉ ዝኹሪ፣ ምምሕዳር ሃገሩ ዘየዕገቦ፣ ብዓልየቱ፣ ሃይማኖቱ፣ ዘርኡን ወይ ብፍልስፍንኡ ዘኹረምብጥ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ሃገር ራዕዲ፣ ህውከትን ብፅብፅን ክለዓል ምኽንያት እንትኾኑ ይስተውዓል፡፡

ብፅብፅ፣ ህውከትን ኩናትን ተመሊሶም’ ዳኣ ዓርሶም ይፈጥሩ እምበር ሰላም ኣየምፅኡን፡፡ ዘለናሉ ዘበን ዝተራቐቐ ውዲት ንምፍፃም ዝኽእል ኣንፈታት ፈጢሩ ይርከብ፡፡ ዝረቐቁ መሳርሒታት ግልፅን ስውርን ኩናት ተምሂዞም እዮም፡፡ ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ጥፍኣትን ተንኮልን ዝፍፀም ብቐሊሉ እዩ፡፡ ህይወት ሰብን ንብረትን ብነታጉ ምብራስ ቀሊል እናኾነ እዩ፡፡ ኩሎም ነገራት ንጉድኣትን ጥፋኣትን ዝተመቻቸው ይመስሉ፡፡

ውልቀ ኩራ ኮነ ንምምሕዳር መንግስቲ ፀሊእኻ ብህልኽ፣ ብሓይልን ብተንኮልን ስጉምትታት ብምውሳድ ንህዝቢ ምጉዳእ ዘምፅኦ ውፅኢት የለን፡፡ እኳደኣስ እቲ ፍፃመ ፀገምን ውድቀትን ዘጋድድ ክኾን ይኽእል፡፡ ኣብ ልዕሊ ሃገር ዝህቀን ዝኾነ ይኹን ተግባር ተንኮል ነፍስወከፍ ዜጋ ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ ንድሕንነት ሃገርን ንምዕባለ ህዝብን ዝሓስቡ ዜጋታት ከምዚ ዝበሉ ፀረ ልምዓት ዝኾኑ ተግባራት ቅድሚ ምፍፃሞም ክቃወሙን ክከላኸሉን ይግባእ፡፡

(ዘንነፊ ውልቀ ታሪኽን ውንታን፣ ማሞ ውድነህ፣ 1997፣ ገፅ 524 ተተርጊሙ ዝተወሰደ)



## መልመዲ 7

### ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሲ ሃቡ፡፡

1. ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ፅሑፍ ከመሓላልፎ ዝደለየ ቀንዲ መልእኽቲ እንታይ እዩ?
2. ‹‹ናዕቢ፣ ህውከትን ኩናትን ተመሊሶም ዓርሶም ይፈጥሩ እምበር ሰላም ኣየምፅኡን›› ኣብ ዝብል ኣገላልፃ ብጉጅለ ተመያየጡ፡፡
3. ‹‹ኣብ ልዕሊ ሃገር ዝህቀን ዝኾነ ይኹን ተግባር ተንኮል ነፍስወከፍ ዜጋ ናይ ምክልኻል ሓላፍነት ኣለዎ›› እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

ሰላምን ሓበራዊ ደሕንነትን ህዝቢ ክዘርጉ ዝኽእሉ ዝተፈላለዩ ኣፍረስቲ ተግባራት ኣብ ዝኾነ እዋን ክረኣዩ ይኽእሉ እዮም፡፡ ንኣብነት ኣብ መንጎ ህዝቢ በለካ ለኽዐካ ምንዛሕ፣ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምልታም፣ ሕሱር ፖለቲካዊ ዕላማ ንምስኳም ህዝቢ ኣብ ዝግልገለሎም ትካላትን ተሸከርከርትን ነታጉ ምንታጉ፣ ሰላማዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምስንኻል መፍረስቲ ካብ መንጎ ዝኾኑ ተግባራት እቶም ውሑዳት እዮም፡፡

ኣዕነውቲ ተግባራት ውፅኢቶም ንህዝቢ ይጎድእ እምበር ሓንቲት ረብሓ ኣይህልዎን፡፡ ስለዚ በብ ብርኩ ክፍጠሩ ዝኽእሉ ዝኾኑ ይኹኑ ስራሕቲ ሓበራዊ ደሕንነት ፈሊኻ ምፍላጥን ምክልኻልን ካብ ብቑዕ ዜጋ ዝሕለዉ መግለፅታት ሰናይ ስነ ምግባርን ስምዒት ሓላፍነትን እዮም፡፡

ኣብ ሃገርና ዝበፅሑ ኣዕነውቲ ተግባራት ጉድኣቶም ግዝያዊ ጥራሕ ዘይኮነስ ብዘላቕነት ክቕፅል ዝኽእል'ውን እዩ፡፡ ስለዚ'ውን ነፍስ ወከፍ ዜጋ ካብ ከምዚኦም ዝመሰሉ ኣዕነውቲ ተግባራት ዓርሱ ክርሕቕ ይግባእ፡፡ ዓርስኻ ካብ ጥፍኣት ምርሓቕ ጥራሕ'ውን ዘይኮነስ መዕነውቲ ተግባራት'ውን ብዘይ ምሕረት ምቅላስ ካብ ኩሉ ሃገረይን ህዝበይን እፈቱ እየ ዝብል ዜጋ ዝሕሎ እዩ፡፡



መልመዲ 8

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ጉድኣት ከብፅሑ ይኽእሉ እዮም እትብሉዎም ኣዕነውቲ ተግባራት ብምዝርዛር ብጉጅለ ተመያየጡ?
2. ደሕንነት ሓባር ኣብ ሰግኣት ከውድቑ ዝኽእሉ ኣዕነውቲ ተግባራት ንምውጋድ ካብ ነፍስወከፍ ዜጋ ዝሕለዉ ሓላፍነታት ዘርዝሩ፡፡
3. ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብን ዝበፅሑ ኣዕነውቲ ተግባራት ግዚያዊ ጥራሕ ዘይኮኑስ ዘላቒነት’ውን ኣለዎም ዝብል ኣገላልፃ ከመይ ተረዲኢኽምዎ?

## 5.5. ንድሕረትን ድኽነትን ምውጋእ

### 5.5.1. ድኽነትን ድሕረትን ንምጥፋእ ዝተተለሙ ስትረተጂታትን ፖሊስታትን ልምዓት ንምትግባር ካብ መንግስትን ዜጋታትን ትፅቢት ዝግበረሎም ግቡኣት

- ንዕቤት ሃገርና ብመንግስቲ ዝተሓንፀፁ ቀንዲ ስትራቴጂታትን ፖሊሲታትን ልምዓት ዘርዝሩ፡፡

#### ሓቀኛነት ስትራቴጂ ልምዓት ብተግባር እንትረጋገፅ፤

ኣብ ሃገርና ውሕስና ምግቢ ንምርግጋፅ፣ ድኽነት ንምስዓርን ህዝቢ ኣብ ልምዓት ሕርሻ ዘለዎ ተሳትፎ ኣረኣእያን ኣሰራርሓን ዘተዓራሪ ስትራቴጂ ልምዓት ምሕንፃፅ ቅድሚት ዝስራፅ መፍትሒ ምዃኑ ይጥቀስ፡፡ መንግስቲ ብገባር ቅቡል ዝኾነ ስትራቴጅን ፖሊስን ልምዓት ግብርና ብምሕንፃፅ ተግባራዊ ምንቅስቓስ ምግባሩ ንዕቤየት ምጣነ ሃፍቲ ሃገር ልዑል ብፅሒት ክህልዎ ኣኽኢሉ እዩ፡፡ ናይዚ መረጋገፂ ህይወት ገባር ብዝለዓለ ኩነታት ምልዋጡ እዩ፡፡

ገለ ገባራት ሃገርና ብመንግስቲ ዝተተለመ ፓኬጅ ኤክስተንሽን ኣብ ተግባር ብምውዓል ኣብ ኣናእሽቱ ግራውቲ ካብ ዝፈርዩ ዝተፈላለዩ ምህርትታት ተረባሕቲ እናኾኑ እዮም፡፡ በዚ ምኽንያት ካብ ቀለብ ዓመት ሓሊፉ ኩነታት ህይወቶም ብዝለዓለ ደረጃ ክልውጥ ዝኽኣል ገባር ምርኣይ ተጀሚሩ ኣሎ፡፡

መንግስቲ ዝሓንፀያ ስትራቴጂ ልምዓት ግብርና ብምትግባር ህይወት ገባር ካብ ምልዋጥ ሓሊፉ ዕቤቱ በዚ ዝቕፅል እንተኾይኑ ሃገርና ኣብ ሓጺር ግዘ ማእኸላይ እቶት ኣብ ዘለዎም ሃገራት ክትስራዕ ከምትኽእል መፅናዕትታት የረጋግፁ፡፡ ምስዚ ጎንኒ ንጎኒ'ውን ተግባራዊ እናኾኑ ዘለዉ ካልኦት ስትራቴጂታትን ፖሊሲታትን ልምዓት ሃገርና ንዕቤት ኣስተዋፅኦ ኣብ ምግባር ይርከቡ፡፡

(ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን፤ ሚያዝያ 21/2000 ዓ.ም ገፅ 3 ተመሓይሹ ዝተወሰደ)



## መልመዲ 9

### ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ፖሊሲ ልምዓት ግብርና ኣብ ህይወት ገባር ዝለዓለ ውፅኢት ከመዝግብ ዝኽኣለ ንምንታይ ኢዩ?
2. ገባር ዝያዳ ተጠቃሚ ብዛዕባ ዝገበረ ፓኬጅ ኤክስቴንሽን ምስ መምህርኩም ተመያየጡ፡፡

ሃገርና እትፍለጠሉ ድኽነትን ድሕረትን ንምውጋድ መንግስቲ ኣብ ዝተፈላለዩ ዘፍራት ስራሕቲ ዝተፈላለዩ ፖሊሲታትን ስራቴጂታትን ሓንፂፁ ኣብ ተግባር ኣውዒሉ እዩ፡፡ ንኣብነት፤ ፖሊስን ስትራቴጅን ልምዓት ገጠር፣ ስትራቴጂ ልምዓት ኢንዱስትሪ፣ ስትራቴጂ ህንፀት ዓቕሚ ብዋናነት ዝጥቀሱ እዮም፡፡ እዞም ስትራቴጂታት፣ ልምዓት ፖሊስታትን ፕሮግራማትን ተግባራውነቶም ቀፃልነት እንድሕር ዘይብሉ ዝተተለመ ትልሚ ዝድለ ውፅኢት ዘይከምፅእ ይኽእል፡፡ ብፍላይ ዜጋታት ንምውጋድ ድኽነትናን ጉስቁልናን ዕንቅፋት ዝኾኑ ፀገማት፣ ንፖሊስታትን ስትራቴጂታትን ልምዓት ተፈፃምነት ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ጠጠው እንተዘይልና ድኽነት ብምዝራብን ብትምኒትን ጥራሕ ክውገድ ኣይኽእልን። ንተፈፃምነትን ውፅኢታውነትን ፖሊስታትን ሰትራቴጅታትን ብቐፃምነት ባህሊ ስራሕና ክምዕብል ይግባእ፡፡ ሕድሕድ ዜጋ ድኽነት ንምውጋድ በብ ዝተዋፈረሉ ዓውዲ ስራሕ ኩሉ ውፅኢታዊ ምኳን ኣለዎ፡፡ ንድሕረትን ድኽነትን ሃገርና ዝጥቀሱ ብዙሓት ታሪኻዊ ምኽንያታት እንተሃለዉ እውን እዞም ጌጋታት እዚኣቶም ንዘይምድጋም ነፍስወከፍ ዜጋ ብውልቁ ክውሰን ይግባእ፡፡



## መልመዲ 10

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ንድኽነትን ድሕረትን ሃገርና መበገስታት ዝኾኑን ነዞም ፀገማት ንምውጋድ መፍትሒ እዮም ኣብ እትብሎዎምን ነጥብታት ተመያየጡ፡፡
2. ኣብ ሃገርና ዝተሓንፀፁ ፖሊስታትን ስራቴጂታትን ልምዓት ተግባራዊ ንክኾኑ ካብ መንግስትን ህዝብን እንታይ ትፅቢት ይግበር? ተመያየጡ፡፡

### 5.5.2. ኣድላይነት ድኽነትን ድሕረትን ንምውጋእ ኣብ ከባቢኻ ኣብ ዝግበር ግልጋሎት ብሰናይ ድሌት ምስታፍ



*ስእሊ 5.3 መናእሰይ ኣብ ተኽላ-ፈልሲ*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?

# ቃልሲ ዘበን ኣብ ሐቐፊ ድኻ

ካብ ዓሰርተ ዓመት ዕድሚኣ ጀሚራ ድኻታት ብፍቕሪ እናቕረበት ተገልግል ነይራ፡፡ ንኣብነት ግደይ ዝተብሃለ ምርኣይ ዝተሰኣኖ መንእሰይ ናብ ዝሓድረሉ ወሰን ዕርጊያ እናኸደት ምግብን ገንዘብን ትህቦ፣ እናመርሐት ዕርጊያ ተሳግሮ ኔራ፡፡ ሓደ መዓልቲ ግደይ ለሚኑ ገንዘብ ብዘይምርካቡ ብጥሜት መዓንጥኡ ዕፅፍ ኢሉ ኣብ ዝወደቀሉ ቦታ ከይዳ ከምዚ በለቶ፤

"ግደይ ሎሚ ኣይቀንዐካን ድዩ?"

"እወ! ሎሚ ኣይቀንዐንን፡፡"

ኢዳ ናብ ቦርሳኣ መሊሳ ገንዘብ ኣውፅአት፤ ኣብ ኢድ ግደይ ኮጭ ኣበለቶ፡፡ ግደይ ምሉእ መዓልቲ ተፀብዩ ዘይረኸቦም ሳናቲም እና ዓኾተ፤ «ካበይ ኣምፂኢኸዮ?» ኢሉ ነዛ ህፃን ሕቶ የቕርበላ፡፡ ንሳውን፤ "እነይ ዝሃበትኒ እዩ፡፡" ኣነ እንተገዛእኹሉ ከረሜላ እዩ፡፡ ንኣኻ ግና ንድራር ይኾነካ እዩ፡፡ ግደይ ናይ ዛቆልዓ ብሩህ ልቦናን ብሱል ኣተሓሳስባን ኣድነቐ፡፡

ሎሚ እታ ኣብቲ እዋን ጓል ዓሰርተ ዓመት ዝነበረት ቆልዓ ዓብያ ፀጋ ዕድመ ተጎናፂፋ ኣንትን ዝብል ክብሪ ረኺባ ኣላ፡፡ ናይቲ እዋን ርህርህቲ ህፃን ናይ ሎሚ ዶክተር ጀንበር ተፈራ ዝተብሃላ ኣዶ እየን፡፡

ዶ/ር ጀንበር ተፈራ ኣብ ዓሰርተ ዓመት ዕድሚኣን ዝጀመረኦ ግልጋሎት ሰናይ ስነ-ምግባር ፍረ-ኣፍርዩ ሎሚ ብሰናይ መርኣያነቶም ካብ ሞንጎ ዝጥቀሱ ናይ ሃገርና ሰባት ሓንቲት ንምኳን በቒዐን ኢየን፡፡ «ፕሮጀክት ልምዓት ከተማ» ብዝብል ዝፍለጥ ትካለን ኣቢለን ኣብ ከባቢ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት ብዙሓት ተግባራት እናፈፀማ ይርከባ፡፡ ካብ ሞንጎ እቶም ማእኸላት መዕቖቢ ሰብ ፀጋ ዕድመ፣ ዕቤት ማሕበረሰብ፤ ክንክን መሰረታዊ ጥዕናን ጨንፈር ልምዓት ከባብን እቶም ዉሑዳት እዮም፡፡

ዶ/ር ጀምበር ተፈራ ክሳብ ሎሚ ካብ ዝፈፀመኦም ሰናይ ስራሕቲ ብፍላይ ማእኸል ሙያን ቤት ንባብን መናእሰይ፣ ቀዳማይን ካልኣይን ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ህንፀት ኬላ ጥዕና፣ መዐደሊ ማይ፣ ንሰብ መንበሪ ዘይኾኑ ገዛውቲ ኣፍሪስካ ብሓዱሽ ናይ ምትካእ ተግባር፣ ህንፀት ናይ ሓባር መገልገሊ ዝኾኑ

እንዳሞጎጎን ሽቓቕን ከም ኣብነት ዝጥቀሱ እዮም፡፡ ነዚ ናይ ዶ/ር ጀምበር ተፈራ ተግባር ሰናይ ድሌት ዝተመልከቱ ነበርቲ እቲ ከባቢ ‹‹ሓቛፊት ድኻ›› ብምባል ይፅዉዕወን፡፡ ሎሚ ዕድመ ዶ/ር ጀምበር ተፈራ 65 ዓመት በፂሑ እዩ፡፡ ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ንምፍፃም ሎሚ'ውን ዕድሚኦን ኣይገደበንን፡፡

(ድሙቓት ፀሓያት ለይቲ፣ ብሰለሞን ጥላሁን ስምረት ገብረ ማርያም፤ 2000 ዓ.ም ካብ ገፅ283-304 ተቆንጢሩን ተመሓይሹን ዝተወሰደ)



## መልመዲ 11

*ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ምንባብ መበገሲ ብምግባር ስዒቦም ንዘለዉ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ንምሃብ ካብ ዶ/ር ጀንበር ተፈራ እንታይ ተገንዚብኩም?
2. ፖሊስን ስትራተጅታትን ልምዓት መንግስቲ ተግባራዊ እናኾኑ እናሃለዉ ከም ናይ ዶ/ር ዝበሉ ዜጋታት ዝሳተፉሉ ተወሳኺ ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ንምንታይ የድሊ?
3. "ድኽነትን ድሕረትን ብግልጋሎት ሰናይ ድሌት ንምስዓር ናተይ ብፅሒት" ብዝብል ርእሲ ሓፂር ፅሑፍ ፅሒፍኩም ንመሓዙትኩም ኣንብቡሎም፡፡

ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ዜጋታት ዘይተሓወሶ ዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ መንግስቲ ዝድለ ውፅኢት ዘይክርብቦ ይኽእል እዩ፡፡ ብፍላይ ከም ኢትዮጵያ ዝበሉ ድኽነት ብምስዓር ሃፍቲ ንምምፃእ ዝፅዕሩ ሃገራት ዜጋታቶም ኣብ ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ብስፍሓት ክሳተፉ ይግባእ፡፡

ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ብድፍኢትን ትእዛዝን ዝፍፀም ተግባር ዘይኮነስ ብዓርሰ ተበግሶ ዝፍፀም ተግባር እዩ፡፡ ንኣብነት፤ መናእሰይ ኣብ ከባቢኦም ንዝርከቡ ኣናእሽተይ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ኣኪቦም ትምህርቶም ከፅንዑ ብምግባር ዝሓሸ

ውፅኢት ንኽረኽቡ ይሕግዝዎም፡፡ ብተወሳኺ'ውን ውፅኢታዊ ተምሃሮ ንምፍራይ ንዘኽእል ፖሊሲ ትምህርቲ ሓገዝ ሂቦም ማለት እዩ፡፡

ነበርቲ ሓደ ከባቢ ዝኾኑ ሰባት ብጉጅለ ተወዲቦም ብሰናይ ድሌት ኣብ ቁሸቶም ንዝርከቡ ጠዋሪ ዝሰኣኑ ሰብፀጋ ዕድመ፣ ሕሙማት ኤች ኣይቪ/ኤድስ፣ ሕሙማት ስነ ኣእምሮን ብዝተፈላለየ ምኽንያት መዕበይ ዝሰኣኑ ህፃናት፣ እንተዝሕብሕቡ፣ ፅሬት ከባቢኦም ክሕሎ እንተዝገብሩ፣ ኣብ መፍረይትን መከፋፈልትን ትካላት ተረኺቦም ነፃ ግልጋሎት ጉልበት እንተዝህቡ፣ ግዕዝይና ብሓባር እንተዝከላኸሉ፣ ብውሕዱ እውን እንተኾነ ማሕበራዊ ፀገማት ሃገሮም ንምቕራፍ ኣስተዋፅኦ እናገበሩ እዮም ምባል ይከኣል እዩ፡፡

ነዚ ዝመስል ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ዝፍፅሙ ዜጋታት ንዕቤት ሃገር ምስ ዘበርክትዎ ኣስተዋፅኦ ጎኒ ንጎኒ ብስነ-ምግባሮም መርኣያ ክኾኑ ከምዝኽእሉ ምሕሳቡ ግቡእ ይኸውን፡፡



መልመዲ 12

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት በብጉጅለ ብምኽን ተመያየጥሎም፡፡**

1. ብግልጋሎት ሰናይ ድሌት ዜጋታት ዘይተደገፈ ትልሚ ልምዓት እቲ ዝድለ ውፅኢት ኣየምፅእን ዝበሃል ንምንታይ'ዩ?
2. ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ብመንግስቲ ትእዛዝ ዘይፍፀም ስለምንታይ እዩ?
3. ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ናይ ፍቶት ሓላፍነት ጥራሕ ዘይኮነስ ብሂራዊ ግቡእ እውን እዩ ዝበሃል ንምንታይ?
4. ኣብ ከባቢኹም ምፍፃም ብዛዕባ ዝግበኣኩም ግልጋሎት ሰናይ ድሌት በብ ጉጅለ ተመያይጥኩም ፀብፃብ ኣቕርቡ፡፡

## 5.6. ዜግነት

### 5.6.1. ምኽባር መሰል ዜጋታት ንምምዕባል ፍቕሪ ሃገር

ዘለዎ ረብሓ፣

- ምኽባር መሰል ዜጋታት ንምምዕባል ፍቕሪ ሃገር እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

### ዜግነታዊ እጃምካ ምውፃእ፣

ዜጋታት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላቶም ተኽቢሩሎም ብነፃነት ናይ ምንባር መሰል ኣለዎም፡፡ ነብስ-ወከፍ ዜጋ ናይ ባዕሉ ኣረኣእያ፣ ፖለቲካዊ ቅዋም፣ እምነትን ፍልስፍናን ክህልዎ ይኽእል እዩ፡፡ ዝኾነ ሰብ መሰል ካልእ ክሳብ ዘይተንከፈን ናተይ ሓሳብ ጥራሕ ተቐበል ኢሉ ክሳብ ዘየገደደ ብሰላማውን ሃናፂ ብዝኾነ መልክዑን ኣተሓሳስብኡን መርገፂኡን ብነፃነት ምግላፅ ኣይኽልከልን፡፡ ብመንፅሩ ድማ ነፍስወከፍ ዜጋ ከምቲ ናይ ባዕሉ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰሉ ንኽኽበረሉ ከምዝደሊ ኩሉ ናይቲ ካልእ መሰል'ውን ከምኡ ከኽብር ይግባእ፡፡

ኢትዮጵያ ሃገር ብዙሓት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እያ፡፡ እዞም ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ድማ ናይ ዓርሶም ቋንቋ፣ ባህልን እምነትን ኣለዎም፡፡ በዚ ምኽንያት ዝኾነ ሰብ ምስ ናቱ ብሄር ባህልን ቋንቋን ፍሉይ ምትእስሳር ስለዘለዎን መግለፂ መንነቱን'ውን ስለ ዝኾነ መሰሉ ከይተሸራረፈ ክኽበረሉ ይግባእ፡፡ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰል ዜጋታት ብርግፀኛነት ዝኽበር እንተኾይኑ ብህዝቦምን ሃገሮምን ክኾርዑን ብፅሒት ዜግነቶም ብዝግባእ ክዋፅኡን ይኽእሉ፡፡ እዚ ኩነታት ድማ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ንምምዕባል ልዑል ብፅሒት ኣለዎ፡፡



መልመዲ 13

ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስርሑ፡፡

1. ልዕል ኢሉ ዝቐረበ ፅሑፍ ብዛዕባ ኣተሓላልዋ መሰል ዜጋታት እንታይ መልእኽቲ የተሓላልፍ?

2. ዜጋታት ዴሞክራሲያውን ሰብኣውን መሰላቶም ዘይኽበረሎም እንተኾይኑ ብዜግነቶም'ዶ ክኾርዑ ይኽእሉ?
3. ምኽባር መሰል ዜጋታት ምስ ፍቕሪ ሃገር ዘለዎ ምትእስሳር ከመይ ይግለፅ?

ሓንቲ ሃገር ፅባቐኣ ዜጋታታ እዮም፡፡ መሰላቶም ብሕገ መንግስቲ ተረጋጊፁ ዝተኽበረላቶም ዜጋታት ሃገሮም ንምልማዕን ንልዕልና ሃገሮም ዋርድያ ንምዃንን ኩሉ ሻዕ ድልዊ ምዃን ኣለዎም፡፡ ዜግነታዊ መሰሉ ዘይተኽበረሉ ሰብ ስምዒት ፍቕሪ ሃገሩ ዝጠንከረ ኣይኸውንን፡፡ ብዜግነቱ ዝሸቑረር ሰብ ሕሊናዊ ዕረፍትን ርውየትን ኣይህልዎን፡፡ ድኽነት ንምውጋድ ኣብ ዝግበር ፃዕሪ'ውን ኣብ ልምዓት ሃገሩ ንጡፍ ተሳታፊ ኣይኾንን፡፡

ሕገ መንግስቲ ሃገርና መሰል ነብስ-ወከፍ ዜጋ ክሕሎ ዝገብር ውሕስና ስለዝሃበ ብዙሓት ሰባት ኣብ ጉዳይ ሃገሮም ብንጥፈት እንትሳተፉ ይርአ እዩ፡፡ ሃፍቲ ዘለዎ ርእሰማሉ (መዋእለንዋይ) እናፍሰሰ ሃገሩ ብልምዓት እናሃነፀ ይርከብ፡፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝነብሩ ኢትዮጵያውያን ኣብዚ ሕዚ እዋን ናብ ሃገሮም ተመሊሶም ኣብ ስራሕቲ ልምዓት ንጡፍ ተሳትፎ ኣብ ምግባር ይርከቡ፡፡ ብዙሓት ምሁራትን ሰብ ሃፍትን ነቲ ዝተፈጠረ ምቹው ኩነታት ተጠቒሞም ናብ ሃገሮም ብምምላስ ብዝሰልጠኑሉ ዝተፈላለዩ ሙያታት ንሃገሮም ኣብ ምግልጋል ይርከቡ፡፡

እዚ ኩነታት ዘመልክቶ መሰላት ዜጋታት ከይተሸራረፉ እንትኽበሩን ናይ ነብስ-ወከፍ ሰብ መሰል እንትኽበርን ስምዒት ፍቕሪ ሃገሩ ብኡ ልክዕ እና ማዕበለ ዝኸይድ ምዃኑን እዩ፡፡

ካብ መግለፅታት ምዕባለ ፍቕሪ ሃገር ገሊኦም፡-ብስጡም መንፈስ ስራሕ ውፅኢታዊ ተግባር ምምዝጋብ፣

- ንምዕሳል ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን እጃምካ ምውፋይ፣
- ኣብ ኸባቢያውን ሃገር ለኻውን ጉዳያት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ድፍኢት ምስታፍ፣
- ናይ ሓባር ድሕንነት ንምርግጋፅ ሃገራዊ ሓላፍነት ዜግነት ምውፃእ፣ ዝብሉ ብቀዳምነት ዝጥቀሱ እዮም፡፡ እዞም ተግባራት እንትፍፀሙ ምዕባለ ሃገር ገሃድ ይኸውን፡፡ ታሪኽ ድኽነት ሃገርናውን ይልወጥ፡፡



## መልመዲ 14

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. መሰል ዜግነቱ ዘይተኸበረሉ ሰብ ሃገሩ ካብልቡ ብምፍታው ብዕሒቱ'ዶ ክዋፃእ ይኽእል?
2. ሃገሩ ዝፈቱ ዜጋ ክፍፅሞም ካብ ሞንጎ ዝግብኡ ተግባራት ሰለሰተ ዘርዝሩ?

## 5.7. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ

### 5.7.1. ሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርን ፍቕሪ ሃገር ንምምዕባል ዝህልዎም ኣስተዋፅኦ፡







*ስእሊ 5.4 ጀጋኑ ኣትሌታትና*

- ልዕል ኢሉ ካብ ዘሎ ስእሊ እንታይ ትዕዘቡ?

## ሃገራዊ መዝሙር ኢትዮጵያ

የዜግነት ክብር በኢትዮጵያ ፀንቶ፣
ታየ ህዝባዊነት ዳር እስከ ዳር በርቶ፣
ለሰላም ለፍትህ ለህዝቦች ነፃነት፣
በእኩልነት በፍቅር ቆመናል በኣንድነት፣
መሰረተ ፅኑ ሰብእናን ያልሻርን፣
ህዝቦች ነን ለስራ በስራ የኖርን፣
ድንቅ የባህል መድረክ የኣኩሪ ቅርስ ባለቤት፣
የተፈጥሮ ፀጋ የጀግና ህዝብ እናት፣
እንጠብቅሻለን ኣለብን ኣደራ፣
ኢትዮጵያችን ኑሪ እኛም በኣንቺ እንኩራ፡፡



### መልመዲ 15

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ኣብቲ ሃገራዊ መዝሙር ዝተኻተቱ ቀንዲ ቀንዲ መልእኽትታት እንታይ እዮም?
2. «ድንቅ የባህል መድረክ» ወይ ድማ ግርም መድረኽ ባህሊ" ዝብል ሓረግ እንታይ ይገልፅ?
3. ዜጋታት ክብሪ ሃገሮም ክሕልዉ ዘተሓሳስብ ሓረግ ኣየንኡ እዩ?

ሰንደቕ ዕላማ ናይ ሓደ መንግስትን ህዝብን ሉኣላዊነት፣ ነፃነትን ስልጣንን ዘርኢ ምልክት እዩ፡፡ ብምኻኑ'ውን ንሰንደቕ ዕላማ ክብሪ ምሃብ ማለት ንሃገርናን ህዝብናን ዘለና ፍቕርን ክበሬታን ምግላፅ ማለት እዩ፡፡

ሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርን ምስፍቕሪ ሃገር ኣዝዮም ዝተኣሳሰሩ

እዮም፡፡ ንኣብነት ስፖርተኛታት ሃገርና ኣብ ኣደባባይ ስፖርት ዓለም ሰዓራይነቶም ስዒቡ ሰንደቕ ዕላማና ልዕል ኢሉ እንትምብልበል ስምዒት ሓጎስ እናተሓናነቖም ንብዓቶም የፍስሱ እዮም፡፡

ካብ ታሪኽና ከምንግንዘቦ ሃገረይ እፈቱ እየ ዝብል ዜጋ ፍቕሩ ምግላፅ ዝግብኦ ንሃገሩ ብዝወክል ሰንደቕ ዕላማን ምስዚ ተተሓሒዙ ብዝዝመር ሃገራዊ መዝሙርን ምዃን ይግብኦ፡፡ በቶም ቀደም ዝነበሩ መንግስታት ይእመነሉ ከምዝነበረ ሰንደቕ ዕላማ ዝኸበርን ሆ ኢልካ ህዝቢ ዝቕስቀሰን ወረርቲ ንምምካት ጥራሕ ክኾን የብሉን፡፡ ንሓንሳእን ንመወዳእታን ኣብ ልዕሊ ድኽነት ዘሚትካ ሰዓራይ ንምዃን'ውን ኣብ ዙርያ ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማና ተኣኻኺብካ ሃገርና ናብ ምዕባለ ክትሰጋገር ምግባር ካባና ዝሕሎ ተግባር እዩ፡፡

ሰናይ ምምሕዳር ንምዕሳል፣ ምፍቕቓርን ምክብባርን ንምጉልባት ኣብ ዙርያ ሰንደቕ ዕላማ ምምይያጥ ግቡእ'ዩ ዝኸውን፡፡ ንሰንደቕ ዕላማና ፍቕሪ እንትህልወና ሃገራዊ ፍቕሪ'ውን ልዕል ይብል ብዕሒት ዜግነትና'ውን ብብቕዓት ንምፍፃም ዓቕሚ ፅንዓት ይኾነልና፡፡



## መልመዲ 16

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ንሃገርናን ንህዝብናን ዘለና ፍቕሪ ከመይ ብሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርናን ምግላፅ ከም ዝከኣል በብጉጅለ ተመያየጡ፡፡
2. ሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርን ዘይፈቱ ዜጋ ሃገረይ እፈቱ እየ ንምባል'ዶ ይኽእል? ተመያየጡ፡፡
3. ናይ ሃገሮም ሰንደቕ ዕላማ ክንብልበል ዝገበሩ ተጋሩ ኣትሌታት እንመን ትፈልጡ? እስኪ ተመያየጠሉ።

# መጠቓለሊ

እዚ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ኣብ ውሽጢ ስምዒት ነብስ-ወከፍ ዜጋ ምቕራፅ ዝከኣል ታሪኻትን ባህልታትን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምኽባር እንትከኣል እዩ፡፡ ንናይ ሃገሩ ባህልን ታሪኽን ጋሻ ዝኾነ ሰብ ንስምዒት ፍቕሪ ሃገር ዝህልዎ ቦታ ትሑት እዩ፡፡

ታሪኽን ባህልን ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምፍላጥ ጥራሕ ንባዕሉ እኹል ኣይኮነን፡፡ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላት ህዝብታት ብማዕረ ተኸቢሮም ኩሉ ዜጋ ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ብማዕረ ደረጃ ተሳታፊ እንትኾን ምዕባለ ርኡይ ይኸውን፡፡ ንጉዳይ ሃገሩ ጓና ዝኾነ ዜጋ ሃገርካ ፍቶ እንተዝበሃል ትርጉም ኣይህልዎን፡፡

መሰል ዜጋታት ብተግባር እንተተረጋጊፁ ሃገራዊ ዝኾነ ሓበራዊ ኣረዳድኣ ይህሉ፡፡ ናይ ሓባር ኣረዳድኣን ምትሕልላይን እንተሃልዩ ብውሱን ሃፍቲ ሃገር ተዓዲጎም ንናይ ሓባር ግልጋሎት ረብሓ ዝውዓሉ መሳርሕታትን ንብረታትን ብጥንቃቐ ይተሓዙ፡፡

ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ኣብ ውሽጢ ልቡ ሰሪፁ ዝኣተዎ ዜጋ ንደሕንነት ህዝቢ ስግኣት ካብ ዝኾኑ ኣፅነውቲ ተግባራትን ጥፍኣትን ዓርሱ ይሕሉ፡፡ ኣፅነውቲ ተግባራት ከይፍጠሩ'ውን ይቃለስ፣ ተፈጢሮም እንተተረኺቦ'ውን ብዘይ ገለ ስክፍታ ንኣካላት ፍትሒ ኣሕሊፉ ይህብ፡፡

ኩሉ ሃገረይ ይፈቱ እየ ዝብል ዜጋ ክብሪ ሃገሩ ንክሕሎ ይፅዕር፤ ንሰንደቕ ዕላማን ኣብ መዝሙርን ሃገሩ ፍሉይ ክብርን ፍቕርን ይህልዎ፡፡ መግለፂ ክብሪ ሃገሩ ኣብ ትሕቲ ሰንደቕ ዕላማ ብምትእኽካብ'ውን ዘሕብን ታሪኽ ሃገሩ ሓልዩን ምፅናሕ ኩሉ ግዘ ቃሉ ከሕድስሕ ኣለዎ፡፡

ሃገርና ካብ ድኽነትን ድሕረትን ተናጊፋ ናብ ዝሓሸ ዕቤት ልዕል ክትብል ኩሎም ዜጋታት፣ መንግስቲ ንዝሓንፀፆም ስትራቴጅታትን ፖሊሲታትን ልምዓት ተግባራውነት ብፅሒቶም ክዋፅኡ ይግባእ፡፡ ድኽነት ንምጥፋእ ብመንግስቲ ዝሕንፀፁ ስትራቴጂታትን ትልምታትን ልምዓት ብተሳትፎ ሰናይ ድሌት ዜጋታት እንተዘይተሓጊዞም ትፅቢት ዝተገበረሉ ውፅኢት ዘይክምዝገብ ይኽእል፡፡

ታሪኽ ድኽነት ሃገርና ንምልዋጥ በቲ ሓዱሽ ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ድኽነት ነበረያ ነበረ ብምግባር ዘላቒ ልምዓት ንምምፃእ ምርብራብ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እዩ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ሉኣላዊ ሃገር፡-** ሃገራዊ ነፃነቱን ክብሩን ብሓይሊ ወፃኢ ዘይተደፍረ ነፃ ሃገር

**ህያባት ዴሞክራሲ፡-** ዴሞክራሲ ዘምፅኦም ጠቐምቲ ውፅኢታት

**ሰናይ ምምሕዳር፡-** ፍትሓውን ኣድልዎ ዘይብሉን ምምሕዳር

**ኣዕነውቲ ተግባራት፡-** ድሕንነት ህዝብን ሃገርን ኽናግዑ ዝኽእሉ ተግባራት ጥፍኣት

**መዋእለንዋይ፡-** ዝንቀሳቐሰን ዘይንቀሳቐስን ቀዋሚ ሃፍቲ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ምስኣንበብኹም ሓቂ ንዝኾኑ ‹‹ሓቂ›› ጌጋ ንዝኾኑ ‹‹ጌጋ›› ብምባል መልሱ፡፡*

1. ሃገርና፣ “ሙዚየም ብሄረሰባት” ተባሂላ እትፅዋዕ ብዙሓት ባህልታትን ቋንቋታትን ስለ ዘለዉዋ እዩ፡፡
2. ታሪኽ ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ምፍላጥ ዝከኣል መልክኣ ምድራዊ (ጀኦግራፊያዊ) ኣቀማምጥኡ ብምፅናዕ ጥራሕ እዩ፡፡
3. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማን ሃገራዊ መዝሙርን መግለፂ ፍቕሪ ሃገር እዮም፡፡
4. ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ብመንግስቲ ዝካየድ ምንቅስቓሳት ልምዓት ኣይድግፍን፡፡
5. ሃገራዊ ኣርማ ሰንደቕ ዕላማና መግለፂ ማዕርነት ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን እዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ ‹‹ሀ›› ዝተዘርዘሩ ምስ ኣብ ትሕቲ ‹‹ለ›› ዝተቐመጡ ኣዛምዱ፡፡*

| ‹‹ሀ›› | ‹‹ለ›› |
|---|---|
| 1. ብዓርሰ ተበግሶ ዝፍፀም ተግባር | ሀ. ሃገራዊ መዝሙር |
| 2. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ | ለ. ሃገራዊ ምልክት |
| 3. ሃገራዊ ኣርማ | ሐ. መግለፂ ህዝበታት |
| 4. ዴሞክራሲ | መ. ሃፍትን ምስሊ ሃገርን ዝጎድኡ ተግባራት |
| 5. መግለፂ ቃልኪዳን ዜጋታት | ረ. መሰል ሓሳብካ ብነፃ ምግላፅ |
| 6. ኣዕነውቲ ተግባራት | ሰ. ናይ ሓደ ሉኣላዊ ሃገር ኣርማ |
| 7. ባህልን ቋንቋን | ሸ. ግልጋሎት ሰናይ ድሌት |

III. *ስዒቦም ዘለዉ ባዶ ቦታታት ብትኽክለኛ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡*

1. ህዝቢ ሓደ ከባቢ ብማዕረ ዝጥቀመሎም __________ ይባሃሉ፡፡
2. ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ኣብ ግልጋሎት __________እንተዝሳተፍ ርውየት ሕሊና ይርከብ፡፡

IV. *ትኽክለኛ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ሃገርና ነፃነታ ተኸቢሩ ዝነብር፣
   ሀ. ብጥንካረ ሓይሊ መከላኸሊ እዩ፡፡
   ለ. ብስትራቴጂያዊ ኣቀማምጥኣ እዩ፡፡
   ሐ. ብተጋድሎ ጀጋኑ ደቃ እዩ፡፡
   መ. ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡
2. ሓድ ሓደ ታሪኻት ብሂራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ኢትዮጵያ ክዛብዑ ዝኽኣሉ፣
   ሀ. ኩሎም ታሪኻት ብወፃእተኛታት ሰባት ስለ ዝተፅሓፉ ጥራሕ እዩ፡፡
   ለ. ብፀሓፍቲ ታሪኽ ደቂ ሃገር ስለዘይተፅሓፉ እዩ፡፡
   ሐ. ዝተዛብዑ ታሪኻት የለዉን፡፡
   መ. ብሓደ ሓደ ወፃእተኛታትን ደቂ ሃገርን ፀሓፍቲ እንትፀሓፉ

ብእኹል መረዳእታ ብዘይምድጋፎም እዩ፡፡

1. ንሃፍቲ መንግስትን ህዝብን ሓለዋ ምግባር ዘለዎ
   ሀ. ነብስ-ወከፍ ዜጋ ኣብ ዝጠዓሞ እዋን ጥራሕ እንተሓሊዩ እኹል እዩ
   ለ. ክሕሉ ዝግብኦ ሓይሊ ፖሊስ ጥራሕ እዩ፡፡
   ሐ. ሓድሓደ ጊዜ መንግስቲ ሓለሓሊፉ ድማ ህዝቢ እንተሓሊዩ እኹል እዩ፡፡
   መ. መንግስትን ህዝብን ብምትሕብባር ክሕልውዎ ይግባእ፡፡
2. ሃገራዊ ሰንደቕ ዕላማ፣
   ሀ. ምልክት ነፃነት እዩ፡፡
   ለ. መረጋገፂ ሓድነት እዩ፡፡
   ሐ. መፍለይ ምልክት ሉኣላዊ መንግስቲ እዩ፡፡
   መ.ኩሎም መልሲ ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡
3. ሃገረይ እፈቱ እየ ዝብል ዜጋ
   ሀ. ኣብ ጉዳይ ሃገሩ ቐጥተኛ ተሳታፊ ምኻን ኣለዎ፡፡
   ለ. ንሃገሩ ሰንደቕ ዕላማን መዝሙርን ግቡእ ክብሪ ይህብ፡፡
   ሐ. ንናይ ሓባር መገልገሊ ናውትታት ጥንቃቐ ክገብር ይግባእ፡፡
   መ. ኩሎም መልሲ ይኾኑ እዮም፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፀርቲ መልሲታት ሃቡ፡፡*

1. ሃገርና ካብ ድኽነት ንምንጋፍ ካብ ነብስ-ወከፍ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግበር?
2. ዜጋታት ግልጋሎት ሰናይ ድሌት ንኸህቡ ዝተባብዑ ንምንታይ እዩ?
3. መሰል ዜጋታት ብማዕረ እንትኽበር ስምዒት ፍቕሪ ሃገር ይምዕብል ዝበሃል ንምንታይ እዩ?
4. ንናይ ሃገርና ሰንደቕ ዕላማን መዝሙርን ዘለና ክብሪ እንገልፆ ብከመይ እዩ?

# ምዕራፍ ሽዱሽተ

## ስምዒት ሓላፍነት

### ዕላማታት ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ፡-

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ተማሂርኩም ምስ ፈፀምኩም፡-

- ምኽባር ቃል ኪዳን ኣድላዪ ምዃኑ ትግንዘቡ፣
- ብፅሒት ሓላፍነት ብብቕዓት ምውፃእ ከምዘድሊ ትኣምኑ፣
- ምሕላውን ምክንኻንን ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ኣድላዪ ምዃኑ ትግንዘቡ፡፡
- ኤች ኣይቪ /ኤድስ ኣብ ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ሃገር ዘስዕቦ ፀገማት ትርድኡ፡፡

## 6.1. ብፅሒት ሓላፍነት ብብቅዓት ምፍፃም

### 6.1.1 ብፅሒት ሓላፍነት ብብቅዓት ምፍፃም ዘለዎም ረብሓ



*ስእሊ 6.1 ሰራሕተኛታት መከላከሊ ባርዕ ሓዊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ካብ ዝተባረዐ ሓዊ ህይወትን ንብረትን እንተድሕኑን እንትከላኸሉን*

- ሰራሕተኛታት መከላከሊ ባርዕ ሓዊ ብድፍረትን ብቆራፅነትን ነቲ ባርዕ ሓዊ ንምጥፋእ ንምንታይ ተቓሊሶም?
- ኣብዚ ስእሊ ከምዝርአ ሰራሕተኛታት መከላኸሊ ባርዕ ሓዊ እንተ ዘይቆፃፀርዎ ዘስዕቦ ሓደጋ እንታይ ክኸውን ይኽእል?

# በይዛነት

ጠየቕቶም ኣብ ኩሉ ብርኪ ዕድመ ዝርከቡ ኣባላት ነይሮም። ኩሎም መግለፂ ኣኽብሮትን ፍቕርን ሒዞም እዮም መፂኦም። ኣይተ ተመስገን ተስፋይ ግና ዓይኒ ብዙሓት እንተዐረፎምኳ ኣዕይንቶም ግና ኣይረኣያን። ቃል'ውን ኣይተዛረቡን። ኣብ ዓራቶም ከቢቦም ኣብ ስምዒት ሓዘኔታን ምድናቕን ዝነበሩ ተምሃሮን ካልኦት ሰባትን እቲ ክፍሊ ፀጥታ ዝዓሰሎ ነይሩ።

ኣይተ ተመስገን ኣእዳዎምን ኣእጋሮምን ከምኡውን ርእሶም ፃዕዳ ሻሽ ተጠምጢሞም መንነቶም ንምፍላይ ኣብ ዘፅግመሉ ኩነታት እዮም ዘለዉ። ብፍላይ ገፆም ሓቢጡ ዝተሸፈንሉ ፃዕዳ ሻሽ ብደም ስለዝተኣለኸ ብጣዕሚ'ዩ ዘስካሕኽሕ።

ኣይተ ተመስገን ዋላኳ ካብ ሓደጋ ሞት እንተተረፉ ኣዒንቶም ገሊፆም እንተይረኣዩን እንተይተዛረቡን ብዙሕ ግዘ ፀኒሖም በታ ዕለት ግና ብሓንደበት ቀልቦም ተመሊሱ እቲ ዝዓሰለ ፀጥታ እውን ተሰበረ። ዓይኖም'ውን ቆላሕላሕ ኣቢሎም ናይ መጀመርያ ሕቶኦም «እቶም ህፃውንቲ ተሪፎምዶ?›› ዝብል ነበረ። ብሓንደበት ሓጎስ ዝተመልአ ድምፂ ‹‹ተሪፍና ኢና ደሓን ኢና ነመስግን›› በሉ እቶም ተምሃሮ ድምፆም ካብቲ ዘለዉዎ ክፍሊ ሓሊፉ እናተሰምዐ። ሽዑ ንሽዑ ድማ ኣብ ዓራት ኣይተ ተመስገን ዕምበባ ተነስነሰ። ዛሕቲሉ ዝነበረ ክፍሊ ብዕልልታን ጣቕዒትን ተወዓዓየ።

መልዓሊ እቲ ባርዕ ሰራሕተኛታት ፅርየት ቤት ትምህርቲ ሰላም ሙሉእ ቀዳማይ ብርኪ ዝኾነ ይሕደጎ ዝተብሃለ ብዝደብረያ ቁራፅ ሸጋራ ዝተለዓለ ሓዊ ገመዳት ኤሌትሪክ ብምቅፃሉ እዩ። ብዙሓት መምሃሪ ክፍሊታት ቆርቆሮኦም ኣብ ሓፂር እዋን ተተሓሒዙ ነደደ። ብስልኪ ዝተፀወዑ ሰራሕተኛታት መከላከሊ ባርዕ ሓዊ ብቕልጡፍን ብድፍረትን ብዙሓት ህይወት ተምሃሮን ንብረትን ኣድሓኑ።

ካብ ኩሉ ዝበለፀ ድማ ኣይተ ተመስገን ናብቲ ሃልሃልታ ባርዕ ሓዊ ብድፍረት ብምእታው ንድሕሪት ቀርዮም ንዝነበሩ ተምሃሮ 7ይ ክፍሊ ካብቲ ባርዕ ሓዊ ብምውፃእ ስራሕ በይዛ ሰሪሖም። ብዝበፅሖም ምቅፃልን ብትኪ ምዕፋንን ኣእምሮኦም ስሒቶም እንትወድቁ ብሓገዝ ሰባት ወፂኦም ንምሕካም በቒዖም።

ይሕደጎ ብሸለልትነት ብዝፈጠሮ ሓደጋ ምኽንያት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ክውዕል ተገይሩ መቕፃዕቲ ተቐበለ፡፡ ውሉፍ ብምዃኑ ድማ ዘጥረዮ ንብረት ስለዘይነበሮ ምስ ተኣሰረ ስድርኡ ተበቲኑ፡፡ ብዓልቲ ገዝኡ ሕምምቲ ስለ ዝነበረት ናብ ልመና ኣተወት፡፡ ደቁ'ውን ካብ ትምህርቶም ተፈላሊዮም ናብ ጎዳና ተመሓደርቲ ተሓወሱ፡፡

ኣይተ ተመስገን ግና ንሞዮኦም ተኣማኒ ብምዃን ሓላፍነቶም ብብቕዓት ተዋፂኦም፡፡ ህይወት ብዙሓት ተረከብቲ ሃገር ተምሃሮ ስለዘትረፉ ድማ ተመስገኑ፡፡ ካብ ክጥይቕዎም ዝመፁ ብዙሓት ዝተፈላለዩ ትካላት ምስጋና፣ ናእዳን ሽልማትን ተውሂቦም፡፡ ብዘርኣይዎ ውፍይነት ስራሕን ክብሪ ስራሕን ፣ ናእዳን ተፈታውነትን ኣትረፉ፡፡



## መልመዲ 1

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡**

1. ስራሕ ቤይዛነት እንታይ እዩ?
2. ተግባር ኣይተ ተመስገን እንታይ የመላኽት?
3. ሓላፍነት ብብቕዓት ምውፃእ ብዝምልከት ኣብ መንጎ ኣይተ ተመስገንን ኣብ ኣይተ ይሕደጎን ዘሎ ፍልልይ ብምንፅፃር ግለፁ፡፡

ብዕሊት ሓላፍነት ብብቕዓት ምውፃእ ውልቃውን ማሕበራውን ምዕባለ ክርከብ ኣብ ልዕሊ ምግባሩ ንዕብየት ሃገር ወሳኒ ሰረት እዩ፡፡ ዝኾነ ዜጋ ብዕሊት ሓላፍነቱ ብብቕዓት እንተተዋፂኡ ብቐንዱ ዕግበት ስነልቦና ይረክብ፡፡ ጥንቁቕ ሰራሕተኛ ብምዃኑ ዝረኸቦ እቶት ኣብ መነባብሮኡ ጭቡጥ ለውጢ የምፅእ፡፡ ብሓፈሻ ሓላፍነት ዝተዋፅኡ ውልቀ ሰባት ካብ ባዕሎም ሓሊፉ ንሕብረተሰብ ኩለመዳያዊ ዕብየት የምፅኡ፡፡

ብዕሊት ሓላፍነት ብብቅዓት ዝዋፅኡ ዜጋታት ተኣማንነት ኣለዎም፡፡ ተኣማንነቶም'ውን ብተግባር ዘረጋግፁ እዮም፡፡ በቲ ሕብረተሰብ'ውን ተፈተውቲ እዮም፡፡ ብዕሊት ሓላፍነቶም ብዝግባእ ዝዋፅኡ ብዜግነታዊ ዕላማኦምን ብውዕኢቶምን ዝተኸበሩን ብመርኣያነቶም ዝጥቀሱን ይኾኑ፡፡ ከም'ዚኦም ዝበሉ

ናይ ተግባር ሰባት ናይ ባዕሎም ናብራ ብፃዕሮምን ብውፅኢቶምን የማዕብሉ፡፡ ብተወሳኺ´ውን መሰጎምቲ ስሉጥ ልምዓት ሃገር ኮይኖም የገልግሉ፡፡



መልመዲ 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ብፅሒት ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም እንታይ ማለት እዩ?
2. ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም ዝህቦ ረብሓ ዘርዝሩ፡፡

### 6.1.2. ብፅሒት ሓላፍነት ብብቕዓት ዘይምፍፃም ዘስዕቦ ፀገም

ዝተውሃቦ ሓላፍነት ስራሕ ብቅንዕናን ተኣማንነትን ዘይፍፅም ውልቀ ሰብ ንባዕሉን ንስድርኡን የድኺ፡፡ ነቲ ስራሕ ብምብዳሉውን ዕንቅፋት ልምዓትን ዕብየትን ብምኻን ዕቤየት ሕብረተሰብ የጓትት፡፡ እቲ ሕብረተሰብውን እምነት ዘየሕደረሉን ንዝተፈላለዩ ጉዳያት ውክልና ዘይህቦን ይኸውን፡፡ ኣብ መነባብሮ ስድርኡ ዕብየትን ለውጥን ኣየምፅእን፡፡ ዝወልዶም ቆልዑ ካብ ስርዓት ወፃኢ ስለዝዓብዩ ነቲ ሕብረተሰብ ሓደጋን ሸኽምን ይኾኑ፡፡ ስለዚ ዝኾነ ሰብ ዝተወሃቦ ሓላፍነት ብብቕዓትን ብትግሃትን ክዋፃእ ኣለዎ፡፡



መልመዲ 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ሓላፍነት ብብቕዓት ዘይምፍፃም ኣብ ውልቀ መነባብሮ ዘስዕቦ ጉድኣት ግለፁ፡፡
2. ሓላፍነት ዘይስምዖ ሰነፍ ሰብ ውልቃውን ማሕበራውን ህይወቱ እንታይ ይመስል?

## 6.2. ምኽባር ቃል ኪዳን

- ቃል ኪዳን እንታይ እዩ?
- ምኽባር ቃል ኪዳን እንታይ ጥቕሚ ኣለዎ?

# ዝተዓፀፈ ቃል

ትካል "ቅሳነት ደኻትም ህፃናት መዕበዪ" ሰናይ ሰራሕቲ ንምስራሕ ዝተጣየሸ ዘይመንግስታዊ ትካል እዩ፡፡ ብዝቕረቦም ትልሚታትን መተግበሪ ብልሓታትን ስትራቴጅን ንዜጋታት ሓገዝ ንምሃብ ብዝኣተዎ ቃል ኪዳንን ካብ መንግስቲ ፍቃድ ረኺቡ እዩ፡፡ ብምኽንያት ኤች ኣይቪ/ኤድስን ብዝተፈላለዩ ፀገማትን ወለዶም ዝሞትዎም ካብ ክልተ ሚኢቲ ንላዕሊ ዝኾኑ ህፃናት ብምትእኽኻብ ስርሑ ካብ ዝጅምር ሸውዓተ ዓመት ገይሩ ኣብ ውሽጢ ሃገር ኮነ ወፃኢ ምስ ዘለዉ ገበርቲ ሰናያት ርክብ ብምፍጣር ነቶም ህፃናት ንምሕብሓብን ንምዕባይን ተባሂሉ ብርክት ዝበለ ሓገዝ ገንዘብን ናውትን ረኺቡ እዩ፡፡

ኾይኑ ግና ብዘይካ ኣመሓደርትን ሰራሕተኛታትን እቲ ትካል በቲ ትካል ዝሕገዙ ህፃውንቲ ኣብ ገፆም ምልክት ፍሽኽታ ኣይረአዮምን፡፡ ስሚዕቶም ብቕሬታ ዝተመልአ መሲሉ'ዩ ዝረአ፡፡ እቶም ዕብይ ዕብይ ዝበሉ ድማ ብሓዘን መንፈሶም ተሰይሩ እቲ ትካል ኣብ ዘሸከሞም ከቢድ ሰራሕ ተዋፊሮም ኣለው፡፡ ብኣካልን ብሞራልን ዓብዮም ብትምህርቲ ተሃኒፆም ተረከብቲ ዓዲ ክኾኑ እዮም ዝተብሃሉ መንእሰያት ዕድል ትምህርቲ እንተይረኸቡ ዓመታት ኣሕሊፎም፡፡

እቲ ትካል ኣብ ቅድሚ ገበርቲ ሰናይ ወገናትን መንግስትን ዝኣተዎ ቃል ብዘይ ምሕላዉ ካብ መንነ ነዚ ዝተዓዘቡን ዝተረድኡ ተሓገዝቲ መንእሰያት እቲ ዝበፅሖም ዘሎ በደል ንኽስምዑ ወሰኑ፡፡ ፈለማ ኣብቲ ትካል ንዘለዉ ሰባት ዝበፅሖም ዘሎ በደል ብዝግባእ ክግንዘቡ ገይሮም፡፡ ብምቕፃል ምምሕዳር ናይቲ ጣብያን ማሕበር መናእሰይን ንኽርድኡሎም ኣፍለጡ፡፡ ብተወሳኺ ሕቶኦም ጥርዓን ኣብ ዝቐርበሉ እዋን ንኽርከቡ'ውን ዓደምዎም፡፡

ብድሕሪኡ እቶም መናእሰይ በቲ ዝወሰንሉ እዋን ኣብ ፊት ንፊት ቤት ፅሕፈት ምምሕዳር ናይቲ ትካል ተሰሊፎም ግቡእ ዕድል ትምህርቲ፣ ዝተመጣጠነ ብፅሒት ስራሕ፣ ደረጅኡ ዝሓለወ ምግብን ክዳንን፣ ከምኡ'ውን እኹል ግዘ መዕናዕቲ ንኽወሃቦም ሓተቱ፡፡

ኣመሓደርቲ እቲ ትካል በቲ ኩነታት ጉህዮም መራሕቲ ንዝኾኑ መናእሰይ ንምብራር ነቶም ዝተረፉ ድማ ንምቕፃዕ ተለሙ፡፡ ኾይኑ ግና እቲ ምምሕዳር

ጣብያን ዝምልከቶም ትካላትን ብዝገበርዎ ምትሕብባርን ምፅራይን እቲ ትካል «ቃሉ ከምዝዓፀፈ ብምግላፅ ነቶም ቃልኪዳኖም ዘየኽብሩ ኣማሓደርቲ ኣወገዶም፡፡ ኣብ ክንድኦም ድማ ሓላፍነት ዝስምዖም ዜጋታት ተመዲቦም እቶም ህፃውንቲ ግቡእ ሓገዝን ዕድል ትምህርትን ክረኽቡ ተገይሩ፡፡»



### መልመዲ 4

**ብመሰረት እዚ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. እቲ ብመሰረት ዝኣተዎ ቃል ኪዳን ዘይሰርሐ ትካል እንታይ ፀገም ኣስዒቡ?
2. እዚ ትካል ሓላፍነቱ ብትኽክል እንተዝዋፃእ ነይሩ ኽረኽቦ ዝግባእ ረብሓ እንታይ ነይሩ?

ምኽባር ቃል ኪዳን፣ ክእለት ምፍፃም ሓላፍነትን ጥንካረ መንፈስን ዘርኢ ብቕዓት እዩ፡፡ ብመሰረቱ ቃል ኪዳን መረጋገፂ እምነት ዝኾነ ክቡር ቃል እዩ፡፡ ቃል ኪዳን ብነፍስ ወከፍ ዜጋ፣ ብትካልን መንግስትን ዝወሃብ መተኣማመኒ ተስፋ እንትኾን እቲ ቃል ዝኣተወ ኣካል ቃሉ ምኽባሩ ዘረጋገፀሉ ድማ ውፅኢቱን ተግባሩን እዩ፡፡

ሓላፍነት በብቕዓት ምውፃእን ምኽባር ቃል ኪዳንን ምስ ዝኾነ ዓይነት ስራሕን ኣብ ዝኾነ ብርኪ ሓላፍነትን ዝርከብ ሰብ ዝሕሎ ወሳኒ ምንቅስቓስ እዩ፡፡ ተግባር ውልቀ ሰባት ንዕብየት መንባብሮ ሕብረተሰብን ንምዕባለ ሃገርን መሰረት ምኳኑ ግልፂ እዩ፡፡ ስለዝኾነ ድማ ዜጋታት ኾኑ ትካላት ከምእውን መንግስቲ ዝኣተዉዎ ቃል ኪዳን ንምፍፃም ሓላፍነት ክወስዱ ብቕዓቶምን ፃዕሮምን ብምጥንኻር ንኩለመዳያዊ ለውጢ ኣስተዋፅኦ ክገብሩ ይግባእ፡፡

ቃል ኪዳን ዘይምኽባር ሌብነት እዩ፡፡ ምብኻን ግዘን ሓደራን'ውን ከም ገበን'ዩ ዝሕሰብ፡፡ ኣዙይ ዘይተኣማንነትን ውፅኢት ኣልቦን ስለዝኾነ መጀመርያ እቲ ሓላፍነቱ ዘይተዋፀአ ኣካል፣ ትካል ወይ መንግስታዊ ኣመራርሓ ክነዓቕን ክፅላእን እዩ ዝገብሮ፡፡ ክስራሕ ዝግብኦ ተግባር እቲ ዝድለ ውፅኢት ብእዋኑ ብዘይ ምፍፃሙ ድማ ረብሓን ህልውና ሕብረተሰብን ተጎዳኢ ይኸውን፡፡ እዚ ድማ ንዕብየት ሃገር ንድሕሪት ይጎትት፡፡



መልመዲ 5

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ቃል ኪዳንን ሓላፍነትን ምውሳድ ረብሓኡ እንታይ እዩ?
2. ምኽባር ቃል ኪዳን ብደረጃ ውልቀ ሰብ እንታይ የርክብ?

## 6.3. ሃፍቲ ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን



*ስእሊ 2 ኣግራባት ኣይብረሱ*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኹም?

### ዋኒን ኩሉ ሰብ

ሃገርና ኢትዮጵያ ብሃፍቲ ተፈጥሮ ዝተዓደለትን ብኣግራብ ዝተሸፈነ መሬትን ስለ ዝነበራ ብርቅን ዝድነቑን እንስሳ ዘገዳም ብበዝሕን ብዓይነትን ይርከቡዋ ነይሮም፡፡ ሕዚ ግና ብዘስንብድ ኩነታት ሃፍቲ ተፈጥሮኣ ብምብራሶም ምዝባዕ ከባቢ ኣየር ዘሰዕቦ ፀገም እናተርኣየ እዩ፡፡

ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘይምክንኻን ምህርትታት ሕርሻ ይንኪ፣ ተፈጥሮኣዊ ሚዛን ኣየር ይዛባዕ፣ ሓመድ ብንፋስን ብውሕጅን ይጉሕጋሕ፣ እዚ'ውን ንምጥፋእ ብዙሕ ህይወት ሰባትን እንስሳትን መሰረታዊ ምኽንያት እዩ፡፡ ነዚ ሓደጋ ንምውጋድን ሃፍትታት ተፈጥሮ ብምምዕባል ኣብ ጥቕሚ ንምውዓልን ምልማዕ ኣግራባትን ምክንኻን ሃፍትታት ተፈጥሮን መማረፂ ዘይብሉ ተግባር እዩ፡፡

ምብራስ ኣድዋር ምጉሕጓሕ ሓመድ ስለዘስዕብ ፍርያት እኽሊ ኣዝዩ እዩ ዝንኪ፡፡ ኣብ ውሽጢ ኣግራባት ዝነብሩ እንስሳ ዘገዳምን ኣዕዋፍን ይጠፍኡ ወይ ድማ ይስደዱ፡፡ እዚ ድማ ስራሕቲ ቱሪዝም የዳኽም፣ ሚዛን ኣየር ስለዘዛብዕ ድርቅን በረኻነትን የስዕብ፡፡ ሃፍትታት ተፈጥሮ ዘይምሕላውን ዘይምክንኻንን ኣብ ዓለምና ደቂ ሰባትን እንስሳትን ብጥምየት ንኽሞቱን ንኽስደዱን ዝገበረ ቀንዲ ምኽንያት ምዃኑ እናተርኣየ እዩ፡፡

ስለዚ እዞም ብዘይኣግባብ ዝጠፍኡን ዝተመናመኑን ሃፍትታት ዳግም ክጥጥዑ ነብስ-ወከፍ ዜጋ ብዘለዎ ዓቅምን ፍልጠትን ንምሕላውን ንምክንኻንን ክረባረብ ይግባእ፡፡ ኣብ ምክልኻል ብርስት ኣድዋራት፣ ፈልስታት ምትካልን ምክንኻንን ሰባት ግንዛበ ክህልዎም ንምግባር ብዛዕባ ረብሓ ተፈጥሮ ሃፍቲ ምስትምሃር ግድን ብቐፃልነት ክስረሐሉ ዝግባእ እዩ፡፡ ነቶም ንዝተፈላለዩ ምጣነ ሃፍቲ ሃገር ዝሕግዙ ሃፍትታት ተፈጥሮ ምምዕባል ግደ ነብስ-ወከፍ ዜጋ ስለ ዝኾነ ንልምዓትን ንለውጥን ምልዓል ኣገዳስነቱ ኣየተሓትትን፡፡



## መልመዲ 6

### ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ሃፍቲ ተፈጥሮ ሃገርና ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ?
2. ብርሰት ኣግራባት እንታይ የስዕብ?
3. ምምዕባል ሃብቲ ተፈጥሮ ኣብ ዕብየት ቱሪዝም ብኸመይ ይጠቅም?

ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን መሰረት ህልውናን መግለፂ መንነትን ሓደ ህዝቢ እዮም፡፡ ሃፍትታት ተፈጥሮ ብተፈጥሮ ዝርከቡ ኾይኖም ከም እንስሳ ዘገዳም፣ ኣዕዋፍ፣ ተኽልታት፣ ሓመድ፣ ማእድናት፣ ማይን ኣብ ውሽጢ ማይ ዝነብሩ እንስሳትን ተክልታትን እንተኾኑ ካብ ጉድለት ኣተሓሕዛን ኣጠቓቕማን ክንክዩን ክጠፍኡን ዝኽእሉ እዮም፡፡

ምብራስ ኣድዋራት ነባሪ ኣየር ዓለምና ብምዝባዕ ብዙሓት ከባብታት ናብ ምድረባዳነት እናተለወጡ ይርከቡ፡፡ እዚ ኩነታት ንመነባብሮ ደቂ ሰባት ዝሽፍኣን ዘተሓሳስብን ንኽኾን እናገበሮ ይርከብ፡፡ ድኽነት፣ ስደት፣ ጥምየት፣

ጎንፅን ህልቂትን ብምስዓብ ንደቂ ሰባት ዝፈታተኑን ዘለው መሰረታዊ መበገሲኡ ምስፍሕፍሕ በረኻነት ብምብራስ ኣድዋር እዩ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ ኣድዋር ዝነበሩ እንስሳ ዘገዳምን ኣዕዋፍን መፅለሊ ንምድላይ ይስደዱ ስለዘለዉ ካብ ቱሪዝም ዝርከብ እቶት ይተርፍ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ ኣብ ምጣነ ሃፍቲ ሃገር ዝለዓለ ጉድኣት የስዕብ፡፡

ዝሓለፉ ወገናት በብእዋኑ ብዝነበረ ጥበብን ፍልጠትን ዝሰርሕዎም ዝተፈላለዩ ሓድግታትን ብምትሕልላፍ ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ሃገርና ተፈላጢትን ተደናቒትን ንኽትኾን ገይሮም እዮም፡፡ ነዞም መለለዪ መንነትና ዝኾኑ ሓድግታት እንተዘይሓሊናዮምን እንተዘይተኸናኺንናዮምን ዜግነታዊ ግቡእና ኣይንዋፃእን ዘለና ማለት እዩ፡፡

ታሪኻዊ ሓድግታትና እንትነሳቐሉ፣ እንትበላሸዉ፣ እንትጠፍኡን ወይ ድማ እንትስረቑን ታሪኽ ሃገርና ይጓደል፡፡ ጎብነይቲ (ቱሪስት) ንምሰሓብን ምትእንጋድን ኣይካኣልን፡፡ ታሪኻዊ ሓድግታት እንተዘይተሓልዮምን ክንክን እንተዘይተተጌሩሎምን ኣብ ልዕሊ ታሪኽናን ምጣነ ሃፍትን ዓብዪ ጉድኣት የስዕቡ እዮም፡፡ ልክዕ ከም ሃፍትታት ተፈጥሮና ታሪኻዊ ሓድግታትውን ብዙሕ ረብሓ ስለዘለዎም ኩሉ ዜጋ ክሕልዎምን ክኸናኸኖምን ይግባእ፡፡



## መልመዲ 7

### ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ምኽንያት ምፍጣር ምድረበዳ እንታይ እዩ?
2. ታሪኻዊ ሓድግታትና ዘይምሕላው ዘስዕቦ ጉድኣት ግለፁ፡፡
3. መግለፂ ታሪኽ ህዝቢ እንታይ እዩ?

## 6.4. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ

- ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ መፍረይቲ ዜጋታት እንተጥቅዕ ዘስዕቦ ጉድኣት ግለፁ፡፡
- ምኽንያት ቅልጡፍ ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝኾኑ ግለፁ፡፡

### መንነትካ ምፍላጥ

ሓደ መፍረይ እንጀራ ፋብሪካ ንሰለስተ ሺሕ ሰራሕተኛታት መሃያ ብሞኽፋሉ ብማእኸላይ ትሽዓተ ሺሕ ስድራ ይሕግዝ፡፡ እዚ ጠለቡ ዘየቋርፅ ፋብሪካ እንጀራ ብምቕራብ ኣብ ሓደ ዓመት ስርሑ ብር ዓሰርተ ሚለዮን ትርፊ ረኺቡ፡፡ ኾይኑ ግና ኣብቲ ዝቐፀለ ዓመት ክልተ ሚኢትን ሃምሳን ቁልፊ ሰብ ሙያ ሰራሕተኛታት እቲ ትካል/ፋብሪካ/ ብኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ስለዝሞቱ ከይዲ እቲ ስራሕ ብምጉታቱ እቶት እቲ ፋብሪካ ብሰለስተ ሚሊዮን ብር ነኺዩ እዩ፡፡

ምግፋሕ እቲ ሕማም እናተጋደደ ስለዝኸደ ብምኽንያት እቲ ሕማም ካብ ስርሖም ዝቦኾሩ ቁፅሪ ሰራሕተኛታት ወሲኹ እዩ፡፡ ስለዚ እቲ ፋብሪካ መፍትሒ ንምድላይ ፃዕሪ ጀመረ፡፡ ብመጀመርያ ንኹሉ ሰራሕተኛ ብዛዕባ ሕማም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ እኹል ግንዛበ ንምጭባጥ ተኸታታሊ ትምህርቲ ንኽረኽቡ ምስተገበረ ቀፂሉ ድማ ኩሎም ተመርሚሮም ዓርሶም ንኽፈልጡ ገይሩ፡፡ እቲ ቫይረስ ኣብ ደሞም ዝተረኸቦም ሕክምና ክከታተሉ፣ ዘይተረኸቦም ድማ ጥንቃቐ ገይሮም ቀፃላይ ህይወቶም ብስርዓት ክመርሑ ብምጅማሮም ስራሕን ውፅኢትን እቲ ፋብሪካ ኣብ ሓፂር እዋን ናብ ዝነበሮ ብርኪ ዕብየት ተመለሰ፡፡



### መልመዲ 8

ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ታሪኽ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ምንታይ ኩነታት ይርከብ?
2. ዝሰልጠነ መፍረያይ ሓይሊ በቲ ሕማም ምሟቱ ዘስዕቦ ጉድኣት ግለፁ፡፡
3. ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝተረኸበሉ ፍታሕ እንታይ እዩ?

ኣብ ዓለምና ብዘግርም ኩነታት እናተጋፊሐ ዝርከብ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ፣ ዘተሓሳስብን ንህልውና ደቂ ሰብ ጠንቂ ዝኾነን እዩ፡፡ ብምሁራት ብዙሕ ፃዕርታት እንተገበሩ’ውን መድሓኒት ኣይተረኽበሉን፡፡ ክሳብ ሕዚ ብምኽንያት ኤድስ ብሚሊዮን ዝቁፀር ህይወት ደቂ ሰባት ጠፊኡ እዩ፡፡

ሕዚ’ውን በቲ ቫይረስ ካብ ዝተጠቕዑ ሰባት ሰብዓ ሚኢታዊ ኣብ ኣፍሪካ በሕልፊ ኣብ ትሕቲ ሳሃራ ኣብ ዝርከባ ሃገራት እዩ፡፡ ኢትዮጵያ’ውን በቲ ቫይረስ ዝተጠቅዑ ዝለዓለ በዝሒ ሰባት ካብ ዝሓዛ ሃገራት ሓንቲ እያ፡፡

እዘን ሃገራት ንህዝበን ብዛዕባ ሓደጋን መተሓላለፊ መንገድን እቲ ሕማም እኹል ትምህርቲ ዘየጨበጣ ምኳነን እዩ ዝንገር፡፡ ኣብ’ዚ ሕዚ እዋን መፅናዕትታት ከምዘረጋገፅዎ ልዕሊ 15 ዓመት ዕድመ ዝኾኑ ዜጋታት በቲ ቫይረስ እናተታሓዙን እና ሓመሙን ይርከቡ፡፡ ኣብዚ ክሊ ዕድመ ሃነፅቲ ሃገር፣ ብዝተፈላለዩ ሞያ ዝሰልጠኑ ኣብ ምምሃርን ምስልጣን ዝርከቡ ዜጋታት ዘካተተ እዩ፡፡ እዞም ብቐሊሉን ኣብ ሓፂር እዋንን ክትክኡ ዘይኽእሉ ዜጋታት እንትሞቱ ጉድኣቱ ቀሊል ኣይኮነን፡፡

## ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዘስዕቦም ቀንዲ ፀገማት

1. ማሕበራዊ ፀገማት
   - ሀ. በቲ ቫይረስ ዝተጠቕዑ ንምንባይ ኣብ ስድራ ፀቕጢ ሓላፍነት ይፍጠር፡፡
   - ለ. ወለዲ እንተሞይቶም ቆልዑ ዘዕብዮም ይስእኑ፣ ይጎሳቆሉ፣ ይብተኑን፣ ኣብ ማሕበራዊ መነባብሮ’ውን ፀገም ፈጠርቲ ይኾኑ፡፡
   - ሐ. ብኤድስ ደቆም ዝስእኑ ወለዲ ጠዋሪ ይስእኑ፡፡
   - መ. እድራት ይዳኸማ፣ ዕበት ቦታ መቓብር የስዕብ፡፡

2. ፀገማት ምጣነ ሃፍቲ ብብርኪ ሃገር
   - ሀ. ንብዙሓት ሕማማት ኣብ ሆስፒታል ዓራት ንክዳለው፣ ንሕክምና ወፃኢ ንኽምደብን ይግደድ፡፡ እዚ’ውን ኣብ ምጣነ ሃፍቲ ሃገር ፀቕጢ ይፈጥር፡፡

ለ. ብምኽንያት ኤድስ ዝመፁ ተዛመድቲ ሕማማት/ቲቢ፣ ካንሰር፣ ወዘተ../ ንተወሳኺ ወፃኢ ይቃልዑ፡፡

ሐ. ኣብ ፋብሪካን እንዱስትርን ዝሰልጠኑ ኣፍረይቲ ሓይሊ ስለዝሞቱ ውፅኢት ፍርያት ይንኪ ስራሕ ይዳኸም፡፡

መ. ኣብ ገፀር በዚ ሕማም ሓረስቶት እንትሞቱ ስራሕቲ ሕርሻ ይዳኸም ቀረብ እታዎታት ፋብሪካን ንነባሪ ከተማ ዝኾን ፍርያት ምግብን ይንኪ፡፡

ረ. ዝለዓለ ፍልጠትን ልምድን ዘለዎም ሃብቲ ሃገር ዝኾኑ ዜጋታት/መምህራን፣ ሓኻይም፣ መሃንዲሳት፣ ወዘተ.../ ፍልጠቶም ከንቱ ይተርፍ፡፡

ስለዚ ተደላዪ ፍልጠት፣ ክእለትን ዝንባለን ዘለዎም ዜጋታት ንምፍራይ ኣፀጋሚ ይኸውን፡፡

# እንታይ ክግበር ኣለዎ?

እቲ ቀንዲ ጉዳይ መጀመርያ እንታይነት እቲ ሕማምን መተሓላለፊኡን ብዝግባእ ምፍላጥን ባዕልካ ንስርዓት መነባብሮኻ ተገዛኢ ምግባርን እዩ፡፡ በቲ ቫይረስ ዝተተሓዙ ሰባት ኣይድሕኑን እዮም፡፡ በቲ ሕማም ከይትተሓዝ ተጠንቂቕካን ካለኦት ንኽፊልጥዎ ዜግነታዊ ግዴታኻ ፈፂምካ እቲ ሕማም ከይጋፋሕ ምዕጋት ኣገደሲ እዩ፡፡

መንግስቲ ኾነ ካልኦት ትካላት ኣብ ዝህብዎ ፕሮግራም ትምህርቲ ተሳቲፍካ ብዕሒት ሓላፍነትካ ምውፃእ የድሊ፡፡ እዚ ሓባራዊ ፃዕሪ ብዝተዋደደ መልክዑ እንተተሰሪሑሉ ምግፋሕ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ብትክክል ይንኪ እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ግዜ እቲ ሕማም ዝመሓላለፊሉ መንገዲ ብፍኑው ርክብ ግብረ ስጋን ኣብ እዋን ከይዲ ጥንሲ ካብ ኣዶ ናብ ዕሸል ብምትሕልላፍን እዩ፡፡ ስለዚ ምግፋሕ እዚ ቫይረስ ንምዕጋት፡-

ሀ. ቅድሚ መርዓ ርክብ ግብረ ስጋ ዘይምፍፃም/ምዕቃብ/፣

ለ. መርዓ ቅድሚ ምፍፃም ምርመራ ደም ምክያድ፣

ሐ. ኣብ ሓዳርካ /ሰብኣይን ሰበይትን/ ተኣማኒ ምኳን፣

መ. በቲ ቫይረስ ዝተታሓዙ ሰብ ሓዳር'ውን እቲ ቫይረስ ኣብ እዋን ጥንሲ ናብ ዕሸል ንኸይመሓላለፍ ምኽርን ሓገዝን ሓኪም ንምርካብ ብግልፂ ምቕራብ፡፡

ኣብ ላዕሊ ካብ ዝተጠቐሱ መተሓላለፍቲ መንገድታት ብተወሳኺ ድሑር ባህሊ ክኸውን ስለዝኽእል ምጥንቃቕ የድሊ፡፡ ብባህላዊ ሕክምና ምግራዝ፣ ምኽላእ ዓንቀር፣ ምውፃእ ስኒ ባርካይ፣ ምውቃጥ ወዘተ... ሓደገኛ መተሓላለፍቲ መንገዲ ስለዝኾኑ ክውገዱ ይግባእ፡፡ መመወፅ ስኒ፣ መስንተር፣ ላማ፣ መርፍእ፣ መቁረፅ ፅፍሪ፣ ወረጦን ካለኦት በላሕቲ ነገራትን ብሓባር ምጥቃም ብሸለልትነት ዓርስኻ ንፀገም ምቅላዕ እዩ፡፡

ስለዚ እዋኑ ዝሓቶ ጥንቃቀ፣ ተኣማንነት፣ ፅንዓትን ዜግነታዊ ሓላፍነትኩም ክትዋፅኡ ትልሚ ክህልወኩም እዋኑ ሐዚ ምዃኑ ምፍላጥ'ውን የድሊ፡፡ ስለዚ ኣድላዪ ጥንቃቀ ብምግባር ኤድስ ክንስዕሮ እንኽእል ዝኸፈአ ፀላኢና እዮ'ሞ ሓቢርና ንቃለሶ፡፡



መልመዲ 9

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ካብ ሰሃራ ንታሕቲ ካብ ዘለዋ ሃገራት እንተነኣሰ ክልተ ብምጥቃስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ንምንታይ ብናህሪ ከምዝጋፋሕ ዘሎ ግለፁ፡፡
2. ጥቕዓት ኤድስ ንድኽነት ከመይ ኣቢሉ የሰፋሕፍሕ?
3. ምሁራንን ዝሰልጠኑ ኣፍረይቲ ሓይሊን ብበዝሒ ሙማት ዘስዕቦ ጉድኣት ብዝርዝር ግለፁ፡፡

# መጠቓለሊ

ስራሕ ንዕብየት ሃገር መሰረት እዩ፡፡ ስራሕ ውፅኢታዊ ኾይኑ ለውጢ ዘምፅእ ዜጋታት ብዝተዋፈርዎ ዘፈር ስራሕ ሓላፍነቶም ብብቕዓት እንትዋፅኡ እዩ፡፡ ንልምዓትን ማሕበራዊ ዕብየትን ቀንዲ ተዋሳእቲ ዝኾኑ ዜጋታት ቃል ኪዳኖም ብምኽባር ብዘርእይዎ ውፅኢት በቲ ማሕበረሰብ ዝተኣመኑ፣ ዝተኸበሩን ብመርኣያ ዝጥቀሱን ይኾኑ፡፡ እቶም ሓላፍነት ተዋሂብዎም ክዋፅኡ ዘይክኣሉ ድማ ንባዕሎምን ማሕበረሰቦምን ክጎድኡ ይርኣዩ፡፡

ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም ቃል ኪዳን ምኽባርን ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ብምሕላው ከምኡውን ብዝግባእ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ብምግባርን ካብ ነብስወከፍ ዜጋ ዝሕሎ ተግባር እዩ፡፡ እዞም መሰረት ህልውናናን መግለፂ ታሪኽናን ዝኾኑ ሃፍትታት ኩሉ ዜጋ ጠመተ፣ ክንክንን ሓለዋን እንተዘይገሩሎም፡፡ ዝበፅሖ ጥፍኣት ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ፡፡

ምኽባር ቃልኪዳንን ሓላፍነትካ በብቕዓት ምውፃእን ዝጅመር ዓርስኻ ንቁምነገር ብምብቃዕን ፈተንቲ ካብ ዝኾኑ ከም ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዝበሉ ሕማማት ብምጥንቃቕ እዩ፡፡ ካብ ኣብ ምግፋሕ ዝርከብ መድሓኒት ዘይተረኽቦ ቀታሊ ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ዓርስኻ ምሕላው ዜግነታዊ ግቡእ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ፡፡

ዜጋታት ቀንዲ ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር ስለዝኾኑ ንባዕልኻን ንሃገርን ኩርዓት ኮይንካ ንምርካብ ንኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ምቅላስ መማረፂ ዘይብሉ ተግባር እዩ፡፡ ብዛዕባ ኣመሓላልፋ እዚ ሕማም መሊእኻ ምጥንቃቕን፣ ካልኦትውን ክፍልጡን ክጥንቀቑን ምግባር ዕማም ሓላፍነት ዝስምዖም ዜጋታት እዩ፡፡ ስለዚ እዚ ሓላፍነትን ሓደራን ብሓቀኛነት ኽንፍፅም ሕዚ ቃል ኪዳን ክንኣትው ይግባእ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ሓደጋ ሓዊ - ብባርዕ ሓዊ ዝበፅሕ ጉድኣት

ቅላፄ - ዜማ

በይዛ - ንጥቕሚ ካልኦት መከራን ችግርን ምቕባል

ስነልቦና - ኣእምሮኣዊ ስምዒት

ኩለመዳያዊ - ብብዙሕ መዳይ

ኢተኣማኒ - ዘይእመን

ርሑስ መልሓስ - ሓሳዊ ቃሉ ዘየኽብር፣ ቃሉ ዝዓፅፍ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ትክክል ንዝኾነ ‹‹ሓቂ›› ትኽክል ንዘይኾነ ‹‹ጌጋ›› እናበልኹም መልሱ፡፡*

1. ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም ዝኽእሉ ዜጋታት ተኣመንቲ ክኾኑን ዘይክኾኑን ይኽእሉ፡፡
2. ልምዓትን ለውጢን ንምስጓምን ትምህርትን ስርዓት መነባብሮን የድሊ፡፡
3. ቃል ኪዳን ተግባራዊ ምኳኑ ዝዕቀን ብተግባርን ብውፅኢትን እዩ፡፡
4. ሃፍታት ተፈጥሮ ክንክንን ሓለዋን እንተዘይተገበረሎም'ውን ካብ ዓለምና ኣይጠፍኡን፡፡
5. ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ ኣብ ደቂ ሰባት እምበር ኣብ ሃገር ዘብፅሖ ሓደጋ ብዙሕ ኣይኮነን፡፡

II. ***ኣብ ትሕቲ ‹‹ሀ›› ንዝተዘርዘሩ ዝስማዕማዕ ኣብ ትሕቲ ‹‹ለ›› ካብ ዝተዘርዘሩ ብምምራፅ ኣዛምዱ፡፡***

| ‹‹ሀ›› | ‹‹ለ›› |
|---|---|
| 1. ዘይተኣማንነት | ሀ. ብተኣማንነት ፍረ ዘለዎ ውፅኢት ምፍፃም |
| 2. ጥንካረ መንፈስን | ለ. ንረብሓን ሰናይ ተግባርን ሰባት ባዕልካ ኣሕሊፍካ ብኞዓት ሰራሕን ምሃብ |
| 3. ምድረ በዳነት | ሐ. ሓላፍነት ዘይምውፃእ |
| 4. ታሪኻዊ ሓድግታት | መ. ኣግራብትን ሕዛእትታትን ምጉልባትን መስኖ ምጥቃምን |
| 5. በይዛነት | ረ. ምልክት ስልጣነ ቀዳሞት |
| 6. ቃልካ ዘይምኽባር | ሰ. ሑፃማ/ሓሸዋማ |

III. ***ነዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ትኽክል ብዝኾነ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡ (መልሲ ኣብደፍተርኩም ፀሓፉ)***

1. ሰብ ንረብሓ ሃገሩን ወገናቱን ዝኸፍሎ መስዋእትነት __________ ተባሂሉ ይፍለጥ፡፡
2. ዕብየት ምጣነ-ሃፍቲ ለውጢ መነባብሮን ዝመፅእ ኩሉ ብፅሒት ስርሑ ብ__________ እንተተዋፂኡ እዩ፡፡
3. ንምሕላው ሓመድ፣ ንምትራፍ ምዝባዕ ፀባይ ኣየር __________ ወሳንነት ኣለዎ፡፡
4. ቀንዲ መንገድታት መተሓላለፍቲ ቫይረስ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤድስ _______ ን_______ን እዮም፡፡
5. ታሪኽ ዘይብሉ ሕብረተሰብ ንዘይምኻን __________ ንክንካናኸን ግቡእ እዩ፡፡

IV. ***ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብምንባብ ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ***

1. ካብ ጉድለት ጥንቃቐ ሓደጋ ዘስዕቡ ሰባት

ሀ. ንቁሓት እዮም　　　　ሐ. ብፅሒት ስርሖም ዘይዋፅኡ እዮም

ለ. ዘይተምሃሩ እዮም　　　　መ. ሓላፍነቶም ዘይፈልጡ እዮም

2. ብብቕዓት ሓላፍነት ዘይምውፃእ
   ሀ. ውልቀ ረብሓ የብሉን
   ለ. ዕግበት መንፈስን ለውጢ መነባብሮን የምፅእ
   ሐ. ምስ ቃል ኪዳን ኣይራኸብን
   መ. ንመርኣያ ኣይጠቕሙን

3. ንምግፋሕ ኢንዱስትሪ ቱሪዝም
   ሀ. ሓድግታት ምሻጥ
   ለ. ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ብዝግባእ ምፍላጥ
   ሐ. ኣድዋራት ብምብራስ ፅርግያታት ምስራሕ
   መ. ሃፍትታት ተፈጥሮን ታሪኻዊ ሓድግታትን ኣፀቢቕኻ ምፍላጥ

4. ኤች.ኣይ.ቪ. ቫይረስ ከመሓላልፉ ይኽእሉ ኢዮም ካብ ዝበሃሉ ባህላዊ ተግባራት ሕክምና
   ሀ. ውላቕ ደሪዝካ ምግጣም
   ሐ. ዝተሰበረ ምፅጋን
   ለ. ምግራዝን ስኒ ባርካይ ምትኳሰን
   መ. ዳማከሴ ምጭናው

5. ካብ ሳሃራ ንታሕቲ ኣብ ዘለዋ ሃገራት ምግፋሕ ኤድስ ዝረኣየሉ ምኽንያት
   ሀ. ብዛዕባ ኩነታት እቲ ሕማም እኹል ግንዛበን ጥንቃቐን ብዘይምህላው
   ለ. እተን ሃገራት በርኻነት ስለዘጥቕዐን
   ሐ. ነቲ ቫይረስ ዝስማዕማዕ ኩነታት ኣየር ስለዘሎ
   መ. ቀረብ ዝተመጣጠነ ምግቢ ዘይምህላው

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ብፅሒት ሓላፍነት ብብቕዓት ምፍፃም ንውልቀ፣ ሕብረተሰብን ሃገርን ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ?
2. ታሪኸና ኸቅፅልን ብኢትዮጵያውነትና ክንኾርዕን እንተኾይና እጃም ዜጋታትና እንታይ ክኾን ኣለዎ?
3. ንህይወትካ ዋጋን ክብርን ዝወሃቦ ከመይ እዩ?

# ምዕራፍ ሸውዓተ

## ህርኩት ባህሊ ስራሕ

### ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ፡

ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተምሂርኩም ምስፈፀምኩም፡-

- ክብሪ ስራሕን ግዘን ትግንዘቡ፣
- ትልሚ ስራሕ ኣውፂእኻ ምንቕስቓስ ኣድለዪ ምዃኑ ትፈልጡ፣
- ዕላማታት ሕገመንግስታዊ ልምዓትን ምጣነ-ሃፍትን ተንከፍ ትርድኡ፣
- ምምዕባል ሙያዊ ክእለትን ስነ ምግባርን ንመፍረያይነትን ዕብየትን መሰረት ምዃኑ ትፈልጡ፣

## 7.1. ውፅኢታዊ ስራሕ

### 7.1.1. ግዘኻ ከየባኸንኻ ሰጢምካ ምስራሕ

- ግዘኻ ከየባኸንካ ሰጢምካ ምስራሕ ንልምዓት ሃገር ዝህልዎ ረብሓ እንታይ እዩ?

#### ደራሲ መዘሪ ጋዜጣ

ፍሉጥ ደራሲ ሓጎስ ትርፉ ብቐልፅው ኣብ ውሽጢ መረብኡ መኪና እናሓፀበ ይነብር ነይሩ፡፡ ዓማዊሉ መኪና ከመይ ኣፀቢቑ ይሓፅብ ከምዝነበረን ብሓፈሻ ዘሕልፎ ግዘን ናብዚ ንኽበፅሕ ዘጋጥሞ ዝነበረ ፀገማትን ዘከረ፡፡ ኩሉ ሻብ ዝንበብ መፅሓፍ ኣብ ኢዱ ኣይሳኣንን፡፡ ኣዲኡ ንጉሆ ተስኤን ዘቕረባሉ ቅጫ ስርናይን ትኩስ ሻህን ጥዒሙ ወለዱ እናተሰናበተ ካብ ገዝኡ ኣንጊሁ ይወፅእ ነበረ፡፡

ንሓጎስ ትርፉ ዝደሊ ሰብ ኣብ በሪ ቤት ሕትመት ሰላም ምስቶም ንጉሆ ንጉሆ ከልኩል ዝብሉ መንእሰያት ኣይሳኣንን ነይሩ፡፡ ሓሊፉ ሓሊፉ ብዘይካ እቶም ውሱናት ቀዲሞም ዝመፁ ቆልዑ ኩሉ ሻብ ኣቐዲሙ ብምብፃሕ ምንባብ ዝጀመሮ መፅሓፍ እናንበበ ቀዲሙ ይስለፍ ነይሩ፡፡

ብዘይካ መፅሓፍ ካሊእ ዓርኪ ዘይብሉ ሓጎስ ህይወቱ ምስ ምንባብ መፅሓፍ ዝተኣለሰራ እዩ፡፡ ኣብ እዋን ሪጋ ሒዝካ ምፅባይ ዘጥፍኦ ግዜ ኣይነበረን፡፡

በብ መዓልቱ ተሓቲሞም ዝወፁ ጋዜጣ ወይን ዝተፈላለዩ መፅሄታትን ካለኦት ጋዜጣታትን ይቕበል፡፡

ካብኡ ድማ እቶም ቐወምቲ ዓማዊሉ ሹቓትን ቤት ፅዮን ክሳብ ዝኸፍቱ ኣብ ከባቢ ሆቴል ቱሪስት እናተዛዋወረ ሻሂ ንዝሰትዩ፣ ጫማ ንዘፅርጉን ታክሲ ንዝፅበዩን ሰባት ጋዜጣ ኾነ መፅሄት ንሓፂር እዋን ንባብ የካሪ ነይሩ፡፡ ሰዓት ሰራሕ ምስኣኸለ ድማ ዝሓዞም ጋዜጣታትን መፅሔታትንን ዓማዊሉ የርክብ ነይሩ፡፡ ብድሕሪኡ ድማ ምሉእ መዓልቲ ኣብ ከባቢ ፅዳጋ ፖስት ካርድን ፖስታታትን እናዞረ ይሸይጥ ነይሩ፡፡

ሓጎስ ኣብ ከባቢ ፅዳጋ ኣፅርክቱ ብዘውፅእሉ ፅምብላሊፅ ዝብል ሳጓ አዩ ዝፍለጥ፡፡ ብዘይካ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስሙ ሓጎስ ምዃኑ ዝፈልጥ ኣይነበረን፡፡ ሓጎስ ልክዕ ከም ስሙ ብስርሑ ሕጉስን ህርኩትን ስራሕተኛ ብምዃኑ ኣብ ዕድመ ቁልዕነቱ  ዝሐሸ ስራሕ ከስርሖ ዝኽእል ገንዘብ ምእካብ ኪኢሉ እዩ፡፡

ሓጎስ መዓዝ እንታይ ክሰርሕ ከም ዘለዎ ዝፈልጥን ረብሓ ግዘ ዝተረደኦን እዩ፡፡ ሓጎስ ትልሚ ኣዳልዩ ብግዘ ሽንሺኑ ስለዝጥቀም ዘባኽኖ ግዘ ኣይነብረን፡፡ ስርሑ ሰሪሑ ምሸታዊ ትምህርቱ ናብ ዝመሃረሉ ቤት ትምህርቲ ይኸይድ፡፡ ቑሩብ ግዘ እንትረክብውን የንብብ እምበር ኣየውድልድልን፡፡

ካብተን ኣብ ኢዱ ዝኣተዋ ጋዜጣታትን መፅሄታትን ብተወሳሺ ካብ መምህራኑን ዓማዊሉ እናተለቀሐ እናገዝአን ዘንበቦም መፅሓፍቲ ቀስ ብቀስ ፍሉይ ስምዒት ኣሕዲረምሉ እዮም፡፡ ሓጎስ ሓደ መዓልቲ ፍሉጥ ደራሲ ክኸውን እየ ኢሉ ተስፋ ገብረ፡፡ ብርግፅ ህይወቱ ዓቐብ ቁልቁል ዝበዝሖ ምኾት ዘይብሉ እንተኾነውን ደኺሙኒ ሰልኪዩኒ እንተይበለ ጠንኪሩ ብምስራሕ ናብ ዝተመነዮ ደረጃ ከበፅሕ ኪኢሉ እዩ፡፡ «ስራሕን ግዘን» ዝብል ናይ መጀመርያ ዝደረሶ መፅሓፍ ብተወሳኺ ካብ ኣርባዕተ ዘይንእሱ ልበ ወለዳትን ኢልበወለዳትን መፅሓፍቲ ንንባብ ኣብፂሑ እዩ፡፡



## መልመዲ 1

**በቲ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሓጎስ ብቕልዕነቱ ዘርኣዮ ጥንካረ ኣብ ህይወቱ ብከመይ ተገሊፁ?
2. ኣጠቓቕማ ግዘ ሓጎስ ብሓፂሩ ፅሒፍኹም ንመሓዝትኩም ኣንብብሎም፡፡
3. ሓጎስ ትርፉ ሕዚ በፂሕዎ ዘሎ ዓብዪ ደረጃ ንኽበፅሕ ቀንዲ ምኽንያት ዝኾኖ ግለፁ፡፡
4. ሓጎስ እዋን ቕልዕነቱ ዓቐብ ቁልቁል ዝበዝሖ ነይሩ እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?

ግዝኻ እንተይ ኣባኽንካ ጠንኪርካ ምስራሕ ንውልቀ ኾነ ንሓባር ረብሓ ኣለዎ፡፡ መብዛሕትኡ ግዘ ካብቲ ልሙድ ኩነታት ብዝሓፀረ ግዘን ብፅረየትን ጠንኪርካ ምስራሕ ውፅኢታዊ እዩ፡፡ ንግዘ ፍሉይ ግምትን ክብርን ዘለዎ ህዝብን ሃገርን ጠንኪሩ እንተሰሪሖ ኣብ ተርታ ዝማዕበሉ ሃገራት ክስለፍ ዝዓግቶ ሓይሊ ኣይህልውን፡፡ ኩሉ ዓይነት ስራሕ ዝስራሕ ኣብ ግዘ ስለዝኾነ ንሕድሕዳ ደቒቓ ግቡእ ግምት ምሃብ ንውልቀ ኾነ ንሃገር ዝጠቅም እዩ፡፡

ብዙሓት በላሕቲ ሰባት ኣብ እዋን ቕልዕነቶምን ንእስነቶምን ግዘኦም እንተየባኸኑ ብጥንቃቐ ኣብ ስራሕ ብምውዓሎም ንባዕሎም ኮነ ንወገኖም ዝጠቕሙ ዓበይቲ ተግባራት ክፍፅሙ ኪኢሎም እዮም፡፡ ግዚኦም በዝግባእ ኣብ ቁምነገር ኣውዒሎም እዮም፡፡ ኣብ እዋን እርጋኖም ዘናስሖም ነገር የለን፡፡ ስለዚ ግዘ እንተየባኸንካ ጠንኪርኻ ምስራሕ ንባዕልኻን ንወገንካን ከምኡውን ንሃገርካ ምጥቃምን ምዕባይን እዩ፡፡



## መልመዲ 2

**እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ብኸነት ግዘ ብምንታይ ክግለፅ ይኽእል?
2. ንግዘ ዝወሃብ ፍሉይ ግምት ምስ ዕብየት ሃገር ከመይ ይተኣሳሰር?

## 7.1.2. መርኣያ ምዃንን ንምስግና ዘብቕዕ ስራሕ ምስራሕን ንዕብየት ሃገር ዝህልዎ ረብሓ

- መርኣያ ዝኾነ ስራሕ እንትበሃል እንታይ ንምግላፅ እዩ?
- ንምስግና ዘብቅዕ ተግባር ዝፈፀሙ ሰባት ብህዝቢ ዝወሃቦም ክብሪ ግለፁ፡፡




*ስእሊ 7.1 ካብ ውፅኢታዊያን ኣትሌታት ሓንቲ መሰረት ደፋር ‘ያ*

# ሓዳሽ ሓራስ

ህዝብን ሃገርን ወኪሎም ኣብ ሜዳ ጉያ ተኸታታሊ ዓወት ካብ ዝረኸቡ ኢትዮጵያውያን ጎየይቲ ሓንቲ ጀላቴ እያ፡፡ ኣብ ሓደ እዋን ዓለም ለኸ ፌዴሬሽን ኣትሌቲክስ ዓብዩ ውድድር ጉያ ኣብ ዘዳለወሉ ፍሉጣት ተወዳደርቲ ኣብ ዘለዉዎ ቦኽሪ ወዳ ካብ ትወልድ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ዝገበረት ሓዳሽ ሓራስ ነይራ፡፡ ብዙሕ ምስራሕ እምበር ብዙሕ ዕረፍቲ ዘይትደሊ ጀላቴ ንውሩያት ጎየይቲ ዓለም ዝቐረበ ፃውዒት ኣብ ድሕረ-ገፅ ምስ ኣንበበት ናብ ኣሰልጣኒኣ ስልኪ ደዊላ ዕረፍታ ኣቋሪፃ ኣብ ውድድር ጉያ ክትሳተፍ ከምትደሊ ገለፀትሉ፡፡

ኣሰልጣኒኣ ተገሪሙ ካብ ትወልድ ገና ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ ዝገበረት ምኳና፣ ኣብ ፍቃድ ወሊድ ዘላን ብምኳና እቲ ውድድር እትኽእሎ ምኳናን ሓተታ፡፡ ንሳውን ብቅልጡፍ ልምምድ ክትጅምር ከምዘለዋን ኣብቲ ውድድር ክትሳተፍ ከምትኽእል ውሳነኣ ኣፍለጠት፡፡ ኣሰልጣኒኣ በቲ ብኹነታት እታ ኣትሌት ተገሪሙ ኲነታት ዘይስዕሮ ጥንካረኣ ብምድናቕ ስጥምቲ ኣትሌት ብምባል ክትምዝገብ ገበረ፡፡ ብመሰረት እዚ ሽም ጅግና ኣትሌት ጀላቴ ቦንሳ ምስ ስም ዝርዝር ዓለምለኸ ጎየይቲ ኢትዮጵያውያን ሰፈረ፡፡ ቀፂሉ ብመሰረት ዝወፀላ ግዘ ሰሌዳ ልምምድ ጀመረት፡፡

ኣብ ቦነስ ኣይረስ ዘመዝገበቶ ዓወት ኣብ ኪባኪ ዝግበር ውድድር ስም ሃገራ ክተፀውዕ ሰንደቕ ዕላማ ሃገራ ዳግም ክትምብልብል ጠንኪራ ሰርሐት፡፡ እዛ ጎያይት እዚኣ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ «ድሕረ ወሊድ እንተንኣሰ ንሰላሳ መዓልቲ ኣብ ዓራት ክትዓርፍ ይግባእ ነይሩ፡፡ ካብ ገዛ ወፃኢ በይና ብዙሕ መንገዲ ክትጓዓዝ ኣይብላን ዝብልዎ ልማዳዊ ኣተሓሳስባ ሰይራ ብምውፃእ ኣብ ዓለም ለኸ ጉያ ህልኽ፣ ወነ፣ ዓወት፣ ክብሪ ሃገር ብሓባር ጥንካረ ስለዝሃብዋ እዛ ዓወት ዘይፍለያ ኣትሌት ኣብ'ዚ ውድድር ደረጃኣ ኣሕሊያ ብጥንቃቐ ንህዝቢ ዓለም ዳግም ዓወት ኣብሰረት፡፡ ህዝብን መንግስትን ሃገራ ድማ ዝለዓለ ምስግና ኣቕረቡላ፡፡



## መልመዲ 3

**ብመሰረት እቲ ንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ካብ ውልቀ ረብሓ ረብሓ ሃገር ምቕዳም እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?
2. ጀላቴ ቦንሳ ተፈላጢት ጀግና ንኽትኾን ዘብቕዕዋ ነጥብታት እንታይ እንታይ እዮም?
3. ኣሰልጣኒ ጀላቴ ዘገረሞም ነገር እንታይ ነይሩ?

መርኣያ ዝኾነን ንምስግና ዘብቅዕ ስራሕ ምስራሕን ንዕብየት ሃገር ዝህልዎ ረብሓ ዝለዓለ እዩ፡፡ ወዲ ሰብ ኣብ ዘበን ህይወቱ ዝፍፅሞም ተግባራት ንባዕሉ ጥራሕ እንተይኮነስ ንሃገሩን ወገኑን ዝጠቅም ውፅኢታዊ ስራሕ ከመዝግብ ኣለዎ፡፡ ብሃገር ኾነ ብዓለም ለኸ ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ስሞም ልዕሊ መቓብር ነባራይ ኮይኑ ዝነብሩ ውልቀ ሰባት ብዙሓት እዮም፡፡

እዞም ሰባት ንትውልዲ ዝተርፍ ሰናይ ተግባር ብምፍፃሞም መርኣያ ንምዃንን ብህዝብን መንግስትን ምስጋናን ከበሬታን ክረኽቡ ክኢሎም እዮም፡፡ መርኣያ ዘለዎ ስራሕ ንምስራሕ ቆሪፅና ብዝተለዓልና ቁፅሪ ሃገርና ንምግልጋል እኹል ግዘ ንረክብ፡፡

ሓደ ዜጋ ብመንፅር ሃገሩ ካብኡ እትፅበዮ ብፅሒት ስራሕን ክሰርሖ ዝግባእ ሰናይ ተግባርን እንትረአ ብህይወት ዝነብርሉ ግዘ ሓፂር እዩ ክበሃል ይካኣል'ዩ፡፡ ይኹን'ምበር ነዚ ሓፂር ግዘ ከየባኸነ ብኣግባቡ እንተተጠቒሙሉን ታሪኽ ዘይርስዖ፣ ዘመስግንን ዘኹርዕን ስራሕ ንምስራሕ እንተሓሲቡ ዕዉት ዘይኾነሉ ምኽንያት የለን፡፡



## መልመዲ 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡሎም፡፡*

1. ሓደ ሰብ ንከባቢኡን ንሃገሩን ዘርብሕ ተግባር ክሰርሕ ዝኽእል ብከመይ እዩ?
2. ሓደ ስራሕ መርኣያን ዝመስግንን ተግባር እዩ ዝበሃለሉ መዓዝ እዩ?

## 7.2. ትልሚ ኣዳሊኻ ስራሕ ምስራሕ

### 7.2.1. ኣድላይነት ምድላውን ምጥቃምን ሰደቓ ግዘን ኣፈፃፅማ ስራሕን

- ምድላው ሰደቓ ግዘ ንምንታይ ይጠቅም?
- ምድላው ሰደቓ ግዘ ንተምሃራይ ዝህቦ ረብሓ ግለፁ፡፡
- ስራሕ ብትልሚ ሸንሺንካ ምስራሕ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

### ጉጂ እነይ ፀሓይቱ

ተምሃሮ ቤት ትምህርቲ ፍረ ስዋኣት ከምቲ ኩሉ ግዘ ኣብ እዋን ዕረፍቶም ዝፍፅሙዎም ዕገና ገዛን ፀረጋ መትረብን ዝርዝር ወፂኡ እዩ፡፡ መምህር ሰዓረን ተምሃሮኦምን ሎሚ ዘበን'ውን መንበሪ ገዛ ሓንቲ ባዓልቲ ፀጋ ዕድመ ዝኾና እነይ ፀሓይቱ ኽዕግኑ ኣብ ፈላሚ ዙር ሽሞም ተለጢፉ ነይሩ፡፡ መምህር ሰዓረ ነቲ ኣቐዲሞም ዝረኣይዎ መፅናዕቲ መሰረት ገዛ ኣደይ ፀሓይቱ በብ ዓመቱ ክረምቲ ውሑጅን ፈሳሲን እናከደሉ ነተን በዓልቲ ፀጋ ዕድመ ኣፀጊሙለን ከምዝነበረ ተገንዚቦም፡፡

መምህር ሰዓረ ገዛ እንዳ ኣደይ ፀሓይቱ ንምዕጋን ዘኽእሎም ሰደቓ ግዘ ምስ ኣውፅኡ ነፍስወከፍ ኣባል ጉጅለ ዝፍፅሞ ዝርዝር ስራሕን ተፀዋዕን መዲቦም ምይይጥ ጌሮሙሉ ዕገና ገዛ ኣደይ ፀሓይቱ ኽረምቲ ቅድሚ ምብፅሑ ክውዳእ ከምዘለዎ ኣብ ውሳነ ሓሳብ ተበፂሑ፡፡ እቲ ስራሕ በቲ ዝትሓዘሉ ፕሮግራም

መሰረት ተጀሚሩ ነብስ-ወከፍ ጉጅለ ብዝተኽኣለ መጠን ቅድሚ ዝተተለሙሉ ሰደቓ ግዘ ነቲ ስራሕ ንምፍፃም ከም ዝፅዕር ቃል ኣተዉ፡፡

ድልድል ስራሕውን ወፀ፡፡ ፍርቂ ጉጅለ ፀረጋ መውረዲ ውሑጅን ፈሳስን የካይድ፣ ፍርቂ ኣእማን የመላልስ፣ ፍርቂ ድማ ገዛ ይፅግን፡፡ ብመሰረት እዚ ስራሕ ጉጅለ መምህር ሰዓረን ተምሃሮኦምን ገዛ እንዳ ኣደይ ፀሓይቱ ኣብ ውሽጢ ሓፂር እዋን ፀጊኖም ኣረከቡወን፡፡

ገምጋሚ ጉጅለ ቤት ትምህርቲ ናብቲ ከባቢ መፂኡ ከምዝረኣዮ እቲ ፅገና ዘዳግም ኣይነበረን፡፡ ገዛ ኣደይ ፀሓይቱ ክዳን ቆርቆሮኡ ብዝግባእ ተስተኻኺሉ፣ መውረዲ ውሑጅ ትቦታት ተፀሪጎም መእተውን መውፅእን ብእምኒ ተደልዲሎም ዝረኣዩ ገምገምቲ ኣካላት ብርግፅ ካብቲ ዝተተሓዘለ ግዘ ቀዲሙ ምፍፃሙን ዘየዳግም ስራሕ ምስርሑን ዘመስግን ምኺኑ ኣረጋገፁ፡፡



መልመዲ 5

ብመሰረት እቲ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ንሓደ ስራሕ ትልሚ ኣውፂእኻ ምንቅስቓስ ጥቕሙ እንታይ እዩ?
2. ግዘ፣ ትልሚ፣ ስራሕን ውፅኢትን ርክቦም ኣብርሁ፡፡

ንዝፍፀሙ ስራሕቲ ሰደቓ ግዘ ኣዳሊኻ ምጥቃምን ግዘ እንተየባኽንኻ ሰጢምካ ምስራሕን ዝሓሸ ውፅኢት ካብ ምርካብ ሓሊፉ ብካለኦት ኣኽብሮትን ምስግናን የውህብ፡፡ ሰብ ፍልጠቱ፣ ጉልበቱን ገንዘቡን ብኣግባቡ ተጠቒሙ ብምስራሕ ንኽባቢኡ ኾነ ንሃገሩ ዝጠቕሙ ተግባራት ንምፍፃም ግዚኡ ብኣግባቡ ንምጥቃም ብትልሚ እንትምራሕ እዩ፡፡ ግዜ ሃፍታምን ድኻን ወይ ፀሊምን ቀይሕን ኢሉ እንተይመረፀ ንኹሎም ደቂ ሰባት ብማዕረ ዘገልግል ብተፈጥሮ ዝተዓደለ ሃፍቲ እዩ፡፡

ብዛዕባ ግዘ ዝዝረቡ ብዙሓት ብሂላት እንተሃለዉ'ኳ ብፍላይ ‹‹ግዘ ወርቂ እዩ›› ዝብል ኣበሃህላ ዓብዩ መልእኽቲ ዘለዎ ብኹሉ ዝተለመደ ኣበሃህላ እዩ፡፡ ወርቂ ኩሉ ሻብ ካብ ማዓድናት ዝለዓለ ዋጋ ዘውሃቦ ልዕሊ ኩሎም ማዓድናት ዝኾነ ኣብ ዕዳጋ ዓለም ውሕሰና ዘለዎ እዩ፡፡ ከምኡውን ግዘ ከም ወርቂ ክብሪ ዘለዎን መኽበሪኡ ዘኽብርን

ብኣንፃሩ ድማ እንተዘይተጠቒምካሉ ካብ ኢድካ ዘምልጥ ዘይምለስ ክባር ነገር እዩ፡፡

ኩሉ ነገር ዝግበር ኣብ ግዘ ስለዝኾነ ብዛዕባ ጥቕሚ ግዘ ፅቡቕ ኣመለካኽታ እንትህልወና ምንቅስቓስና ብግዘ ሽንሺና ብትልሚ ክንጥቀመሉ ኣለና፡፡ ሓደ ተግባር ብፅቡቕ ውፅኢት ክጠናቀቕ እንተኾይኑ ሰብ ንዝተለሞ ትልሚ ተገዛኢ ኾይኑ ግዘ እንተየባኽነ ጠንኺሩ ክሰርሕ ኣለዎ፡፡



መልመዲ 6

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡

1. ግዘን ወርቅን ዘመሳስሎም ምኽንያት እንታይ እዩ?
2. ትልሚ ዘይብሉ ስራሕ ውፅኢቱ እንታይ ይኸውን?
3. ብትኽክል ዝተተለመን ዘይተተለመን ስራሕ ዘለዎ ፍልልይ እንታይ እዩ?

## 7.3. ምንዓቕ ስራሕን እንተይሰራሓ ምንባርን

### 7.3.1. ምንዓቕ ስራሕን እንተይሰርሑ ምንባርን ኣብ ዕብየት ውልቀን ሃገርን ዘብፅሖ ኣሉታዊ ፅዕንቶ

- ስራሕ ምንዓቕን እንተይሰርሑ ምንባርን ጉድኣቱ እንታይ እዩ?

### እቶም መሓዙት

ረዳእን ስዩምን ኣብ ሓደ መፍረዪ ትካል ተቆፂሮም ዝሰርሑ ሓቢሮም ዝዓበዩ መሓዙት እዮም፡፡ እዞም ክልተ መሓዙት መናእሰይ ዕድሚኦም ተቐራረባይ ስለዝኾነ ኣብቲ ትካል ስራሕ ዝጀመርሉ እዋን'ውን ተመሳሳሊ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት በዝግባእ ንምፍላጥ ምቹዊ ኩነታት ፈጢሩሎም እዩ፡፡ ይኹን እምበር ብባህሪ ስራሕ ኣይቀራረቡን፡፡ ረዳኢ ፈታዊ ስራሕ፣ ኣኽባሪ ሰዓትን ብመሳርሕቱ ከም መርኣያ ዝረአ ህርኩት ሰራሕተኛን እንትኾን ስዩም ብኣንፃሩ ስራሕ ዘይፈትው፣ ንስንፍንኡ ብዙሕ ምኽንያት ዘቕርብን እንተይሰርሐ ምንባር ዝመርፅን ድኹም ኣተሓሳስባ ዝነበሮን እዩ፡፡ ረዳኢ ድኸመት ዓርኩ ንምቕራፍ ዝተፈላለየ ፃዕርታት ገይሩ እዩ፡፡ ሓደ መዓልቲ ኣጋጣሚ ተጠቒሞም ኣብቲ ዘለዎም ኣፈላላይ ግዘ ወሲዶም ተመያየጡ፡፡

ኣብ መወዳእታ ምይይጦም ረዳኢ ዝተገንዘቦ ነገር እንተሃለወ ክልቲኦም ምስ ስድርኦም ስለ ዝነብሩ ስራሕ ንምስራሕ ከም ዘይግደዱ ስዩም ኣጥቢቑ ዝኣምን ሰብ ምዃኑ እዩ። እዚ ኣርኣእያ ግና ፈጺሙ ግጉይ ከምዝኾነ ረዳኢ ዓርኩ ብኣብነት ኣረደኦ። ብዚ'ውን መናእሰይ ከፍርይሉ ኣብ ዝኽእሉዎ ዘፈር ስራሕ ተዋፊሩ ንሃገሩን ወገኑን ብስራሕ ከልምዕ ከም ዘለዎ ከምኡውን ካብ ዝኾነ ዜጋ ብዝበለፀ እቲ መንእሰይ ከይሰርሐ ምንባር ኣጥቢቑ ከውግዝ ከምዘለዎ ስርሑ ብዝግባእ ብምስራሕ መርኣያ ምዃን ከምዝግበኦ ተንቲኑ ኣረደኦ።

ብምኽሪ (ብማዕዳ) ዓርኩ ዝተመለሰ ስዩም ቀስ ብቐስ ካብ ጌግኡ ንምእራም እናተቓለሰ'ዩ። ምንዓቕ ስራሕን ከይሰራሕኻ ምብላዕን ዝነበረ ጌግኡ ንምእራም ንሕሊኑኡ ኣዳለወ። እቲ መንእሰይ ጥራሕ ዘይኮነስ ነብስ ወከፍ ዜጋ ብዓቕሙን ክእለቱን ስራሕ ብምስራሕ ሃገሩ ኣብ ምልማዕ ብፅሒቱ ክዋፃእ ከም ዝግባእ ብምእማን ግቡኡ ንምፍፃም ብውነ ተልዓለ።



መልመዲ 7

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ኣብ ሓድ ሓደ መንእሰይ ዝረአ ኣተሓሳስባ እንተይሰራሕኻ ምብላዕ ካብ ምንታይ ዝፈልፈለ እዩ?
2. ከይሰራሕካ ምንባር ንምትራፍ ክውሰዱ ዝግበኦም ስጉምትታት ሓደ ጋሻ ዓዲምኹም ተመያየጡ።

ስራሕ ምንዓቕን እንተይሰራሕኻ ምንባርን ኣብ ዕብየት ሃገርን ውልቀን ዘብፅሖ ኣሉታዊ ፅዕንቶ ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን። ብደረጃ ዓለም ብድኽነት ካብ ዝፍለጣ ሃገራት ሓንቲ ሃገርና ኢትዮጵያ እያ። ነዚ ድኽነት ብዙሓትን ዝተፈላለዩን ጭቡጣት ምኽንያታት ምዝርዛር እንተተኻኣለውን እቲ ቀንዲ ግና ህርኩት ባህሊ ስራሕ ዘይምህላው እዩ።

ኣብ ነብስ ወከፍ ኣእምሮ ዜጋ ባህሊ ሰሪሕኻ ምንባር እንተዘይማዕበሉ ሃገርና ካብ ዜጋታታ ክትረኽቦ ዝግባእ ኣበርክቶ ስራሕ ስለትስእን ብዕብየት ክትስጉም ኣይትኽእልን። ኣብ ኣተሓሳስባ ነብስወከፍ ሰብ ህርኩት ባህሊ ስራሕ እንትህሉ ኩሉ ዜጋ ሰሪሑ ንክዓቢ ይፅዕር።




*ስእሊ 7.2 ዝኾነ ስራሕ ንባዕልኻ ይኹን ንሃገር ረብሓ ኣለዎ*

በዚውን ብስርሑ መገልገሊ ሃገሩን ወገኑን ዝኾነ ሕብረተሰብ ይፍጠር፡፡ ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ከይሰራሕኻ ምንባር ንህይወት ውልቀ ሰባት ኮነ ንልምዓት ሃገር ሓደገኛ እዩ፡፡ ስራሕ እናነዓቁ፣ ሓደ ስራሕ ካብ ካሊእ እናመረፁን እንተይሰርሑን ንምንባር ዝፍትኑ ንዘይደኽምሉ ዋጋ ድኻም ካልኦት ኣሕዲግካ ከም ምብላዕ ዝሕሰብ /ዝውሰድ/ ጎዳኢ ተግባር እዩ፡፡

ኣብ ዝኾነ ዘፈር ስራሕ ተዋፊርካ ካብ ንባዕልኻን ስድራኻን ሓሊፉ ንሃገርን ንወገንን ምግልጋል እናተኽኣለ ሓድሓደ ውልቀ ሰባት ዓቕሚ እናሃለዎም እንተይሰርሑ ምንባር ብምምራፅ ኣብ ልመናን ካልኦት መነወርቲ ተግባራትን ተዋፊሮም ይርከቡ፡፡ ካብዚ ተወሳኺ ጉዱኣት ኣካል ኢና እናበሉ ምስ ልመና ብምትሕሓዝ ምስራሕ ዝኽእሉ ኣእዳዉ ንልመና ዝዝርግሑ ብዙሓት እዮም፡፡ እዚ ኩነታት ንውልቀ ኾነ ንሃገር ናብ ዝለዓለ ምጣነ-ሃፍታዊ ውድቀት ዘቃልዕ ስለዝኾነ ኣጥቢቕካ ክውገዝ ይግባእ፡፡ ኣብ ክንድኡ ድማ ባህሊ ሰሪሕኻ ምንባር ሕብረተሰብ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ብዝበለፀ ምዕባይ የድሊ፡፡



## መልመዲ 8

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ስራሕ እንተይነዓቕካ ሰሪሕኻ ምንባር ዝብል ጥንኩር ኣተሓሳስባ ንምዕባይ እንታይ ክገበር ኣለዎ?
2. እንተይሰራሕኻ ምንባር ንልምዓት ሃገር ዕንቅፋት ዝኸውን ከመይ እዩ?
3. ፃዕሪ ካልኦት ኣሕዲግካ ምብላዕ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?

# 7.4. ዕላማታት ልምዓትን ምጣነ-ሃፍትን

## 7.4.1. ኣብ ሕገ መንግስቲ ዝተሓገጉ ዕላማታት ልምዓት፣ ምጣነ-ሃፍትን ባህልን ተንኮፍ ንዕብየት ሃገር ዘለዎም ረብሓ

- ኣብ ሕገ መንግስቲ ዝተቀመጡ ዕላማታት ልምዓትን ምጣነ ሃፍትን እንታይ ረብሓ ኣለዎም?
- ዕላማታት ልምዓትን ምጣነ ሃፍትን ኣብ ሕገ መንግስቲ ምስፋሮም እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

ቀንዲ ዕላማን ሽቶን ምንቅስቃስ ልምዓት መሰረታዊ ድልየት ዜጋታት ምምላእን ደረጃ መነባብሮ ንምዕባይን ክኸውን ኣለዎ፡፡ ሃገርና ብዝኾነ መለክዒ ምስ ካልኦት ሃገራት እንትትነፃፀር ብኣብዝሓ ዕግዕተኛ ዝኾነ ድሑር ኣተሓሳስባ ዝሰፈነላን ዝኸፈአ ድኽነት ዝረኣየላን እያ፡፡ ብዚ ምኽንያት ብዕብየት ድሑራት ካብ ዝበሃላ ሃገራት ኣብ መወዳእታ ተርታ ትርከብ፡፡

ይኹን እምበር እዚ ኣንፈት ድሕረት ብዕብየት ብምልዋጥ ናብ ዝሓሸ ዕብየት ከሰጋግሩ ዝኽእሉ ልምዓት፣ ምጣነ-ሃብትን ባህልን ተንከፍ ዕላማታት ኣብ ህገ መንግስቲ ጠመተ ተዋሂብዎም እዩ፡፡ እዚኦም ቀንዲ ቀንዲ ዕላማታት ምጣነ-ሃፍቲ ዝበሃሉ ኣብ ሕገ መንግስትና ኣንቀፅ 89 ከም ዝስዕብ ተዘርዚሮም እዮም፡፡

1. መንግስቲ ኩሎም ኢትዮጵያውያን ተጠቀምቲ ዝተዓቖረ ፍልጠትን ሃፍትን ሃገሮም ዝኾኑሉ መንገዲ ምሕንፃፅ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡

2. መንግስቲ ኩነታት ምጣነ-ሃፍቲ ኢትዮጵያውያን ንምምሕያሽ ማዕረ ዕድል ክህልዎም ምግባርን ሃፍቲ ሃገር ፍትሓዊ ብዝኾነ መንገዲ ክከፋፍልን ኩነታት ከመቻቹውን ግቡእ አለዎ፡፡
3. ብተፈጥሮን ብሰብ ሰራሕን ሓደጋ ከይበፅሕ ክከላኸልን ሓደጋ እንተበጺሑ ድማ ጉድኣት ንዝበፅሖም ወገናት ሓገዝ ብእዋኑ ክበፅሕ ምግባር፡፡
4. ብዕብየት ንድሕሪት ንዝቐረዩ ህዝብታት፣ ብሄራትን ብሄረሰባትን መንግስቲ ፍሉይ ደገፍ ይገብር፡፡
5. መንግስቲ መሬትን ሃብቲ ተፈጥሮን ብስም ህዝቢ ኣብ ቁፅፅሩ ብምግባር ንጥቕምን ዕብየትን ህዝቢ ክውዕሉ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡
6. መንግስቲ ፖሊስታትን ፕሮግራማትን ልምዓት ሃገር እንተዳሉ በብ ብርኩ ዝርከብ ህዝቢ ከሳትፍ ኣለዎ፡፡ ምንቅስቓስ ልምዓት ህዝቢ ክድግፍ ኣለዎ፡፡
7. መንግስቲ ኣብ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ሃገር ምንቅስቓስ ልምዓት ደቂ ኣንስትዮ፣ ምስ ተባዕትዮ ብማዕረ ዝሳተፉሉ ኩነታት ናይ ምትዕርራይ ሓላፍነት ኣለዎ፡፡
8. መንግስቲ ጥዕና፣ ድሕንነትን ደረጃ መነባብሮን ሰራሕተኛ ህዝቢ፣ ንምሕላው ፃዕሪ ክገብር ኣለዎ፡፡

ብሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ዝወፁ እዞም ኣንፈት ልምዓት ተኸቲልካ ህዝብታት በብደረጃኡ ተጠቀምቲ ዝኾንሉ፣ ሃገርና ካብ ተመፅዋትነት ትወፀሉ፣ ቅልጡፍ ምጣነ ሃፍታዊ ዕብየት ዝረኣየሉን ዝማዕበለ ነፃ ስርዓት ዕዳጋ ምህናፅ ይካኣል እዩ፡፡



## መልመዲ 9

**ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡**

1. ዕብየት ሃገር ዝረጋገፅ ብኸመይ እዩ?
2. ሃገርና ብዕብየት ዝደሓረት እያ ዝበሃል ንምንታይ እዩ?
3. ኣብ ሕገ መንግስቲ ዝወፁ ዕላማታት ልምዓት ንምትግባር ካብ መንግስትን ህዝብን እንታይ ትፅቢት ይገብር?

ቀንዲ ሽቶ ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ዝወፀ ዕላማታት ልምዓት፣ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ናብ ዝሓሸ ደረጃ መነባብሮ ህዝቢ ምብቃዕን ተጠቃሚ ውፅኢቱ ምግባርን እዩ፡፡ ዕብየት ሃገሩን ህዝቡን ንምርኣይ ዘይደሊ ዜጋ ኣይህሉን፡፡ ህዝቢ ብዞም ዕላማታት ልምዓትን ምጣነ-ሃፍትን እናተመርሐ ብፅሒቱ እንተተዋፂኡ ናብ ዝተሓሰቦ ደረጃ ዕብየት ምብፃሕ ይካኣል፡፡ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ብምዕባይን ስራሕ ብዘይምንዓቕን እንተይሰራሕኻ ምብላዕ ብምፅያፍን ኩሉ ዜጋ ጠንኪሩ እንተሰሪሑ ኢትዮጵያ ብልምዓትን ዕብየትን ካልኦት ሃገራት ዝበፅሓሉ ብርኪ ክትበፅሕ ዘዕንቅፉ ምኽንያታት ኣይህልዉን፡፡



መልመዲ 10

*እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብጉጅለ ሰሪሕኹም ናብ ክፍልኹም ኣቕርቡ፡፡*

1. እንታይነት ዕላማታት ምጣነ ሃፍትን ንባዓልሞያ ስነ ምጣነ-ሃፍትን ሓቲትኩም ሓፂር ፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡
2. ብመሰረት ሕገ መንግስቲ ረብሓን ዕላማታት ልምዓትን ምጣነ-ሃፍትን ብሓፂሩ ኣብርሁ፡፡
3. ምዕባይ ምዕቡል ባህሊ ስራሕ ውልቀሰባት ምስ ልምዓት ሃገር ዘለዎ ምትእስሳር ግለፁ፡፡

## 7.5. ህርኩት ባህሊ ስራሕ

### 7.5.1. ንዕብየት ህርኩት ባህሊ ሰራሕ ግቡእነት ምዕባለ ሙያዊ ክእለትን ሰነምግባርን

- ምምዕባል ሙያዊ ክእለትን ስነ-ምግባርን ንምዕባለ ህርኩት ባህሊ ሰራሕ ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ኣብርሁ፡፡

# ህርኩት ባህሊ ስራሕ ዘውዲ

ካብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዕስራን ሓሙሽተን ኪሎ ሜትር ርሕቐት ፍርያት ዘመናዊ ተኽሊ ዕምበባ ዝካየደሉ ቦታ ሕርሻ ኣሎ፡፡ ኣብዚ ሕርሻ ዕምበባ ተቖፂሮም ዝሰርሑ ብዙሓት ሰራሕተኛታት ኣለዉ፡፡ ሓደ መዓልቲ ዘውዲ ብኣጋጣሚ ኣብ ሰሌዳ መጠቕዒ ምልክታ ሚኒስተር ሰራሕተኛታትን ማሕበራዊ ጉዳይን ዝተጠቀዐ ምልክታ ኣንበበት፡፡ እቲ ምልክታ ኣብ ክልል ኦሮምያ ኣብ ከተማ ሱሉልታ እናተጋፈሐ ኣብ ዝመፅ ተኽሊ ዕምበባ ስራሕ ክቑፀሩ ንዝደለዩ ውልቀ ሰባት ዝዕድም ነይሩ፡፡ ዘውዲ ስራሕ ንምድላይ ንወፃኢ ሃገር ክትኸይድ ሓሲባቶ ዝነበረ ገዲፋ ኣብ'ዚ ስራሕ ተወዳዲራ ተቖፀረት፡፡

ቅድሚኡውን ህርኩት ባህሊ ስራሕ ስለዘማዕበለት፣ ኣኽባሪት ስራሕ ዝነበረት ዘውዲ በቲ ስራሕ ኣብ ሓጺር እዋን ህርኩቲ ሰራሕተኛ ኾይና ተረኺበት፡፡ በዚ ዘፈር ስራሕ በብእዋኑ ስልጠና ሙያ መመሓየሺ እናተወሃባ ብዝበለፀ ንክትሰርሕ ሓጊዝዋ እዩ፡፡ ሙያዊ ስነምግባራ ብምዕባይ ብእትሰርሖ ሰራሕ ስምዒት መንፈሳዊ ጥንካረን ዓርሰ እምነትን ክትሕዝ ኪኢላ እያ፡፡ ዘውዲ ብውዕኢት ስራሓን ሞያዊ ስነ ምግባራን ንመሳርሕታ ኣብነት ብምኻን ስማ ብፅቡቕ መርኣያ ክትጥቀስ በቒዓ እያ፡፡

ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ከምዘውዲ ዝመስሉ ካብ ኣርባዕተ ሚኢትን ሓምሳን ንላዕሊ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ዘማሓድር መፍረዪ ዕምበባ ጣብያ ስሉልታ ነዛ ብስርሓ መርኣያ ዝኾነት ጓልኣንስተይቲ ብዘርኣየቶ ስነ ምግባርን ፍቕሪ ስራሕን ብደረጃ ሃገር ብጅግንነት ልምዓት ከሽልማ ክኢሉ እዩ፡፡ እዚ ሽልማት ዘውዲ ንካሊእ ተወሳኺ ዓወት ንኽትላዓዓል ገበራ፡፡ ኣብቲ ጣብያ ፅቡቃት ካብ ዝበሃሉ ፍርያት ዕምበባ ናብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣውሮፓ ብምልኣኽ ዝለዓለ ሸርፌ ወፃኢ ክረክብ ካብ ዝገብሩ ዘውዲን ከምኣ ዝበሉ ሰራሕተኛታትን እዮም፡፡



## መልመዲ 11

**ብመሰረት እቲ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሙያዊ ስነ ምግባር ንውፅኢታዊ ስራሕ ዘለዎ ግደ እንታይ እዩ?
2. ዘውዲ ንሽልማት ዘብቀዓ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?
3. ህርኩት ባህሊ ስራሕ ከመይ ይህነፅ?

ዕብየት ምጣነ-ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር ንምዕባይ ደረጃ መነባብሮ ህዝብን ካብ ዘኽእሉ መሰረታዊ ነጥብታት ሓደ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ሕብረተሰብ ምዕባይን ዓቕሚ ሙያዊ ክእለትን ስነ-ምግባርን ክህልዎም ምግባርን እዩ፡፡ ሙያዊ ክእለትን ስነ ምግባርን ሰራሕተኛታት እንተዘይ ማዕቢሉ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ክመፅእ ኣይክእልን፡፡ ህርኩት ባህሊ ስራሕ እንተዘይ ሃልዩ ድማ ካብ ድሕረትን ድኽነትን ብምውፃእ ዝሐሸትን ብምጣነ-ሃፍቲ ዝማዕበለትን ሃገር ንምግባር ብፍፁም ኣይካኣልን፡፡

ስለዚ በብ እዋኑ <u>ደረጃ ፍልጠትን ሙያን</u> ብምምሕያሽ ብሓደሽቲ መፍረዪ ናውቲ ንምጥቃም ኩሉ ግዘ ምምሃርን ምምርማርን ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ፡፡ ውፅኢት ሙየኦም ንሃገሮምን ንተገልገልቲ ሕብረተሰብን በቲ ዝድለ መልክዕ ምእንታን ክጠቕሙ ብመጀመርያ ብሙያዊ ስነ ምግባር ክህነፁ ይግባእ፡፡ ህርኩት ባህሊ ስራሕ፣ ሙያዊ ክእለትን ስነ ምግባርን ብሓባር ኣተሓሒዙ ዝጓዓዝ ሕብረተሰብ ንምዕባይ ምጣነ-ሃፍቲ ሃገሩ ዓቕሚ ስለዘለዎ ናብ ዝሐሸ ደረጃ መነባብሮ ንምብፃሕ ሰፊሕ ዕድል ይህልዎ፡፡



## መልመዲ 12

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ምዕባይ ህርኩት ባህሊ ስራሕ ምስ ሙያዊ ስነ ምግባር ዝህልዎ ዝምድና ኣብርሁ፡፡
2. ሙያዊ ደረጃ ብከመይ ክመሓየሽ ይኽእል?
3. ንምዕባይ ሙያዊ ስነ ምግባር ካብ ሕድሕድ ዜጋ እንታይ ትፅቢት ይግባር?

### 7.5.2 ካብ ካልኦት ንኽትመሃር ድልዊ ምዃንን ሙያዊ ውፅኢት ካልኦት ምድናቕን



*ስእሊ 7.3 ኣብ ሓደ መፍረዪ ቦታ ዑደት እንትገብሩ*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተዓዚብኩም?
- ሙያዊ ውፅኢት ካልኦት ሰባት ምድናቕ ኣብ ስራሕ እንታይ ረብሓ ኣለዎ?

## ክልተ መምህራን

መምህር ታደሰን መምህር ትብለፅን ኣብ ዝተፈላለዩ ኣብያተ ትምህርቲ ዘምህሩ መምህራን እዮም። ቅድሚ ኣብ ሓደ ሙያ መመሓየሺ ስልጠና ምርኻቦም ኣይፋለጡን ነይሮም። ሙያ መመሓየሺ ብሓባር ሰልጢኖም ምስ ወድኡ ተምሃሮኦም ሒዞም ልውውጥ ተሞክሮ ክገብሩ ቆፀራ ሒዞም ስለዝነበሩ ብመሰረት ቆፀሮኦም መምህር ታደሰ ሓደ መዓልቲ ተምሃሮኦም ሒዞም ናብ ቤት ትምህርቲ መምህር ትብለፅ ዑደት ኽገብሩ ኸዱ። ኣብ'ዚ እዋን ዑደቶም ድማ ብዙሕ ልምዲ ረኺቦ።

እቲ ቤት ትምህርቲ መሰልጠኒ ሙያን ቴክኒክን ስለዝነበረ ብዙሓት ተምሃሮ ኣብ ስራሕቲ እንጨይቲ፣ ሓፂን መፂን፣ ሰፌት ዓለባ፣ ኤለትሪክን ካለኦት እናሰልጠነ ዘምርቕ እዩ። ኣብ'ዚ መሰልጠኒ ቤት ትምህርቲ በዞም ዝተፈላለዩ ሙያ ዝሰልጥኑ ተምሃሮ ንዘሓሸ ልምዲ ስራሕ ናብ ዝለዓለ መሰልጠኒ ኮለጅ ይላኣኹ እዮም። ኣብ'ዚ ብዝግባእ ሙያዊ ስልጠናን ሙያዊ ስነ ምግባርን ምስ

ተሃነፁ ናይ ባዕሎም ስራሕ ንምፍጣር ዝኽእሉ ኩነታት ከምዝመቻቸው ካብ ዑደቶም ተገንዘቡ፡፡

መምህር ታደሰን ተምሃሮኦምን ዝተፈላለዩ ሕቶታት ኣልዓሉ፡፡ መብርሂ እውን ተወሀቦም፡፡ መምህር ታደሰ ምስ ተምሃርኦም ናይ ባዕሎም ሙያ እናካፈሉ ተሞክሮ ክረክቡ ብምግባር ፅቡቕ ግዘ ኣሕለፉ፡፡ ካብኡ ድማ መምህር ታደሰ ብባዕሎምን ብስም ተምሃሮኦም ዝተሰመየም ኣድናቆት ብምግላፅ ንዝተገበርሎም ሰናይ ኣቀባብላ ኣመስገኑ፡፡ ኣብ ቀፃሊ መምህር ትብለፅ ተምሃሮኣን ሒዘን ናብ ቤት ትምህርቲ መምህር ታደሰ ዑደት ክገብራ ብምዕዳም ናብ ቤት ትምህርቶም ተመለሱ፡፡



## መልመዲ 13

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ክልቲኦም መምህራን ቀፀሮ ልውውጥ ተሞክሮ ዝሓዙ ንምንታይ ነይሩ?
2. መምህር ታደሰን ተምሃሮኦምን ካብ ዑዱቶም እንታይ ይጥቀሙ?
3. ሓደ ናይ'ቲ ካሊእ ሞያ ምርኣይን ምድናቕን ረብሕኡ እንታይ እዩ?

ምዕባለ ባህሊ ካብ ካልእ ሞያ ንክትምሃር ድልዊ ምዃንን ምድናቅን ሙያዊ ውፅኢት ብካልኦት ክለመዱ ዘለዎም መሰረት ህርኩት ባህሊ ስራሕ እዮም፡፡ ብዙሓት ሰባት ካልኦት ዝስርሕዎ ስራሕ ከድንቑ ኣይረኣዩን፡፡ ሰባት ብግልፂ ብስርሖም ክድነቑን ብዝበለፀ ክብርትዑ ዘደፋፍሩ ኣይኮኑን፡፡ ከምኡውን ናብቶም ሰብሙያታት ቐሪቦም ንኽመሃሩ ዘለዎም ድልየትን ድልውትን ብምግላፅ ካብዞም ውልቀ ሰባት ዝተረኸበ ሙያዊ ልምዲ ከወስዱ ኣይደልዩን፡፡ ብርግፅ እዚ ኩነታት ባህሪ ኩሉ ሰብ እዩ ንምባል ኣይካኣልን፡፡ ኮይኑ ግና ኣመለካኽታ ብዙሓት ሰባት ስለዝኾነ ክተርፍ ዘለዎ ድሑር ኣተሓሳስባ እዩ፡፡

መቸም ኩሉ ሰብ ተመሳሳሊ ሙያዊ ክእለት ኣይህልዎን፡፡ እቲ ሓደ መምህር እንትኾን እቲ ካሊእ ድማ ሃናፂ፣ ነዳፂ ወይ ሰራሕተኛ ቢሮ ክኸውን ይኽእል፡፡ ከምኡውን ሓደ ነጋዳይ እቲ ካልእ መሃንዲስ፣ ሓረስታይ ወይ ድማ ሓኪም

ይኽውን፡፡ ሃገር ብስራሕ ክትዓቢ እትኽእል ዜጋታት ዝተፈላለዩ ክኢላታት ብማሕበር ተወዲቦም ተሓጋጊዞም ንልምዓትን ምዕባለን እንተተበጊሶም ጥራሕ እዩ፡፡ ነብስወከፍ ዜጋ ብዝተዋፈረሉ ሙያ ነታ ሃገር ኣብ ምጣነ ሃፍታዊ ልምዓት ዘበርክቶ ዝለዓለ ብፅሒት ኣለዎ፡፡

ስለዚ ብፅሒት ልምዓት ብዝበለፀ ውፅኢታዊ ንምግባር ዝኾነ ሞያ ክኽበርን ክድነቕን ይግባእ፡፡ ካልኦት ዜጋታት ካብ ባዓልሞያ ትምህርቲ ክረኽቡን ሙያኦም ከመሓይሹን ንባዕሎም ተጠቂሞም ንሃገሮም ክጠቕሙን ይግባእ፡፡ ሪኢቶ፣ ነቐፌታን ምድናቕን ብዝግባእ መልክዕ እንተተግቢሩ ንመፃኢ ሙያኦም ዝበለፀ ንክዓቢ ዝለዓለ እጃም ኣለዎ፡፡ ብዚ ኩነታት መንግስትን ሕብረተሰብን ሙያን ባዓል ሙያን ከበረታትዑ፣ ኣድላዪ ክብሪ ምሃብን ሓደ ካብቲ ካሊእ ዝመሃረሉ ኩነታት ከመቻቸው ኣለዎም፡፡



### መልመዲ 14

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሓንቲ ሃገር ብኸመይ መንገዲ ክትዓቢ ትኽእል?
2. ሓደ ሙያ ምድናቕን ካብ ካልኦት ንምምሃር ድልዉ ምዃንን ረብሓኡ እንታይ እዩ?
3. ሙያን ባዓልሙያን ካብ ምድናቕ ሓሊፉ ንዝሓሸ ደረጃ ክበፅሑ መንግስቲ እንታይ ክገብር ኣለዎ ትብሉ?

## መጠቃለሊ

ህርኩት ባህሊ ስራሕ፣ ሙያዊ ክእለትን ስነ ምግባርን ካብ ዕብየት ሃገር ዝንፀሉ ኣይኮኑን፡፡ ምጣነ-ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር ብፅኑዕ መሰረት ሃኒፅካ ሕብረተሰብ ተጠቃሚ ክኸውን ምግባርን ዘሐሸ ህይወት ክህልዎን ህርኩት ባህሊ ስራሕን ሙያዊ ስነ ምግባርን ዘለዎ ሰራሕተኛ ምፍጣር የድሊ፡፡ ብህርኩት ባህሊ ስራሕ ዝተሃነፀ ሕብረተሰብ ብሙዩኡ ንዝፍፅሞም ግዘ ስራሕ ዝለዓለ ግምት ስለዝህብ በብዘፈሩ ዘበርክቶ ኣስተዋፅኦ ውፅኢታዊ ይኸውን፡፡ ግዘ ብኣግባቡ ንምጥቃምን ብስራሕ ዝሐሸ ውፅኢት ንምምዝጋብ ካሊእ ኣድላዪ ዝኾነ ነገር ስራሕ ብትልሚ ምምራሕ እንተተኸኢሉ’ውን ካብ ዝተጠቐሙሉ ግዘ ብዝነኣሰ ግዘ ህርኩት ውፅኢታዊ ስራሕ ምምዝጋብ እዩ፡፡ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ምጣነ-ሃፍቲ ተንከፍ ዕላማታቱ ቀዳማይ ጠመትኡ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ዜጋ ጠንኪሩ ሰሪሑ ንባዕሉን ሃገሩን ከልምዕ፣ ብተወሳኺ ኣብ ሃፍቲ ሃገሩ ማዕረ ተጠቃሚ ዝኸነሉ ስርዓት ምህናፅ እዩ፡፡

ህርኩት ባህሊ ስራሕ ንምህናፅ እቲ ካሊእ ክውሰድ ዝግበኦ ዓብዪ ስጉምቲ ድማ እንተይ ሰራሕካ ምንባር ምፅያፍን ምቅዋምን ዝረኸብካዮ ስራሕ እንተይነዓቕካ ምስራሕን እዩ፡፡ ናይ ስራሕ ንእሽተይ ወይ ዓብዪ የብሉን፡፡ ሓደ ዘፈር ስራሕ ምስ ካሊእ እንትነፃፀር ብማዕረ ግዘ ስራሕን ተመሳሳሊ ደረጃ ፍልጠትን ይፍፀም እንተዘይተበሃለ’ኳ ስራሕ ብዝኾነ መለክዒ ንሃገር ኾነ ንህዝቢ ዘለዎ ኣስተዋፅኦ ዝለዓለ እዩ፡፡ ዜጋታት ሓንቲ ሃገር ህርኩት ባህሊ ስራሕ እናማዕበሉ፣ ስረሖም ብዝበለፀ እናጠናኸሩን ሙየኦም እናመሓየሹን እንተኸዱ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ስራሕ ብምብፃሕ ካብቲ ዝተለመደ ብዝበለፀ ንምስጋና ዘብፅሕ መርኣያ ስራሕ ክፍፅሙ ይኽእሉ እዮም፡፡

ከምዚ ዝበለ ዝለዓለ ውፅኢታዊ ስራሕ ንዘመዝግቡ ዜጋታት ምትብባዕን ምድናቕን ኣድላዪ እንተኾነ ሰብ ሙያ ንምምሃር ድልዋት ምኳን ድማ እቲ ካልእ ኣንፈት ምዕባለ መግለፂ ህርኩት ባህሊ ስራሕ እዩ፡፡ ወድ ሰብ ሕዚ በፂሑዎም ዘሎ ብርኪ ስልጣነ ክበፅሕ ካብ ዝገብሩ እቲ ቀዳማይ ምኽንያት ብፅሒቱ ብዝግባእ ሒዙ ኣብ ስራሕ ብዘርኣዮ ዝለዓለ ንጥፈት እዩ፡፡ ብመሰረት’ዚ ኣብ ሕገ መንግስቲ ፌዴሪኢ ዝተሓንፀፁ ዕላማታት ልምዓትን ምጣነ-ሃፍትን ብተግባር ንምትርጓም ኩሉ ዜጋ ንምምዕባል ህርኩት ባህሊ ስራሕ ብዝለዓለ ደረጃ ክረባረብ ይግባእ፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

ምውድልዳል፡- ስራሕ ምፍታሕ፣
ዓቐብ ቁልቁል፡- ፈተና ዝበዝሖ፣ ችግር፣ መከራ ዝዓሰሎ
ህርኩት፡- ፃዕራም፣ ንጡፍ
ምጣነ-ሃፍቲ ፡- ፍርያት፣ ዝርገሐ፣ ፍርያትን ኣጠቓቕማ ፍርያትን፣ ግሊጋሎት ማሕበረሰብን (ኢኮኖሚ)

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም ትኽክል ንዝኾነ ‹‹ሓቂ›› ትክክል ንዘይኾነ ድማ ‹‹ጌጋ›› እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ዝኾነ ሙያን ሙያተኛን ማዕረ ግምትን ከበሬታን ክወሃቦ ይግባእ፡፡
2. ህርኩት ባህሊ ስራሕ ሕብረተሰብ ኣብ ዝማዕበለሎም ሃገራት ፅዕንቶ ሰብ ስራሕ ሓደጋታት ትሑት ክኾን ይኽእል እዩ፡፡
3. ዕብየት ሃገር ዝመፅእ ብምዕባለ ዝለዓሉ ዘፈራት ሙያ እዩ፡፡
4. ናይ ባዕልኻ ሞያ ምዕባይ እምበር ካብ ካልኦት ሰብ ሙያ ንኽትመሃርን ነዚኦም ንምድናቕ ምፍታንን ትኽኽል ኣይኮነን፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ ‹‹ሀ›› ዝተዘርዘሩ ምስ ኣብ ትሕቲ ‹‹ለ›› ዘለዉ ተመሳሰልቲ ዝኾኑ ኣዛምዱ*

| ‹‹ሀ›› | ‹‹ለ›› |
|---|---|
| 1. ምንኣድ | ሀ. ካብ ሓደ ሰናይ ተግባር ዝርከብ በረኸት |
| 2. ብቕዓት | ለ. ብፅሒት ስራሕ ብዝግባእ ዘይምፍፃም |
| 3. ምንሳሕ | ሐ. ናይ መጀመርያ ቆልዓ |
| 4. ትሩፋት | መ. ንሓደ ፍርያታዊ ስራሕ ዝወሃብ ምስጋና |
| 5. ቦኽሪ ውላድ | ረ. ብልምዲ ኾነ ብትምህርቲ ኣብ ሓደ ሙያ ዝርከብ ክእለት ስራሕ |
| | ሰ. ብዝተፈፀመን ብዝሓለፈን ስራሕ ምጥሃይ |

III. *እዞም ዝስዕቡ ክፍቲ ቦታታት ትኽክል ብዝኾነ ቃል መልኡ፡፡*

1. ____________ ሙያን በዓል ሙያን ንዝሓሸ ውፅኢት የብቅዕ፡፡
2. ሓደ ስራሕ ኣብ ዝተሓሰበሉ እዋን ንምፍፃም ፊለማ __________ ምድላው የድሊ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ካብቶም ዝቐረቡ መማረፅታት ትክክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ዕብየት ሃገር ብተግባር ምርግጋፅ ክከኣል
   - ሀ. እንተይሰርሑ ምንባር ነውሪ ልማድ ምዃኑ ግንዛበ ክረኽቡ ምግባር የድሊ
   - ለ. ኩሎም ዜጋታት ማዕረ ዕድል ስራሕ ክረኽቡ ይግባእ
   - ሐ. ምጣነ ሃፍቲ ተንከፉ ዕላማታት ናብ ተግባር ክልወጡ ኣለዎም
   - መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡
2. ሓደ ዜጋ መርኣያ ዘለዎ ተግባር ፈፂሙ ዝበሃል
   - ሀ. ስም ሃገሩ፣ ህዝቡን ሰንደቕ ዕላማኡን፣ ዘፅውዕን ዘኹርዕን ተግባር ክፍፅም ኣለዎ
   - ለ. ሓገዝ ወሃቢ ትካል ክጣይሽ ኣለዎ
   - ሐ. ኣብ ውድድር ኣትሌትክስ ክሳተፍ ኣለዎ
   - መ. ስሙ ብሬድዮን ብጋዜጣን ኩሉሻብ ክፅዋዕ ኣለዎ
3. ኣብ ሃገርና ህርኩት ባህሊ ስራሕ ኣብ ፅኑዕ ሰረት ክህነፅ እንተኾይኑ
   - ሀ. ሕብረተሰብ ብዛዕባ ስራሕ ዘለዎ ኣተሓሳስባ ብዝሓሸ ደረጃ ክህነፅ ኣለዎ
   - ለ. ጎዳኢ ባህልን ምንዓቕ ስራሕን ክፍፍል ስራሕ ንደቂ ተባዕትዮን ንደቂኣነስትዮን ዝብል ኣተሓሳስባ ክውገዱ ኣለዎም
   - ሐ. ሙያዊ ክእለትን ስነ-ምግባርን ክተኣሳሰሩ ኣለዎም
   - መ. ኩሎም መልሲ እዮም

4. መልዐሊ ዕላማታት ምጣነ-ሃፍቲ
   ሀ. ሕብረተሰብ ሃፍቲ ሃገር ብማዕረ ተጠቀምቲ ንምግባር እዩ።
   ለ. ብምዕባለ ኣብ ድሕሪት ዝርከቡ ህዝብታት ብሂራት ብሂርሰባትን ፍሉይ ሓገዝ ምግባር እዩ፡፡
   ሐ. ንምምሕያሽ ምጣነ-ሃፍታዊ ኩነታት ኢትዮጵያውያን እዩ
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡
5. ክእለዩ ካብ ዝግብኦም ማሕበራዊ ፀገማት ሃገርና
   ሀ. ጎዳኢ ኣተሓሳስባ እንተይሰሪሕካ ምንባርን ልመናን ከም ፍልፍል እቶት ጌርካ ምቑፃር
   ለ. ሙያዊ ክእለት ሰባት ምድናኞን ካብ ካልኦት ንምምሃር ድልዊ ምኻንን
   ሐ. ብንጥፈት ምስራሕ
   መ. ኩሎም መልሲ እዮም፡፡

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልስታት ሃቡ፡፡*
1. ስራሕ ዓብዪን ንእሽተይን የብሉን እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?
2. ፅግዕተኛነት ብምንታይ መልክዕ ክግለፅ ይከኣል?
3. ግዘ ብኣግባቡ ምጥቃም እንትብሃል እንታይ ማለት እዩ?

# ምዕራፍ ሸሞንተ

# ዓርስኻ ምኽኣል

## ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ፡-

ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ምስ ፈፀምኩም

- ዓርስኻ ካብ ዝኾነይኹን ፅግዕተኛነት ምንጋፍን ንባዕልኻ ክብሪ ምሃብን ዝህልዎ ረብሓ ትግንዘቡ፣
- ጎዳእነት ዘይሕጋዊ ንግዲ ትግንዘቡ፣
- ኣድላይነት ብዓርስኻ ምትእምማን ትግንዘቡ፣

## 8.1. ካብ ፅግዕተኛነት ምንጋፍ

### 8.1.1. ካብ ፅግዕተኛነት ንምንጋፍ ንባዕልኻ ክብሪ ምሃብ

- ንባዕልኻ ክብሪ ምሃብ ካብ ስምዒት ልዕልነት ብምንታይ ይፍለ?



*ስእሊ 8.1 ምጉዳእ ኣካል ዓርስኻ ካብ ምኽኣል ኣይድርትን*

ኣይተ ስንታየሁ ተሻለ ጉዱእ ኣካል እዩ፡፡ ብክልተ ኣእዳዉ ዝኾነ ነገር ክሰርሕ ኣይኽእልን፡፡ ብክልተ ኣእጋሩ ደው ኢሉ ክስጉም ኣይኽእልን፡፡ ስለዚ ካብ ቦታ ቦታ እናተፈሓኸ ይኸይድ፡፡ ወለዱ ለሚኑ ካብ ምብላዕ ሓሊፉ ካሊእ ዕድል ዘይብሉ ገይሮም ስለ ዝሓሰቡ ክመሃር ናብ ቤት ትምህርቲ ኣይለኣኹዎን፡፡ ካብ ሓሙሽተ ዓመት ዕድሚኡ ጀሚሩ ናብ ጎደና ንልመና ወፀ፡፡

ዕድሚኡ እናወሰኸ ምስኸደ ግና «ኣነ ሰሪሐ ዘይበልዕ እንታይ ይጎድለኒ?» ዝብል ጥንኩር እምነት ብውሽጡ ክሰምዖ ጀመረ፡፡ ዋላ ጥዕና ዘለዎም ሰባትኳ ኣካሎም እናቑሰሉ ንልመና ኣብ ዝወፁላ ሃገሮም ስንታዮህ ግና ንባዕሉ ኣኽቢሩ ልመናን ፅግዕተኛነትን ተፀየፈ፡፡ ምስኳም ዘይኽሉ ኣእጋሩ ከም ኢድ ኣሰልጢኑ እናተጠቐመ ስድርኡ በስራሕ ምሕጋዝ ጀመረ፡፡ ካብ ዝዓበየሉ ቁሸት ወፂኡ ዝሐሸ ዕድል ስራሕ ክረኽበሉ እየ ናብ ዝብሎም ከተማታት ከደ፡፡

ብመጀመርያ ኣብ ጥቓ ሬድዮን ስዓትን ዝፅግን ሓደ ሰብ ተፀጊዑ ኮፍ እናበለ እናስተውዓለ ክእለት ምፅጋን ሬድዮን ሰዓትን ኣማዕበለ፡፡ ብድሕሪኡ ነቲ ሰብኣይ እናሓገዘ ምንባር ጀመረ፡፡ ቀጺሉ ባዕሉ እናሰርሐ ገንዘብ ምርካብ ኪኢሉ ነይሩ፡፡ ኾይኑ ግና ዝረብሕ መፅለሊ ስለ ዘይነበሮ ናውቲ ብለያቡ ተሰረቀ፡፡

ንሱ ግና ተስፉ እንተይቆረፀ ጣውላ እናገዝአ ኣብ መንገዲ ዝወዳደቕ ምስማራት እናኣከበ ጉዱኣት ኣካል ካብ ቦታ ናብ ቦታ ዝንቀሳቐስሉ ኩቺኔታ (ተሽከርካሪት) ምስራሕ ጀመረ፡፡ ሕዚ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ካብ ፅግዕተኛነት ብምውፃእ ንስራሕ ዝተመቻቸወ ቦታ ብፃዕሩ ክህልዎ ገይሩ እዩ፡፡ ሓዳር ገይሩ ኣርባዕተ ቆልዑ ኣፍረዩ፡፡ ብሓፈሻ ሕዚ ስንታየሀ ሓንቲ ጓል ዘመዱ ወሲኹ ብድምር ኣመሓዳሪ ሸውዓተ ኣባላት ስድራ እዩ፡፡



## መልመዲ 1

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ስንታዮህ ካብ ፅግዕተኛነት ንምውፃእ ዘለዓዓሎ ምኽንያት እንታይ እዩ?
2. ኣብ ከባቢኹም ጉድኣት ኣካል ዝኾኑ ግና ዓርሶም ንምኽኣል ፃዕሪ ዝገብሩ ሰባት ብምድላይ ካብ ፅግዕተኛነት ንምውፃእ ዝፈጠረሎም ስምዒት ንምፍላጥ ተመያየጡ፡፡
3. ንስኹምከ ንባዕልኹም ክብሪ ትህቡዶ? ብምንታይ ተግባራትኩም ይግለፅ?

ንባዕልኻ ክብሪ ምሃብ ብዝኾነ ኩነታት ንባዕልኻ ኣትሒትካ ዘይምርኣይን ግቡእ ቦታኻ ምፍላጥን እዩ፡፡ መንነትካ ፈሊጥካ ዘለኻሉ ደረጃ ተቐቢልካ ብትምህርትን ምስ ካልኦት ብዝህሉ ርክብ እናመሓየሽካን ዓቕምኻ ሙሉእ ብሙሉእ ምጥቓምን ዝበለፀ ብቑዕ ንምኳን ፃዕሪ ምግባር ንባዕልኻ ኽብሪ ምሃብር ዝገልፅ እዩ፡፡ ንባዕሎም ክብሪ ዝህቡ ሰባት ሓሳቦም ብነፃነት ይገልፁ፡፡ መብዛሕትኡ እዋን ዝፈልጥዎ ንኻልኦት ከፍልጡ ድልዋት እዮም፡፡

ብመሰረት'ዙይ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ርክቦም ባዕሎም ዝሸኣሉን ንባዕሎም ክብሪ ዝህቡን ሰባት እዮም፡፡ ፅግዕተኛታትን ተመፅወትን ምኳን ኣጥቢቖም ይኹንኑ፡፡ ምኽንያቱ ንዝፈትውዎ መንነቶም ስለዘትሕቶም እዩ፡፡ ኣብ ላዕሊ ዘንበብኩዎም ታሪኽ ስንታዮህ ነዚ ኩነታት ዝገልፅ ኣብነት እዩ፡፡



## መልመዲ 2

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ባህሪ ንባዕሎም ክብሪ ዝህቡ ሰባት ግለፁ፡፡
2. ንባዕሎም ክብሪ ዝህቡ ሰባት ጌጋታት ሰሪሖም እንተተነገሮም እንታይ ይገብሩ ይመስለኩም?
3. ንባዕሎም ኽብሪ ዝህቡ ሰባት ልመናን ተመፅዋእትነትን ንምንታይ ይፀልኡ?

## 8.1.2. ካብ ፅግዕተኛነት ንምንጋፍ ዓርስኻ ምኽኣል

- ካብ ፅግዕተኛነት ምንጋፍ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
- ዓርስኻ ምኽኣል ማለት እንታይ ማለት እዩ?

### ትዕግስቲ

ኣምሳለ ገነት ኣብ እትበሃል ቁሸት ትዕግስቲ ዝበሃል ቖልዓ ይነብር ነይሩ፡፡ ብቖልዕኡ ወለዱ ስለ ዝሞትዎ ሓደ ሃፍታም ናብ ገዝኡ ወሰዶ፡፡ ብድሕሪኡ ትዕግስቲ ተረፍ መረፍ ምግቢ እናተውሃቦ ኣብ እንዳክሽነ መደቀሲ ተዋሂቡዎ ተንኮበት እናተነፀፈ ምሕዳር ጀመረ፡፡ ትዕግስቲ ስምዒት ፅግዕተኛነት ስለዘሕደረ ዝተወሃቦ ተቐቢሉ ይበልዕ እንተወቅዕዎ በኺዩ ስቕ ይብል ነበረ፡፡

ሓድ ሓደ ጎረባብቲ ሰባት ዝበፅሖ ዘሎ በደል ሪኦም "ንምንታይ ካብ ገዛ ወፅኢኻ ዘይትጠፍእ" እናበሉ ይመኽርዎ ነበሩ፡፡ ንሱግና «ካብዚ ገዛ ወፂአ እንተጠፊአ በረንዳ ሓዳሪ ኮይነ ክተርፍ ይኽእል፡፡ ትምህርት'ውን ከቋረፅ እየ፡፡ ስለዚ ዘለኒ ፀገም ብትዕግስቲ ኣሕሊፈ ንፋዕ ተምሃራይ ክኸውን ኣለኒ፣ እንድሕር ተማሂረ ካብ ፅግዕተኛነት ወፂአ ዓርሰይ ክኽእል እየ» እናበለ ይሓስብ ነበረ፡፡ ከም ዝሓሰቦ ትምህርቱ ጠንኪሩ ተምሃረ፡፡ ዩንቨርስቲ ኣትዩ'ውን ብዝለዓ ውፅኢት ተመሪቑ ሓኪም ኮይኑ ስራሕ ሒዙ ናብ ካሊእ ርሕቕ ዝበለ ከባቢ ከደ፡፡

ብድሕሪኡ ንዕረፍቲ ናብ ዝዓበየሉ ከባቢ ኣምሳል ገነት እንትኸይድ ፅኑይ መደቀሲ ክዳለወሉ ጀመረ፡፡ ዝደለዮ ምግብውን ይሰርሓሉ ነበረ፡፡ ብዓርሱ ስለ ዝተኣማመን ንዘዕበይዎ ሰባት ዝህቦም ክብሪ እንተየጉደለ ብዘይፍርሓት ሓሳቡ ይገልፅ ጀመረ፡፡ ብስምዒት ማዕርነት ሓቢርዎም ኮፍ ኢሉውን የውግዖም ነይሩ፡፡



## መልመዲ 3

***ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ:: ሓደ መመያየጥን ሓደ ፀሓፍን ምረፁ:: ቀጺልኩም***

1. **ትዕግስቲ ከመይ ዓርሱ ከምዝኸኣለን ካብ ፅግዕተኛነት ስምዒት ብኸመይ ከምዝወፀን ተመያየጡ::**
2. **ትዕግስቲ ሓደ ሓደ ኀረባብቱ ከምዝመኸርዎ ካብ ዝተፀገዐሉ ገዛ ወፂኡ እንተዝጠፍእ ከጋጥምዎ ዝኽእሉ ዝነበሩ ፀገማት ብኣብነት እናገበርኩም ተመያየጡ::**
3. **ትዕግስቲ ንውፅኢት የብቅዕ እዩ ኢልኩምዶ ትኣምኑ?**

ዓርስኻ ምኽኣልን ካብ ዕግዕተኛ ምውፃእን፣ ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፅ እዮም:: ዝኾነ ሰብ ዘለዎ ዓቕምን ዝረኸቦ ኣጋጣምን ተጠቒሙ ብምስራሕ ዓርሱ ክኸእል እንተ ወሲኑ ዘፀግም ነገር ኣይህሉን::

ኣብዚ ክንግንዘቦ ዝግበኣና ዓቕምን ኣጋጣምታትን ምፍላጥ እዩ:: ዝኾነ ሰብ ሃንደበት ተላዒሉ ኣብ ዓለም ለኸ ማራቶን ውድድር ጉያ ክሸንፍ እየ ወይ ድማ ስራሕ ምህንድስና ክሰርሕ ይኽእልየ ኢሉ እንትውስን ግመ ከም ምጭባጥ ይኸውን:: ምኽንያቱ ብዓለም ለኸ ውድድር ማራቶን ጉያ ንምስዓር ኾነ ስራሕ ምህንድስና ንምስራሕ ቕድሚኡ ዘድልዩ ነገራት ኣለዉ:: ንኣብነት ብውድድር ጉያ ንምስዓር ኣካላትካ ምጥንካር፣ ጥዕናኻ ምርግጋፅ፣ ስልጠና ምውሳድን ልምምድ ምግባርን የድሊ:: መሃንዲስ ንምኳን መጀመርያ በቲ ሙያ ዝተዳለወ ትምህርቲ ትምሃር መረዳእታ ትምህርቲ'ውን ምሓዝ የድሊ::

ብካሊእ ወገን ድማ ዝኾነ ሰብ ፃዕሪ እንተገይሩ ዝረኸቦ ኣጋጣሚ ተጠቒሙ ዘጋጠሙዎ ፀገማት ብሜላን ትዕግስትን እንትዋፃእ ናብ ዝሓሰቦ ነገር ምብፃሑ ኣይተርፍን:: ትዕግስቲ ካብ ፅግዕተኛነት ወፂኡ ዓርሱ ንምኽኣል በጋጣሚ ምስ ሓደ ሃፍታም ምርኻቡን ዝረኸቦ ኣጋጣሚ ብኣግባቡ ምጥቃሙ እዩ:: ትዕግስቲ ብዙሓት ፀገማት ብትዕግስቲ ኣሕሊፉ ካብ ፅግዕተኛነት ወፂኡ ባዕሉ ክኽእል ገይሩዎ እዩ::

ካብ ፅግዕተኛነት ዝወፀ ሰብ ነፃ ኣተሓሳስባ ኣለዎ፡፡ ስለዚ ዝበለፀ ንምስራሕን ዝሓሸ ህይወት ንኽህልዎ ይለዓዓል፡፡ ተሸቁራርን ትሕቲ ካልኦት ስለዘይኾንን ሓደሽቲ ሃሳባት ብምውፃእ ዓቕሚ ዘለዎ ፅቡቕ ዜጋ ይኸውን፡፡



## መልመዲ 4

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ዓርስኻ ንምኽኣል ዘድልዩ ነገራት ብዝርዝር ግለፁ፡፡
2. ዓርስኻ ምኽኣልን ካብ ፅግዕተኛነት ምንጋፍን ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፅ እዮም ማለት እንታይ ማለት እዩ?
3. ዓቕምኻን ክእለትኻን ምፍላጥ ማለት እንታይ ማለት እዩ? ብኣብነት እናገበርኩም ግለፁ፡፡

### 8.1.3. ካብ ፅግዕተኛነት ምንጋፍ ንዕብየት ምጣነ-ሃፍቲ፣ ማሕበራዊ ዕብየትን ንህንፀት ፅቡቕ ዜጋን ዝህልዎ ሓገዝ

- ካብ ፅግዕተኛነት ምንጋፍ ንዕብየት ምጣነ ሃፍትን ማሕበራውን ሓንቲ ሃገር ከመይ ይሕግዝ?

## ጀርመን ካብ ዝወደቐትሉ ዓዘቕቲ ከመይ ክትወፅእ ክኢላ?

ኣብ ካልኣይ ኲናት ዓለም ካብ ሞንጎ ብቐንድነት ዝተሳተፋ ሃገራት ሓንቲ ጀርመን ነይራ፡፡ ኣብ እዋን እዚ ኲናት ብዝለዓለ ደረጃ ወዲቓ ነይራ፡፡ ቃልሲ ኣንፃር እዞም ደብዳብ ፀረ ናዚ ሓይልታት “ብድሕረይ ዳንዴር ኣይብቆል” ዝብል ኣተሓሳስባን ግንዛበታትን ተደሚሩ ናይታ ዓዲ ዘፈራት መሠረተ ልምዓት ፋብሪካታት፣ ህንፃታትን ገዛውትን ብኣብዛሓ ዓንዮም ነይሮም፡፡ ብዙይ ምኽንያት ኣብ መወዳእታ እቲ ኲናት ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ፀገምን ተመፅዋትነትን መነባብሮ ክወድቕ ኪኢሉ፡፡ ኾይኑ ግና ኣብዚ እዋን ካብ ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ዝወፁን ዓርሰ ምኽኣል ዝብል ኣታሓሳስባ ዝሓዙን ልዑል ትረት ዘለዎም ዜጋታት ክቕልቀሉ ከኣሉ፡፡ ሓፈሻዊ ዕብየት ሃገሮም ንምቅልጣፍ ብዝለዓለ ስምዒት ምንቅስቓስ ጀመሩ፡፡

ስለዚ ኩናት ምስ ተዛዘመ ድሕሪ ዓሰርተ ዓመት ጀርመን በዞም ዜጋታት ፃዕሪ ካብ ዝነበረቶ ውድቀት ብምውፃእ ምዕቡል ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ህይወት ንኽትስርትን ካብ ሃገራት ኣውሮፓ ዝለዓለ ምጣነ-ሃፍቲ ዘለዋ ሃገር ክትኸውን ኪኢላ እያ፡፡ እዚ ስራሕ ተኣምር ጀርመናውያን እናተብሃለ ዝተገለፁሉ ኩነታት ሓደን ቀንድን ካብ ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ብዝተናገፉን ንባዕሎም ኽብሪ ዝህቡን ተረርቲ ዜጋታት ስለ ዘፍሪየት እዩ፡፡



### መልመዲ 5

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ዜጋታት ጀርመን ሃገሮም ኣትያቶ ካብ ዝነበረት ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ውድቀት ኽትወፅእ ዘኽኣላ እንታይ እዩ? ካብ ፅግዕተኛ ምውፃእ ንዜጋታት ንባዕሎም ኾነ ንሃገሮም ዝህልዎ ረብሓ እናገለፅኩም ተመያየጡ፡፡
2. ንሕና ኢትዮጵያውያን ንሃገርና ብደረጃ ዓለም ዝለዓለ ግምት ከውህብና ዘኽእል እንታይ ክንሰርሕ ትፅቢት ይግበረልና? ሓደ መመያየጥን ሓደ ፀሓፍን መሪፅኩም ብዕሙቐት ተመያየጡ ዝተለዓሉ ነጥብታት ኣብ መዘከርታኹም ፀሓፉ፡፡

ንዕብየትን ምዕባለን ሓንቲ ሃገር ድምር ውፅኢት ኣሰራርሓ ዜጋታት እዩ፡፡ ስለዚ ካብ ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ወፂኦም ዓርሰ እምነት ዘሕደሩ ጠንካራታትን ህርኩታትን ዜጋታት ዘለዋ ሃገር ምጣነ-ሃፍውን ማሕበራውን ህይወት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክትበፅሕ ትኽእል፡፡ እዞም ዜጋታት ካብ ፅግዕተኛ ክወፁ ዓርሶም ክኽእሉ ዝህልዎም ቆራፅነትን ፅንዓትን ባዕሉ ካብ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ፅግዕተኛነት ነፃ ይገብሮም፡፡ ድማር ውፅኢቱ ድማ ምጣነ ሃፍታውን ማሕበራውን ዕብየት ሃገር የምፅእ፡፡

ሓንቲ ሃገር ዝለዓለ ሃፍቲ ተፈጥሮ ስለዘለዋ ጥራሕ ክትለምዕ ኣይትኽእልን፡፡ ንልምዓት ሃገር መሰረታዊ ነገር ካብ ኣተሓሳስባ ፅግዕተኛነት ነፃ ዝወፁ ዜጋታት ምህላው እዩ፡፡ ካብ ኣተሓሳሰባ ፅግዕተኛነት ወፂኦም ዓርሶም ንኽኽእሉ ዝፅዕሩ ሰባት ኣብ ውሽጢ ፀገማት ኾይኖም'ውን ፀገሞም ተፃዊሮም እንተተዓዊቶም ምጣነ-

ሃፍታውን ማሕበራውን ጉዳያት ደረጃኦም ምዕባይ ይኽእሉ፡፡ ዜጋታት ሃገረ ጀርመን ዝሰርሕዎ ተኣምር ናይ'ዚ ሓቂ ዓብዪ መግለጺ እዩ፡፡

ብካሊእ ወገን ብደረጃ ሃገር ካብ ፅግዕተኛነት ምውፃእ ንምኽባር ልዕልነት ቀንዲ መሰረት እዩ፡፡ ኣብ ኻልኦት ሃገራት ልቃሕን ሓገዝን ብፅግዕተኛነት ትነብር ሃገር ልዕልነታ ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ እዩ፡፡ ምኽንያቱ ዝማዕበላ ሃገራት ዝህበኦ ልቃሕን ሓገዝን ደው ክብል ብምግባር ፅዕንቶ ገይሮም ክንቀሳቀሱ ስለዝኽእሉ ብዙሕ ግዘ ልዕልነት ሓንቲ ሃገር ክፈታተኑ ይኽእሉ፡፡

ብሓፈሻ ካብ ኣተሓሳስባ ፅግዕተኛነት ዝወፀ ሕብረተሰብ ዓርሱ ኪኢሉ፣ ብዓርሉ ዝኣምንን ፅግዕተኛነት ዝፅየፍን ፅቡቕ ዜጋ ምፍራይን ይኽእል እዩ፡፡ ብኡ ልክዕ ድማ ፅቡቓት ዜጋታት ንምዕባይ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ሃገሮም ዝለዓለ ግደ ይፃወቱ፡፡

### 8.1.4. ዘይሕጋዊ ንግድን (ኮንትሮባንድን) ስምዒት ፅግዕተኛነትን

- ንግዲ ኮንትሮባንድ ኣብ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ህይወት ሓንቲ ሃገር ዘብፅሖ ጉድኣት እንታይ እዩ?

## ዘይሕጋዊ ነጋዳይ (ኮንትሮባንዲስት) ገብራይ፤



*ስእሊ 8.2 ዘይሕጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድስት) ፀረ-ዕብየት ሃገር እዩ፧*

ገብራይ ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ተዋፊሩ ኩሉሻብ ኣብ ስግኣትን ጭንቀትን ይነብር፡፡ ኣቕሑ ሓቢኡ ናብ ውሽጢ ዓዲ ክእትው ኣብ ኬላታት ንሰራሕተኛታት ጉምሩክ ጉቦ ይኸፍል፡፡ ኾይኑ ግና ሓደ መዓልቲ ኣቕሑቱ ሓቢኡ ከሕልፍ ዝገበሮ ጥንቃቐ ኩሉ ፈሺሉ ኢድ ብኢድ እንተተታሒዙ ዝለዓለ ኺሳራ ገንዘብን ቅፅዓት እስራትን ከም ዘስዕበሉ ስለዝፈልጥ ይሰግእ እዩ፡፡ ባዓልቲ ገዝኡ ወ/ሮ ኣለምነሽን ደቆምን ኣብ ውሽጢ ጭንቀት ይነብሩ ነይሮም፡፡

ሓደ መዓልቲ በዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ኣለምነሽን ደቀንን ተማኺሮም ገብራይ ንምይይጥ ፀውዕዎ፡፡ ኣብቲ ምይይጥ ብፍላይ ደቁ ብትምህርቲ ስነ ዜጋን ስነ ምግባርን ዝተማሃርዎ ብምግንዛብ ውፅኢት ኮንትሮባንድ ኣተሓሳስባ ፅግዕተኛ ምኳኑ ገለፅሉ፡፡ ገብራይ'ውን ኣብ ንግዲ ኮንትሮባንድ ብምውፋሩ ሃገርን ህዝብን እና ጎደኦ ምኳኑ ገሊፆም ኣምሪሮም ነገርዎ፡፡ ስድርኡ ኣብ ውሽጢ ጭንቀትን ስግኣትን ከም ዝነበሩ ንሱውን ጉቦ ብምኽፋል ኣቕሑ እንትውረስ ብዙሕ ገንዘብ ከምዝኸስር ስድርኡ ዝሓሸ ህይወት ክነብሩ ከምዘይኽእሉ ብግልፂ ተመያየጡ፡፡ ኣብ ምይይጦም ዘይሕጋዊ ንግዲ ንባዕሉ፣ ንመንግስትን ህዝብን ዝጎድእ እምበር ንኹሉ ዘይጠቅም ምኳኑ ተረዳድኡ፡፡ ኣብ መወዳእታ ኣይተ ገብራይ እዙይ ስራሕ ተግባር ገበን ከም ዝኾነ ኣሚኑ ከምዝገድፎ ቃል ኣተወ፡፡



መልመዲ 6

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

ሓደ መመያየጥን ሓደ ፀሓፍን ምረፁ፡፡ ቀፂልኩም ድማ፦

1. ዘይሕጋዊ ንግዲ ንማንም ዝረብሕ ኣይኮነን ብዝብል ሓሳብ ተመያየጡሞ ኣብ ሓደ መፅለቢ ብፅሑ፡፡
2. ኣብ ቀረባኹም ዝርከቡ ኣብ ስራሕ ምክልኻል ዘይሕጋዊ ንግዲ ዝተዋፈሩ ሰባት ናብ ክፍሊ ዓዲምኩም ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት ኮንትሮባንድ ተመያየጡ፡፡

ዘይሕጋዊ ንግዲ ብደረጃ ዓለም ሰላም፣ ጥዕናን ማሕበራዊ ህይወት ህዝብን ኣብ ምንጋዕ ይርከብ፡፡ ብፍላይ ኣብ ዝዓበያ ሃገራት ዝውውር ሓሽሽን ዘመናዊ ኣፅዋር ኩናትን ንሃገራት ዝለዓለ ስግኣት የሕድር ኣሎ፡፡

ኣብ ሃገርናውን ዘይህጋዊ ንግዲ ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናተጋፈሐ ይርከብ፡፡ ዘይሕጋዊ ነጋዶ ብዘመናዊ ኣፅዋር ኩናትን መራኸብቲ ቴክኖሎጂን እናተጠቐሙ ሓይሎም ኣጠናኺሮም ኣብ ምንቅስቓስ ይርከቡ፡፡ ካብዙይ ሓሊፉ ንግዲ ኮንትሮባንድ ብቑዕ ግንዛበ ንዘይብሉ ክፋል ሕብረተሰብና ብምትላል ብንኡሽተይ ረብሓ እናደለሉ ብስፍሓት ኣብ ምንቅስቓስ ይርከቡ፡፡ በዚ ኩነታት ሃገርና ካብ ዘላቶ ድኽነት ንኽትወፅእ ኣብ እትገብሮ ልምዓታዊ ምንቅስቓስ ኣሉታዊ ፅዕንቶ እናሕደረ ይርከብ፡፡

ምንቅስቓስ ዘይሕጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ብኣንፈት ምብራቕ ሃገርና ብዝለዓለ ብርኪ ይካየድ እዩ፡፡ መብዛሕትኡ ናውቲ ኤሌትሮኒክስ፣ ዝተፈላለዩ ሓደሽቲ ኣልባሳት፣ ሽቶታት፣ መመላኺዒ ኣቕሑ ወዘተ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ይኣትዉ እዮም፡፡ ብኣሽሓት ዝቑፀሩ እንስሳት፣ ጫት፣ ቡን፣ ጥረምረ ኣእኽል፣ ቆርበት፣ ወዘተ ካብ ሃገርና ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ወፃኢ ክወፁ ይግበር እዩ፡፡ እቲ ካሊእ ዘይሕጋዊ ንግዲ ብስፍሓት ዝካየደሎም ቦታታት ብኣንፈት ሰሜንን ደቡባዊ ምብራቕን ከባብታት ሃገርና እዮም፡፡ መጠኑ ይውሓድ እምበር እዚ ሕጋዊ ዘይኮነ ተግባር ኣብ ካልኦት ከባብታት ሃገርና'ውን ይካየድ እዩ፡፡

ኣብ'ዚ ሕዚ እዋን ንዕብየት ሃገርና ዕንቅፋት ዝኾነ ዘይህጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድን) ምጭብርባርን ብዝተጠናኸረ መልክዑ ንምክልኻል ግብርን ቐረፅን ብኣግባቡ ንምእካብ ብዙሕ ሰራሕቲ እናተፈፀመ እዩ፡፡ ካብ መንኳ እዞም ስራሕቲ ሚኒስተር እቶት፣ ባዓል መዚ እቶት ውሽጢ ዓድን ፌዴራልን ምስ በዓልመዚ ጉምሩክ ኢትዮጵያ ተዋዲዶም ክሰርሑ ብኣዋጅ ተጣይሹ እዩ፡፡

ኣብ ውሽጢ እዚ ቤትዕዮ ዘይህጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ንምክልኻል ዘኽእል ብሔራዊ ፀረ ንግዲ ኮንትሮባንድን ስትራተጂ ምጭብርባር ንግዲን ግምሩክን ተሓንፂፁ እዩ፡፡ እዚ ስትራተጂ ቀንዲ ሽትኡ ንኮንትሮባንድን ምጭብርባር ንግድን ንምጣነ-ሃፍቲ ሃገርና ዕንቅፋት ናብ ዘይኮነሉ ብርኪ ምውራድን ካብ

ስርዓት ወፃኢ ንግዲ ብምዕጋት ምጣነ-ሃብቲ ክረኽቦ ዝኽእል ቀረፅን ታክስን ጉምሩክ ብምእካብ ልምዓት ሃገርና ምዕባይ እዩ፡፡



**መልመዲ 7**

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

*ሓደ መመያየጥን ፀሓፍን ምረፁ፡፡ ብምቕፃል*

1. ዘይሕጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ኣብ ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ህይወት ህዝቢ ሓንቲ ሃገር ዘብፅሖ ጉድኣት ግለፁ፡፡
2. ንምክልኻል (ኮንትሮባንድ) ካብ በዓልኹም ትፅቢት ዝግበረልኩም ዘርዚርኩም ተመያይጥኹም ኣብ ሓደ መደምደምታ ብፅሑ፡፡

## 8.2. ዓርሰ እምነት

### 8.2.1. ኣድላይነት ምዕባይ ስምዒት ዓርሰ እምነት

- ዓርሰ እምነት ንምታይ ይጠቕም?
- ንምዕባይ ስምዒት ዓርሰ እምነት እንታይ ክግበር ይግባእ?

**ሓናኽ**

ንዓይ ምትብባዕ ጥቕሙ ዘይፈልጡ
ሰኽፈት ኣውሪሱኒ ብጌጋይ እናሸምጠጡ
ብገርሂ እንትዛረብ ኣብ ስራሕ እንትጋገ
ብይብሉኒ ስኽፍታ ነብሰይ ማሕጊገ፡፡
ቅንዕ ኢለ ከይርኢ ኣእምሮይ ኣንቂሐ
ዓርሰይ ዝኽእሎ ብዓቕመይ ሰሪሐ፡፡
ድፍረት ሓሪሙኒ ክሳደይ ኣድኒነ
ሓፋር ተባሂለ ከምዝርባሕ ኣነ
ንወፅዓ ዘቃልዐ ሕንከት ዓይኒ
ትሕትና ተጎልቢቡ ንድሕሪት ዝመለሰኒ
ዓርሰ እምነት ከዕቢ ክቃለስ ኣለኒ፡፡



## መልመዲ 8

**ብመሰረት እቲ ግጥሚ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ባህርያት ሓፋር ዓይኒ ግለፁ፡፡
2. ሓፋር ዓይኒ ምኳን ዘብፅሖ ጉድኣት እናዘርዘርኩም ተመያየጡ ኣብ መደምደምታ'ውን ብፅሑ፡፡

ብዓርሱ ዝተኣማመን ሰብ ንኽኾን ዘኽእል ተወሲኑ ዝተቐመጠን ዝተመረፀን ሓደ ፍሉይ ወይ ብሕታዊ መንገዲ ዓወት የለን፡፡ ብመሰረት እቲ ንነብረሉ ባህሊ፣ ሕብረተሰብ፣ ኣመለካኽታ፣ ደረጃ ትምህርትን ግዘን ወዘተ ይውሰን፡፡ ካብዚ ሓሊፉ ዓርሰ እምነት በብ እዋኑ እናማዕበለ ዝኸይድ እምበር ብዝተወሰነ ግዘ ተፈፂሙ ዘብቕዕ ናይ ሓደ እዋን ስራሕ ኣይኮነን፡፡ ንሓደሽቲ ነገራት ብዝተቓላዕና እዋን ኩሉ ብዘይምፍላጥ ስግኣት ስምዒት ዓርሰ እምነት ምፍትታኑ ኣይተረፍን፡፡ እንተዘይከኣልኩዎኸ? እንተበላሸኹዎ'ኸ? ተቀባልነት እንተዘይረኸብኩ'ኸ? ዝብሉ መፍረስቲ ስምዒታት ይርብሹና እዮም፡፡

ኮይኑ ግና ኣብ ህይወትና ውሽጢ ዘጋጥሙና ሓደሽቲ ኩነታት እናሰዓርና ዓርሰ እምነት ክነማዕብል ኣለና፡፡ ስለዚ እዞም ስዒቦም ቐሪቦም ዘለዉ ነጥብታት ንምዕባይ ዓርሰ እምነት ኣዚዩ ጠቓሚ እዩ፡፡

### ክእለትካ ምፍላጥን ምምዕባልን

ሓደ ሰብ ኩሉ ዓይነት ፍልጠት ኣይህልዎን፡፡ ብኣንፃሩ ግና ነፍስወከፍ ሰብ ናይ ባዕሉ ዝኾነ ክእለት ኣለዎ፡፡ ስለዚ ዝኾነ ሰብ ዘለዎ ክእለት ፈልዩ ብምፍላጥ፣ ዝተረፎ ፍልጠት ተረዲኡ ክመሃር ከምዘለዎ፣ ዝተፈላለዩ መፅሓፍቲ ከንብብ፣ ከምኡውን ምስ ካለኦት ሰባት ብምይይጥ ከማዕብሎ ኣለዎ፡፡ ኣብዚ ሕዚ ኩነታት ዓለምና ብቁልጡፍ እናተለዋወጠ እዩ፡፡ ስለዚ ኩለሻብ ዝለዓሉ ሓደሽቲ ኩነታት ምክትታልን ብመንፅር እቶም ኩነታት ዓርስኻ ምብቃዕን የድሊ፡፡

ካብ ካለኦት ሰባት ንምምሃርን ፈለማ ሓሳብ ካልኦት ምኽባር ኣለና፡፡ ንሓሳብ ካልኦት ኽብሪ ሂብካ ምድማፅ ምስ ሓሳብና ዘለዎ ተመሳሳልነትን ፍልልይን ክንግንዘብ ንኽእል፡፡ ካብኡ ፍልልይና ብግልፂ ክንርዳእን መርገፂና ክንገልፅን ንኽእል፡፡

## ንሓቂ ብፅንዓት ምቕባል

ንሓቂ ብፅንዓት ምቕባል ማለት ድኽመትናን ጥንካረናን ፈሊና ምፍላጥ ማለት እዩ፡፡ ምስ'ዚ ተታሒዙ ድማ ካልኦት ብዛዕባና ዝህልዎም ኣረኣእያን ዝህብዎ ሪኢቶን ካብ ስምዒት ነፃ ኮይና ክንቕበሎ ንኽእል፡፡ ካብ እንረኽቦም ሪኢቶታት ዝጠቕሙና ብምውሳድ ዓርስና ንኽነዕቢ ንጠቀመሎም፡፡ ዘይጠቕሙና ድማ ምግዳፍ ግቡእ እዩ፡፡ ጥንኩርን ድኩምን ጎንታትና ፈሊና ምስፈለጥና በቲ ካልኦት ዝህቡና ዝተሰሓሓተ ሪኢቶ ተደናጊፅና ፀገማት እንተጋጥሙና'ውን ተረቢሽና ዝተጋገየ ውሳነታት ኣይንውስንን፡፡

## ትልሚ ምድላውን ስራሕ ምግምጋምን፣

ትልሚ ምድላውን ስራሕ ምግምጋምን ንዓርሰ እምነት መሰረታዊ ካብ ዝኾኑ ነገራት ሓደ እዩ፡፡ ንኣብነት ሓንቲ ተምሃሪት ኣብዚ ዓመት ካብ ክፍላ ቀዳመይቲ ክወፅ እየ ኢላ ክትልም ትኽእል፡፡ እዚ ትልሚ ሓሲባ ወይ ድማ ኣብ ወረቐት ፅሒፋ ጥራይ እንተተገዲፋቶ ድልየት እምበር ትልሚ ክበሃል ኣይከኣልን፡፡ ስለዚ ነቲ ትልማ ብተግባር ከዕዉቱላ ዝኽእሉ ነገራት ዘርዚራ ክትፅሕፍ ኣለዋ፡፡

ንኣብነት ነናይ ዕለቱ ፕሮግራም መፅናዕቲ ምውፃእ፣ ካብ ቤት ትምህርቲ ዘይምብኳር፣ መምህራን እንተምህሩ ብውነ ምድማፅ፣ ኣብ ቤት መፅሓፍቲ ብምእታው መፅሓፍቲ ምምባብ ወዘተ ዝበሉ ንምዕዋት ትልሚ መሳርሒ ዝኾኑ ነገራት ክትሕንፅፅ ኣለዋ፡፡ እቶም ተግባራት ብመዓልቲ፣ ብሰሙን፣ ብወርሒ፣ ብዓመት እናሸንሸነት መተግበሪ መርሃ ግብሪ ክተውፅእ ኣለዋ፡፡ ብመሰረት ዘውፀኣቶም መተግበሪ መርሃግብሪ ምፍፃምን በብእዋኑ ዝተሰርሐ ስራሕን ውፅኢቱን ምግምጋም የድሊ፡፡ እዛ ተምሃሪት ብከምዙይ እናሰርሐት እንተኸይዳ ስምዒት ዓርሰ እምነታ እናማዕበለ ይኸይድ፡፡



### መልመዲ 9

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ስራሕኻ ብትልሚ ምምራሕ ከመይ ኢሉ ንዓርሰ እምነት ይጠቅም?
2. ንሓቂ ብፅንዓት ምቕባል ማለት እንታይ ማለት እዩ?

## ዕዮ ጉጅለ

ተምሃሮ ሓደ መመያየጥን ሓደ ፀሓፍን ምረፁ፡፡ ብምቕፃል

1. ካብ መግለፂ ባህሪያት ስምዒት ዓርሰ እምነትን ልዕልነትን እናዘርዘርኩም ተመያየጡ፡፡ እቶም ፍረ ነገራት ኣብ መትሐዚ መዘከርታኹም ፅሒፍኩም ኣቕርቡ፡፡

### 8.2.2. ዓርሰ እምነት ንዕብየት ውልቀ ስድራን ንሃገርን ዘለዎ ረብሓ

#### ዕውትነት ወ/ሮ ዘምዘም

ወ/ሮ ዘምዘም መካየዲት ስራሕ ሓደ ትካል መፍረዪ ናውቲ ህንፃ እየን፡፡ እቲ ትካል ዝተፈላለዩ ውፅኢት ምህዞ ስለዘበርከተ ተሸላሚ ኾይኑ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ሓደ ጋዜጣ ብዛዕባ ክእለትን ኣመራርሓን ወልቀ ህይወት ወ/ሮ ዘምዘም ምስ ዝተፈላለዩ ሰባት ምይይጥ ኣካይዱ ነይሩ፡፡ ካብ ሞንጎ እዚኦም በዓል ገዝአንን መሳርሕተንን ዝሃቡዎ ሪኢቶታት ብውሱን ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፡፡

**በዓል ገዝአን ንወ/ሮ ዘምዘም፡-** «ዘምዘም በዓልናን ደቅናን ብሓፈሻ ስድራና ብዝምልከት ብሓባር ክንውስን ሓሳብ ተቕርብ፡፡ ንመያየጠሉእ ዝጠቅም እንተኾይኑ ተግባራዊ ንገብሮ፣ እንተዘይኮይኑ ድማ ንገድፎ፡፡ ናተይ ሓሳብ ካብ ናታ ዝሐሸ እንተኾይኑ ትቕበል ተግባራዊ ንገብሮ፡፡ ቕሬታ እንተሃልዩዋ ፊት ንፊት ንዘራረብ፡፡ በዚ ኩነታት ተረዳዲእና ስለ ንነብር ደቅና ብስርዓት ክነዕቢ ኪኢልና ኢና፡፡ ናብራና'ውን በብ እዋኑ ናብ ዕቡቕ ብርኪ ዕብየት እናተሰጋገረ ይርከብ ብምባል ተዛረቡ፡፡

**መሳርሕቲ ወ/ሮ ዘምዘም፡-** «ዘምዘም ብምርድዳእ እያ እትኣምን፡፡ ዘለዋ ፍልጠት ብግልፂ ተካፍል፡፡ ሓደሽቲ ነገራትን ኣሰራርሓታት ንምፍጣርን ንምፍታንን ትደፍር እያ፡፡ ዘይትፈልጦ ነገር እንተጋጥማ መፅሓፍ ተንብብ፣ካልኦት ሰባት ትሓትት ምሳናውን ትማኽር፡፡ ምስራሕ ትፈትው እያ፡፡ እንትንጋገ ብግልፂ ትእርመና፡፡ ንሳውን ጌጋ እንተተዛሪባ ትእረም፡፡ ስለዚ ኩሉ ግዘ ንስራሕ ዘለዓዕል መንፈስ ከህልወና ትገብር፡፡ በዚ ምኽንያት ድማ ውፅኢት ትካልና ዝለዓለ እዩ፡፡ ውፅኢት እዚ ድማ ኣብ ልምዓት ሃገርና ዕቡቕ ኣስተዋፅኦ እናገበረ እዩ፡፡ ኣብ ቀረባ ፍርያትና ናብ ወፃኢ ንኸንልእኽ መፅናዕቲ ዕዳጋ እና ገበርና ንርከብ» ብምባል ብግልፂ ተዛሪቦም፡፡



## መልመዲ 10

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ካብቶም ዝተውሃቡ ሪኢቶታት ባህርይ ዓርሰ እምነት ወ/ሮ ዘምዘም ዝገልፁ ሃሳባት ኣየነኦም እዮም?
2. ወ/ሮ ዘምዘም ብባዕለን ዝተኣማመና ብምዃነን ንባዕለን፣ ንስድራኣንን ንሃገርን ዝህቦ ጥቅሚ ግለፁ፡፡

ብዓርሱ ዝተኣማመን ሰብ ካብ ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ዝረሓቐ እዩ፡፡ ኩሉ ሻዕ ዝሓሸ ኾይኑ ክርከብ ፃዕሪ ስለዝገብር ምጣነ-ሃፍታውን ማሕበራውን ህይወቱ ኣብ ጎደና ዕብየት ስለዝጓዓዝ ዕውት ይኾን፡፡ ሓሳብ ከልኦት ሰባት የኽብር፣ ፀገማት ብምይይጥ ንኽፍታሕ ድልዊ ይኸውን፡፡ ጠቐምቲ ሓሳባት ካብ ካልኦት ወሲዱ ይጥቀመሎም፡፡ ፍልጠቱ ንካልኦት ከካፍል ንድሕሪት ኣይብልን፡፡

ካብዚ ሓሊፉ ውልቀ ሰባት መሰረት ስድራ እዮም፡፡ ስድራ ድማ መሰረት ሕብረተሰብ ሓንቲ ሃገር እዮም፡፡ ስለዚ ምልማዕ ሃገር ምስ ምፍራይ ፅቡቕ ዜጋ ዝተኣሳሰረ እዩ፡፡ በዚመሰረት ኣብ ውሽጢ ህይወት ወ/ሮ ዘምዘም ከም ዝኾነ ኩሉ ውልቀሰባት ባህሪ ዓርሰ እምነት እናማዕበሉ ምስዝኸዱ መሰረት ፅቡቕ ስድራ ይኾኑ፡፡

ፅቡቕ ስድራ ድማ ብግዲኡ ንዕብየት ሃገር ተረዳዲኦም ዝሰርሑ፣ መሃዝቲ ስራሕ ዝኾኑ ዜጋታት ይፈጥሩ፡፡ በዞም ዜጋታት ዝለምዐትን ልዕልነታ ዝተኸበረትን ሃገር ትኸውን፡፡ ስለዚ ኣብ ሕድ ሕድ ሰብ ዝምዕብል ባህርይ ዓርሰ እምነት ኣብ ህይወት ስድራን ኣብ ህንፀት ሃገርን ልዑል ግደ ይፃወት፡፡



## መልመዲ 11

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. «ውልቀ ሰባት ንዕብየትን ውድቀትን ሓንቲ ሃገር ቀንዲ ምኽንያት እዮም»፡፡ ዝብልዎ ኣብሃህላ ብኣንፃር ምህናዕ ዓርሰ እምነት እናገናዘብኩም ተመያየጡ ኣብ መደምደምታ ድማ ብፅሑ፡፡

2. ዓርሰ እምነት ምስ ዕውት ምዃን ዘራኽቡዎም ነጥብታት ዘርዚርኩም ግለፁ፡፡

## መጠቓለሊ

ካብ ፅግዕተኛነት ዝተናገፉ ሰባት ኣብ ማሕበራውን ምጣነ-ሃፍታውን ህይወቶም ባዕሎም ዝኻኣሉ ይኾኑ፡፡ ክልስ ሓሳብ ዓርስኻ ምኽኣል ድማ ብደረጃ ውልቀሰብን ሃገርን ዘለው ክይዲ ዕብየታት ይምልከት፡፡ ካብዙይ ሓሊፉ መግለፅታት ዓርስኻ ምኽኣል ብማሕበራውን ምጣነ-ሃፍታውን ሕድሕዶም ይተሓጋገዙ እዮም፡፡ መሰረታዊ ድልየት ኣማሊኢኻ ክትነብር ምኽኣል ብመንነትካ ንክትኾርዕ በሪ ይኸፍት፡፡

ጥንካረ ዓርስኻ ምኽኣል ንምኽባር ልዕልነት ሓንቲ ሃገር ኣስተዋፅኦ ኣለዎ፡፡ ዓርስኻ ንምኽኣል ዝሕግዙ ሜላታት ካብ ልምዲ፣ ካብ ትምህርትን ከምኡውን ካብ ምኽሪ ሰብ ሞያ ይርከቡ፡፡

ሃገርና ዓርሳ ንኽትኽእል ካብ ዜጋታታ ትፅቢት ዝግበረሎም ብዙሓት ዓይነታት ሓላፍነታትን ግቡኣት ኣለዉ፡፡ ንኣብነት ናይታ ሃገር ሕግን ደንብን ምኽባር፣ ኣብ ዘይሕጋዊ ንግዲን (ኮንትሮባንድን) ዘይሕጋዊ ተግባራትን ዘይምስታፍ፣ ገበናት እንትፍፀሙ ንዝምልከቶ ኣካል ምፍላጥን ንገበን ተግባራት ዘይምትሕብባርን እቶም ቀንዲ እዮም፡፡ ካብዙይ ሓሊፉ ባህሊ ስራሕ ምዕባይ፣ መፍረያይን ስራሕ መሃዝን ብምዃን ልዕልነት ሃገር ክሕሎ ምግባር ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ እዩ፡፡

ብካሊእ ወገን ድማ ሰባት ኩሉግዘ ጌግኦም ንክእርሙ ዓርሶም ድልዊ ክኾኑ ኣለዎም፡፡ ትምህርቲ ዝርከብ ካብ ቤት ትምህርቲ ጥራሕ ኣይኮነን፡፡ ካብ መሓዛ ካብ ስድራ፣ ካብ ከባቢ ካብ ሰብ ፀጋ ዕድመ ዝተፈላለዩ ጠቐምቲ ፍልጠታት ይርከቡ፡፡ ካብ ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ዝወፀ ሕብረተሰብ ብምፍጣር ዕብየት ሃገር ቀፃልነት ክህልዎ ምግባር ይካኣል፡፡

## ኣገደስቲ ቃላት

**ሉኣላዊ፡-** ነፃነቱ ዝተሓለወ

**በሪ፡-** ብዘይ ኣገባብ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ናብ ውሽጢ ዓዲ ከይኣቱን ከይዘዋወሩን ሓለዋ ዝግበረሉ ቦታ

**ደናን/ሓፋር፡-** ኣብ ዝፈልጥዎ ጉዳይ ሓሳስ፣ ሓዘንን ቕሬታታትን ፊት ንፊት ንምዝራብ ንምግላፅ ንድሕሪት ዝብል ወይ ፈራሕ፣ ወይ ድማ ዓነ ሓፋር

**ኮንትሮባንድ፡-** ዘይህጋዊ ንግዲ፣ፀሊም ዕዳጋ

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ኣንቢብኩም ትክክል ዝኾኑ ‹‹ሓቂ›› ትክክል ንዘይኮኑ ድማ ‹‹ጌጋ›› ኢልኩም መልሱ፡፡*

1. ስምዒት ዓርሰ እምነት ሓደ ግዘ ምስተሃነፀ ዘለኣለማዊ እዩ፡፡
2. ናይ ባዕልና ጥንኩርን ድኹምን ጎንታት ፈሊና እንተፈሊጥና ካልኦት ሰባት ኣብ ባዕልና ብዝህብዎ ዝተጋገየ ሪኢቶ ኣይንዕሸን፡፡
3. ሓሳብካ ብግልፅን ብቀጥታን መንገዲ ምዝራብ ሓደ መግለፂ ዓርሰ እምነት እዩ፡፡
4. ንባዕሉ ክብሪ ዝህብ ሰብ ስምዒት ልዕልነት ዝሓዞ እዩ፡፡
5. ዘይሕጋዊ ንግዲ (ኮንትሮባንድ) ኣብ ዓለምና ንዘለዉ ኩሎም ሰባት ሓበራዊ ፀላኢ እዩ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ ‹‹ሀ›› ዝተዘርዘሩ ምስ ኣብ ትሕቲ ‹‹ለ›› ዘለዉ መሪፅኩም ኣዛምዱ፡፡*

| ‹‹ሀ›› | ‹‹ለ›› |
|---|---|
| 1. ካብ ጌግኡ ዝመሃር ሰብ | ሀ. መግለፂ ዓርሰ እምነት ዘይብሉ |
| 2. ዓርስኻ ምኽባር | ለ. በሊሕ |
| 3. ዓርስኻ ምኽኣል | ሐ. ሓሳብ ንምግላፅ ምፍራሕ |
| 4. ሓናኽ-ዓይኒሓፋር | መ. ዓርሰ እምነት |
| | ረ. ዓርስኻ ብምምራሕ ነፃነት ይህብ |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ትኽክል ብዝኾኑ ቃላት ወይ ሓረግ ምልኡ፡፡*

1. ኮንትሮባንድ ወይ ካብ ሕጊ ወፃኢ ንግዲ እንትካየድ ሪኦም ንዝምልከቶ ኣካል ዝሕብሩ ሰባት ናይ __________ ኣበል ይህብ፡፡
2. ካብ __________ ዝወፀ ሰብ ነፃ ኣተሓሳስባ ኣለዎ፡፡
3. __________ ማለት ኣብ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ዓርስኻ ኣናኢስካ ዘይምርኣይን ንባዕልኻ ግቡእ ደረጃ/ቦታ/ ምፍላጥ እዩ፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ቅኑዕ ዝኾነ መልሲ ምረፁሎም፡፡*

1. ዓርሰ እምነት ንምምዕባል፧
   ሀ. ውልቀ ክእለት ምፍላጥን ምምዕባልን የድሊ
   ለ. ሓቂ ብፅንዓት ምቕባል የድሊ
   ሐ. ትልሚ ምድላውን ስራሕ ምግምጋምን የድሊ
   መ. ኩሎም መልስታት እዮም፡
2. ዓርሶም ንምኽኣል ፃዕሪ ዝገብሩ ሰባት፧
   ሀ. ንባዕሎም ጥራሕ ይጠቕሙ
   ለ. ንስድራኦም ጥራሕ ይጠቕሙ
   ሐ. ንባዕሎም ንሃገሮምን ንስድራኦምን ጠቐምቲ ዜጋታት ይኾኑ
   መ. ዝህብዎ ረብሓ የለን፡፡
3. ዓርሰ እምነት፧
   ሀ. በብእዋኑ ፍልጠት ብምዕባይ ዝምዕብል እዩ፡፡
   ለ. ብዙሕ ሃፍቲ ብምውህላል ዝምዕብል እዩ፡፡
   ሐ. ንኻልኦት ምንኣስ እዩ፡፡
   መ. ንዓርሰ ምኽኣል ልዑል ግደ ኣለዎ
4. ፅግዕተኛ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት፧
   ሀ. ፀውራ ሃገር እዮም፡፡
   ለ. ፀውራ ስድራ አዮም፡፡
   ሐ. ስኩፋት እዮም፡፡
   መ. ኩሎም መልስታት እዮም፡፡

5. ንግዲ ኮንትሮባንድ፤

ሀ. ንኮንትሮባንዲስት ዝጠቅም ተግባር እዩ፡፡

ለ. ማሕበራውን ምጣነ ሃፍታውን ህይወት የናግዕ

ሐ. ንምግፋሕ ግዕዝይና ምኽንያት ይኸውን

መ.«ለ»ን «ሐ»ን መልስታት እዮም፡፡

V. *ንዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓጺር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ‹‹ዓርሱ ዘይካኣለ ነፃነት የብሉን›› ዝብል ኣገላልፃ ብደረጃ ውልቀ ሰብን ሃገርን ዝህቦ ትርጉም ግለፁ፡፡
2. ንባዕልኻ ኽብሪ ምሃብ ማለት እንታይ ማለት እዩ?
3. ብዘይ ሕጋዊ ንግዲ (ብኮንትሮባንድ) ካብ ሃገር ዝወፁ ኣቕሑ ሓሙሽተ ጥቀሱ፡፡

# ምዕራፍ ትሽዓተ

## ባህሊ ምዕቖር

**ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ፡-**

**ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተማሂርኩም ምስፈፀምኩም፡**

- **ኣድላይነት ምዕባይ ባህሊ ምዕቖር ትግንዘቡ፣**
- **ብትልምን ብዓቕምን ልክዕ ምምራሕ ጠቓሚ ምዃኑ ትርድኡ፡፡**

## 9.1. ምዕቖር

### 9.1.1. ኣድላይነት ምዕባይ ባህሊ ምዕቖር

- ባህሊ ምዕቖር ኣድላዪ እዩ እንትበሃል እንታይ ማለት እዩ?
- ምዕባይ ባህሊ ምዕቖር፣ ውልቀሰባት ካብ ባዕሎም ሓሊፉ ንሃገሮም ዘለዎ ረብሓ ዘርዝሩ?

### ለባም ናይ ዓመት ይሓስብ ዓሻ ናይ ዕለት ይሓስብ

ግዘ ቁልዕነትይ እንትሓስብ ኩሉ ሻዕ ካብ ኣእምሮይ ዘይጠፍእ ሓደ ተዘክሮ ኣሎ፡፡ ነበርቲ ከባቢና/ቁሽትና/ ኩሉ ሻዕ ዝናፍቖዎ፣ ተዳልዮም ብሃንቀውታ ዝፅበይዎ ዓመታዊ ምድላው ነይሩ፡፡ ሰባት ከባቢና ተኣኪቦም ባህላዊ እምነት የኽብሩ ነይሮም፡፡ ነዚ በዓል ብልመና ዝመሓደራ ኣደይ ዕሓይቱ እውን ሓደ ደርሆ፣ ሓደ ሕብሽትን ጥርሙዝ ኣረቕን የቕርባ ነይረን፡፡ ብመዓልታዊ ሰራሕ ዝመሓደሩ ኣይተ በርሀ እንተይቀረዩ ነቲ በዓል ዘቕርብዎ ዝነበሩ ምኩት መልክዑን ግዝፈቱን ኣይርስዖን፡፡

ኣብቲ በዓል እናበላዕናን ኣናሰተናን እታ ዕለት ካብ ካሊእ ግዘ ዝበለፀ ዕጋብ ዝነግሰላ ዕለት ነይራ፡፡ ኣብ መወዳታ እቲ በዓል ነፍስወከፍ ተሳታፋይን ዕዱምን ንዝቕፅል ዓመት እንታይ ከዳልው ከምዝኽእሉ ይመዓብዑ ወይ ቃል ይኣትዉ፡፡ እዋኑ ምስ ኣኸለ ካብ መዓልታዊ እቶቶም ነኪዮም፣ እንተዘይኮይኑ ተለቂሖም ዝኣተውዎ ቃል ወይ መፅብዓ ንምፍፃም ወፃኢ ብምግባር ንሓደ መዓልቲ ምግብን መስተን ይድግሱ፡፡

ሐደ እዋን ኣብቲ ከባቢ ዝነበሩ ክልተ ንፉዓት ተምሃሮ ሓደ ሓሳብ መፀሎም፡፡ ትብለፅ እትብሃል ተምሃሪት ዝስዕብ ሓሳብ ኣቕረበት፡፡ ኣነን ዮናስን ካብ ዘዋፃኹምዎ ገንዘብ ዝተወሰነ ሃቡናሞ ኣብ ከባቢና ንዝርከቡ ንፉዓት ተምሃሮ ኣብ ቕድሚኹም

ሽልማት ክንህቦም ሓሳብ ኣለና በለት፡፡

እዚ ምስ ሰምዓ ኣደይ ፅሓይቱ ኣብዙይ ዘሎ ገንዘብ መፅብዓ እዩ፡፡ «እዚ ገንዘብ ኣይንካእን ኣድባር ክቑጣፅ'ዩ፡፡» በላ ኣደይ ፀሓይቱ፡፡ ኣደይ ፀሓይቱ ዝበለኦ ሰሚዖም ብዙሓት ሰባት ሓሳቦም ሃቡ፡፡ ብኣንፃሩ ድማ ወ/ሮ ሓጎሳ ኣነ ሓሳብ እዞም ቆልዑ ደስ ኢሉኒ እዩ፡፡ ኣነ በዚ ሓሳቦም ስለዝስማማዕ ንሕዚ ዝኾን ገንዘብ ክህቦም እየ፡፡ ንቐፃላይ ግና ተመኻኺርና ክንሓስበሉ ይግባእ» ኢለን ተዛረባ፡፡ እታ መዓልቲ ዝተቐደሰት ነበረት፡፡

ኣብ ዝቕፅል ዓመት ሽልማት ዝግብኦም ቁፅሪ ቆልዑ ወሰኸ፡፡ እቶም ነበርቲ እቲ ከባቢ እዙይ ዝዓይነቱ ፅቡቕ ተግባር ምስረኣዩ ዝኻኣልዎ እናመደቡ ምዕቋር ጀመሩ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ኣታሓሳስባ ኣይተ ሃይሉን ወ/ሮ ሓጎሳን ኣማዕበልዎ፡፡ ካብ ሽልማት ተወሳኺ ከም ሰብ ፀጋ ዕድመ ዝኾኑ ሓጋዚ ዘይብሎም ከም ኣደይ ፀሃይቱ ዓይነት ሓደ ጎረበት ሓሚሙ መዕደጊ መድሓኒት ስኢኑ ኣብ ዓራት ይነብር ዝነበረ መድሓኒት ክግዘኣሉ ድጎማ ተገበረሉ፡፡ ጥቕሚ ምትሕግጋዝ ተጠናኸረ፡፡ እዙይ ዝዓይነቱ ወፃኢ ነፍስወከፍ ሰብ ከከም ዓቕሙ በብኽልተ ወርሒ ከዋፅኡ ተስማዕምዑ ወ/ሮ ሓጎሳ ተሓዚት ገንዘብ፣ ክልቲኦም ተምሃሮ ድማ ፀሓፍን ተቖፃፀርትን ኮይኖም ተመረፁ፡፡

ኣብ መበል ሓምሻይ ዓመት ብዙይ መልክዕ ዝተኣከበ ገንዘብ ዝለዓለ ኮይኑ ንዙይ ፅቡቕ ዕላማ ምውዓል ቀፀለ፡፡ ሎሚ እቱ ውዱብ እድር ውሃባይ ግልጋሎት ልቓሕ ኮይኑ ኣሎ፡፡



መልመዲ 1

*ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ዓይነት ተግባር ኣብ ከባቢኹም እንተሃልዩ ብፅሑፍ ኣብ ክፍሊ ኣቕርቡ፡፡
2. ኣብ ከባቢኹም ተመሳሳሊ ኩነታት እንተዘየለ ነበርቲ ከባቢኹም ንምዕቋር ንኽለዓዓሉ ፍታሕ ሓበራዊ ፀገም ብምድላይ ኣብ ክፍሊ ኣቕረቡ፡፡

ነብስወከፍ ሰብ ብመዓልታዊ ኾነ ብዝተወሰነ ግዘ ዝረኽቦ እቶት ናብርኡ ቆጢቡ ካብ ምጥቃም ሓሊፉ ንቐፃላይ ናብርኡ ዝውዕል ገንዘብ ክዓቁር ኣለዎ። እዙይ ምግባሩ መዓልታዊ ድልየቱ ካብ ምሙላእ ብተወሳኺ ዜግነታዊ ሓላፍነቱን ትዕቢት ዝግበረሉ ግቡኡን ክዋፃእ የኽእሎ። ነዙይ ኣብነት ግብሪ ምኽፋል ምጥቃስ ይካኣል። መንግስቲ ዝሰርሖም መንገድታት፣ ዝሃንፆም ትካላት ጥዕና፣ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ህዝቢ ክፍሊት ዝእከቡ እዮም። ካብዚኦም ዝእከብ ግብሪ ዝላዓለ ረብሓ ኣለዎ።

ስራሕተኛታት መንግስቲ፣ ነጋዶ ወዘተ ከከም ዓቕሞም ግብሪ ይኸፍሉ። ሓረስቶት፣ ብንኡሽተይ ንግዲ ዝመሓደሩ ሰባት ግብሪ ይኸፍሉ። ኣብዚ ግብሪ ብእዋኑ እንተዘይኸፊሎም ዕዳ ይእከብ እሞ ምኽፋሉ ከቢድ ይኾኖም። ስለዚ ኩሎም ሰባት ነቲ ትዕቢት ዝግበረሎም ምኽፋል-ግብሪ ተዳልዮም ንምፅናሕ ባህሊ ምዕቛር ከማዕብሉ ኣለዎም።

ምዕቛር ዝተፈላለዩ ረብሓታት ኣለዎ። ካብዚኣቶም ሓደ ዓርስኻ ምኽኣል እዩ። ሓደ ሰብ ዓርሱ ክኢሉ ወይ ክኢላ ዝበሃል ብውልቀ ኾነ ብማሕበራዊ ህይወቱ ዘድልይዎ ነገራት ኢድ ካልኦት እንተይተፀበየ ወይ እንተይተፀበየት ምሽፋን እንትኽእሉ እዩ። ብፍላይ ምስ ምዕቛር ዝተተሓዙ ኩነታት መግለፂኦም ዓርስኻ ምኽኣል ኣድላይ ወፃኢታት ብዘይምጭናቕ እንትሽፈኑን፣ ስድራ ንፀገም እንተይተቓልዑ ናብርኦም ምምራሕ እንትኽእሉን እዩ።

ዓርሱ ዝኸኣለ ስድራ ንትምህርቲ፣ ንምግብን ንኽዳንን ከምኡ እውን ንሕክምና ዘድልዮ ወፃኢ ብናይ ባዕሉ ዓቕሚ ክሽፍን ይኽእል። ኣባላት ስድራ ንሕፀረት ንዋታውን ዝተፈላለዩ ማሕበራውን ፀገማት ኣይቃልዑን።

ኣብ ላዕሊ ከምዝረኣናዮ ዓርስኻ ምኽኣል ብብዙሕ መልክዕ ክግለፅ ይኽእል። ብሓፈሻ ብትምህርቲ፣ ብምግቢ ንናብራ መሰረታዊ ድልየታት ብምምላእ ክግለፅ ይኽእል። ነዙይ ቐንዲ መፍትሒኡ ግና ብምጣነሃፍቲ ዓርስኻ ምኽኣል እዩ። ብደረጃ ሃገር እውን ብምጣነሃፍቲ ዓርስኻ ምኽኣል ካብ ጥምየትን ሕማምን ነፃ ዝኾነ ህዝቢ ክነብር ይገብር። እዚ ኩነታት ሎሚ ኣብ ዝማዕበላን ዘይማዕበላን ሃገራት ዘሎ ኣፈላላይ ብርኪ መነባብሮ ብምንፅፃር ምግንዛብ ይከኣል።

ኣብ ዝማዕበሉ ሃገራት ዝነብር ህዝቢ ምሉእ ብምሉእ ናይ ትምህርቲ፣ ሕክምናን ካልኦት መሰረታዊ ግልጋሎታትን ተጠቃሚ እዩ፡፡ ከም ኢትዮጵያ ዝበላ ኣብ ምዕባይ ዝርከባ ሃገራት ዝነብሩ ህዝብታት ድማ ብምኽንያት ዘይምዕባይ ምጣነሃፍቲ ብዙሕ ዕገም ኣለዎም፡፡ ንሓንቲ ሃገር መረጋገፂ ዓርስኻ ምኽኣል ዕቑር እኹሊ ምህላውን ትሕዝቶ ሃብትታት ተፈጥሮ ምህላውን ወሰንቲ እዮም፡፡ ዕቑርን ውህሉልን እኹሊ ማለት በብዓመቱ ካብ ዝርከብ ፍርያት ሕርሻ ኣብ መኽዘን መንግስቲ ንቐፃሊ ዝጠቅም ምቕማጥ ማለት እዩ፡፡ ብካሊእ ኣባሃህላ ምቑጣብ ወይ ምዕቋር ማለት እዩ፡፡ እዚ ብብርኺ ውልቀሰብ ካብ መዓልታዊ ቀለብ ብምትራፍ ክገበር ዝኽእል ተግባር እዩ፡፡



**መልመዲ 2**

*ቐፂሎም ዝቐረቡ መካታዕቲ ሓሳባት መበገሲ ብምግባር በብጉጅለ ኮይንኩም ተኻትዑ፡፡*

ሀ. ንምዕባይ ዕቋር ኣስተዋፅኦ ዘለዎ ባህሊ እዩ፡፡

ለ. ንምዕባይ ባህሊ ኣስተዋፅኦ ዘለዎ ዕቋር እዩ፡፡

## 9.1.2. ምዕባይ ባህሊ ምዕቋር ንዕብየት ሃገር ዝህልዎ ረብሓ

- ምዕባይ ባህሊ ዕቋር ንዕብየት ሃገር እንታይ ረብሓ ከም ዘለዎ ግለፁ፡፡

### ብፅሒት ዜግነት ንልምዓት

ወ/ሮ ብርኽቲ ተመስገን ኣብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ኣውሮፓ ብትምህርትን ስራሕን ን27 ዓመታት ድሕሪ ምፅናሕ ብ1990 ዓ.ም ናብ ሃገረን እንትምለሳ ዓርሰን ንዓቢዩ ተግባር ኣዳልየን ነይረን፡፡ ሰሪሐን ዘፍረየኦ ንብረት ሒዘን ብምምፃእ ኣብ ከባቢ ወሊሶ ማእኸል ሕክምና እንስሳት ኸፈታ፡፡ ናይዚ ማእኸል ሕክምና ትካል ምኽፋት ንከተማ ወሊሶን ንከባቢኡ ሓረስቶትን ዓቢዩ ጥቕሚ እናሃበ እዩ፡፡

ፍልፍል ጋዜጣ ኣዲስ ዘመን የሴቶች አምባ የካቲት 1992



### መልመዲ 3

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መልሱ።*

1. ከም ወ/ሮ ብርኽቲ ተመስገን ብምዕቛር ልምዓት ዝሰርሑ ናይ ሓደ ሰብ ኣበርክቶ ብፅሑፍ ናብ ክፍሊ ኣቕርቡ።
2. ሓደ ውልቀ ሰብ ባህሊ ምዕቛር እንተኣማዕቢሉ ንባዕሉ፣ ንስድርኡን ንከባብን ዘለዎ ረብሓ ግለፁ።

ምዕባለ ባህሊ ምዕቛር ዝጠቅም ውልቀ ሰባት ንክህፍትሙ ጥራሕ ኣይኮነን። ዝማዕበለ ባህሊ ምዕቛር ዘለዎም ሰባት ንዕብየት ሃገር ኣስተዋፅኦ ይገብሩ እዮም። ዓውዲ ስራሕ ብምፍጣር ኣብ ምግፋሕ ስራሕቲ ልምዓት ክስለፉ ይኽእሉ እዮም።



### መልመዲ 4

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።*

1. ባህሊ ምዕቋር ከመይ ክምዕብል ይኽእል?
2. ምምዕባል ባህሊ ምዕቋር ንዕብየት ሃገር ከመይ የቀላጥፍ?

## 9.1.3. ብኽነትን ድሑራት ልምድታትን

- ብኽነትን ድሑራት ልምድታትን እንታይ ከምዝምኾኑ ብጉጅለ ተመያየጡ።

ድሑር ልምድታት ዝበሃሉ ምስ ዘመናዊ ሜላ ኣታሓሳስባን መነባብሮን ንምኻድን ሓደሽቲ ኣተሓሳስባን ሳይንሳዊ ውፅኢትን ንምቕባልን ማሕለኻ ዝኾኑ ነባር እምነታትን ኣሰራርሓታትን እዮም። ባህሊ ምዕቛር ብምዕባይ ንዓርስና ጠቒምና ሃገርና ንምዕባይ ንኽንኽእል ንብኽነትን ድኽነትን ዘቃልዑ ድሑራት ልምድታትና ክነወግድ ይግባእ።

## ንብኽነትን ድኽነትን ዘቃልዑ ድሑራት ልምድታት ምውጋድ፣

ብኽነት ብዓይነትን ብገንዘብን ዘለካ ሃፍቲ ብዘይ ትልሚ ምጥፋእ ማለት እዩ። እዚ ድማ ተፃራሪ ምዕቋር እዩ። ንብኽነት ዝዕድሙ ዱሑራት ልምድታት ብዙሓት እዮም። ንብኽነትን ድኽነትን ዘቃልዑ ድሑራት ልምድታት ካብ ዝበሃሉ እቶም ቀንዲ ንምጥቃስ ድግስ ምብዛሕ፣ ግዘ ምብኻን፣ ሃብትታት ተፈጥሮ ከባቢ ብዘይ ኣግባብ ምጥቓም እዮም።

ንብኽነት ዘቃልዑ ድሑራት ልምድታት ኣብ ክንዲ ንቑፃላይ ምሕሳብ ንግዚኡ ጥራሕ ብምሕሳብን ብዘይ ትልሚ ኣጠቓቕማ ንብረት ዘተባብዑ እዮም። ብኽነት ነቶም ቑዳምነት ዝወሃቦም ካብ እቶም ቑዳምነት ዘይወሃቦም፣ ኣድላይ ካብ ዝኾኑን ኣድላይ ካብ ዘይኾኑን ምፍላይ ዘይምኽኣል እዩ። ብኽነት ንሓደ እዋን ብዘይ ትልሚ ካብ መጠን ንላዕሊ ወፃኢ ምግባር እዩ። ብሓፈሻ ብኽነት ንፅባሕ ወይ ንቑፃሊ ተባሂሉ ዝቕመጥን ክዕቆርን ዝግብኦን ሃፍቲ ካብ ትልሚ ወፃኢ ንዕለታዊ ጥቕሚ ጥራሕ ምውዓል እዩ።

ብደረጃ ውልቀ ሰባት ንብኽነት ዘሳጥሑ ዓርስኻ ብስነ ምግባር ካብ ዘይምህናፅ ይብገስ። እዚውን ብሕማቕ ወልፊ ምፅማድ ክግለፅ ይኽእል። ምብኻን ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ብቀጥታ ኾነ ብተዘዋዋሪ ዘለዎ ፅዕንቶ ዝላዓለ እዩ። ብኽነት ዝዓሰሎም ሰባት ናይ ካልኦት ሰላም ይዘርጉ። እንትፅግሞም ናይ ካልኦት ሓገዝን ደገፍን ይደልዩ። ተፀበይቲ ይኾኑ።

ኣብ ስድራውን ፅዕንቶ ይፈጥሩ። ኣብ ስረሖም ጥንኩር ስነ ምግባር ስለዘይብሎም እዚ ባህሪኦም ኣብ ኣፍራይነት ኣሉታዊ ውፅኢት ኣለዎ። ንኣብነት ሓደ መራሒ መኪና ሰራሕተኛታት (ሰርቪስ ዝህብ) ዘመላልስ ሰዓቱ ዘየኽብር፣ ሰራሕተኛታት እቲ ቤት ፅዮ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ንስራሕ ናይ ምጉዓዝ ሓላፍነቱ ብዘይምውፅኡ ሰራሕተኛታት ስርሖም ብግዚኦም ንኻይሰርሑ የዕንቅፍ። ንባዕሉ እንተኾነእውን ኣብ ውሽጢ ማሕበራዊ ናብራ ኽብሪ ይስእን።

**ዕዮ ጉጅለ**

- ኣብ ከባቢኹም ንድኽነት ዘቃልዑ ድሑራት ኣሰራርሓታት በብጉጅለ ኮይንም ብምፅናዕ ኣብ ክፍሊ ተመያየጡ።

## 9.2. ብትልምን ብዓቕምኻን ምምራሕ

ሓደ ውሩይ ደራፊ ኣብ ሓንቲ ደርፉ ብዛዕባ ስራሕ

«ዓቕምኻ ፈሊጥኻ ምንባር

ዕቡቕ እዩ ዓቢዩ ክእለት እዩ።»

ዝብሉ ተለላታት ኣለዉ። እዚ ግጥሚ እንታይ ዓይነት መልእኽቲ ከም ዘመሓላልፍ ግለፁ።

### ዕዳ ኣለኒ ኣይትበልኒኻ እዝጊ ከውፅኣካ

ፍቅርተ ኣብ እትሰርሓሉ ቤት ዕዮ ብሞኩሕሓልን ምግያፅን እያ እትፍለጥ። ስርሓ ናይ ሓደ ክፍሊ ፅሓፊት እናሃለወት ምስ እትረኽቦ መሃያ ዘይመጣጠን እናሃለወ ተጋይፅ። ኩሉ ግዜ ፋሽን ትኽተል። ነዚ ዝረኣዩ ናይቲ ቤትዕዮ ሰባት ዘይነፅፍ እቶት ከም ዘለዋ ገይሮም ይሓስቡ። ምስጢሩ ግና ካሊእ እዩ። ፍቅርተ ብዙሕ ዕዳ ኣለዋ። ካብ ሓድ ሓደ እንዳ ክዳውንትን ኣቁሑትን ብኣውድ እተወሰዱ ወይ ድማ ብልቓሕ ዝተዓደጉ እዮም።

ኣኽሊሉ እውን ናይ ካሊእ ቤት ዕዮ መራሒ መኪና እዩ። ንጉሆ ናብ ስራሕ ንምውፋር እንትድለ ኣይርከብን። ኣብ እዋን መሃያን ኣብ ዘይተገመተ መዓልትን ካብ ስራሕ ቦትኡ ብምጥፋእ እዩ ዝፍለጥ። በብወርሑ ኣብቲ ቢሮ ከባቢ ዝርአ ኣብ ወርሓዊ መሃያ ዝኽፈለሉን ልቓሕ ዝወሃበሉን እዋን እዩ። ዝህቦ ሰብ ብዙሕት እዩ። ምኽንያቱ መሃያይ እንትቕበል ክኸፍለኩም እየ እናበለ ዝተለቀሐ ሎም ሰባት ብዝኣቲዎ ቃል ዕድኡ ክኸፍል ሰለዘይኽእል ሰብ ገንዘብ ክእልሽዎ እዮም። ካብ ፍቅርተ ዝፍልዮ ክንዲ ምኽዳንን ምግያፅን ብቁማርን መስተን ብኹን ህይወት ምምርሑ እዩ።

ምስጢር ክልቲኦም እትፈልጥ እታ ተሓዚት ገንዘብ ኣለሚቱ ጥራሕ እያ። ንምንታይ ካብዚ ወልፊ ልቓሕ ከም ዘይወፁ እንትትሓቶም "ዕዳ ኣለኒ ኣይትበልኒኻ እዝጊ ከውፀኣካ" ዝብል መልሲ ይህቡዋ ነበሩ። እቲ ልቓሕ እንተይተኸፈለ ይተርፍ ማለቶም እዩ። ኣለሚቱ እቲ ኩነታቶም እናግረመላ ክሳዳ ነቕኒቓ ዝሓተትዋ ልቓሕ ኣፈሪማ ትህቦም። ኣብ ዝቕፅል ወርሒ ተመሊሶም ይመፁ።



## መልመዲ 5

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ፍቅርተን ኣክሊሉን ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ክነብሩ ብምድላዮም እንታይ ጉድኣት ኣብጺሕሎም?
2. ኣብ ከባቢኹም ከም ፍቅርተን ኣክሊሉን ዝበሉ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ዝነብሩ ሰባት እንተ ኣጋጢሞምኹም እንታይ ትገብሩ?

## ሀ. ብዓቕምኻ ምንባር

ብዓቕሙ ዝነብር ሰብ ኣድላዪ ዘይኮነ ወፃኢ ስለዘየውፅእ ንመፃኢ ህይወቱ ዝጠቅም ገንዘብን ንብረትን ከቕምጥ ይኽእል፡፡ እዙይ ብምግባሩ ንባዕሉ፣ ንኸባቢኡ ኾነ ንሃገሩ ኽጥቀሙ ኣስተዋፅኦ ይገብር፡፡ ብኣንፃሩ ብዓቕሞም ዘይነብሩ ሰባት ብዕዳ ተዋሒጦም ካብ ዝኣተውዎ ዕዳ ንክወፁ ይኽብዶም፡፡

ዓቕምኻ ዘይምፍላጥ ብብዙሕ ኩነታት ክግለፅ ይኽእል፡፡ ንኣብነት ተለቂሑ ገይፀ መይፂ ወይ ብእዋኑ ብጣዕሚ ኣድላይ ዘይኮኑ ነገራት ምግዛእ፣ ካብ ዝረኸቦ እቶት ንላዕሊ ዝሓቱ ድልየታት ምትእንጋድ፣ ካልኦት ዝገዝእዎ ወይ ዝገብርዎ ኣነ ካብ መን ንኢሰ ብዝብል መንፈስ ብተመሳሳሊ ንምፍፃም ዝፍትኑ ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

እዚኦም ሕማቕ ልምድታት ምኽኖም ብተወሳኺ ንሓደጋ ዘሳጥሑ እዮም፡፡ ስነልቦናዊ ዕግበት ዘይምርካብ ካብቶም ዝበዕሑ መሰረታዊ ፀገማት ሓደ እዩ፡፡ ብኻልእ መዳይ ብዓቕምኻ ዘይምንባር፣ ስምዒት ትሕትነት ክስመዐካ ይገብር፡፡ ዝደለኻዮ ንኽተማልእ ካብ ሰብ ትልቃሕ፡፡ ስለዚ ናብ ከምዚኦም ዝበሉ ፀገማት ንዘይምእታው ነቲ ዝርከብ እቶት ባዓልኻ ዓቂብካ ምንባር ተግባር በላሕትን ለባማትን እዩ፡፡

ኣጠቓቕማ ገንዘብ ምፍላጥ ሓደ ጥበብ ምዕቛር እዩ፡፡ ሜላታት መማዕበሊ ዕቛር ካብ ውልቀሰብ ናብ ውልቀሰብ ካብ ማሕበረሰብ ናብ ማሕበረሰብ ይፈላለ እዩ፡፡

**ንኣብነት፡-** ሓድሓደ ሰባት ቐዋሚ ንብረታት ብምግዛእ ኣብ ኢዶም ዝርከብ ገንዘብ ከይጠፍእ ይገብሩ፡፡ ሓድሓደ ሰባት ብዘይ ምቁራፅ በብእዋኑ ኣብ ባንኪ ገንዘብ የቐምጡ እዮም፡፡ ግልጋሎት ባንኪ ንዝጥቀሙ ሰባት በቲ ዘቐመጥዎ መጠን ገንዘብ ልክዕ ወለድ ይረኽቡ፡፡

## ለ. ብትልሚ ምምራሕ

### ተጓንፎ ቴድሮስ

ቴድሮስ ካብ ስድራ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ገንዘብ ተሞክሮ ኣይወሰደን። ኣብ ትካል መሰልጠኒ መምህራን ተመሪቑ ስራሕ ምስ ጀመረ ናይ መጀመርያ መሃያኡ ከመይ ክጥቀምሉ ከም ዝኽእል ንምሕሳብ ካብ ክልተ መዓልቲ ንላዕሊ ወሲዱሉ ነይሩ። ኣብ ምረቕኡ ተረኺቦም ሓጎሶም ብምግላፅ ውህብቶ ዘበርከቱ ኣዕሩኽቱ ንምእንጋድን ንመምህር ዝምጥኑ ክዳውንቲ ምግዛእን ሓሰበ። መሃይኡ ግና ኣይኣኽሎን። ሓደ እዋን ብሓንሳእ ተደራሪቦም ዝመፅሉ ሓሳባት ብሓደ ግዘ ምፍፃም ከም ዘለዎ ዓርሱ ኣእመነ። ስለዘኾነ ንቕድሚት ሰሪሑ ክኸፍሎ እየ ኢሉ ተለቂሑ ኩሉ ኣጠፋፍኡ። ናይ ዝስዕብ ወርሒ መሃይኡ ፍርቁ ንዕዳ ተኸፈለ። ዝተረፈ ድማ እስካብ ዝቕፅል እዋን መሃያ ከም ዘይኣኽሎ ተገንዘበ።

ቴድሮስ ሰሪሑ መሃያ እናረኸበ እናሃለወ ኣብ ዓመቱ ብዛዕባ ፀገም ምውራይ ጀመረ። ኣዝዩ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ንሰድርኡ ክሕግዝ ብዘይምኽኣሉ ምንዳድ ኣዘውተረ። ኣብ ከምዚ እናሃለወ ሓደ መነባብርኡ ብትልሚ ዝመርሕ ፅቡቕ ዓርኪ ረኸበ። ቴድሮስ ግልፂ ስለዝኸነ ሜላ ኩነታት ኣነባብርኡ ነዚ ዓርኩ ገለፀሉ። ዓርኩ እውን ናይ ባዕሉ ሜላ ኣጠቓቕማ ገንዘብ ነገሮ። እቲ ሜለኛ ዝኾነ ሰብ ዝረኸቦ ገንዘብ ከመይ ብትልሚ ክጥቀም ከም ዝኽእል ኮምዝስዕብ ዘርዚሩ ኣርኣዮ።

| ሪጋ | ርእሲ ወፃኢ | መጠን ወፃኢ ብሚኢቲ |
|---|---|---|
| 1 | ንገዛ ወፃኢ | 50 |
| 2 | ወፈያ ንማሕበራዊ ኩነታት | 7 |
| 3 | ንክዳን ተቀማጢ | 12 |
| 4 | ንመጓዓዝያ | 12 |
| 5 | ንሕክምና መሐለውታ | 9 |
| 6 | ንዕቋር | 10 |
| 7 | ንመዘናግዒ | 2 |
| 8 | ንምምሕያሽ ትምህርቲ | 5 |



## መልመዲ 6

**ብመሰረት እቲ ሰደቓ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ::**

1. ካብ ቁፅሪ 1 ክሳብ 8 ዝተዘርዘሩ ግቡእ ዝኾኑን ዘይኾኑን ወፃኢ እንተሃልዮም ኣርእዩ:: ከምኡውን ክግሓየሹ ዝግበኦም ወፃኢ ፍለዩ::
2. መሃያ ቴድሮስ ብር ሰለስተ ሚኢትን ሓምሳን (350.00) እዩ:: ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጡ መጠን ወፃኢ ሸንሺንኩም ክትርእዩ ፈትኑ::
3. ንእትቐርብዎ ሓደ ኣባል ስድራ ብምሕታት ሜላ ምዕቋር ከመይ ከምዝኾነ ኣዘራርቡ:: ካብኡ ብኣንፃር ግበጣ ወርሓዊ ወፃኢ ቴድሮስ እቶትኩም ሸንሺንኩም ኣርእዩ:: እቲ ሜላ ንዘዛራረበኩምዎ ሰብ ይስማዕማዕዶ ወይስ ኣይስማዕማዕን ንምንታይ?

ትልሚ ንመፃኢ ህይወት ዝፍፀሙ ተግባራት ኣቐዲምኻ ምትላም፣ ከምኡውን ብገንዘብ፣ ብፍልጠትን ብዓይነትን ዝድልዩ እታወታት ኣቐዲምኻ ምድልዳል የድሊ:: ኣብ ዝኾነ ብርኪ ትልሚ ህይወት ንደቂ ሰብ ወሳኒ እዩ:: ትልሚ ብደረጃ ውልቀ ሰብ ኮነ ሃገር ክንኽተሎ ዝግባእ መንገዲ ዕብየት እዩ::



## መልመዲ 7

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ::**

1. ብደረጃ መንግስቲ ኣብ ትልሚ መሰረት ዝገበሩ ኣኼባታት ወይ ውሳነታት ምህላዎም ሰሚዕኹም'ዶ ትፈልጡ?
2. እዞም ትልሚታት ኣብ ምንታይ ጠመተ ዝገበሩ እዮም?

## ሐ. ብትልምን ብዓቕምኻን ምምራሕ ንምዕባለ ሃገር ዝህልዎ ረብሓ

- ምዕባለ ውልቀሰባት ምስ ምዕባለ ሃገር ብኸመይ ክተሓሓዝ ከም ዝኽእል ግለፁ::

# ቆልዓ ብዕድሉ ይዓቢ?

ኣይተ በድሩ መበል ሳልሰይቲ ሰበይቲ ንወ/ሮ ሸምስያ ምስ ኣእተዉ ኣብ ዓመቶም ሻምናይ ቆልዓ ክወልዱ እናተፀበዩ እዮም። ነዚ ምድላው ድማ ጎረቤቶም ኣይተ ሃይለየሱስን በዓልቲ ገዝኦም ወ/ሮ ኣስካለን እናሓገዙዎም እዮም። ኣይተ በድሩ ናይ መጀመርያ በዓልቲ ገዝኦም ወይዘሮ ኑርያ እንተእትዉ ኣይተ ሃይለየሱስ እውን ሓዳሮም ሳልሳይ ወርሑ ነይሩ። ሐዚ ክልቲኦም ወለዲ ብዙሓት ቆልዑ ኣለውዎም።

ኣይተ ሃይለየሱስ በታ ዘላቶም ንእሽተይ ትሕረስ መሬት ዘመሓድርዎም ደቆም ዕድል ትምህርቲ ኣይረኸቡን። ኣይተ በድሩ ካብ ክልቲኣን ኣንስቶም ዝወለዱዎም ደቆም እቶም ኣርባዕተ ብንግድን ብመዓልታዊ ስራሕን ምኽንያት ናብ ዝተፈላለዩ ከባብታት ተሰዲዶም እዮም።

ክልቲኦም ስድራታት ዘመሳስሉዎም ብዙሕ ነገራት ኣለዉ። ክልቲኦም ስድራ ውላድ ሰሰን ኣዩ ዝበሃል ኣባሃህላ ይኣምኑ። ቆልዑ ኣብዚሕካ ምውላድ ጎዳኣይ እዩ ዝብል ሓሳብ ኣመላኻኸታ ሰይጣን እዩ ኢሎም ይኣምኑ። ኣረሓሒቕካ ምውላድ ንጥዕና ኣዶ ኾነ ንኣታዓባብያ ቆልዑ ዕቡቕ ምዃኑ ሓሲቦም ኣይፈልጡን። ትሕቲ ዕድመ መርዓ ዘስዕቦ ጉድኣትን ጥቕሚ መቆፃፀሪ ወሊድን ዝብሉ ኣታሓሳስባታት ኣይኣምንሉን። ንድግስ፣ ንማሕበር፣ ንሕክምና ንምግቢ ዘድሊ ወፃኢ ኣቐዲምካ ክሕሰበሉ ከምዝግባእ ኣይርዱእዎን። ዝተወለዱ ኮነ ገና ንዝውለዱ ቆልዑ ናይባዕሎም ዕድሎም ኣለዎም እናበሉ ይሓስቡ።

ኣብ'ዚ ሰሙን ብዛዕባ ረብሓ ምጣነ ስድራ ከምህሩ ናብቲ ከባቢ ዝኸዱ ሰብሙያ ጥዕና ብክልቲኦም ስድራ ተቐባልነት ኣይረኸቡን። ክልቲኦም ወለዲ እዚ ትምህርቲ ንዓቕመ ኣዳምን ሂዋንን ዝበፅሑ ኾነ ዘይበፅሑ ደቆም ክሰምዕዎ እውን ኣይደልዩን።



## መልመዲ 8

*ብመሰረት ኣብላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ክልቲኦም ስድራ ዘመሳስሎም እንታይ እዩ?
2. ኣረሓሒ ቐካ ምውላድ ንምምሕያሽ መነባብሮ ስድራ ዝህቦ ረብሓ እንታይ እዩ?

ቆልዑ ዝዓብዩ ብዕድሎም እንተይኾነስ ብናይ ስድሮኦም መጠን እቶትን ብቕዓት ኣተዓባብያን እዩ፡፡ ኣብ ሃገርና ሓንቲ ወላዲት ብማእኸላይ ክሳብ ሓሙሽተን ሽዱሽተን ቆልዑ ምውላድ ልሙድ እዩ፡፡ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ቆልዑ ምውላድ ድማ ዝተማለአ ግልጋሎት ትምህርትን ጥዕናን ክረኽቡ ንምግባር ዘየኽእል ምኽኑ ርዱእ እዩ፡፡

ንቕዕሪ ሞት ኣዴታት ምውሳኽ፣ ንጎደና ሓዳርን፣ ንልመናን ዝሳጥሑ ኩነታት ፍልፍሉ ሜላ ምጣነ ስድራ ዘይምጥቃም እዩ፡፡ ምጣነ ስድራ ዘይምጥቃም ዝለዓለ በዝሒ ህዝቢ የስዕብ፡፡ በዝሒ ህዝቢ ድማ ዘይተመጣጠነ ሃፍትታት ተፈጥሮ ኣብ ጥቕሚ ክውዕልን መፃኢ ወለዶ ኣብ ፀገም ክወድቕን ይገብር፡፡



## መልመዲ 9

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ስርሑ፡፡*

ኣብ ከባቢኹም ምስ ብዙሓት ስድራ ዝተተሓሓዙ ፀገማት ዝነብር/እትነብር ሓደ(ሓንቲ) ሰብ ብምድላይ ኣዘራሪብኩም ታሪኹ ብፅሑፍ ኣቕርቡ፡፡ ኣብ ውሽጢ እቲ ፅሑፍ ዝግለፅ በዓል ታሪኽ ንካልኦት ሰባት ዝህቦ ተሞክሮ (ትምህርቲ) ኣርእዩ፡፡

# መጠቓለሊ

ምዕባይ ባህሊ ምዕቛር ንውልቀ ኮነ ንማሕበራዊ ምዕባለ ኣድላዪ እዩ:: ብደረጃ ሃገር ምምዕባል ባህሊ ምዕቛር ዝህልዎ ረብሓ ህዝቢ ዘተኣማምን ግልጋሎት ሕክምና ክረኽብ የኽእል:: ምሕላው ሃብትታት ተፈጥሮ ምስ ባህሊ ምዕቛር ዝተትሓሓዝ እዩ:: እዚ ምግባር ንመፃኢ ወለዶ ምሕሳብ እዩ፡፡ ልሙዓትን ነዊሕ ዓመታት ዝወሰዱ ኣእዋማት ምብራስን ሓመድ ክጉሕጓሕ ምግባርን፣ ዝኣመሳሰሉን ተግባራት ድኽነት ዘስዕቡ ተግባራት እዮም:: ስለዚ ካባቢና ብምሕዛእ ኣድዋራት ክፍጠሩ ምግባር እዩ::

ብደረጃ ውልቀ ሰባት ድማ ኣታሓሕዛ ገንዘብን ኣጠቓቕማ ንብረትን ንመነባብሮ ውሕስና ይህብ:: እዚ ዝጠቅም ዓርስኻ ንምኽኣል፣ ኢንቨስትመንት ወይ ንልምዓት ስራሕን ማሕበራዊ ተሳትፎ ንምዕባይን እዩ:: ነዚ ዝሕግዙ መትከላት ምዕቛርእውን ኣለዉ:: ንኣብነት ወፃኢ ካብ ኣታዊ ከይበልፅ ምግባርን ንዘይተሓሰቡ ኣጋጣምታት ገንዘብ ምቕማጥን ምጥቃስ ይካኣል::

ባህሊ ምዕቛር ንምዕባይ ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣለዉ:: ንሳቶምውን ምጣነ ስድራ ምፍላጥ፣ ክብሪ ግዘ ምርዳእ፣ ብዓቕምኻ ምንባር ምፍላጥ እዮም:: ምስ'ዚ ተተሓሒዙ ክፍለጥ ዝግበኦ ባህሊ ምዕቛር ከይጥንክር ዝገብሩ ኩነታት ምህላዎም ምግንዛብ እዩ:: እዚኦም ንዕቛር ዝፃብኡ ድሑራትን ጎዳእትን ልምድታት እዮም::

**ንኣብነት፡-** ንብረትን ገንዘብን ምብኻን፣ ሃብታት ተፈጥሮ ብዘይ ኣግባብ ምጥቃም ምዕናው ማለት እንትኾን ነዚ'ይ ዘተባብዓ ድሑራት ልምድታት ድማ ብዘመናዊ ሜላ መነባብሮ ንምቕባል ድልውነት ዘይምህላው፣ ውዕኢታት ሳይንስ ዘይምምቕባል፣ ዘይምምሃር፣ ምንኣስ ግንዛበ እዮም:: ነዞም ሕፀረታት ድማ ትምህርቲ ብምሃብ ምልዋጥ ይካኣል እዩ::

ዘለና ንብረት፣ ገንዘብ ኮነ ሃብቲ ተፈጥሮ ብትልሚ እናተመራሕና ምጥ ቓም ዝሓሸ እዩ:: ትልሚ ብዓቕምኻ ንምንባር ንሃገርን መነባብሮ ንዜጋታትን ውሕስና ይህብ::

# ኣገደስቲ ቃላት

**ተለላ ግጥሚ፡-** ነፀላ መስመር ግጥሚ

**ትካላት መስረት ልምዓት፡-** ከም መጎዓዚያ፣ መራኸቢ ሜላታት፣ ሃይሊ መብራህቲ ተሌፎን ዝመሳሰሉ ምዝርጋሕ

**ኢንቬትሜንት፡-** ገንዘብ ኣብ ቀዋሚ ግልጋሎት ስራሕ ምውዓል ኣብ ኢንድስትሪ ፋብሪካ፣ ወዘተ

**ራእይ፡-** ኣብ ቀፃሊ ንዘጋጥመካ ወይ ዝመፅእ ኩነታት ካብ ብገንኡ ምሕላም፣ ዕላማን ሽቶን አቀዲምካ ምቕማጥ

**ልቓሕ፡-** ድሓር ክመልስ ኢልካ እትወስዶ ገንዘብ፣ ኣቕሓ፣ እክሊ

**ኣድባር፡-** ብተለምዶ ዝተትሓዘ ባህላዊ እምነት

## መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ነዞም ዝስዕቡ ምሉእ ሓሳባት ኣንቢብኩም ትኽክል ንዝኾነ «ሓቂ» ትኽክል ንዘይኾነ «ጌጋ» እናበልኹም መልሱ።*

1. ሓደ ሰብ ባህሊ ምዕቕር ይሃለዎ ኣይሃለዎ ረብሕኡ ኮነ ጉድኣቱ ንባዕሉ እዩ።
2. ሓደ ሰብ ብዝኾነ መንገዲ ሃፍታም ክኾን ከምዝኽእል እንተ ኣሚኑ እንታይነት ባህሊ ምዕቐር ተረዲአዎ ኣሎ ማለት እዩ።
3. ሃፍቲ ተፈጥሮ በብ እዋኑ ዓርሱ ዝትክእ ከም ሃላቂ ኣቕሓ ኣብ ጥቕሚ ውዒሉ ዘይውዳእ እዩ።
4. ኣብ ሓፂር ግዘ ንዝረኣን ድሕሪ ነዊሕ እዋን ንዝርከብ ውፅኢት ዘለና በጀት ብማዕረ ሸንሺንና ምጥቃም ኣለና።
5. ፅቡቕ ሜላ መነባብሮ ማለት ሜላ ዝተመጣጠነ እቶትን ወፃእን እንትህሉ እዩ።

II. *ኣብ ትሕቲ «ለ» ዝተዘርዘሩ ኣማራፅታት ምስ ኣብ ትሕቲ «ሀ» ዘለዉ ኣዛምዱ*

| «ሀ» | «ለ» |
|---|---|
| 1. ሃፍትታት ተፈጥሮ | ሀ. ማዓድናት |
| 2. ምጣነ ስድራ | ለ. ትልሚ |
| 3. ድሑር ኣታሓሳስባ | ሐ. ንኻልኦት ዘይምሕሳብ |
| 4. ብኽነት | መ. ብዓቕምኻ ልክዕ ምንባር |
| 5. ማሕበር ዕቋርን ልቓሕን | ረ. ኣነ ዝሞውት ሎሚ ምሽታ ስገም ትበፅሕ ንፍልሰታ |
| | ሰ. ደረት ዘይብሉ ድሌት ምትእንጋድ |

III. *ኣብዞም ባዶ ቦታታት ትኽክል ዝኾነ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ*

1. ብንዋት ኮነ ብገንዘብ ዘለና ሃፍቲ ምጥፋእ________________ይባሃል፡፡
2. ባህሊ ምዕቛር ብውልቀ ሰብ ኮነ ብደረጃ ሃገር ምጥንኻር ክልመዱ ካብ ዘለዎም ሜላታት ኣነባብራ________________ን________________ ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡

IV. *ስዒቦም ንዝቕርቡ ሕቶታት ካብ ዝተውሃቡ መማረፅታት ዝስማማዕ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ዕብየት ሃገር ከምፅኡ ዝኽእሉ ኩነታት
   - ሀ. ህዝቢ ካብ ድሑር ልምድታት ምውፃእ
   - ለ. ትልሚ ነዊሕ እዋን
   - ሐ. ትልሚ ሓፂር እዋን
   - መ. ኩሎም መልሲ እዮም
2. ንመፃኢ ወለዶ ምሕሳብ ንዝብል ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ሓሳብ ኣይስማማዕን
   - ሀ. ባህሊ ምዕቛር ኣማዕቢልካ ምምሕልላፍ
   - ለ. ብትምህርትን ፍልጠትን ዝተሃነፀ ወለዶ ምቕራፅ
   - ሐ. ሃብትታት ተፈጥሮ ፀንቂቕካ ፎንቶ ምጥቃም
   - መ. ክንክንን ሓለዋ ከባብን ምግባር ኣይምልከትን

3. ንብኸነት ዘቃልዕ ተግባር ኣየንኡ እዩ፡፡

   ሀ. ኣብያተ ሲኒማ/ፊልም/ ምስፍሕፋሕ

   ለ. ኣብ ከባቢ ገፀር መዕደሊ ነዳዲ ንምጥያሽ ኢንቨስት ምግባር

   ሐ. ንኹሎም ዜጋታት ዕድል ትምህርቲ ምፍጣር

   መ. ምጣነ ስድራ ምልማድ

4. ዓርስኻ ምኽኣል ማለት

   ሀ. ካብ ሰብ ምፍላይ ማለት እዩ

   ለ. ንካልኦት ዓርሰ ምክኣል ድጋፍ ምግባር እዩ

   ሐ. ካብ ፅግዕተኛነት ምውፃእ ማለት እዩ

   መ. ብዜካ «ሀ» ኩሎም መልሲ እዮም

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ንኣድላይነት ምምዕባል ባህሊ ምዕቛር ኣብነት ክኾኑ ዝኽእሉ ታሪኻት ጠቒስኩም ኣረድኡ፡፡
2. ድሑር ኣረኣእያታት ኣብ ዘይምምዕባል ባህሊ ምዕቋር ቀጥታ ፅዕንቶ ኣለዎም፡፡ እዚ ካብ ጭቡጥ ኩነታት ኸባቢኹም ተለዒልኩም እትፈልጥዎ ግለፁ፡፡

# ምዕራፍ ዓሰርተ

## ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ

### ዕላማ ትምህርቲ እዚ ምዕራፍ፣

**ኣብዚ ምዕራፍ ዘሎ ትምህርቲ ተማሂርኩም ምስ ፈፀምኩም፡-**

- ኣብ ከባብን ሃገራውን ጉዳያት (ዋኒናት) ዝውሰኑ ውሳነታት ንጡፍ ተሳትፎ ምግባር ዝህልዎ ረብሓ ትግንዘቡ፣
- ረብሓ ምውዳብን ምጥንኻርን ዝተፈላለዩ ኣካላት ሕ/ሰብ ራብሓ ከምዘለዎ ትፈልጡ፡፡

## 10.1. ወሳንነት ንጡፍ ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ምንቅስቓስ ከባቢያዊ ልምዓት፣ ሰላምን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን

### 10.1.1. ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ፣ ንሓባራዊ ምርድዳእን ሰናይ ምምሕዳር ምንጋስ ወሳንነት ንጡፍ ተሳትፎ ዜጋታት



*ስእሊ 10.1. ልምዓትና ንምቅልጣፍ ሓቢርና ንለዓል*

- እዚ ስእሊ ብዛዕባ እንታይ ከም ዝገልፅ ኣረድኡ፡፡
- እዚ ስእሊ ዝሓዞ ሓሳብ ብትክክል ተግባራዊ እንትኾይኑ ተሰለፍቲ እንታይ እንታይ ፈፂሞም ክኾኑ ይኽእሉ?



*ስእሊ 10.2. ምስ ኣይተ ኣረጋይ ሕሉፍ ዝተገበረ ሓፂር ፃንሒት*

## ትግራይ ሰፈር ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን

**ድምፂ ወያነ፦** ቅድሚ ኩሉ ዓርሶም እንተዘፋልጡና፡፡

**ኣይተ ኣረጋይ፦** ስመይ ኣረጋይ ሕሉፍ ይበሃል፡፡ ተወሊደ ዝዓበኹሉ ኣብ ወረዳ ሓየት እዩ፡፡ ንዕስራን ሽዱሽተን ዓመት ኣብ ወፃኢ ዓዲ ነይረ ካብ ዝምለስ ክልተ ዓመተይ እዩ፡፡ ሕዚ ብዘምፃእኹዎ ሃብቲ ትካል ኣጣይሽ ን750 ሰባት ዕድል ስራሕ ፈጢረ ኣለኹ፡፡

**ድምፂ ወያነ፦** ናብርኦምን ስርሖምን ኣብ ወረዳ ልምዓት ዝገበርዎ ንምንታይ እዩ?

**ኣይተ ኣረጋይ፦** ናብ ዓደይ ምስ መፃእኹ ከልምዕን ክነብርን ዝሓሰብክዎ ኣብ ወረዳ ሓየት ኣድያቦ እዩ ነይሩ፡፡ ኣብኡ ግና ንምስራሕ ዘይምችው ኮይኑ ስለ ዝረኸብኩዎ ስረሐይን ናብራይን ኣብ ወረዳ ልምዓት ገይረ፡፡

**ድምፂ ወያነ፦** ኣብ ሓየት ንምንባርን ሃፍቶም ንልምዓት ከውዕሉን ዘይኻኣሉ ንምንታይ እዩ?

**ኣይተ ኣረጋይ፦** ዝነበረኒ ራእይ ልምዓት ኣብ ሓየት ኣድያቦ ከተግብሮ ኣይከኣልኩን፡፡ ሓለፍቲ እቲ ወረዳን መንግስታዊ ቤት ዕዮን ለይትን ቀትርን ፀዓርዓር ዝብሉ ንውልቀ ጥቕሞም

ብዝገብርዎ ንሕንሕ እዩ። ምምሕያሽ ልምዓት ወረዳ ኾነ መንባብሮ ነበርቲ ኣየገድሶምን። ባዕሎም ንባዕሎም ብዓበየ ነኣሰ እንትተሓማመዩ፣ እንትነቓቐፉ፣ እንትናኾሩን እንትበኣሱን እዮም ዝውዕሉ። ንናይሓባር ዕላማ ተረዳዲኦም ክሰርሑ ኣይኽእሉን፣ ሰብ ጉዳይ ስሉጥ ግልጋሎት ክረኽቡ ኣይኽእሉን። ግብሪ መንግስቲ ከምኡውን ማይ፣ መብራህቲ፣ ስልክን ዝበሉ ግልጋሎት ንምኽፋል እውን ነበርቲ የተኣጊጉሉ እዮም። ኣብያተ ዕዮ ዝተጣየሻሉ ተግባር ንምፍፃም ዝተመደቡ ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ካብ ተገልገልቲ ህዝቢ ጉቦ ክኽፈሎም ይደልዩ። ኣነ እውን ንብዙሕ እዋን ደኺመ ዘፍረኽዎ ሃብቲ ኣምፂአ ከባብየይ ከልምዕ፣ ህዝበይ ክጠቅም፣ ንባዕለይውን ክጥቀም ስራሕቲ ልምዓት ከጣይሽ እንተፈተንኩ ክተሓባበሩኒ ኣይክኣሉን። ኣብ ዝሰርሉ ቦታ፣ ፍቓድ ስራሕ ወዘተ ክረክብ ብዙሕ ተኣጊጉለ። ከምኡኮይኑውን ክሳኽዐለይ ኣይኮኣልን ሓደ ዓመት ተኣቢጊጉለ ስለዘይተሳኽዐለይ ናብ ወረዳ ልምዓት መፂአ።

**ድምፂ ወያነ:-** ኣብ ወረዳ ልምዓት ከሞዚ ዓይነት ፀገም ኣይገጠሞምን?

**ኣይተ ኣረጋይ:-** ብዛዕባ ወረዳ ልምዓት ብዙሕ ዝና ሰሚዐ። ብመጀመርያ ኣይኣመንኩን ነይረ። መፂአ እንተሞከርኩዎ ግና ገንዘበይን ህይወተይን ከወፊይ ዝገብሩ ሓለፍቲ፣ ኣብያተ ዕዮን ህዝብን ዘለዉ ኾይኑ እየ ረኺበዮ። ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ መዓልቲ መስርሒ ቦታ፣ ፍቓድ ንግዲ ስራሕ፣ ዝተፈላለዩ ድጋፋት ንውሱን ዓመታት ካብ ቀረፅ ነፃ ኮይነ ንኽሰርሕን ዕድል ሂቦምኒ። ኣብዙይ ሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ዝወቓቐስሉ ጌጋታት ንምትእርራም፣ ኣሰራርሐኦም ንተገልገልቲ ብዝበለፀ ቅልጡፍን ምቹውን ንምግባር እዩ። ብሓቂ ወረዳ ልምዓት ንምልማዕ ፀዓርዓር ይብሉ እዮም። ምኽሪ ይሓቱኻ፣ የዳምፁኻ፣ ንክመሃሩ'ውን ድልዊ እዮም።

ንሕድሕዶም ይደማመፁ:: ምስዚኦም ምስራሕ ክንደይ ደስ ይብል ይመስለኪ

**ድምፂ ወያነ:-** ንዝሃቡኒ ርኢቶ ብጣዕሚ የመስግን::

**ኣይተ ኣረጋይ:-** ኣነውን የመስግን::

(ናይ ምህዞ ፅሑፍ እዩ)



## መልመዲ 1

*እዚ ዝቐረበ ቃለ-ምልልስ መበገሲ ብምግባር ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ::*

1. ብኣረኣእያ ኣይተ ኣረጋይ ኣብ ወረዳ ልምዓት ወረዳ ሓየት ዝተርኣየ ኣብ ህንፀት ዴሞክራሲን ሰናይ ምምሕዳርን ዘሎ ኩነታት እንታይ ከም ዝመስል ኣነፃፅርዎም::
2. ንስኹም ነበርቲ ወረዳ ልምዓት እንተትኾኑ እንታይ ክትገብሩ ትኽእሉ?
3. ነበርቲ ወረዳ ሓየት እንተትኾኑ'ሽ እንታይ ክትገብሩ ነይሩኩም?

ዴሞክራሲ ኣብ ዘይነገሰሉ ምክብባር፣ ምትእምማንን ምድምማፅን ኣይህልውን:: እኒ ደኣስ ናይ ውሑዳት ውልቀ መለኸቲ ስለ ዝዕብልል ብዙሓት ነበርቲ ምጉደኦም ዘይተርፍ እዩ:: ኣብዝሓ ንሓበራዊ ዕብየት ዝገብርዎ ምልዕዓላት ይፍሽል:: ማሕበራዊ ልምዓት ይጠፍእ:: ብኣንፃሩ ግና ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ፣ ስዒቡ ሓበራዊ ምርድዳእ ምፍጣርን ምዕስል ሰናይ ምምሕዳር፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ክመፅእን ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየት ክስዕብ ስለዝገብር ሃገር ትምዕብል:: ሓበራዊ ምርድዳእን ምዕስል ሰናይ ምምሕዳርን መሊሱ ንስርዓት ዴሞክራሲ ስለዘጠናኽር ዝመፅእ ዕብየት ቀፃልነት ይህልዎ::

እዞም ውፅኢታት ግና ባዕሎም ዝመፁ ኣይኮኑን:: ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ህልዊ ኾኾኑ ዝገብር ህርኩትን ንጡፍን ተሳትፎ የድሊ:: ብዘይ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ህንፀት ስርዓት ዴሞከራሲ ኣይህሉን:: ሰናይ ምምሕዳር ብቀፃልነት ክነግስ ኣይክእልን:: እዚ ኣብ ዘይተማልአሉ ልምዓትን ምዕባለን ክረጋገፅ ኣይክእልን::




## መልመዲ 2

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።**

1. ብምንጋስ ዴሞክራሲ ስዒቦም ክመፁ ዝኽእሉ ክልተ ነገራት ግለፁ።
2. ህዝቢ ኣብ ህንፀት ዴሞክራሲ ንጡፍ ተሳትፎ እንተዘይገይሩ እንታይ ክስዕብ ይኽእል?

## 10.1.2. ንምርግጋፅ ስሉጥ ልምዓትን ምንካይ ድኽነትን ንጡፍ ተሳትፎ ዜጋታት ዘለዎ ኣስተዋፅኦ



*ስእሊ 10.3. ብመስኖ ስራሕ መሬት ምልማዕ ይከኣል*

- ካብቲ ስእሊ እንታይ ተገንዚብኩም?

### መስኖ ዘተኣማምን ሜላ ልምዓት ሕርሻ

መሰረት ምጣነ-ሃፍቲ ሃገርና ዝኾነ ስራሕ ግብርና ምስ ዝናብ ዝተኣሳሰረ እዩ። መጠን ሽፋን ዝናብ ፅቡቕ እንተኾይኑ ፅቡቕ ፍርያት የርኢ። መጠንን ሽፋንን ብዝነከየ ቁፅሪ መነባብሮና የንቀልቁልን ይጉስቁልን። እዚ ኣብ ዝናብ ፅግዕተኛ ምዃን እስካብ መዓዝ እዩ ዝቕፅል? ብፍላይ ሰብ ዋና ዱብ ኣቋሪፆም ዝፈሱ ሩባታት ኮይንና ኣብ ዝናብ ፅግዕተኛታት ምዃና ኣይገርምን'ዶ?

ኣብዚ ሰሙን ዝሰማዕናዮ ዜና ዞባ ደበብ ምብራቕ ትግራይ ካብዙይ ፀገም ንምውፃእ ከምንኽእል ዘመላኽት ኣብነት እዩ። ኣብቲ ዞባ ዝርከቡ ሓረስቶት ብዓርሶም ተበግሶ ብባህላዊ መንገዲ ሩባታት ግባ ጠሊፎም ስራሕቲ ልምዓት ፈፂሞም እዮም። በዚ ኣቢሎም ካብዚልምዑዎ መሬት ዝለዓለ ፍርያት ረኺቦም እዮም። ካብ ተኽልታት

ገደና ፍራምረን ቀልጢፎም ዝበፅሑ ዘራእትን ሸይጦም ፅቡቕ እቶት ረኺቦም ናብረኦም እናማሓየሹ ይርከቡ፡፡

መስኖ ከም መማረፂ ተጠቒሞም ኣብ ህይወቶም ለውጢ ምምፅኦም ኣብ ግንዛበኦም ክልተ መሰረታዊ ለውጥታት ከም ዝገበሩ የርኢ፡፡ ቀዳማይ ዝናብ ጥራሕ እናተፀበኻ ምስራሕ ብዘላቕነት መተኣማመኒ ከምዘይኮነን ካብ ፅግዕተኛነት ምውፃእ ከም ዘድልን ምእማኖም፡፡ ካልኣይ ነቲ ዘየተኣማምን ድሑር ሜላ ግብርና ብኻልእ ዝሐሸ ሜላ ምትካእ ከም ዝካኣል ርግፀኛታት ምዃኖም እዩ፡፡

እዞም ብመስኖ ተጠቀምቲ ዝኾኑ ሓረስቶት ብባዕሎም ተላዓዒሎምን ፃዕሪ ጌሮምን ብቐሊሉ ካብ ተፀባይነት ንምውፃእ ብዝጀመርዎ ምንቅስቓስ ክነድንቆም ይግባእ፡፡ ብዝበለፀ እዚ ዝመስል ፃዕሪ ብበዓል ሙያ ሓገዝ ብድጋፍ መንግስቲ ናብ ሓፈሻዊ ግብርናን ናብ ጥሙርን ዘበናውን ምልዋጥ የድሊ፡፡ ከምቲ ኣብ ጎልጎል ራያ ተጀሚሩ ዘሎ፡፡ በዚ እውን ካብ ዓመት ናብ ዓመት ዝፈርየሉ ምንቅስቓስ ግብርና ምውዳድ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ኣብ ምፍራይ ብመዓልታዊ ቀለብ፣ ብውልቀ ስድራ፣ ከባብን እንተይገደበካ ዕዳጋ ታኮር ክኾን ክግበር ኣለዎ፡፡ ከምዚኦም ዝመሰሉ ለውጥታት ምግባር ጥራሕ እንተይኮነ ስሉጥን ዘየቋርፅን ለውጢ ምኳኑ ምርግጋፅ የድሊ፡፡ ፃዕርና ብቐፃምነት ድኽነት ምንካይ ቀፃላይ ድማ ስሉጥ ልምዓትን ዕብየትን ዘረጋግፅ ክኸውን ይግባእ፡፡



## መልመዲ 3

**ብመሰረት እቲ ምንባብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሓረስቶት ግባ ዘካየድዎ ስራሕ ልምዓት ንምንካይ ድኽነት እንታይ ኣስተዋፅኦ ይህልዎ?
2. እዙይ ፅቡቕ ጅማሮ ዕብየት ምንቅስቓስን ሓረስቶት ግባ ከመይ ናብ ቕልጡፍን ዘየቋርፅ ምንቅስቓስ ልምዓት ምስግጋር ይካኣል?
3. ሓረስቶት ግባ ዝገበርዎ ርኡይ ለውጢ ክንደየናይ ንጡፍ ተሳትፎ ዘካተተ እዩ? ናብ ዘየቋርፅ ስሉጥ ዕብየት ንምስጓም ተሳትፎኦም እንታይ ክመስል ኣለዎ?

ድኽነት ኣዝዮም ካብ ዝሃሰዮም ከም ኢትዮጵያ ዝበሉ ሃገራት ብልሙድ ዓይነት ምንቅስቓስ ልምዓት ጥራሕ ካብ ዝኣተዉዎ ዓዘቕቲ ክወፁ ኣይኽእሉን። ጥንኩር ሚላ ምንካይ ድኽነት ተጠቒምኻ ስሉጥን ቀፃልነቱ ዘረጋገፀን ዕብየት ምጣነ-ሃፍቲ ምምዝጋብ የድሊ። እዙይ ንክኽውን ኩሉ ህዝቢ እኹል ግንዛበ ጨቢጡ በብወገኑ ብዓቕሙ፣ ብገንዘቡን ፍልጠቱን ክተሓባብር ኣለዎ። እዚ ዝኣመሰለ ስሉጥ ልምዓት ክረጋገፅ ዝኽእል ኩሉ ዜጋ ብዝተዋፈረሉ ዘፈር ስራሕ ንጡፍ ተሳትፎ ብምግባር ውፅ ኢት እንተኣምፂኡ እዩ።



**መልመዲ 4**

*ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ኣብ ሃገርና ምርግጋፅ ስሉጥ ልምዓት ዘድለየሉ ምኽንያት እንታይ ይመስለኩም?
2. ኣብ ኢትዮጵያ ስሉጥን ቀፃልነት ዘለዎን ልምዓት ክመፅእ ብወሳ ናይነት ክህልው ዝግባእ እንታይ እዩ። ንምንታይ?

## 10.1.3. ንጡፍ ተሳትፎ ዜጋታት ኣብ ምዕሳል ግልፅነትን ተሓታትነትን?

- ንጡፍ ተሳትፎ ዜጋታት ግልፅነትን ተሓታትነትን ንምዕላል ብኸመይ ይጠቅም?

## ፀብፃብ እቶም ርእሰ መምህር፣

ዝተኸበርኩም መምህራን፣ ሰራሕተኛታትን ቤት ትምህርትና! ኸቡራት ተምሃሮ!! ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ቤት ትምህርትና ግልፅነትን ተሓታትነትን ዝተረጋገፀሉ ኣሰራርሓ ንምዝርጋሕ ትልሚ ኣውፂእና ብሓባር ከም ዘፅደቕናዮ ይዝከር። እዚ ዓመት እዚ እቱ ትልሚ ብተግባር እናተተግበረ ፀኒሑ እዩ። ኣብ ናይ ሎሚ ኣኼባና እዚ ትልሚ ተግባራዊ ብምግባር ዝተረኸበ ውፅኢት ከቕርበልኩም እየ።

ከም ኣትፈልጥዎ ኣብ ቤት ትምህርትና ዝወሃቡ ግልጋሎታት ብዙሓት ኣለዉ። ናይዚኦም ግልጋሎታት እንታይነት፣ ንመን ከምዝወሃቡ፣ ከምኡውን ብምንታይ ዓይነት ኩነታትን ከክንደይ ዝኣክል ግዘ ክወሃቡ ከም ዝኽእሉ ፈሊና ዝርዝር ኣዳሊና ከም

ዝነበርና ትዝክሩ ኢኹም። ንኣብነት ተምሃሮ ዕቡቓት ዜጋ ንክኾኑ ዝገብር ተግባራዊ ትምህርቲ ምሃብን ውፅኢቶም ብተኸታታሊ ምዝና ምርግጋፅ ቀንዲ ግልጋሎት ከም ዝኾነ ኣቐሚጥና ነይርና።

ንተምሃሮና ቅኑዕን ጠቓምን ግልጋሎት ምኽሪ ምሃብ እቲ ካሊእ ተግባር ከም ዝኾነ ፈሊና ኢና። መረዳእታ ትምህርቲ ብእዋኑ ክንህቦም ከምዝግባእ ተስማሚዕና ኢና። ተምሃሮ ካብ ክፍሊ ወፃኢ ብተግባራዊ ትምህርቲ ክህነፁ ግዳማዊ ንጥፈት ኩነታት ኣመቻቺና ክነሳትፎም ተሊምና ኢና። ወለድን መዕበይትን ብዛዕባ ተምሃሮ ደቆም ኣተሓሕዛ ትምህርቲ ንምፍላጥ ስለዝደልዩ ስሉጥን ግቡእን ምላሽ ንምሃብ ትልሚ ተታሒዙ እዩ።



ስእሊ10.4 ኣመራርሓ ቤት ትምህርቲ ተሓታትነትን ግልፅነትን ዘለዎ ክኾን ይግባእ

ካብቲ ቤት ትምህርቲ ዝተፈላለዩ መረዳእታ ንዝደልዩ ንዝምልከቶም ኣካላትን ውልቀ ሰባት ከምኡውን ንመፅናዕትን ምርምርን ወይ ንዝተፈላለዩ ጉዳያት መረዳእታ ንዝደልዩ ሕጋዊ ንዝኾኑ ሰባት ስሉጥ ግልጋሎት ምሃብ ትዕቢት ዝግበረልና ከምዝኾነ ኣቐሚጥና ኢና። ንመምህራንን ሰራሕተኛታትን ቤት ትምህርቲ ስሉጥን መዕገብን ግልጋሎት ምምሕዳር ምሃብ ከምዘድሊ ኣብ ውሽጢ ዝርዝር ግልጋሎትና ኣቐሚጥና ኢና። እዚ ግልፅነት ስራሕና ንምርግጋፅ ዝተገበረ ምኻኑ የርኢ።

ከም ትዝክርዎ ካብቶም ዝተሓበሩ ግልጋሎታት ክረክብ ዝደሊ ዝኾነ ሰብ ብቐዳምነት ግቡኡ ክፍፅም ከም ዘለዎ ብምእማን ንሕድሕድ ተገልጋላይ ብዝርዝር ኣብ ግልፂ ቦታ ኣፍሊጥና ኢና። ኣተሓሒዝና ግቡኦም ንዘማልኡ ተገልገልቲ ስሉጥ፣

ብግቡእ ኣኽብሮት ዝተሚልአ ግልጋሎት እንተዘይሃብና ወይ ዝኾነ ዓይነት ምንግልታዕ እንተብጺሕና ተወቀስቲ፣ ተሓተትቲ፣ ተከሰስቲ ክንኾን ተስማሚዕና ኢና። ብካሊእ ኣዘራርባ መትከል ተሓታትነት ክንክተል ወሲና ኢና።

ኣብ ዓመታዊ ፍፃመታትና ነዞም ዘቐመጥናዮም ትልምታት ተግባራዊ ንምግባር ፅዒርና ኢና። ብዘይካ እቶም ኣብ ውስናት መምህራንን ሰራሕተኛታትን ዝተፈጠረ ሕፅረታት ብሓፈሻ ፅቡቕ ውፅኢታት ረኺብና ኢና። ንኣብነት ሓደ መምህር ንተምሃሮ ተከታታሊ ምዘና በቲ ዝድለ ብዘይምኻዱ፣ ውፅኢቱ መዝገቡ ብዘይምሓዙን ንተምሃሮ ብዘይምፍላጡ ተቀፂዑ እዩ።

ሓደ ሰራሕተኛ ምምሕዳር ካብ ቤት ትምህርቲ ተዛዊሩ ዝኸድ ተምሃራይ መረዳእታ ንምሃብ ብዙሕ ስለዘተኣጓጎልዎን ኣብ መወዳእታ ግጉይ መረዳእታ ስለዝሃቦ ክቕፃዕ ተገይሩ እዩ። ካብዚ ፀገም ወፃኢ ብኣብዝሓ ጥንኩር ውፅኢት ተመዝጊቡ እዩ። ግልፅነትን ተሓታትነትን ዝዓሰለሉ ስለዝኾነ ዓመታዊ ስራሕና ዕውት ከም ዝነበረ ተገምጊሙ እዩ። ስለ ዝሰማዕኹምኒ የመስግን።



## መልመዲ 5

*ብመሰረት ዝቐረበ ፅብፃብ ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ርእሰ መምህር ካብ ዘቕረቡዎ ፅብፃብ እንታይ ተዓዚብኩም?
2. ክሳብ ሕዚ ብዘሎ ኣሰራርሓ ቤት ትምህርትኹም ግልፅነት ተሓታትነት ዘረጋገፀ ኣሰራርሓ ኣለዎዶ? ጭቡጥ ኣብነት ኣቕሪብኩም ኣረድኡ።
3. ኣብ ቤት ትምህርትኹም ግልፅነትን ተሓታትነት የድልዮም እትብልዎም ክልተ ጉዳያት ምስ ምኽንያቶም ኣቕርቡ።
4. ኣብ ሓደ ህዝባዊ ግልጋሎት ዝወሃቦ ስራሕ ቦታ ግልፅነትን ተሓታትነትን ዝዓሰሎ ኣሰራርሓ ምህላዉ ኣብ ውፅኢት ኣፈላላይ የምፅእ ኣየምፅእን ብዝብል ርእሲ ብጉጅለ ተኸፋፊልኩም ኣብ ክፍሊ ተኻትዑ። ኣብ መወዳእታ ክትዕ ዝረኸብኹምዎ ቁም ነገር ንመምህርኹም ኣቕርቡ።

ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ስርዓት ዴሞክራሲ እንተተሃኒፁ ህዝቢ ኣተሓሳስብኡ ብነፃነት ክሰጉም ይኽእል፡፡ እዚ ምድምማፅ ስለዘኽእል ሓበራዊ ምርድዳእ ክፈጥር ይገብር፡፡ ኣካላት መንግስቲ መገልገልቲ ህዝቢ ምዃኖም ተረዲኦም ሰናይ ምምሕዳር ክዓስል ይገብሩ፡፡ ከምዚ ዝበለ ኩነታት ድማ ህዝቢ ንልምዓት ክለዓል ስለዝገብር ስሉጥ ልምዓት ይመፅእ፡፡ ግንዛበ ብህዝቢ ክምዕብል እንተተገይሩ ኣብ ዝድለ ደረጃ ዕብየት ንምብፃሕን ስሉጥን ቀፃልን ልምዓት ንክምዝገቡን ዝለዓለ ህዝባዊ ተሳትፎ ንምግባር ይካኣል፡፡

ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን፣ ንምዕሳልን ምርግጋፅን ሰናይ ምምሕዳርን ካብ ዝግለፀሉም መንገዲታት ሓደ ኣሰራርሓ መንግስቲ ግልፅነትን ተሓታትነትን ተግባራዊ ኮይኑ ምርካብ እዩ፡፡ ዝኾነ መንግስታዊ ኣካል ኩነታት ንህዝቢ ዝህቦ ግልጋሎት እቲ ግልጋሎትን ከውህቦ ዘኽእሉ ውፅኢት፣ እዚ ንምትግባር ዝተ ቀመሉ ሜላ ኣሰራርሓ ፣ ወዘተ ግልፂ ብምግባር ክልካዕ ይግባእ፡፡ እዚኦም ብግልፂ ዝተቐመጠ ኣሰራርሓታት ብምኽታል ግቡእ ውፅኢት እንተዘየምፂኡ ዝሕተተሉ፣ ዝውቀሰሉን ዝኸሰሰሉ ስርዓት ክህልው ይግባእ፡፡ እዚኦም ኩሎም ተግባራዊ ዝኾኑ ስርዓት ዴሞክራሲ እንተሃልዩ እዩ፡፡ ስለዚ ስርዓት ዴሞክራሲ ክዓስል ክንገብር ይግባእ፡፡ ብዘይ ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ዴሞክራሲያዊነት ኮነ ኣብኦም ዝፍጠሩ ሓበራዊ ምርድዳእ፣ ሰናይ ምምሕዳር ከምኡውን ስሉጥ ልምዓት ክረጋገፅ ኣይኽእልን፡፡



**መልመዲ 6**

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ግልፅነትን ተሓታትነትን ዝዓሰሎ ምምሕዳር ምህላዉ ከመይ ይፍለጥ ሰናይ ምምሕዳር ዓሲሉ ኣሎ ክበሃል ዘኽእል እንታይ እንትረአ እዩ?
2. ስሉጥ ምጣነ-ሃፍታዊ ልምዓት እንታይ ማለት እዩ?
3. ንምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳርን ስሉጥ ልምዓትን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ ቅድመ ኩነት እዩ እንተተብሃለ ትስማምዑዶ? ንምንታይ?
4. ምርግጋፅ ሰናይ ምምሕዳር ንህንፀት ስርዓት ዴሞክራስን ንስሉጥ ልምዓትን ካብ ህዝቢ እንታይ ትፅቢት ይግበር?

## 10.2. ማሕበራት ሲቪክ

### 10.2.1 ኣብ ማሕበራት ሲቪክ ምስታፍ ንልምዓት ሃገር ዝህልዎ ረብሓ

| ዓ.ም | ብጥረ ገንዘብ | ብጉልበት | ብናውቲ | ድምር |
|---|---|---|---|---|
| 1996 | 9037861.38 | 8254753.58 | 8635715.00 | 25928329.96 |
| 1997 | 39007287.91 | 52868978.92 | 26818768.85 | 118695035.70 |
| 1998 | 16938779.97 | 28753391.95 | 11822624.08 | 57514796.00 |
| 1999 | 10836418.18 | 17408596.31 | 13492739.00 | 41737753.49 |
| 2000 | | | | 59501332.27 |
| ጠ/ድምር | 75820347.44 | 107285720.80 | 60769846.93 | 44354148.43 |

ስደቓ 1. ኣብ ክልል ኣምሓራ ሕብረተሰብ ኣብ ዝተፈላለዩ ማሕበራት ተወዲቡ ንትምህርቲ ዝገበሮ ኣስተዋፅኦ

ካብ ኣምሓራ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ቢሮ ትምህርቲ መፅሄት 15 ዓመት ምንቅስቓስ ትምህርቲ ፌስቲቫል ሚለንየም፣ ግንቦት 2000፣ ገፅ 126 ዝተወሰደ፡፡

- ብመሰረት እዚ መረዳእታ ኣብ ልምዓት ትምህርቲ እቲ ክልል ሕብረተሰብ ዝገበሮ ድጋፍ መንግስቲ ካብ ዝመደቦ ድምር ብር 2675315103.37 ዝኸውን ገንዘብ ብምንፅፃር ፍልልዩ ግለፁ፤
- ሕብረተሰብ ብመረዳእታ ዝቐረበ ድጋፍ ንልምዓት ትምህርቲ ንምትእኽኻብ ዘኽኣሎ ብኸመይ ዝበለ ኣወዳድባ ዝተኣከበ ይመስለኩም?



ስእሊ 10.5 ኣኼባ ደቂ ኣንስትዮ

## ለታይን መሳርሒታን

ለታይ ኣብ ፋብሪካ ዓለባ ኣብ ማሕበር ሰራሕተኛ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ተራ ኣባልነት ክሳብ ደረጃ ኣመራርሓ ነጢፋ ትሳተፍ እያ፡፡ ተዛሪባ ተእምን፣ ብተግባር ትኣምን ቆራፅን ቀንዲ ኣባል ማሕበር ስለዝኾነት ብካልኦት ቸመም ዝብል ስም ወፂኡዋ፡፡ በቲ ለታይ ዝብል ትኽክለኛ ስማ ዝፅውዓ የለን፡፡

ካብ ሰራሕተኛ ፋብሪካ ክልተ ሲሶ ደቂ ኣንስትዮ እየን፡፡ ቅድሚኡ ብተመሳሳሊ ስራሕ ዝተዋፈራ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ደቂ ተባዕትዮ ዝተሓተ ክፍሊት ነይርወን፡፡ ኩነታት ስራሕ ኮነ ጥቕምን መሰልን ሰራሕተኛታት ኩነታት ደቂ ኣንስትዮ ዘየገናዘበ ነይሩ፡፡ ኣብዙይ ብዙሓት ደቂኣንስትዮ ብምኽንያት ፆተአን ጥራሕ ብዙሕ ፀገማት ይበፅሐን ነይሩ፡፡

መብዛሕትኡ ግዜ ፆታዊ ዓመፅ ይበፅሐን ነይሩ፡፡ እቲ ፋብሪካ ዝርከቦ ካብ እቲ ከተማ ርሕቅ ዝበለ ስለዝኾነ ሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ ኣብ መንገዲ ብዙሕ ፀገማት ነይርወን፡፡ እቲ ፋብሪካ እኹል ግልጋሎት ትራንስፖርት ስለዘይነበሮ ደቂኣንስትዮ ሰራሕተኛ ነዊሕ መንገዲ ክኸዳ ይግደዳ ነይረን፡፡ ብምሸት ኮነ ብቖትሪ ፀረውረው ብዝበለ መንገዲ እንትጓዓዛ ብወዲኒታት ክትራንን ፆታዊ ጥቕዓትን ይበፅሕ ነይሩ፡-

እዚ ጭቡጥ ፀገም ደቂኣንስተዮ ሰራሕተኛታት ኣፅኒዓ ኣብ ምንቅስቓስ ማሕበር ሰራሕተኛታት ፍታሕ ንምምፃእ ፃዕሪ ገይራ፡፡ እንተኾነ ግና እቲ ማሕበር

ፀገም ደቂኣንስትዮ ብፍሉይ ተረዲኡ ንፍታሕ ክቃለስ ኣይክኣለን። በቲ ፃዕሪውን ኣይዓገበትን። ስለዝኾነ ማሕበር ሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ ከም ሓደ ጨንፈር ክውደባ ከምዘለወን ኣመነት።

ድሕሪ ብዙሕ ቃልሲ ብኣብዝሓ ደቂኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ጥንኩር ትሕብብር ተሳኺዒላ። ንሳ ብኣዶ ወንበርነት ተመረፀት። ካብኡ ንዳሓር ማሕበር ደቂኣንስትዮ ብሙሉእ ማሕበር ሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ ንኩለን ደቂኣንስተዮ ሰራሕተኛታት ኣለዓዒላ ብፅቡቕ ምንቅስቓስ ኣብ ፋብሪካ ዘለዉ ፀገማት ሰራሕተኛታት ደቂኣንስትዮ ክፍትሑ ተገይሩ እዩ። ሎሚ ኣብ መንጎ ደቂኣንስትዮን ደቂተባዕትዮን ሰራሕተኛታት ፍልልይ ረብሓን መሰልን የለን። ካብ ፋብሪካ ወፃኢ ይበፅሑ ዝነበሩ ፀገማት ካብ ምምሕዳር ፋብሪካ፣ ፖሊስ፣ ኣብ ካልኦት ኣግባብ ዘለዎ መንግስታውን ዘይመንግስታዊ ኣካላት ከምኡውን ምስ ከባቢ ሕብረተሰብ ተዋዲዱ ክፍትሑ ተገይሩ እዩ። ሎሚ ኣብዚ ፋብሪካ ፍፁም ሰላም እዩ።

ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ብዘይ ሓሳብ ኣብ ስራሕ ቦተኦን ካብ ፋብሪካ ወፃኢ ምንቅስቓስ፣ ከም ልበን ምውፃእን ምእታውን ክኢለን እየን። ኣብቲ ምምሕዳር ፋብሪካ ፅቡቕ ተሳትፎ ኣለወን። ምርግጋፅ መሰልን ረብሓን ሰራሐተኛታት ፍርያት ዝምልከት፣ ኣብ ዝኾኑ ውሳኔታት እውን ደቂ ኣንስትዮ እናተሳተፋ ይርከባ። እቲ ፋብሪካውን ዝበለፀ መፍረያይ ኮይኑ ናታ ሀገር ምጣነ-ሃፍቲ እናሓገዘ ይርከብ። እዚዩ ኩሉ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኣብ ጎኒ ኮይኑ ብትረት ምንቅስቓስ ዝተረኸበ ውፅኢት እዩ።



መልመዲ 7

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. ኣብ'ዚ ታሪኽ ቀንዲ ተዋሳእቲ ዝኾኑ ማሕበራት ስቪክ ኣሎውዶ? እንተሃልዩም እንታይ ግደ ነይርዎም እንታይ ውፅኢት'ኮ ኣምፂኦም?
2. ብመሰረት እዚ ታሪኽ በቲ ምንቅስቓስ እቲ ፋብሪካ ህንፀት ዴሞክራሲ፣ ሰላምን ልምዓትን ዝተረኸቡ ውፅኢታት ብዝርዝር ኣቕርቡ።

3. ኣብ ለውጢ እዚ ፋብሪካ ንጡፍ ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ነይሩ'ዶ? እንታይ ረብሓ ወይ ጉድኣት ከምዝነበሮ ኣረድኡ፡፡
4. ንስኻትኹም ናይ'ዚ ፋብሪካ ሰራሕተኛታት እንተትኾኑ ነይርኩም ኣብ'ዚ እዋን ቃልሲ'ዚ እንታይ ትገብሩ ነይርኩም? ንምንታይ?

ሓንቲ ሃገር ብልምዓት ንምስጓም መሰረቱ ምዕሳል ሰላምን ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲን እዩ፡፡ እዚ'ውን ንጡፍ ተሳትፎ ኩሉ ህዝቢ ወሳናይ ከምዝኾነ ተረጋጊፁ እዩ፡፡ ህዝቢ ንሰላም፣ ዴሞክራሲን ንልምዓትን ብብቱን ካብ ዝገብሮ ምንቅስቓስ ብዝተፈላለየ መልክዕ ተወዲቡ ዝፍፅሞ ኣስተዋፅኦ ዝላዓለ ውፅኢት የምፅእ፡፡

ግደ ማሕበራት ስቪክ ዓቢይ ኮይኑ ዝወፅእ ኣብዙይ እዩ፡፡ ብርቱዕ ኣመራርሓን ቀራፅ ህርኩታት ኣባላት ዘለውዎ፣ ግልፂ ራእይ ልምዓት ዘለዎ ጥንኩር ማሕበራት ሲቪክ ዘይፈትሖ ማሕበራዊን ምጣነ-ሃፍታውን ፀገማት ኣይህልዉን፡፡ ስለዚ ከምዚ ዝበለ ማሕበራት ሲቪክ ንህንፀት ዴሞክራሲ፣ ንምዕሳል ሰላምን ንዕብየት ምጣነ-ሃፍትን ዘየጠራጥር ዓቕሚ ይህልዎ፡፡



## መልመዲ 8

*እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

1. ኣብ ሓንቲ ሃገር ሰላም፣ ንምስፋን ዴሞክራሲ ንምርግጋፅ ልምዓትን ዕብየትን ህዝቢ ብምንታይ መልክዕ እንተተንቀሳቀሰ ይሓይሽ?
2. ማሕበራት ሲቪክ ሰላም፣ ዴሞክራሲን ልምዓትን ንምዕላል ዘለዎ ግደ እንታይ ይመስል?

## 10.2.2. ኣብ እዋናዊ ዋኒናት ንመንግስቲ ምብርትታዕን ምቁፅፃርን ኣብ ማሕበራት ሲቪክ ምስታፍ

- ኣብ ማሕበራት ሲቪክ ብምስታፍ ከመይ ንመንግስቲ ከበረታትዑን ምቁፅፃርን ይካኣል?



*ስእሊ 10.6 ሓፈሻዊ ኣኼባ ፎረም ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ*

ኣብ ኣዲስ ኣበባ ከተማ ኣብ 1999 ዓ.ም ዝተፈላለዩ ክፋል ሕብረተሰብ ኣብ ኣወዳድባ ብነበርቲ ቀበሌ ሓበራዊ ፎረም ተጣይሹ እዩ። እቶም ቀንዲ መስረቲ ፎረም ማሕበራት ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን እዮም። ብድሕሪኡ ብከተማ ለኸ(ደረጃ) ናብ ፎረም ነበርቲ ተጠቓሊሉ እዩ።

እቲ ፎረም ብዋናነት ናይ ደቂ ኣንስትዮ፣ መንእሰያት ከምኡውን ታሕቶዎትን ማእኸለዎትን ክፋል ሕብረተሰብ ፀገም ማእኸል ብምግባር ምንቅስቓስ ቀፂሉ እዩ። ሰእነት ስራሕ፣ ፀገም ሰላምን ፀጥታን፣ ምስኣን ሰናይ ምምሕዳር፣ ምግዳድ ናሕሪ ዕዳጋ፣ ፀገም መነባብሮ ዝበሉ ቀንዲ ፀገማት መንቀሳቀሲ ጉዳያት ነይሮም። ብሓፈሻ ኣዲስ ኣበባ ምንቅስቓስ ልምዓት ምዝሕሓል እቲ ካሊእ ዓቢይ ጠመተ ኾይኑ እዩ።

እቲ ፎረም ምስ ምምሕዳር ናይታ ከተማ ላዕለዎት ሓለፍቲ ፊት ንፊት ተራኺቦም ዓርሰ ነቀፌታ ገይሮም ዝተዝሓሓለ ምንቅስቓስ ምምሕዳር ከተማ ከነቃቕሕ ኪኢሉ እዩ። ዝተፈላለዩ ኣብያተ ዕዮ ምምሕዳር እናተጋደደ ዝመፅእ ዘሎ ሙስናን ኣድላዊ ኣሰራርሓን ጋህዲ እናገበረ ተቓሊሱ እዩ።

ፌዴራል መንግስቲ ጭቡጥ ፀገማት ህዝቢ ኣጋዊሑ እዩ። ድኽመታት

መንግስቲ ከርኢ ፈቲኑ እዩ። ብሓባር ዘተኻየዱ ምይይጣት ፅቡቕ መፍትሒታት ስጉምትታት ክወስዱ ተገይሩ እዩ። ፀገማት ክሳብ ዘውገዱ ፎረም ቃልሱ ኣጠናኺሩ ክቕፅል ዘለዎ እንተኾነውን ዛሕቲሉ ዝነበረ ምንቅስቓስ እቲ ከተማ እውን እናተመሓየሸ መፂኡ እዩ።



## መልመዲ 9

*ብመሰረት ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ።*

1. ነበርቲ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ፎረም ማሕበራት ስቪክ ድዩ? ንምንታይ?
2. እዚ ፎረም ኣብ ከተማ ሰላም፣ ልምዓትን ዴሞክራሲን ምጥንኻር ከምኡውን መንግስቲ ንምብርትታዕን ንምቁፅፃርን ዝገብሮ ኣስተዋፅኦ እንታይ ይመስል? እንታይ ውፅኢትከ ኣምፂኡ? ዝበለፀ እንታይ ክፍፅም ይኽእል ነይሩ?
3. ኣብ ውሽጢ እቲ ፎረም ውልቀ ኣባላት እንታይ ዓይነት ተሳትፎ ክገብሩ ይግባእ?
4. ካብ ፎረም ነበርቲ ኣዲስ ኣበባ ካልኦት ከተማታትን ከባቢን ክርከብዎ ዝኽእሉ ፅቡቕ ተሞክሮን ትምህርትን እንተሃልዩ ግለፁ።

ማሕበራት ሲቪክ ካብ መንግስቲ ቁፅፅር ነፃ ዝኾና ንትርፊ ዘይሰርሓ ህዝባዊ ውዳበታት እየን። እዘን ማሕበራት ማሕበራውን፣ ፖለቲካውን ምጣነ-ሃፍታውን ረብሓ ንህዝቢ ኣስተዋፅኦ ንምግባር ዝተጣየሻ እንትኾና ሃናፃይ ምንቅስቓስ ክገብራ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ የድሊ። ብፍላይ ብኩነታት ዴሞክራሲ ህዝቢ መዓልታዊ ፀገማት ምጣነ-ሃፍቲ ማሕበራትን ንምቅላል ዘለወን ተራ ዝለዓለ እዩ። ኣብ ውሽጢ እቲ ማሕበር ነፃ ተሳትፎ ምግባር፣ ኣባላት ኣመራርሓ ምምራፅ፣ እምነት እንተሲኢኖም ካብ ሓላፍነት ምውራድ፣ ዝመሳሰሉ ኣሰራርሓ ዴሞክራሲ ልምምድ ዝካየደሉ እዩ።

ህዝቢ ምስ መንግስቲ ርክብ ብምግባር መንግስቲ ሓላፍነቱን ግቡኡን ብኣግባቡ ክዋፃእ ምግባር ዝህልወን ኣስተዋፅኦ ዘይንዓቕ እዩ። መንግስቲ እዚ ምግባር እንትግብእ ኣይገበርካን እናበላ ክወቅስኦን ክቆፃፀረኦን ስለዝኽእላ ዘለወን ህዝባዊ ግደ ዝለዓለ እዩ።



## መልመዲ 10

**እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ።**

1. ማሕበራት ሲቪክ ካብ ካልኦት ትካላት ብምንታይ ይፍለያ?
2. ማሕበራት ሲቪክ እንታይ ረብሓ ኣለን?
3. ንጡፍ ተሳትፎ ማሕበራት ሲቪክ የድሊ'ዶ? ንምንታይ?
4. ኣብ ቤት ትምህርትኩም እንታይ ዓይነት ማሕበራት ሲቪክ ክህልዋ ይኽእል?

ኣብ ውሽጢ እዘን ማሕበራት ሲቪክ ሕድሕዱ እንታይ ተራ ክህልዎም ይግባእ?

## መጠቓለሊ

ኣብ ውሽጢ ሓደ ሕብረተሰብ ሓበራዊ ምርድዳእ ክህልው፣ ሰናይ ምምሕዳር ክሰፍን፣ መንግስታዊ ኣካላት ግልፅነትን ተሓታትነትን ዘለዎ ኣሰራርሓ ክረጋገፅ ስርዓት ዴሞክራሲ ክህነፅ ከምዘለዎ ሪኢና ኢና። እዚኦም ስሉጥ ዕብየት ክረጋገፅ ዘድልዩ ነገራት ቅድመ ኩነት ከም ዝኾኑ ተገንዚብና ኢና።

ስለዚ ከምዚ ዝበለ ተሳትፎ ህዝቢ ውፅኢታዊ ዝኸውን ብውልቀ ዝካየድ ምንቅስቓስ ዘይኮነስ ህዝቢ ብፍሉይ መንገዲ ተወዲቡ ዝገብሮ ምንቅስቓስ እዩ። ማሕበራት ሲቪክ ንምኽባር ሰላም፣ ንምምዕባል ዴሞክራሲን ስሉጥ ዕብየትን ምርግጋፅ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ ብምግባር ዝሳተፉሉም መድረኻት እየን። እዞም ማሕበራት ሓድሓደ ግዜ ኣብ ወድዓዊ ኩነታት ህዝቢ ንመንግስቲ ንምቁፅፃር ኣብ ወሰንቲ ነገራት መንግስቲ ክበረታታዕ ንምትሕስሳብ ዝሕግዛ መድረኻት እየን። ብምኳኑ ኣብ ውሽጢ ማሕበራት ሲቪክ ሕድ ሕድና ንጡፍ ተሳትፎ ብምግባር ዘላቒ ሰላምና ንምዕሳል፣ ስርዓት ዴሞክራሲና ንምጥንኻር ከምኡውን ዘላቕነቱ ዝተረጋገፀ ስሉጥ ልምዓትና ንምርግጋፀ ምዕዓር እዩ።

# ኣገዳስቲ ቃላት

- **ሓበራዊ ምርድዳእ:-** ፍልልይ ከምዘየሎ ኾይኑ ተደማሚፅካን ተመያይጥካን ኣብ ዘስማዕምዑ ዋኒናት ንዘላቒ ሓበራዊ ሽቶ ሓቢርካ ምስራሕ፡፡
- **ሰናይ ምምሕዳር:-** ኣድልዎ ዘይብሉ፣ ካብ ግዕዝይና ዝፀረየ ቅልጡፍን ግቡእ ግልጋሎትን ዝርከቦ ምምሕዳር፡፡
- **ግልፅነት :-** ሓለፍቲ ስራሕ መንግስቲ ሰራሕተኛታትን ሕጊ ጥራሕ ተኸቲሎም ግቡእ ዝኾነ ኣሰራርሓ ዘረጋግፅሉ ዝፍፅምሉን ዝውስን ኣሰራርሓ፡፡
- **ፆታዊ ጥቕዓት :-** ሰባት ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘብፅሕዎ ፆታዊ ስነልቦናዊ በደል፡፡
- **ፎረም:-** ናይ ሓባር ዕላማ ዘለወን ጉጅለታት ብሓባር ንምንቅስቃስ ዘቑሞኦ ሕብረት፡፡
- **ተሓታትነት:-** ሓለፍቲ ስራሕ መንግስትን ሰራሕተኛታትን ብዝፍፅምዎን ዝውሰንዎን ነገር ከከም ኩነታቱ ዝምስገንሉን ሽለምሉን ከምኡውን ዝሕተትሉን ዝኽሰሱሉን ዝቕፅዕሉን ስርዓት፡፡

# መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *እዞም ዝስዕቡ ሓሳባት ትኽክል ንዝኾነ "ሓቂ" ትኽክል ንዘይኾነ "ጌጋ" እናበልኩም መልሱ።*

1. ምጉዳል ዴሞክራሲ ከንፀባረቑ ካብ ዝኽእሉ ነገራት ሓደ ውልቀ መላኽነት ሓለፍቲ እዩ።
2. ንምንካይ ድኽነት ኣስተዋፅኦ ዝገብር ልምዓት ምስላጥ እዩ።
3. ስሉጥ ዕብየት ምርግጋፅ ወሳኒ ንጡፍ ተሳትፎ ህዝቢ እንተይኮነ ሃፍትታት ተፈጥሮ ምብዛሕ እዩ።
4. ሰናይ ምምሕዳር ክህልው ግልፅነትን ተሓታትነትን ሓዲኡ ጥራሕ ምርግጋፅ እኹል እዩ።
5. ማሕበራት ሲቪክ ንዴሞክራሲን ሰላምን ዘለዎም ረብሓ ውሱን እንተኾነውን ምጣነ-ሃፍታዊ ረብሓ ግና ልዑል እዩ።

II. *ኣብ ትሕቲ "ሀ" ዝተዘርዘሩ ምስ ትሕቲ "ለ" ዝተዘርዘሩ ዝስማማዕ መሪፅኩም ኣዛምዱ*

| "ሀ" | "ለ" |
|---|---|
| 1. ተሓታትነት | ሀ. ብዝመረፅዎ ሰብ ኣቢሎም ምምሕዳር |
| 2. ማሕበራት ሲቪክ | ለ. ንዝፈፀምዎን ንዝወሰኑዎን ተግባር ሓላፍነት ምውሳድ |
| 3. ቀጥተኛ ተሳትፎ | ሐ. ዝፈፀሙዎ ተግባራት ምስጢር ዘይምግባር |
| 4. ብውክልና ተሳትፎ | መ. ንመንግስቲ ምብርትታዕን ምቁፅፃርን |
| 5. ተግባር ማሕበራት ሲቪክ | ረ. ኣብ ጉዳይ ፖለቲካ ብውልቀ ምንቅስቓስ |
| | ሰ. ኣብ ዝፍፀሙ ተግባራት መትረፋይ ምኻን |
| | ሸ. ሓደ ዓይነት ኣወዳድባ ህዝቢ |

III. ንዝስዕቡ ሕቶታት ካብ እቶም ዝቐረቡ መማረፂ መልስታት ትኽክል ዝኾነ ምረፁ።

1. ስናይ ምምሕዳር ተንፀባርቂ ካብ ሞንጎ ከብሉ ዝኽእሉ ሓደ እዩ።

ሀ. ምህላው ግዕዝይና

ለ. ኣድላዊ ኣሰራርሓ

ሐ. ንበዓል ጉዳይ ምትእንጉጋልል

መ. ኩሉም መልሲ እዮም።

2. ማሕበራት ሲቪክ ካብ ዝፍፅምዎም ተግባራት ሓደ

ሀ. መፈፀምቲ ፖሊሲታት መንግስቲ

ለ. ህዝቢ ኣብ ምንቅስቓስ ልምዓት፣ ሰላምን ዴሞክራሲን ምስታፍ

ሐ. ንመንግስታትን ህዝብን ዝቆፃፀር መሳርሒ ኮይኑ የገልግል

መ. ኩሉም መልሲ እዮም።

3. ግደ ሕድሕድ ሕብረተሰብ ብኻሊእ ክትካእ ኣይኽእልን እንትበሃል______ ማለት እዩ።

ሀ. ኣብ ሕብረተሰብ ክፍፍል ስራሕ ክህልው ይግባእ

ለ. ሓደ ክፋል ሕብረተሰብ ዝፍፅሞ እቲ ካሊእ ጣልቃ ክኣቱ የብሉን

ሐ. ሕድ ሕድ ክፍሊ ሕብረተሰብ ካብ ዘለዎም ፍሉይ ባህሪ ዝብገስ ንቲ ካሊእ ወገን ከሟልኦ ዘይኽእል ነገራት ኣለዎ

መ. ኩሉም መልሲ እዮም።

4. ንምጥንኻር ዴሞክራሲ ከዕንቅፉ ዝኽእሉ

ሀ. ሕድሕዳዊ ፍሕፍሕን ምንቛርን

ለ. ሃናፂ ነቐፌታ ዘይምቕባል

ሐ. ንሰንሳትካ ዘይምድምማፅ

መ. ኩሉም መልሲ እዮም።

5. ሲቪክ ማሕበራት መንግስቲ ምብርትታዕን ምቁፅፃርን ክኽእላ

ሀ. ዴሞክራስያዊ ኩነታት ኣብዘለዎ ሃዋህው ክርከባ ኣለወን

ለ. ኣብ ኣሰራርሓ መንግስቲ ክርከባ ይግባእ

ሐ. ካብ መንግስቲ ዝለዓለ ስልጣን ክረኽባን ካብ ቁፅፅር መንግስቲ ናፃ ክኾናን ይግባእ፣

መ. ኩሉ መልሲ እዩ።

IV. *ቀፂሎም ዝቀረቡ ሙሉእ ሓሳባት ዘለዎም ክፍቲ ቦታታት ብግቡእ መልሲ ምልኡ።*

1. ሓደ ህዝቢ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ፖለቲካውን ጉዳያት ንጡፍ ተሳትፎ ዝገብረሉም ክልተ መንገድታት________ተሳትፎን_______ ተሳትፎ ዝበሃሉ እዮም።
2. ብንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ተዓጂቡ ክፍፀም ዘለዎ ልምዓት ስሉጥ ዘይኮነሰ______________ምኽን ኣለዎ።

V. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ሓፂር መልሲ ሃቡ።*

1. ብስእነት ሰናይ ምምሕዳር ክበፅሑ ዝኽእሉ ፀገማት ሰለስተ ጥቀሱ።
2. ንጡፍ ህዝባዊ ተሳትፎ ንሰናይ ምምሕዳር ምህላው ክበርክቶ ዝኽእል ክልተ ነገራት ግለፁ።

# ምዕራፍ ዓሰርተ ሓደ
# ኣለሻ ፍልጠት

## ዕላማታት'ዚ ምዕራፍ፣

ተምሃሮ እዚ ምዕራፍ ምስተምሃርኩም፣

- ፍልጠት ዝምዕብልሎም መንገድታት ትፈልጡ፣
- ፍልጠት ኣብ ግልጋሎት ዝወዕልሎም መንገድታት ትፈልጡ፣
- ኣድላይነትን ረብሓን መረዳእታ ትግንዘቡ፣
- ንድሑር ኣተሓሳስባን ኣመለኻኽታን ምቕላስ ኣድላዪ ምዃኑ ትርድኡ፡፡

## 11.1. ፍልጠት ዝምዕብለሎም መንገድታት



ስእሊ.11.1 ሓርማዝ



ስእሊ.11.3 ጥሩነሽ ዲባባን ቀነኒሳ በቀለን

- ንስኹም ኣብ ክሊ ልዕል ኢሎም ዝቐረቡ ስእልታት ፍልጠትኩም ክተማዕብሉ እንተደሊኹም እንታይ እንታይ መንገድታት ክትጥቐሙ ከምትኽእሉ ግለፁ፡፡
- ፍልጠት ካበይ ብዝርከቡ መረዳእታታት ክምዕብል ዝኽእል ይመስለኩም?

### ዕዮ ጉጅለ

መምህር ኡጅሉ ተመሃሮኦም ኣብ ክሊ ኣርባዕተ ርእሰ ጉዳይ ፍልጠት ከማዕብሉ ዝኽእሉ ነጥብታት ከቕርቡ ሓተትዎም፡፡ እቶም ተምሃሮ ድማ ርእሰ ጉዳይ ብጉጅለ ተመቓቒሎም ከማዕብሉ ዝኽእሉ ነጥብታት ኣለሻ ክገብሩ ተዋፈሩ፡፡ ስርሖምውን ኣብ

ውሽጢ ሓደ ወርሒ ወዲኦም ኣቕርቡ፡፡ ብመምህሮም ዝተውሃቡ ርእሰ ጉዳያት እዞም ዝስዕቡ ነይሮም፡፡

- ዓወት ዓድዋ ከመይ ክርከብ ኪኢሉ?/ንጉጅለ ከድጃ/
- ኣቀማምጣን ነባሪ ኣየርን ብሔራዊ ክልል ትግራይ/ንጉጅለ በርሀ ዝበፅሖ ርእሲ/
- ማሕበራዊ ናብራ ንህቢ እንታይ ይመስል/ንጉጅለ ኣኸዛ ዝበፀሓ ርእሲ/
- ብኸለት ማይ ብትኽክል ንጥዕና ሰበብዶ ይኾውን?/ንጉጅለ ዓፈራ ዝበፅሐ ርእሲ/

ኣብ ዝቕፅል ክፍለ ግዘ ተምሃሮ እዞም ነጥብታት ዘማዕበሉ እኹላት ሓሳባት በብጉጅለኦም ሒዞም ቀረቡ፡፡ መማዕበሊ ነጥብታት ካብ ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ምርኻቦም ካብ ዝስዕቡ ኩነታት ይረኣ፡፡




*ስእሊ 11.4 ፍልጠት ካብ ዝምዕብሉሎም ኩነታት ገሊኦም*

1. ካብቶም ስእሊታት ተስተውዕሉዎ ከም ዘለኹም፣ ሕድ ሕድ ጉጅለ ኣብክሊ ዝተውሃብዎ ርእሰ ጉዳያት ዘለዎ ፍልጠት ከማዕብልሉ ዝኽእሉ ነጥብታት ካብ ምንታይ ካብ ምንታይ ፍልፍላት ረኺቡ ማለት እዩ?
2. ብሓፈሻ እንትንሪኦ ካብ ዘለዉ ፍልፍላት ፍልጠት ዝበለፀ ዘተኣማምን ቋሚ ፍልጠት ዝርከብ ካብ ኣየንኡ እዩ? ንምንታይ ይመስለኩም?

ኩሉሻብ ፍልጠት ምእላሽ ባህሪ ወድሰብ እዩ፡፡ ዓርሱ ዘማሕየሽሉን ንሃገሩ ከልምዕ ዝካእል ዝሻኣሎ ፍልጠት እንተማዕብል ምኳኑ ይግንዘብ፡፡ ነዚ ውን'ዩ ሕድ ሕድ ሰብ ዕድሚኡ ልዕል እንትብል ናብ ቤት ትምህርቲ ክኣትው ዝመዓድ፡፡ ሰብ ፍልጠት ብዝረኸበ ቁፅሪ ብኣተሓሳስቡ እናበሰለ ዓቕሚ ምፍታሕ ፀገም እናማዕበለ እዩ ዝኸድ፡፡

ወዲሰብ ፍልጠቱ ዝምዕብል ዝተፈላለዩ ፍልፍላት ፍልጠት ከም መሳርሒ እንትጥቀም እዩ፡፡ መማዕበሊ መንገዲ ፍልጠት ብኣርባዕተ ክኽፈሉ ይኽእሉ፡፡ ንሳቶምውን ስሩዕ ትምህርቲ፣ ዘይስሩዕ ትምህርቲ፣ መራኸቢ ሓፋሽን፣ ንባብን እዮም፡፡ ሰባት ዝተጠናኸረን ቀፃልነት ዘለዎን ፍልጠት ንምርካብ ቀዳምነት ዝመርዕውን ኣብያተ ትምህርቲ እየን፡፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ብዝተፈላለዩ ዘፈራት ሙያ ብዝግባእ ዝሰልጠኑ መምህራን ይርከቡ፡፡ ናውቲ መምሃሪ መስተምሃሪ ብፍሉይ ኩነታት ተዳልዮም ይቐርቡ፡፡ ኣቀራርባ ትምህርቲ ጭቡጥ ኩነታት ዘገናዘበ፣ ብሳይንሳዊ መንገዲ ዝተቐረፀ ስርዓት ትምህርቲ ስለዝኾነ ዘተኣማምን እዩ፡፡

ካብ ቤት ትምህርቲ ብተወሳኺ ካብ ባዕልናን ካብ ተሞክሮ ካልኦት ሰባትን ብዙሕ ፍልጠት ክምንረክብ ይእመን እዚ'ውን ነገራት ብዕምቆት ብምርኣይ ምስ ሰባት ዝርርብ ወይ ክትዕ ብምግባር ኣብ ዝተፈላለዩ ኣኼባታት ብምስታፍ ክኸውን ይኽእል፡፡ ንኣብነት ኣብ እንነብረሉ ንኡሽተይ ከተማ ዘለዉ ህፃናት ብሕማም ውፅኣት እንትሳቐዩ ንርኢ ንኾን፡፡ “እንታይ እዩ መልዓሊኡ?” ኢልና ዓርስና ንሓትት፡፡ እዚ ተደጋጊሙ ዝረአ ሕማም ካብ ውሓዚ ሩባ ማይ ንመስተ ይጥቀሙ ይኾኑ፡፡ እዚ ድማ መልዓሊኡ ብኽለት ማይ ምኳኑ ንርዳእ፣ ግንዛበ ረኺብና ኣለና ማለት እዩ፡፡ ብምቕፃል ህዝቢ ክዘራረበሉ ንገብር፡፡ ኣብ መወዳእታ ንነበርቲ “ፅርየቱ ዝሓለወ ማይ ኣቕሪብና ህፃናት ካብ ማይ ወለድ ሕማማት ክነድሕኖም ይግባእ!” ዝብል ቅዋም ይሕዝ፡፡ ካብታ መዓልቲ ጀሚሩ ፅሩይ ማይ

ንምቕራብ ኣድላዪ ፃዕሪ እንትገብር ነስተውዕል፡፡ ካብዚ ተሞክሮ እንተነኣሰ ክልተ ነገራት ተማሂርና ኢና፡፡ ብሓደ መልክዕ ዝተበከለ ማይ ጠንቂ ጥዕና ምኻኑ ብካሊእ ወገን ድማ ህዝቢ እንተ ተሓባቢሩ ንሓደ ዓብዪ ሓላፍነት ብሓባር ክለዓል ከምዝኽእል ንግንዘብ፡፡ እዚ ብዘይስሩዕ መንገዲ ምምዕባል ፍልጠት የመላኽት፡፡

ከም ሬድዮ፣ ቴሌቪዥን፣ ጋዜጣን መፅሔትን ዝመሳሰሉ ፍልፍላት ፍልጠት ዝከታተሉ ሰባት ብዛዕባ ከባቢኦም፣ ሃገሮምን ብሓፈሻ ብዛዕባ ዓለም ዝሰፍሐ ግንዛበ ይህልዎም፡፡ ንሕናውን ኣድላይ እንትኾን፣ ክንርደኦም እንደልዮም ጉዳያት ወይ ሕቶታት ብስልክን ብደብዳቤን ነዞም ኣካላት እናቕረብና ዝተፈላለዩ ሰብ ሙያ ኣማኺሮም ወይ ኣድላዪ ዝኾኑ ሰነዳት/ፅሑፋት/ ኣንቢቦም መልስታት የቕርቡልና እዮም፡፡ ንኣብነት ብዛዕባ ማሕበራዊ መነባብሮ ንህቢ ሕቶታት እንተሃለዩምና ንሬድዮ ኢትዮጵያ እንተፅሒፍና ጋዜጠኛታት ናይ'ቲ ዘፈር በዓል ሙያ ብምዝርራብ ወይ ኣብ'ቲ ጉዳይ ዝተፅሓፉ መረዳእታት ብምርኣይ እኹል ምላሽ ከቕርቡልና ይኽእሉ፡፡

ዝማዕበለ ፍልጠት ንምርካብ ዝለዓለ ደረጃ ካብ ዘለዎም ሓደ ንባብ እዩ፡፡ ንኣብነት ብዛዕባ ዓወት ዓድዋ ዕምቆት ዘለዎ ፍልጠት እንተደለና ብዛዕብኡ ዝተፀሓፉ ብርክት ዝበሉ መፅሓፍቲ ስለዘለዉ ክነንብብ ንኽእል፡፡ በዚ ዓይነት ኣብ ክሊ ኹሉ ዘፈር ፍልጠት ብስፍሓት እንተኣንቢብና ዕምቖት ዘለዎ ፍልጠት ንምጭባጥ ዝህልዎ ግደ ዝለዓለ እዩ፡፡



## መልመዲ 1

*ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ተመያየጡ፡፡*

ዝስዕቡ ርእሰ ጉዳያት ፍልጠት ንምዕባይ ካብ ኣርባዕቲኦም ሜላታት መኒኦም ብዝበለፀ ከም ዝሕግዙ ተመያየጥኩም ወስኑ፡፡ ንሕድሕድ ውሳነታት ዝርዝር ምኽንያታት ኣቕርቡ፡፡

1. ናይ ዝሓለፈን ናይ'ዚ ዓመትን ናህሪ ዕደጋ እንትነፃፀር ሓፈሻዊ እንታይ ዘመሳስሎምን ዘፈላልዮም ኣለዎም፡፡
2. ዝርርብ ሰባት ብሬድዮ ተመሓላሊፉ ናብ መድመፅቲ ዝመፀሉ ሳይንሳዊ ከይዲ ከመይ ክዳሎ ይኽእል?

3. ኣብ ከባቢና ዘሎ ሩባ ስሙ ከመይ ክርከብ ኺኢሉ?
4. ሕማም ዕቡድ ኸልቢ መልዓሊኡ እንታይ ክኾን ይኽእል? መከላኸሊኡ'ኸ እንታይ እዩ?
5. ወርሒ ክትበርህ እናረኣና፣ ከመይ ናይ ባዕላ ብርሃን የብላን ክንብል ንኽእል?

## 11.2 ፍልጠት ኣብ ግልጋሎት ዘውዕለሉ መንገድታት

- ንስኹም ኣብ መፃኢ ዝለዓለ ፍልጠት እንተህልወኩም ፍልጠትኩም ኣብ ምንታይ ዓይነት ግልጋሎት ክተወዕልዎ ትሓስቡ?
- ካባኻትኩም ሓንቲ ተምሃሪት "ፍልጠተይ ንስራሕ ምርምር ከውዕሎ እየ።" እንተይላ እቲ ካሊእ ተምሃራይ ድማ ብኣንፃሩ ፍልጠተይ ንባዕለይ ንከማሓይሸሉ እየ እንተይሉ ካብ ክልቲኦም ተምሃሮ መንዩ ትክክል ትብሉ? ንምንታይ?

መምህርኩም ፍልጠት እዞም ዝስዕቡ መንገድታት ግልጋሎት ከምዘለዎ እንተዘርዚረሙልኩምን ክትመያየጥሉ እንተዓዲሞምኹምን ነን ሕድ ሕዱ ግልጋሎት ከመይ ተረድኡ?

ፍልጠት ኣብ ግልጋሎት ዝወዕለሎም ዓበይቲ መንገድታት

| | |
|---|---|
| ሀ. ንምርምር | ሐ. ዓርስኻ ንክተማሓይሽ |
| ለ. ንምህዞ | መ. ንዕብየት ሃገር |

### ሀ. ፍልጠት ንግልጋሎት ምርምር፣

ፍልጠትና እናወሰኸ ብዝኸዶ ቁፅሪ ናይ ምርምር ድሌትና ይውስኽ፡፡ ዋላኳ ካለኦት ምሁራን ሓደ ነገር ተመራሚሮና በፂሕናሉ እንተበለዉን ኣብ ክንዲ ምሉእ ብምሉእ ምእማን ዓርስና ፈቲሽና ንምርግጋፅ ዘለና ድልየት ይዓቢ፡፡ ስለዝኾነ ፍልጠት ኣብ ነገራት ተወሳኺ ፅንዓትን ምርምርን ንምግባር በሪ ይኸፍት ማለት እዩ፡፡

ንኣብነት ንስኹም ኣብቀፃሊ ብትምህርትኹም እናነፋዕኹም እንትትኸዱ ከከም ዝንባለኹም ምርምር ክተካይዱ ትኽእሉ፡፡ ካልኦትኩም ድማ ክሳብ ሐዚ

ዘሎ ታሪኽ ኢትዮጵያ ወይ ኣፍሪካ ክትምርምሩ ትደልዩ ትኾኑ፡፡ ካልኦትኩም'ውን ፍርያት ግብርና ሃገርና ከመሓይሹ ዝኽእሉ ሜላታት ብዝምልከት መፅናዓትን ምርምርን ክተካይዱ ትኽእሉ፡፡ ካብዚ ዝተለዓለ ፍልጠት ንምርምር ስራሕ ዝሕግዝ እንትኾን ምርምር'ውን ተወሳኺ ፍልጠት ንኽትረኽብ ይሕግዝ፡፡

## ለ. ፍልጠት ንልጋሎት ምህዞ፣

እንታይ ዝንባለ ምህዞ ከም ዘለኩም ሕሰቡ፡፡ መብዛሕትኩም ብስእሊ፣ ምህንድስና፣ ሙዚቃ፣ ስነ ፅሑፍ፣ ቅርፃ ቅርፂ፣ ጥልፊ፣ ሞያ ቆርበትን ስራሕቲ ሽክላን ወይ ካልኦት ዓይነት ስራሕቲ ዝንባለ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ክህልወኹም ይኽእሉ፡፡ ካለኦት ሰባት ዓለምና ዝፈልሰፍዎም ከም መኪና፣ ነፋሪት፣ መፍረዪ ማሽን ወይ ኮምፒተር ዝበሉ ውፅኢት ቴክኖሎጂ ምሂዝኩም ክትግረሙ ትደልዩ ትኾኑ፡፡

ሕዚውን እንተኾነ ገለኹም ሓድ ሓደ ነገራት እናፈተንኩም ክትኾኑ ትኽእሉ፡፡ እዚኦምን ነዚኦምን ዝመሰሉን ጥበባት ክእለት ምህዞ ዘውፅኦም እዮም፡፡ በዚ መዳይ ብደረጃ ዓለም ኮነ ሃገርና ፍሉጣት ዝበሃሉ ሰባት ኣለዉ፡፡ ኣብ ሃገርና ከም ሜትር ኣርቲስት ኣፈወርቂ ተክሌ ዝበሉ ስኣልቲ፣ ከም ሎሬት ፀጋዬ ገብረመድህን ዝበሉ ደረስቲ ክጥቀሱ ይኽእሉ፡፡ ስለዚ ብዘፈር ኪነጥበብ ጥራሕ እንተይኾነ ብተፈጥሮ ሳይንስ ከም ዶክተር ኣክሊሉ ለማ፣ ከምኡውን «ነዳዲ ዕንፀይቲ ቆጣቢ›› ቴክኖሎጂካዊ ምህዞ ሕጋዊ መረጋገፂ ዝረኸቡ ብዙሓት ሰባት ኣለዉና፡፡

ዘለና ፍልጠት ካሊእ ተወሳኺ ነገር ክንፈጥር ዝኽእለና ክኾን ይግባእ፡፡ እዙይ ፍልጠት ብዓርሱ ሽቶ እንተይኮነ ሓዱሽ ነገር መፍጠሪ ምኻኑ የገንዝብና፡፡ ንኣብነት ስልኪ ሞባይል ምሂዝና ኢልና በዚ ዓጊብና ኣይንቕመጥን ካሊእ ካብኡ ዝሓሸ መራኸቢ መንገዲ ንምርካብ ንፅዕር፡፡

## ሐ. ፍልጠት ዓርስኻ ንምምሕያሽ ዘለዎ ብፅሒት፣

እንመሃሮ ዓርስና ንምልዋጥ ምኻኑ ኣይካሓድን፡፡ ትምህርትና ብዝግባእ ተማሂርና ኣፅኒዕና ውፅኢታውነትና ክሳብ መወዳእታ ክቕፅል እንተገይርና ወይ ናይ ባዕልና ትካል እንተ ኣጣይሽና ዝሓሸ እቶት እንረክብ ሰባት ክንከውን ኢና፡፡ ብድሕሪኡ ንህይወትና መሰረታዊ ዝኾኑ ነገራት ብቐሊሉ ክነማልእ ንኽእል፡፡ ዝተፀገሙ

ወገናትናን ንዘምሃረና ማሕበረሰብን ብግቡእ መንገዲ ንምሕጋዝ ዓቕሚ ይህልወና ማለት እዩ፡፡ ስለዚ ፍልጠት ምርካብ ዓርስኻ ንምምሕያሽ መሰረታዊ ጉዳይ እዩ፡፡

## መ. ፍልጠት ንምዕባለ ሃገር ዝፃወቶ ግደ፣

ኢትዮጵያን ህዝባን ካብ ዝነበርሉ ድኽነት ክወፁ ዝኽእሉ ዝኾነ ይኹን መነባብሮና ኣብ ፍልጠት እንትምስረት እዩ፡፡ ሕድ ሕድና ሃገር ንምዕባይን ካብ ድኽነት ንምውፃእን ሓላፍነት ከምዘለና ክይተገንዘብኩም ኣይትተርፉን፡፡ እዙይ እንት ተገንዚብኩም ሕድርኹም ክትዋፅኡ ዕላማ እንተሃሊኩም ድማ መሳርሒኹም ፍልጠት ምኳኑ ምዝንጋዕ የብልኩምን፡፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ እንረኽቦ ፍልጠት ፀገም ሃገር ዘወግድን ዕብየት ሃገር ዘሳልጥን ክኸውን ኣለዎ፡፡

በብዘፈሩ ዘተኣማምን ፍልጠት ዘለዎም ዜጋታት ፀገም ሃገር ዝፍትሕሎም ሜላታት ዘመላኽቱ ምርምር ይካየዱ እዮም፡፡ እዞም ጉዳያት ድማ ካብ ሰፊሕን ዓሚቑን ፍልጠት ዝርከቡ እንትኾኑ፣ ሓፈሻዊ ሽቶኦም ሃገር ኣብ ምልማዕ ጠመተ ዝገበረ ይኸውን፡፡ ብሓፈሻ ዝኾነ ዜጋ ካብ መብራህቲ ገንኢ ምኳን ወፂኡ፣ ንሃገሩ ዘኹርዕ ተግባር ክፍፅም ዝኽእል፤ ዘለዎ ፍልጠት ንምዕባለ ሃገር እንትውዕል እዩ፡፡



**መልመዲ 2**

**ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡**

1. ሓደ ሰብ ብዝረኸቦ ፍልጠት ዓርሱ ንምምሕያሽ እንትኽኢሉ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ንሃገሩ ክሕግዝ እዩ እንትተብሃሊ ሓቒ ድዩ ወይስ ጌጋ? ንምንታይ?
2. ፍልጠት ንዕብየት ምህዞ ስራሕ እንታይ ግደ ክህልዎ ይኽእል? ሰባት ኣብ ጉዳያት ዕሙቕ ዝበለ ምርምር ክገብሩ ናይ ግድን
3. ፍልጠት የድሊዮምዶ? ከመይ?

## 11.3 ሳዕቤን ብመረዳእታ ዘይተደገፉ ዋኒናት

"ሓሳውያ ዘውረዮስ ፈረሰኛ ኣይመልሶን፡"

"ክበሃል ሰሚዓ ትወስድ ሰሊዓ፡፡"

ካብዚ ንላዕሊ ዘለዉ ኣባሃህላ ኣብ መረዳእታ ዘይተደገፉ ነገራት ብዝምልከት እንታይ ክጥቁሙ ይኽእሉ ትብሉ?

### ለቆታ ጥሕኒ

ቀደም ኣብ ሓደ ስድራ ቤት ሓደ ለቑታ ጥሕኒ ዝበሃል ሓሽከር ኮይኑ ዝነብር ነይሩ፡፡ እዚ ሰብ ንሰብኣይን ሰበይትን ከባእስ ሓሰበ፡፡ ካብኡ ሓደ መዓልቲ ለይቲ ሰብኣይን ሰበይትን ብሰላም ሓቢሮም ኣብ ዝደቀስሉ ማይ ኣልህብ ኣቢሉ ቀስ ኢሉ ኣብ ማእኸል ክልቲኦም ሊሒኹ ክኣቱ ገበረ፡፡ እቲ ልሁብ ማይ ምስ ኣፍሰሰሎም ክልቲኦም በብተራ ካብ ድቃሶም ተበራበሩ፡፡ ኮይኑ ግና ኣብቲ ጉዳይ ኣይተዘራረቡን፡፡ እቲ ሰብኣይ ሰበይቱ ዝሸነት መሲልዎ ክሓትት ስለ ዝሓፈረ ስቕ በለ፡፡ ሰበይቱ ‹‹ከመይ በዓልገዛይ ሎሚ  ዘይባህረቱ ኣምዒኡ ክሸይን ኺኢሉ? ብጥዕንኡ ኣይኾንን?›› ብምባል ምሕታት ስለዘሕፈራ ራሕሲ ተፃዊራ ደቀሰት፡፡

ብፅባሒቱ እቲ በዓልቤታ ብዙሓት ሓረስቶት ለሚኑ ብወፈራ ማእናሕረስ ነበረ፡፡ ሰበይቱውን ነቶም ሓረስቶት ምግቢ ክተዳልው ምስ ጎረባብቲ ሃተምተም እናበለት ነበረት፡፡ ለቆታ ጥሕኒ  ዝበሃል ብመጀመሪያ ናብታ ሰበይቲ ከደሞ ሎሚ በዓል ገዝኣን ነቶም ዝሓርሱ ዘለዉ ሓረስቶት ኣዝዩ ሕማቕ ወረ እናውረዩሎም ነይሮም፡፡ እቲ ወረውን «ሰበይተይ ሎሚ ለይቲ ሸይናትለይ ዝብል እዩ፡፡» ኢሉ ነገራ ሰበይቲ በዓል ገዛኣ ከምዙይ ዝበለ ነውራም ዘረባ ብምዝራቡን ስማ ብምፅላውን ኣዝያ ጓሃየት፣ ንክትፃላእ'ውን ሃፀፀት፡፡

ለቆታ ጥሕኒ ከምኣመሉ ናብ በዓል ገዝኣ ብምኻድ በዓልቲ ገዝኦም ኣብ ገዛ ምስ ኣንስቲ ስሞም እናፀለመኦም ነይረን በለ፡፡ «እንታይ ኢላ›› ኢሎም ሓተትዎ፡፡ በዓል ገዛይ «ሎሚ ለይቲ ኣብ መደቀሲና ሸይኑ እቲ ዓራት ብሽንቲ ኣዕለቕሊቕዎ (ኣጠልቂዩዎ) ሓዲሩ›› እናበለት ኢሉ መለሰሉ፡፡ ሰብኣይ ‹‹ባዕላ ዝሸነቶስ ሰመይ ተፀልመኒ ኣላ›› ኢሉ ጓሃየ፡፡ ብድሕሪኡ ቀጥታ ጠበንጅኡ

ኢሊጺሉ ናብ ገዝኡ ገስገሰ፡፡ ሰበይቲ ምስረኣየቶ ብሕማቕ ዘረባ ተቀበለቶ፣ ንሱውን ኬርና ተናዲዱ ስለዝነበረ ኩነታቱ እንተየፃረየ ንሰበይቱ ብጥይት ቀተላ ይበሃል፡፡



## መልመዲ 3

*ኣብ ላዕሊ ዝቐረበ ምንባብ መሰረት ጌርኩም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡*

1. እዞም ክልተ ሰባት ቅድሚ ምሕራቐም እንታይ ክገብሩ ነይርዎም?
2. እቲ ነበረያ ነበረ እንታይ የምህር?
3. ንስኹም ሎሚ ዓመት ናይ ሻምናይ ክፍሊ ብሔራዊ ፈተና ከምዘይወሃብ መንግስቲ ወሲኑ እዩ›› ዝብል ወረ ድንገት እንተትሰምዑ እቲ ወረ ንምቕባል ወይ ንዘይምቅባል እንታይ ትገብሩ?

በብ ውዕሎና ከምኣጋጣሚ ዝተፈላለዩ ሓበሬታት ናባና ክመፁ ይኽእሉ ይኾኑ፡፡ ካብ ዝበፅሑና ሓበሬታታት ግና ኣየንኡ ሓቂ ኣየንኡ ድማ ጌጋ ምዃኑ ንምፅራይ ዘፅግም ክኸውን ይኽእል፡፡ ብርግፅ ገሊኦም ሓቂ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡ ገለገሊኦም ድማ ሓሶት እንትኾኑውን ክሳብ ክንድቲ ጉድኣት ዘይከስዕቡልና ይኽእሉ፡፡ ውሑዳት ግና ኣብ ውልቀ ሰባት ኣብ ከባቢ ወይ ኣብ ሃገር ዝለዓለ ፀገም ክፈጥሩ ዝኽእሉ ዓይነት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም፡፡

ሓድሓደ ነጋዶ ዘይጠፍአ ሸቀጥ ልክዕ ከም ዝጠፈአ፣ ሕፅረት ከጋጥም ከምዝኽእል ብምውራይ ኣብ ኣቕሑ ፍትሓዊ ዘይኮነ ዋጋ ይውስኹ፡፡ ካልኣቶም ድማ መደናገሪ ወረ እናውረዩ መንፈስ ህዝቢ ይህውኹ፡፡ ስለዝኾነ በዚ ኣጋጣሚ ዝውረዩ ወረታት ኩሎም ሓቂ እዮም ኢልካ ቅድሚ ምድምዳምካ

1. ካብ ነፃን ናይቲ ጉዳይ ሰብ ዋና ዝኾኑን እሙናት ፍልፍላት ምውፅኦም ምርግጋፅ፣
2. ካብ ሓደ ወገን ጥራሕ እንተይኾነ ካብ ሓቀኛ ፍልፍላት ምውፅኦም ምፍላጥ፣

3. እቶም መረዳእታታት ተኣመንቲ መሲሎም እንተዘይተራኢዮምና ከምዘለዉዎ ተቐቢልና ካብ ምብታን ናይቲ ነገር ርግፀኛነት ንኽነፃሪ ካብ ኪኢላታትን ተኣመንትን ሕጋዊ ኣካላትን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ምፅዓር፣
4. ካብ ወረያወረ መረዳእታ ብሰነድ ወይ ብፅሑፍ ዝቐረበ ፍልፍል ከም መማረፂ ምውሳድ ኣድላይ ይኸውን፡፡

እዚ እንተዘይኮይኑ ግና ገለ ውልቀ ሰባት ወይ ንሰላምን ስነልቦናዊ ዘይምርግጋእን ሰበብ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣካላት ናይ ባዕሎም ኮነ ሰላማዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ከባቢኦም ክህውኹ ይኽእሉ፡፡ ሓሊፉ ሓሊፉ ኣብ መንጎ ህዝብታትን ጉጅለታትን ግጭትን ሁውከትን ክላዕሉ ዝደልዩ ኣይጠፍኡን፡፡ እዚ ኩሉ ዘይተጨበጠ ነገር ተቀቢልና ሓቂ እዩ ኢልና ኣውሪና ሓሰት ኮይኑ እንተተረኺቡ ግና ኣብ ትዕዝብቲ ክንወድቅ ክገብሩና ይኽእሉ እዮም፡፡ ስለዚ ርግፀኛታት ክንኾን ንፅዓር፡፡



## መልመዲ 4

### ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት መልሱ፡፡

1. ሓደ መረዳእታ ዘተኣማምን እዩ ዝበሃል እንታይ ኮይኑ እንትረክብ እዩ?
2. ዘይተረጋገፁ መረዳእታታት ንምቕባል ምህዋኽ እንታይ ዓይነት ሕማቅ መልክዕ ይህልዎ?
3. ሓቅነቱ ዘየጠራጥር መረዳእታ እንተጋጥም እንታይ ምግባር የድሊ?
4. ዘይተረጋገፁ ጉዳያት ኣብ ሓደ ከባቢ እንታይ እንታይ ሳዕቤን ከብፅሑ ይኽእሉ?
5. ህዝቢ ብዘይተረጋገፁ መረዳእታ ከይታለል ንስኹም እንታይ ተራ ክትፃወቱ ይግበኣኩም?

## 11.4 ድሑር ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን

- ድሑር ኣተሓሳስባ ካብ ምንታይ ክብገስ ይኽእል?
- ኣብ ከባቢኹም እንታይ ዓይነት ድሑራት ኣረኣእያታት ኣለዉ? ከመይ ብምዕቡል ኣተሓሳስባ (ብፅቡቕ) ክትከኡ ይኽእሉ ?
- ነዞም ድሑራት ኣረኣእያታት ንምውጋድ ናትኩም ብፅሒት እንታይ ክኾን ኣለዎ?

ድሑራት ኣተሓሳስባታት ካብ ባህላዊ ኣረኣእያታት ከከምኩነታቱ እናተወረሱ ንትውልዲ ዝተሰጋገሩ እዮም፡፡ እዚ ማለት ሐዚ ካብ ዘሎ ወለዶ ቅድም ኢሎም ዝነበሩ ብግዚኡ ዝኣምንሉን ዝምርሑሉን ዝነበሩ ሓድ ሓደ ኣመለካክታን ማሕበራዊ መትከላትን ኣብ'ዚ ሐዚ ከም ኣድላይነቱ ከይተመሓየሹ ወይ ከይተኣለዩ ከምኦም ዝበሉ ዝቅፅልሉ ኩነታት ኣሎ፡፡ እዚ ኣረኣእያ ቀደም ተቀባልነት ዝነበሮ ክኾን ይኽእል፡፡ ኣብ ክሊ ሕዚ ዘሎ ደረጃ ዕብየት ግና ተቀባልነቱ ነኪዩ ወይ ተሪፉ ክኸውን ይኽእል፡፡

ንኣብነት ዝተፈላለዩ ሰብ ሙያ ኢደ ጥበብ ኣታሒትካ ምርኣይ ሙያ ምንእኣስ ኣብ ጥንቲ ይዝውተር ነይሩ፤ ኣብ'ዚ ዘበን ግና በዓል ሙያ ኾነ እቲ ሙያ ተኸቢሮም እዮም፡፡ ሓድ ሓደ ሰባት ደቂ ዓበይቲ ኢና ኢሎም ዓርሶም ኣዕብዮም ዝርእይሉ ነይሩ፤ ሎሚ'ውን ሓለ-ሓሊፉ ዘረኣእያ'ዚ ዘለዎም ኣይጠፍኡን፡፡ ሎሚ ንቕሓተ ህሊና ሰባት እናወሰኸን ኣተሓሳስብኡ'ውን እናተለወጠን እንትመፅእ እዚ ኣረኣእያ ፍፁም ድሑርን ምልክት ተራ ኩርዓት ኮይኑ ይርከብ፡፡

ብእምነት ቀዳሞት ማሕበረሰብ ጓል ኣነስተይቲ ወለዳ መሪፆም ዘምፅኡላን ዘይትፈልጦን ሰብ ክትምርዖዎ ይግበር ነይሩ፡፡ ሐዚ ግና ህይወት ሓዳራ ብናይ ባዕላ ምርጫ ክኸውን ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ እናሓየለ ምምፅኡ ጥራሕ እንተይኮነ ሕገ መንግስታዊ መሰልውን እዩ፡፡ ስለዚ ናይ ሓደ ዘመን ማሕበራዊ ፍልስፍና ነቲ ካሊእ ይሰርሕ'ዩ ማለት ጌጋ እዩ፡፡ እቲ ዘበን እንትሓልፍ ሓቢሩ የብቅዕ፡፡

ካብዚ ብምብጋስ ድሑር ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ምውጋድ የድሊ ማለት እዩ፡፡ ድሑር ኣረኣእያ ንምውጋድ ቀንዲ መትከል ድማ ኣብ ብምኽንያትን ብፍልጠትን ዝተሓገዘ ኣረኣእያ ዝተደረኸ ልምዲ ምግባር እዩ፡፡ ኣብ ምኽንያት

ተደሪኹ ዝሓሰብ ሰብ ኣብ ነገራት ዓሚቕ ኣመለኻኽታ ስለ ዝህልዎ ብተራ ግምት ኣብ ውሳነ ኣይበፅሕን ወይ'ውን ብፅሙት እምነት ናብ ዝነብሩ ሰባት ኣይሰሓብን፡፡ ንኣብነት ኣብ ፅሙት እመነት ተደሪኾም ዝነበሩ ሰባት ሙያ አንጠረኛ ዘናሸውሉ ሳይንሳዊ ምክንያት የብሎምን፡፡ ብምኽንያት ዝኣምን ሰብ ግና ናይዚ ሙያ ክቡርነት ብምኽንያት ደጊፉ ከርድእን እኹል መረዳእታ ከቕርብን ይኽእል፡፡ ሕድ ሕድ ሰብ ብመጋየፅታት ተመላኺዑ ከምዝኽይድን እዞም መጋየፅታት ብዝተፈላለዩ ቅርፃ ቅርፂ ዝሰርሖም ድማ እቲ ኣንጠረኛ ብዓል ሙያ ምዃኑ ግልፂ ገይሩ ምርዳእ ኣይኣብዮን፡፡

ካብዚ ሓሊፉ ኣብዚ ሙያ ዝተዋፈሩ ሰባት ዝሓሸ እቶት ዝረኽቡ ብምዃኖም ዓርሶም ኣማሒሾም ዝነብሩን ንወገኖም'ውን ብዝለዓለ ብርኪ ዝድግፉ ምዃኖም መረዳእታታት ብምቕራብ ከርእዩ ኣይኣብዮምን፡፡ በዚ ኩነታት ሕድ ሕድ ሓሳብ ወይ ፍልስፍና ህይወት ኣብጭቡጥ ተደሪኹ ተመስሪቱ ምቕባል ወይ ዘይምቕባል እምበር፣ ኣቦይ ወይ ኣደይ ይኣምንሉ ነይሮም ኢልካ ምቕባል ዓርስኻ ንምምሕያሽ ኮነ ንዕብየት ሃገር ኣይጠቅምን፡፡ ብሓፈሻ ሃገርና ክትምዕብል እንተኾይና ህዝቢ'ውን ዝሓሸ ፍልጠት ክህልዎ ድሑር ኣተሓሳስባን ኣመላኻኽታን ምውጋድ ግቡእ ይኸውን፡፡



## መልመዲ 5

ኣብዞም ዝስዕቡ ሕቶታት በብጉጅለ እናኾንኩም ተመያየጡ፡፡

1. ድሑር ኣረኣእያ ከመይ ክመፅእ ይኽእል?
2. ድሑር ኣረኣእያ ኣብ ልምዓት ሓደ ህዝቢ እንታይ ፅዕንቶ ኣለዎ?
3. ብምኽንያታውነት ዝማዕበለ ኣረኣእያ ምስንም ካብ ድሑር ኣተሓሳስባ ንምርሓቅ ከመይ ይሕግዝ?

# መጠቓለሊ

ፍልጠት ብኣርባዕተ ቀንዲ መንገድታት ክምዕብል ይኽእል፡፡ ንሶምውን ስሩዕ ትምህርቲ፣ ዘይስሩዕ ትምህርቲ፣ መራኸቢ ሓፋሽን ንባብን እዮም፡፡ ሓደ ሰብ ብኣርባዕቲኦም መንገድታት ወይ ካብ ኣርባዕቲኦም ብውሱናት መንገድታት ፍልጠቱ ከዕቢ ይኽእል፡፡ እዚ ይኹን እምበር ዜጋታት ብዝኾነ ይኹን ኩነታት ዓርስኻ ንምልዋጥን ወገንን ሃገርን ብዝለዓለ ብርኪ ንምጥቃም ኣብያተ ትምህርቲ ዝለዓለ ብፅሒት ኣለወን፡፡

ወድሰብ ብፍልጠቱ እናዕበየ እንትኸድ ብኡኡ ልክዕ ናይ ምምርማር ዝንባለኡ ይውስኽ፡፡ ብምምርማር ፀገማት ከባቢን ሃገርን ክፈትሑ ይኽእሉ፡፡ ፍልጠት፣ ክእለት፣ ምህዞ ንክዓቢ ይሕግዝ፡፡ ዝተፈላለዩ ሰብ ውፅኢት ምህዞታት ጥበብ ብፍልጠት ዝተሓገዙ እዮም፡፡ በዓልዋና ብቑዕ ክእለት ስነሑፍ ወይ ምህንድስና ንምኺን ዝዓሞቐ ሞያዊ ፍልጠት ምህላዉ ኣድላዪ እዩ፡፡ ዓርስኻ ናይ ምልዋጥ ረብሕኡ ብቐሊሉ ዝረአ ኣይኮነን፡፡

ክሳብ ልዕል ዝበለ ደረጃ ዝተምሃረ፣ ብፍልጠት ዝማዕበለ ሰብ ተቆፂሩ ንባዕሉ ስራሕ ፈጢሩ ብዝረኸቦ እቶት ዝሓሸ ተጠቃሚ ምኻኑ ኣይካሓድን፡፡ ካብዙይ ሓሊፉ ዜጋታት ብትምህርቶም እንትደፍኡን፣ ኣብቲ ሃገር ዝተምሃረ ሰብ እንትብርክትን ፍልጠቶም ንዕብየት ሃገር ዘገልግሉ ይኾኑ፡፡ ዝተምሃረ ሰብ እንተዘይሃልዩ ብዛዕባ ዕብየት ሃገር ምሕሳብ ብጣዕሚ ይኸብድ፡፡ ነዚውን'ዩ ብዛዕባ ዕብየት ሃገር ዝሓስብ መንግስቲ ኣቐዲሙ ኣብ ምግፋሕ ትምህርቲ ክሰርሕ ኣለዎ ዝበሃል፡፡

# ኣገደስቲ ቃላት

**እሙን መረዳእታ፡-** ካብ ዝፈልጡ ኣካላት ወይ ወልቀሰባት ዝርከብ ርግፀኛ መረዳእታ፣ ጥሉል መረዳእታ

**ወረያ ወረ (ቤላ ቤሎ)፡-** ብፅሑፍ ወይ ብካልኦት መሳርሕታት ተቐሪፁ ዘይተትሓዘ፣ ዘጠራጥር፣ ኣብቲ ማሕበረሰብ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ብቓል ዝተሓላለፍ ቃላዊ መረዳእታ

**ብወረ ዝርዕድ፡-** ብኢለን በላ ወይ ዘይተረጋገፀ መረዳእታ መንፈሱ ተረቢሹ ካብ ዕላምኡ ዘንሳሕብ፡፡

**ሳይንስ፡-** ሓቅነቶም ብጭቡጥ ኣብ ዝተፈተኑ መረዳእታታት ንፍልጠትን ዝተደረኹ ኣታሓሳስባታት ኣነባብራን ወድሰብ ዘመናዊ ብልሓት

**ምርምር፡-** ነገራት፣ መረዳእታ ንፍልጠትን ደጋጊምካ ምፍታሽን እንታይነቱን ምርዳእ፣ ምርግጋፅ፡፡

**ዓርስኻ ምምሕያሽ፡-** ኣብ ውሽጢ መንባብሮ መሰረታዊ ድሌታት ብእኹል ደረጃ ኣማሊእኻ ንክትርከብ ምኽኣል

**ምህዞ፡-** ንምዕባለ ሃገር ዕቡቕ ተራ ዝፃወቱ ቴክኖለጂካዊ ጥበባት ምፍጣር

**ሃተምተም፡-** ደፋእፋእ፣ ገልተምተም፣ ሃርኮትኮት

# መጠቓለሊ ሕቶታት

I. *ቀፂሎም ንዝቐረቡ ሙሉእ ሓሳባት ትኽክል እንተኾይኑ ‹‹ሓቂ›› ትኽክል እንተዘይ ኮይኑ ድማ ‹‹ጌጋ›› እናበልኩም መልሱ፡፡*

1. ካብ መንነ ድሑር ኣረኣእያታት ሓደ ብምህዞ ስራሕ ምፅማድ እዩ፡፡
2. ሳይንሳዊ ኣረኣእያ እንትምዕብል ድሑር ኣረኣእያ እናመንመነ ይኸይድ፡፡
3. ህይወትካ ንምምሕያሽ ቀንዲ ተደላዪ ነገር ኣብ ፍልጠት ሃፍቲ እዩ፡፡
4. ‹‹ካብ ፍልጠት መማዕበሊ መንገድታት ቀንዲ ስሩዕ ትምህርቲ እዩ›› ዝበሃለሉ ምኽንያት፣ ቤት ትምህርቲ ስሩዕ ብዝኾነ ስርዓት ትምህርቲ ዝምራሕ ማእኸል ፍልጠት ስለዝኾነ እዩ፡፡
5. ኩሎም ጣብያታት ሬድዮ ዘተኣማምን ፍልፍል መረዳእታ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

II. *ኣብ ትሕቲ ‹‹ለ›› ዘለዉ ምስ ኣብ ትሕቲ ‹‹ሀ›› ዘለዉ ኣዛምዱ*

| ‹‹ሀ›› | ‹‹ለ›› |
|---|---|
| 1. ቀንዲ ፍልፍል ፍልጠት | ሀ. ዘይሰምዐት እዝኒ ምስ ጎረቤት ተባእስ |
| 2. መራኸቢ ሓፋሽ ዝብል ኣተሓሳስባ | ለ. ካብ ተኣመንትን ሕጋውን ፍልፍላት ይርከብ |
| 3. ዘተኣማምን መረዳእታ | ሐ. ከምሬድዮን ጋዜጣን ዝበሉ የጠቃልል |
| 4. ሰላም ህዝቢ ክህውኽ ይኽእሉ | መ. ዘይጠርጠረ ተፀረገ |
| 5. ናይ ዝተዛብዐ መረዳእታ ጉድኣት ይሕብር | ረ. ኣብ ሓቀኛ ሓበሬታ ዘይተመስረቱ |
| | ሰ. ቤት ትምህርቲ |

III. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ኣንቢብኩም ትኽክል ዝኾነ መልሲ ምረፁ፡፡*

1. ድሑር ኣረኣእያ ክቕይሩ ዝኽእሉ መዓዝ እዩ?

   ሀ. ሳይንሳዊ ኣተሓሳስባታት እንትጋፋሑ

   ለ. ንወረያወረ ዝያዳ ጠመት እንትግበር

   ሐ. ባህላዊ ትምህርቲ እንትጋፋሕ

   መ. ኩሎም

2. ብዛዕባ ግልጋሎት ፍልጠት ትኽክል ዝኾነ ኣየንኡ እዩ?

   ሀ. ንተግባር ምርምር ክውዕል ይኽእል

   ለ. ባህልና ክንፀልእ ዝገብር መንፈስ ይፈጥረልና

   ሐ. ልምድታትን ወልፍታትን ብሙሉኡ ከውግደልና ዘኽእል ክኾን ኣለዎ፡፡

   መ. ኩሎም

3. ካብዞም ዝስዕቡ ዝሓሸ ፍልፍል ፍልጠት ክኾን ዝኽእል ኣየንኡ እዩ?

   ሀ. ቴሌቪዥን

   ለ. ወረያወረ

   ሐ. ኣብ ኣኼባ ምይይጥ

   መ. ቤት ትምህርቲ

4. ፍልጠት ዓርስኻ ንከተማሓይሽ ከመይ ክሕግዝ ይኽእል፡፡

   ሀ. ናብ ወፃኢ ሃገር ኬድና ክንሰርሕ ዕድል ብምኽፋት

   ለ. ተበላፂ ነጋዳይ ክንኾንን ዘይተሓሰበ ትርፊ ክንረክብ ምኽኣልን

   ሐ. ንሓደ ዘፈር ሞያ ጥራሕ ፍቕሪ ዘለዎ ዜጋ እንትንኾን

   መ. ሀ ን ሐ ን መልሲ እዮም፡፡

5. ካብዞም ዝስዕቡ ድሑር ኣረኣእያ ዘይንፀበረቐሉ ኣየናይ እዩ?

ሀ. ደቂ ኣንስትዮ ምምሃር ንኹሉ ይጠቕም

ለ. ሰበይቲ'ያ ዝኾነየቶስ ዝብኢ እንትንቂ ይፈርስ

ሐ. ቆልዓን ውዓግን ናብ ማዮም፡፡

መ. ለ ን ሐ ን መልሲ እዮም፡፡

IV. *ነዞም ዝስዕቡ ሕቶታት ግቡእ መልሲ ሃቡ፡፡*

1. ዓበይቲ ፍልፍላት ሳይንሳዊ ፍልጠት እንታይ እዮም?
2. ንባብ ከም ሓደ መማዕበሊ ፍልጠት ዝቑፀረሉ ምኽንያት እንታይ እዩ?
3. ድሑር ኣተሓሳስባ ጎዳኢ ክኸውን ዝኽእል ብምንታይ ብምንታይ ምኽንያታት እዩ?
4. ኩሎም ኣተሓሳስባ ኣቦታትናን ኣዴታትናን ድሑራት ተባሂሎም ክረኣዩ ይኽእሉ'ዶ?ንምንታይ?
5. ኣብ ከይዲ ምውጋድ ድሑር ኣረኣእያ ኣብ መናእሰይ ተምሃሮ እንታይ ዓይነት ግደ ክፃወቱ ይኽእሉ?

V. *ነዞም ዝስዕቡ ባዶ ቦታታት ብግቡእ ቃል ወይ ሓረግ መልኡ፡፡*

1. ኣብ ኢትዮጵያ ተናዒቆም ካብ መንጎ ይነብሩ ዝነበሩ ዝተንዓቑ ሰብ ሙያ__________________ሓዲኡ እዩ፡፡
2. ፍልጠት ኣብ ግልጋሎት ካብ መንጎ ዝውዕለሎም መንገዲ ________ ________ን________________ን ተጠቀስቲ እዮም፡፡
3. ________________ኣብ መንጎ ሰባትን ጉጅለታትን ዘይምርድዳእ ክፈጥሩ ይኽእሉ፡፡